# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

## 5ይ ክፍሊ

ISBN 978-99944-2-122-0

ሚኒስቴር ትምህርቲ

ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ


ዋጋ የኢትዮ 48.95

ትምህርቲ ሕብረተሰብ መፅሓፍ ተምሃራይ 5ይ ክፍሊ

MOE



ትምህርቲ ሕብረተሰብ



መፅሓፍ ተምሃራይ

5ይ ክፍሊ

ሚኒስቴር ትምህርቲ

ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

## ነዚ መፅሓፍ ኣዝዩ ዝነኣድ ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡቕን ዝኾነ ክንክንን ሓለዋን (ኣተሓሕዛ) ይግበሩሉ




እዚ መፅሓፍ ንብረትን ሃፍትን ቤት ትምህርትኹም እዩ።

ንኸይበላሸው፣ ንኸይጉዳእን ንኸይጠፍእን ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡቕን ዝኾነ ኣተሓሕዛ ግበሩ።

ግቡእን ብጣዕሚ ፅቡቕን ዝኾነ ኣተሓሕዛ (ክንክንን ሓለዋን) መፅሓፍ ንክህልው ዝሕግዙ ዝስዕቡ ኣገደስቲ ዝበሃሉ 10 (ዓሰርተ) ሓሳባት (ትእዛዛት) ኣለዉ።

1. መፅሓፍ ብላስቲክ፣ ጋዜጣ ወይድማ ልሙፅ ዓብዪ ወረቐት ወዘተ ምሽፋን (ምጥራዝ)።
2. ኩልሻዕ ኣብ ፅሩይን ደረቕን (ንቑፅን) ቦታ መፅሓፍ ምቕማጥ።
3. መፅሓፍ ንኽትጥቀም እንትትሕዝ ኢድካ ፅሩይን ንፁህን ምኧኑ ምርግጋፅ።
4. ኣብ ሽፋን ይኹን ኣብ ውሽጢ መፅሓፍ ዝኾነ ዓይነት ፅሑፍን ምልክትን ዘይምግባር።
5. መፅሓፍ እንትትጥቀም ኣብውሽጡ ቁራፅ ወረቐት ወይድማ ካርዲ ንምልክት ምጥቃም።
6. ካብ ውሽጢ መፅሓፍ ዝኾነ ዓይነት ስእሊ ወይድማ ገፅ ዘይምቕዳድ፣ ዘይምውሳድ።
7. ዝተበላሸወ ወይድማ ዝሃሰሰ ፅሑፍ እንትገጥም ምድማቕን ምሕዳስን የድልይ።
8. መፅሓፍ ናብ ቦርሳ እንትተእትዉ ግቡእ ጠመተ ምሃብን ብውነ ምስትውዓልን የድልይ። ህድእ ኢልኩም ከይቕደድን ከይዕፀፍን ጥንቃቓ ክትገብሩ ይግባእ።
9. መፅሓፍ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካሊእ እንትሓልፍን ኣብ ምቅብባልን ግቡእ ጥንቃቐ ምግባር።
10. ሓዱሽ መፅሓፍ ንፈለማ እንትትጥቀሙ ብስርዓትን ብዝባንን ምሉእ ብምሉእ ገፁ ምቕማጥ። ብሓደ ግዘ ውሑድ ገፃት ጥራሕ ምርኣይ ይግባእ። ኣዐሪኻ ዘይምሕሳይ። ካብ ገፅ ናብ ገፅ ምስግጋር እንትህልው ጠርዚ ሕድሕድ ገፅ ከይጉዳእ ብጥንቃቐ ቀስ ኣቢልካ ምግልባጥ (ክሳብ ዝለምድ)። እዚ ንሽፋንን ጠርዝን መፅሓፍ ብፅቡቕ ኩነታት ንምሓዝ ዝሕግዝ እንትኸውን እቲ መፅሓፍ'ውን ነዊሕ ዕድመ ንኸገልግል ይሕግዝ።

# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

5ይ ክፍሊ


መዳለውቲ፡

ሞላ ተድላ ብሩ (M.Sc)

ፀሃየ ፍቓዱ ኣስረስ (B.A)

ገምገምቲ፡

ሮማን ግደይ

ኣለም ኣፅብሃ

ጠዓመ ገብሩ



ሚኒስቴር ትምህርቲ

ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

እዚ መፅሓፍ ንፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ተባሂሉ ብምትሕብባር ፈንድ መንግስታት ፊንላንድ፣ ጣልያን፣ ኔዘርላንድን እንግሊዝን ከምኡ'ውን ልቓሕ ባንኪ ዓለም ቑፅሪ (IDA Credit No) 4535 - ET ብዝተረኸበ ዝተዋደደ ሓገዝ ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ።

© ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም (2011 ዓ.ም.ፈ) ተሓቲሙ። መሰል ሕትመት ብሕጊ ዝተሓለወ'ዩ። ካብ ሚኒስቴር ትምህርቲ ኣቐዲሙ ብፅሑፍ ዝተውሃበ ፍቓድ እንተዘይሃልዩ ወይድማ ብመሰረት ነጋሪት ጋዜጣ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዋጅ ቑፅሪ 410/2004 መሰረት ዝተውሃበ ሕጋዊ ኣፍልጦ (Copyright and Neighbouring Rights Protection) እንተዘይሃልዩ ካብዚ መፅሓፍ ዝተወሰነ ክፋል ይኹን ወይድማ ብምሉእ ክባዛሕ፣ ክውሰድ፣ ብዝኾነ ዓይነት ክመሓላለፍ፣ ወይድማ ብኤሌክትሮኒክ መልክዕ ክቕዳሕ፣ ናብ ካሊእ ግልጋሎት ክውዕል ወዘተ ኣይክኣልን።

ኣብ ምድላውን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ከምኡ'ውን ነዚ ስዒቡ ተዳልዩን ተሓቲሙን ዘሎ መምርሒ ንመምህር ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣበርክቶ ንዝገበርኩም ውልቀሰባት፣ ጉጅለን ዝተፈላለዩ ትካላትን ብምልእኹም ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዝለዓለ ምስጋና የቕርብ።

ኣእምሮኣዊ ሃፍትን ንብረትን ብሰናይ ፍቓድ ሰብ ዋና ዝተውሃበ'ዩ። ዝኾነ ይኹን በዓልዋና ኣእምሯዊ ሃፍትን ንብረትን'ዚ መፅሓፍ'የ ዝብል ሰብ ብግቡእ እንተዘይተሓቢሩን እንተዘይተጠቒሱን ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ፍሉይ መፀውዒ ኣራት ኪሎ ኣብ ዝበሃል ቦታ ንዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ሚኒስቴር ትምህርቲ (ቑ.ሳ.መ 1367) ክገልፅ ከምዝግባእ ብኽብሪ ንገልፅ።

ኣብዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣዝዮም ብዙሓት ካርታታትን ስእልታትን ከምኡ'ውን ሰደቓታትን ኣለዉ። እዚኦም ካብ ኢንካርታ፣ በዓልመዚ ስራሕቲ ካርታ ኢትዮጵያ፣ ኤጀንሲ ማእከላዊ ስታቲስቲክስ ኢትዮጵያ፣ ኤጀንሲ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ፣ ኢንቴርኔትን ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ከምኡ'ውን ብውልቀ ካብ ኣይተ ሞላ ተድላ ብሩ (ዋና መዳለዊ'ዚ መፅሓፍ) ዝተወሰዱ ብምዃኖም ነዚኦም ብምልኦም ግቡእ ኣፍልጦ እናሃብና ስለተጠቐምናሎም ድማ ኣዚና ካብ ልቢ ነመስግን፡፡

© ፊለማ ወርሒ ሓምለ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ

**ምድላው፣ ምስንዳእን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ**

ስታር ሓ.ዝ. መከፋፈልቲ መፃሕፍቲ ትምህርቲ

24/4800፣ ጎደና ብሃራት ራም፣ ዳርያጋንጅ

ኒው ደልሂ - 110002፣ ህንዲ

**ከምኡ'ውን**

ኣስቴር ነጋ ትካል መሐተሚ መፃሕፍቲ

ቑ.ሳ.መ 21073

ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ


ምስ ፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ዝተኣሰረ ውዕሊቑፅሪ

ET—MoE/GEQIP/IDA/ICB/G01/09

ISBN 978-99944-2-122-0

# ትሕዝቶ


## ምዕራፍ ሓደ መርከቦ፤ ህዝብታትን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን....................1



1.1 መርከቦን ሃገራትን ቐርኒ ኣፍሪካ ..................2

1.2 ታሪኽ ህዝብን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ...... 8

1.3 ጥንታዊ መንግስትታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን.........20

1.4 ሕብረትን ዘበናውነትን ............................................. 46

1.5 ቑልፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን ባህልን ...... 57

መጠቓለሊ .................................................................64

ማህደረ ቃላት.............................................................66

መጠቓለሊ ሕቶታት......................................................68

## ምዕራፍ ክልተ ምድርን ከባቢኣን ..................................71



2.1 መርከቦና ...........................................................72

2.2. ቅርፂ፣ ምንቅስቃስን ሳዕቤናት ምንቅስቓሳትን ...............74

2.3 ሳዕቤናት ወቕትታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን............83

መጠቓለሊ ............................................................... 85

ማህደረ ቃላት...........................................................86

መጠቓለሊ ሕቶታት......................................................87

## ምዕራፍ ሰለስተ ከባቢና ..........................................89

3.1 ቀንዲ ዓይነታትን ረብሓን እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን.90



3.1.1 ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ .....................90

3.1.2 እፀዋት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ................93

3.1.3 ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን.......96

3.1.4 ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ

እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ................98

3.1.5 ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን.........99

መጠቓለሊ .....................................................100

ማህደረ ቃላት...................................................100

መጠቓለሊ ሕቶታት.........................................101

## ምዕራፍ ኣርባዕተ ውራይ ህዝቢ ..............................103



4.1 ጉዳያት ህዝቢ ...................................................104


4.2 ሳዕቤን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ..................115

4.3 ሰናይ ምምሕዳር፣ መሰል ህፃናትን ድሕንነትን........119

መጠቓለሊ.................................................... 130

ማህደረ ቃላት....................................................131

መጠቓለሊ ሕቶታት.........................................132



# ምዕራፍ ሓደ

# መርከቦ፣ ህዝብታትን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን

## ውፅኢታት`ዚ ምዕራፍ

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም፤

- ኣንፃራዊ መርከቦ ቐርኒ ኣፍሪካ ትገልፁ፡፡
- ስም ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ትፀርሑ፡፡
- ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ትፀርሑ፣ ተመልክቱ፡፡
- ቐንዲ ታሪኻውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያ ትፈልጡ፡፡
- ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ዓወታቶምን ትገልፁ፡
- ቐንዲ ዓወታት ዘበናውነት ትፈልጡ፡፡
- ቐንዲ ምኽንያታት ኣፈላላይ ኣሰፋፍራ፣ ባህልን መነባብሮን ኣብ መንጎ በረኸትን መታሕትን ከባብታት ኢትዮጵያ ተለልዩ፡፡

## ብቕዓታት እዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ እዮም

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ተመልኩ፣ ተውኑኑ፤

- መርከቦ ቀርኒ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን ብመንፅር ጎረባብቲ ሃገራትን ዓበይቲ ማያዊ ኣካላትን ትገልፁ።
- ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ትዝርዝሩ።
- ኣመፃፅኣ ቀንዲ ሃይማኖታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ትገልፁ።
- ሰዓብቲ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ብሓባር ምንባሮም ትግንዘቡ።
- ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ትርድኡ።
- ቀንዲ ታሪኻውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስታት ትፈልዩ።
- ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ትገልፁ።

- ረብሓ ሓድነትን ሕብረትን ኣብ ዓወት ኲናት ዓድዋ ተብርሁ።
- ፅዕንቶ ዘበናውነት ኣብ ኢትዮጵያ ትገልፁ።
- ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ምኽንያታት ኣስፋፍራ ምስ መነባብሮ ተዛምዱ።
- ምኽንያታት ኣፈላላይ ኣስፋፍራራ ህዝቢ ተለልዩ።
- ኩነታት መነባብሮን ባህልን ኣብ በረኽቲ በታታትን መታሕትን ኢትዮጵያ ተነፃፅሩ።

## መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ቀዳማይ ምዕራፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ መርክቦ፣ ህዝብታትን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ዝምልከት እንትኾውን ዝተፈላለዩ ንኡሳን ርእስታት ዝሓዘ'ዩ። ስለዚ ፈለማ ብዛዕባ መርክቦን ሃገራትን ቀርኒ ኣፍሪካን ዝብል ርእሲ ክትመሃሩ ኢኹም፡፡ ኣብዚ ንኡስ ርእሲ ብዛዕባ ኣንፃራዊ መርክቦ ቀርኒ ኣፍሪካን ብፍላይ ድማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ብካርታ እናተደገፍኩም ክትመሃሩ ኢኹም። ድሕሪ'ዚ ርእሲ ድማ ታሪኽ ህዝብን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ናብዝብል ትቕፅሉ።

ኣብዚ ርእሲ ብዛዕባ መበቆል ወዲሰብን ብኣዕቲ ኣሰረሂወት ደቂሰብ ዝተረኽበሎም ቦታታትን ዝምልከት ከምኡ'ውን ኣመፃፅኣን ምግፋሕን ክርስትናን እስልምናን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝብልን ክትመሃሩ ኢኹም። እዚ ርእሲ ብመልመዲ ዝተሰነየ እዩ። ብምቕፃል ጥንታዊ መንግስትታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ዝብል ርእሲ ክትመሃሩ እንትትኮኑ ኣብ ትሕቲ'ዚ ርእሲ ድማ ብዛዕባ ታሪክ ግዝኣታት ጥንታዊ መንግስትታት ኢትዮጵያ ከምኡ'ውን ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ዝብሉ ይርከብዎም። ኣብዚ ንኡስ ርእሲ ጥንታውን ማእከላይ ዘበንን ታሪክ ሃገርና ንኽትፈልጡ ዝሕግዝኹም መረዳእታታት ብካርታን ስእልን ተደጊፎም ኣለዉ።

ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ሕብረትን ዘበናውነትን ዝምልከት ርእሲ እንትህልው ኣብዚ ድማ ብፍላይ ብዛዕባ ኲናት ዓድዋ ብዝተመሃየሸ መረዳእታ ዝሓዘን ብዛዕባ ምትእትታው ዘበናውነት ኣብ ሃገርና ዝምልከትን ጠቓሚ ትምህርቲ ክትረኽቡ ተሓሲቡ ዝተዳለወ'ዩ።

ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ቐልፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን ባህልን ዝምልከት ኣገዳሲ ርእሲ ኣሎ፡፡ እዚ ምዕራፍ'ዚ ብዝተፈላለዩ ካርታታትን ስእልታትን ዝተሰነየ እንትኾውን ብፍላይ ኣብ ታሪኽ ሃገርና ዝጥምቱ ብዙሓት ክሳብ ሎሚ ኣብዘተፈላለዩ መፃሕፍቲ ዘይተርኣዩ ሓደሽቲ እሞ ብጣዕሚ ንምርድኡ ዝሕግዙ ካርታታትን ተብሃግቲ ስእልታትን ኣለዉ.ዎ'ዮም፡፡ ኣዝዮም ብዙሓት መልመድታትን ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ምህላዎም ድማ ንተምሃሮ ዘተባብዑ ከምዝኾኑ ንርዳእ።

## 1.1 መርክቦን ሃገራትን ቐርኒ ኣፍሪካ

### ኣንፃራዊ መርክቦ ቐርኒ ኣፍሪካ

ተምሃሮ እስቲ ካርታ ኣፍሪካ ብምርኣይ በቶም ዓበይቲ ኣንፈታት ኣንፃራዊ መርክቦ ቐርኒ ኣፍሪካ ንምግላፅ ተመያየጡ፡፡ ንቕድም እስቲ ስም ናይቶም ኣርባዕተ ዓበይትን ኣርባዕተ ንኡሳንን ኣንፈታት ዘርዝሩ? ተምሃሮ ኣብ ዝሓለፉ ኽፍልታት ትምህርትኹም ብዛዕባ ኣንፃራዊ መርክቦ ክልል ትግራይን ሃገርና ኢትዮጵያን ተማሂርኩም ከምዝነበርኩም ትዝክሩ ዶ?

**ኣንፃራዊ መርክቦ ማለት ሓደ ቦታ ብመንፅር ካልኦት ቦታታት ኣበይ ከም ዝርከብ ዝግለፀሉ ኣገባብ'ዩ፡፡**

## ዕዮ ጉጅለ



**ተምሃሮ እስቲ ብጉጅለ ኮይንኩም ካርታ ኣፍሪካ ተጠቒምኩም ቀርኒ ኣፍሪካ ኣበየናይ ክፋል ኣፍሪካ ከም ዝርከብ ኣነፅሩ? ከምኡ`ውን ብኣንፈታት ሰሜን ምብራቕን ደቡብን ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ ማያዊ ኣካላት ኣለልዩ? በዚይ መሰረት ኣንፃራዊ መርክቦ ቐርኒ ኣፍሪካ ብኸምዚ ዝስዕብ ምግላፅ ይከኣል'ዩ።**

## ሃገራት ቐርኒ ኣፍሪካ

ተምሃሮ ነዞም ስእልታት ሰንደቕ ዕላማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ሕድሕዲኦም ናይ ኣየናይ ሃገር ከምዝኾነ ተመያይጥኩም ኣነፅሩ?




ስእሊ 1.1 ሰንደቕ ዕላማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ

ተምሃሮ ነዚ ስዒቡ ቐሪቡ ዘሎ ካርታ ኣብ ደፍተርኩም ስኣልዎ፡፡ ዓብዪ ካርታ ኣፍሪካ ብምርኣይ ናይተን ሃገራት ስም ብመሰረት እቲ ዝተውሃበን ቑፅሪ ኣለሊኹም ፀሓፉ።

**ቀርኒ ኣፍሪካ፤**

- ኣብ ምብራቓዊ ጫፍ ክፍለ ዓለም ኣፍሪካ ዝርከብ ሓውሲ ደሴት እዩ።
- ካብ ቐይሕ ባሕርን ወሽመጥ ባሕሪ ኤደንን ንኣንፈት ደቡብ ይርከብ።
- ካብ ውቅያኖስ ህንዲ ንኣንፈት ሰሜን ምዕራብ ይርከብ።
- ብወገን ምዕራብ ምስ ሱዳን ብኣንፈት ደቡብ ድማ ምስ ኬንያ ይዳወብ።




ካርታ 1.1 ፖለቲካዊ ካርታ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ምስ መጻውብተን

ተምሃሮ ካብዘን ዝዘርዘርኩምወን ሃገራት እተን ቐንዲ ሃገራት ቐርኒ ኣፍሪካ ዝበሃላ እተን ብቑፅርታት 1፣ 2፣ 3ን 4ን ዝተዘርዘራ እየን፡፡ እስቲ ሕዚ ድማ ናብቲ ካርታ ተመሊስኩም ስም ሃገርና ኢትዮጵያን ርእሰ ከተማና ኣዲስ ኣበባን ኣብ ትክክለኛ ቦትኦም ኣመልክትዎም? ብምቕፃል ድማ በዞም ዝስዕቡ ኣንፈታት መሰረት ጎረባብቲ ሃገርና ኢትዮጵያ እንመን ከምዝኾና ካርታ ተጠቒምኩም ብምዝርዛር ሰሪሕኹም ኣርእዩ?


- ካብ ኢትዮጵያ ንኣንፈት ሰሜን እትርከብ ሃገር መን እያ? __________
- ካብ ኢትዮጵያ ንኣንፈት ደቡብ እትርከብ ሃገር ደቡብ ኸ? __________
- ብኣንፈት ምዕራብ እትርከብ ጎረቤትና ሃገር መን ትባሃል? ______________
- ብወገን ምብራቕን ደቡብ ምብራቕን ሃገርና እትርከብ ሃገር ኸ? __________
- ብወገን ምብራቕ እትርከብ ሃገር መን እያ? __________

ተምሃሮ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገለፀ ቐርኒ ኣፍሪካ ሓውሲ ደሴት'ያ፡፡ ሓውሲ ደሴት ማለት ብሓደ ወገን ብመሬት በቲ ዝተረፈ ድማ ብባሕሪ ወይድማ ብውቅያኖስ ዝተኸበበ መሬት ማለት'ዩ። ተምሃሮ እስቲ ነቶም ቀርኒ ኣፍሪካ ሓውሲ ደሴት ንክትኮን ዝገበሩን ዘዳውቡን ማያዊ ኣካላት ዘርዝርዎም?



## ንጥፈት

ነዚ ዝስዕብ ካርታ 1.2 ኣብ ደፍተርኩም ብምስኣል ንቕድም ስም ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ኣብ ትኽክለኛ በትኦም ፀሓፉ። ቀፂልኩም ድማ መዳውብቲ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝኾኑ ማያዊ ኣካላት ቐይሕ ባሕሪ፣ ውቅያኖስ ህንድን ወሽመጥ ባሕሪ ኤደንን ኣበይ ከም ዝርከቡ ብምልላይ ብትኽክል ኣቐምጡ።



ካርታ 1.2 መዳውብቲ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝኾኑ ማያዊ ኣካላት


## ርእሰ ከተማታት ሃገራት ቐርኒ ኣፍሪካ

ተምሃሮ ስዒቡ ቐሪቡ ዘሎ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍሪካ ዝበረሉ መስመርን ዘዓርፈሉ ከተማን ዘርኢ መስመር ካርታ እዩ። ነዚ ካርታ 1.3 ተጠቒምኩም ነተን ርእሰ ከተማታት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ኣነፅሩ። ብምቕፃል ሕድሕድ ከተማ ካብ ኣዲስ ኣበባ በየናይ ኣንፈት ከም እትርከብ ኣብ ደፍተርኩም ኣቐምጡ።

**መዘኻኸሪ፧** ተምሃሮ ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት ኣንፃራዊ መርክቦ በቶም ኣርባዕተ ዓበይቲ (መሰረታዊ) ኣንፈታት ዝበሃሉ ከምዝግለፁ ተማሂርኩም ኢኹም። ኣብ መንጎ ክልተ ዓበይቲ ኣንፈታት ዝርከብ ቦታ ኸ ከመይ ይግለፅ?

**ኣስተውዕሉ!** ፈለማ ክፅራሕ ዘለዎ ሰሜን ወይድማ ደቡብ እዩ። ኣብ መንጎ ምብራቕን ደቡብን ዝርከብ ቦታ ምብራቕ ደቡብ ኣይበሃልን፣፡ ክበሃል ዘለዎ ደቡብ ምብራቕ እዩ። ከምኡ`ውን ሰሜን-ምብራቕ፧ ሰሜን - ምዕራብ፣ ደቡብ - ምዕራብ ወዘተ ይበሃል፡፡

ተምሃሮ ብመሰረት እዚ ሓበሬታ እስቲ ካርታ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ተጠቒምኩም ከተማታት ኣስመራ፣ ጂቡቲ፣ ሞቓዲሹን ኣዲስ ኣበባን ዘለወን ኣንፃራዊ መርክቦ ኣቐምጡ?




ካርታ 1.3 መስመር ካርታ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ

ተምሃሮ ብምቕፃል ነዚ መስመር ካርታ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ደፍተርኩም ብምስኣል እተን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከባ ርእሰ ከተማታት ኣስመራ፣ ጅቡቲን ሞቓድሾን ኣዲስ ኣበባን ኣመልክቱ። ተምሃሮ ኣብዙይ ንቕድም ነቲ ኣብ ዝሓለፉ ትምህርትኹም ሚዛን ካርታ ተጠቒምኩም ርሕቀት ከመይ ከምዝርከብ ዝተመሃርኩምዎ ንምዝካር ሓፂር ምይይጥ ኣካይዱ። ቐፂልኩም መጓዓዝያ ኣየር ካብ መጓዓዝያ ፅርግያ ወይ ሃዲድ ባቡር ከመይ ከምዝፍለ ብገፊሑ ተመያየጥሉ።

## መልመዲ 1.1

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል እንተኾይኖም 'ሓቂ'፣ ትኽክል እንተዘይኮይኖም ድማ 'ሓሶት' እናበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡**

1 ቐርኒ ኣፍርካ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪካ ይርከብ፡፡
2 ቐርኒ ኣፍሪካ ሓውሲ ደሴት እዩ፡፡
3 ጂቡቲ ካብ ሃገራት ቐርኒ ኣፍሪካ ሓንቲ እያ፡፡
4 ኣንፃራዊ መርከቦ ብዲግሪታት ሞሮን ቃስታን ይግለፅ፡፡
5 ርእሰ-ከተማ ካርቱም ካብ ኣዲስ ኣበባ ብሰሜን ምዕራብ ትርከብ።

**ለ. ንሕድሕድ ሕቶ ካብ ዝቐረቡ መማረፂ መልስታት እቲ ትኽክል ዝኾነ ምረፁ፡፡**

1 ኣብ ከባቢ ቐርኒ ኣፍሪካ ዘይርከብ ማያዊ ኣካል ኣየንኡ እዩ?

ሀ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ — ለ ውቅያኖስ ህንዲ

ሐ ቀይሕ ባሕሪ — መ ወሽመጥ ባሕሪ ኤደን

2 ትኽክለኛ ኣፀሓሕፋ መርከቦ ሓደ ቦታ ኣየንኡ እዩ?

ሀ ምዕራብ ሰሜን — ለ ምብራቕ ደቡብ

ሐ ምብራቕ ምዕራብ — መ ደቡብ ምብራቕ

3 ብኣንፈት ምብራቕ ምስ ኢትዮጵያ እትዳወብ ሃገር ቀርኒ ኣፍሪካ መን እያ?

ሀ ኤርትራ — ለ ጂቡቲ

ሐ ሱዳን — መ ኬንያ

4 ኣዲስ ኣበባ ካብ ናይሮቢ በየናይ ኣንፈት ትርከብ?

ሀ ሰሜን — ለ ደቡብ

ሐ ምዕራብ — መ ምብራቕ

5 ኣብ መንጎ ክልተ ማያዊ ኣካላት ቐርኒ ኣፍሪካ ዝርከብ ማያዊ ኣካል ኣየንኡ እዩ?

ሀ ቀይሕ ባሕሪ — ለ ወሽመጥ ባሕሪ ኤድን

ሐ ወቕያኖስ ህንዲ — መ ኩሉ መልሲ እዩ፡፡

6 ካብዞም ዝስዕቡ ብመጓዓዝያ ኣየር እቲ ዝነውሐ ርሕቐት ዘለዎ ኣየንኡ እዩ? ኣብ መንጎ ርእሰ-ከተማታት

ሀ ኢትዮጵያን ሱማልያን ዘሎ — ለ ሱዳንን ሶማልያን ዘሎ

ሐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ — መ ኢትዮጵያን ኬንያን

7 ሞቓድሾ ካብ ኣዲስ ኣበባ በየናይ ኣንፈት ትርከብ?

ሀ ብደቡብ-ምብራቅ — ለ ብሰሜን-ምዕራብ

ሐ ብምብራቕደቡብ — መ ብምዕራብ

ሐ. ነቶም ኣብ ትሕቲ "ሀ" ዝርከቡ ሃገራት ምስቶም ኣብ ትሕቲ "ለ" ዘለዉ ኣንፈታት ብምዝማድ ካብ ኢትዮጵያ ዘለዎም ኣንፃራዊ መርክቦ ንምርኣይ ኣብቲ ባዶ ቦታ ነቲ ትኽክለኛ ፊደል ፀሓፉ።

| | ሀ | | ለ |
|---|---|---|---|
| ______1 | ሱዳን | ሀ | ሰሜን |
| ______2 | ሶማልያ | ለ | ምብራቕ |
| ______3 | ኤርትራ | ሐ | ምዕራብ |
| ______4 | ኬንያ | መ | ሰሜን-ምብራቕ |
| ______5 | ጂቡቲ | ሰ | ደቡብ |
| | | ሸ | ደቡብ-ምብራቕ |

መ. ነዚ ዝስዕብ ሳንዱቕ መሰረት ጌርኩም ቐፂሎም ንዘለዉ ሕቶታት መልሱ

| | | |
|---|---|---|
| ኢትዮጵያ | ጂቡቲ | ሶማልያ |
| ቻድ | ታንዛንያ | ኡጋንዳ |
| ግብፂ | የመን | ሩዋንዳ |
| ኤርትራ | ሱዳን | |

ካብዚኣቶም ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዝኾኑ ኣየኖት እዮም? ዘይኾኑ ኸ ኣየኖት እዮም? እስቲ ኣብዚ ታሕቲ ቐሪቡ ኣብ ዘሎ ሰደቓ ዘርዝርዎም።

| ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዝኾኑ | ዘይኾኑ |
|---|---|
| | |
| | |
| | |
| | |

## 1.2 ታሪኽ ህዝብን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን

### መበቆል ደቂ ሰብን ብኳዕቲ ኣሰረሂወት ደቂሰብ ዝተረኽቡሎም ቦታታትን

ተምሃሮ መበቆል ወዲሰብ ኣበይ ከምዝኾነ ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? ብሬድዮን ብቴሌቪዥንን ብዛዕባ ኣብ ሃገርናን ኣብ ኬንያን ብኳዕቲ ዝተረኽበ ኣሰረሂወት ደቂ ሰብ እንትግለፅን እንትንገርን ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? እምበኣርከስ ብጉጅለ ኮይንኩም ኣብዘን ዝስዕባ ጉዳያት ተመያየጡ።

## ዕዮ ጉጅለ

**ጉጅለ ፩** - መበቆል ወዲሰብ ኣበይ እዩ? ኣብቀረባ እዋን ዝተረኽበ መበቆል ወዲሰብ ዝሕብር ኣሰረሂወት እንታይ ይበሃል?

**ጉጅለ ፪** - መበቆል ወዲሰብ ዝሕብሩ ኣሰረሂወት ብኣዕቲ ዝተረኽቡሎም ቦታታት ኣበይን ኣበይን እዮም?

ተምሃሮ ነዘን ክልተ መመያየጢ ሓሳባት ምስ ወለድኹም፣ ዓበይቲ ሰባት፣ መምህራንን ካልኦትን ሓቲትኩም መልስኹም ሒዝኩም ናብዝተመደብክምዎ ጉጅለ ክትመፁ ይግባእ፡፡ ዝረኸብክምዎ መረዳእታ ድማ ኣብ ጉጅለኹም ምስ መሓዙትኩም ተምሃሮ ተመያየጡ፡፡ ድሕሪ ምምይያጥኩም ዝበፃሕኹምሉ ሓፈሻዊ ግንዛበ ንመምህርኩም ግለፁ፡፡




ካርታ 1.4 ካርታ ኣርኪዮሎጂካዊ ቦታታት ኣሰረሂወት ወዲሰብ

ኣብ ላዕሊ ዘሎ ካርታ መሰረት ገይርኩም ኣብ ኣፍሪካን ቀርኒ ኣፍሪካን ከባብታት ኣዕቲ ኣለሻ ዘርኢ ወዲሰብ ዝተኻየደሎም ቦታታት ግለፁ፡፡ ኣብ ኣፍሪካ ኣዕቲ ኣለሻ ዘርኢ ወዲሰብ ካብዝተኻየደለን ሃገራት ውሽጢ ደቡብ ኣፍሪካ፣ ታንዛኒያ፣ ማእኸላይ ኣፍሪካ፣ ኬንያን ሃገርና ኢትዮጵያን ከምዝርከቡ ሪእኹም ዶ?

ተምሃሮ ቅድሚ ኹሉ ክትፈልጥዎ ዝግባእ ሓቂ ኣሎ፡፡ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ እያ ትርከብ። ብሓፈሻኡ ኣፍሪካ ብፍላይ ድማ ቀርኒ ኣፍሪካ `መበቆል ወዲሰብ` እያ። ኣሰረሂወት ወዲሰብ ኣብዝተፈላለዩ ሃገራት ኣፍሪካ ብኣዕቲ ተረኺቦም`ዮም። ብፍላይ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያን ጎረቤት ሃገር ኬንያን ብጣዕሚ ብዙሕ ኣዕቲ ዝተኻየደሎምን ዝሓሸ ውፅኢት ኣሰረሂወት ዝተረኽበሎምን እዮም። ተምሃሮ ብኣዕቲ ኣብ ኢትዮጵያ ወይ ኣብ ኬንያ ዝተረኽቡ ኣሰረ ሂወታት እንታይ ትፈልጡ? እዞም ኣሰረሂወታት ዝተረኽቡሎም ቦታታት እንታይ ይበሃሉ? ፍሉይ ባህርያት እዞም ኣሰረሂወታት እንታይ እዮም? እናተመያየጥኩም ንመምህርኩም መልሲ ንገርዎም።


ተምሃሮ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር ዘተኻየዱ ኳዕትታትን ውፅኢታቶምን ትፈልጡ ዶ? ኣብዚ ክልል 'ሃዳር'ን 'ኣርዲ'ን ኣብዝበሃሉ ቦታታት ዝተኻየዱ ኳዕትታት ኣመልኪትኩም ትፈልጥዎ ነገር እንተሃልዩ ግለፁ፡፡ ንምኻኑ ብዛዕባ ኣውስትራሎፒተከስ ኣፋረንሲስን ኣውስትራሎፒተከስ ኣርዲፒተከስ ራሚደስን ዝበሃሉ ሳይንሳዊ መፀውዒ ስማት ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ?

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ብፍላይ ኣብ ኢትዮጵያን ኬንያን ዝተፈላለየ ዕድመ ዘለዎም ኣሰረሂወት ደቂሰብ ብኣርኪኦሎጂካዊ ተመራመርቲ ተረኺቦም እዮም፡፡ ካብዚኣቶም ሓንቲ 'ሉሲ' ወይድማ 'ድንቅነሽ' እናተብሃለት ትፍለጥ እያ፡፡ ሳይንሳዊ መፀውዒ ሉሲ ድማ `ኣውስተራሎፒተከስ ኣፋራንሲስ` ይበሃል። ኣሰረሂወት ሉሲ ከባቢ 3.4 ሚልዮን ዓመታት ዘቑፀረ እዩ፡፡ ኣሰረሂወት ሉሲ ዝተረኸበሉ ከባቢ ኣብ ክልል ዓፋር ፍሉይ ስሙ 'ሃዳር' ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡ እዚኣ 'ሉሲ' ወይድማ 'ድንቅነሽ' ዝተብሃለት ኣሰረሂወት ወዲሰብ ብዙሕ ሳይንሳዊ መግለፂኣ ንኣመፃፅኣ ወዲሰብ ብግልፂ ዘመላኽት ምኻኑ ስለተኣመነሉ ንልዕሊ ክልተ ዓመታት ኣብ ሃገረ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብዝርከቡ ዓበይቲ ሙዚየማት እናዞረት ብብዙሓት ክትርኣይን ክትብፃሕን እናተገብረ ይርከብ፡፡ እዚ ድማ ሃገርና ኢትዮጵያ መበቆል ዘርኢ ወዲሰብ ምኻና ብዝሓሸ ዘረጋገፀን ህዝቢ ዓለም ክዓምኑሉ ዘግብር ብምኻኑ በዚ መዳይ ሃገርና ኣብ ዓለም ክትፍለጥ ዓብዪ ኣስተዋፅኦ እናገበረ`ዩ፡፡


ስለዚ ጥንታዊ ወድሰብ ድሕሪ ሚልዮናት ዓመታት እዩ ካብ አፍሪካ ናብ ካልኦት ከባብታት ዓለም ዝተዘርግሐ። ነዚ ዘረጋግፁ ዝተፈላለዩ ኣሰረሂወት ጥንታውያን ደቅሰብ ኣብ ኢትዮጵያን ኬንያን ብኳዕቲ ተረኺቦም እዮም፡፡ እዞም ኣሰረሂወት ደቅሰብ ካብ ብዙሓት አሽሓት ክሳብ ሚልዮናት ዓመታት ዕድመ ዘቑፀሩ እዮም። ስለዚ ተምሃሮ ሃገርና ኢትዮጵያ መበቆል ዘርኢ ወዲሰብ እያ። ነዚ ዘረጋግፁልና ኣዝዮም ብዙሓት ኳዕትታት ኣብ ክልል ዓፋር ተኻይዶም እዮም። ሕዚ`ውን እናተኻየዱ ይርከቡ። እዚ ብቐፃላይነት ዝካየድ ኳዕቲ ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ብመዳይ ታሪክ፣ ባህሊ፣ ኢኮኖሚ,ያውን ቱሪዝምን ንዝመሳሰሉ ምዕባለታት ሓንቲ ሃገር ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ፡፡

> ኣርኪኦሎጂ ኣብ ትሕቲ መሬት ተቐቢሮም ንዓመታት ዝፀንሑ ኣሰረሂወት ደቂሰብን ጥንታዊ ሕብረተሰብ ይጥቀመሎም ዝነበሩ ናውትን ብኳዕቲ ብምውፃእ ብዛዕባ ጥንታዊ ሕብረተሰብ ዘፅንዕ ሳይንስ እዩ፡፡ እቶም ተመራመርቲ ድማ ኣርኪኦሎጂስትስ ይበሃሉ፡፡

ብፍላይ ብ1994 ዓ.ም.ፈ ኣብ ዓፋር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዝተረኸበ ኣሰረሂወት ነዚ ብዝበለፀ ዘረጋግፅ`ዩ። 'ኣርዲ' ኣብዝተብሃለ ቦታ ዕድሚኡ ልዕሊ 4 ሚሊዮን ዝኾነ ኣሰረሂወት ወዲሰብ ተረኺቡ'ዩ። ነዚ ዝተረኸበ ውፅኢት ኣርኪዮሎጂካዊ ምርምር ዝተውሃበ ሳይንሳዊ መፀውዒ ስም ድማ 'ኣውስትራሎፒተከስ ኣርዲፒተከስ ራሚደስ' ዝብል እዩ፡፡ እዚኣ 'ሰላም' ትብሃል። ክሳብ ሕዚ ዝተገብሩ መፅናዕታዊ ምርምራትን ኳዕትታት ኣለኻ ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ከምዘረጋግፅዎ ሃገርና ኢትዮጵያ ሕምብርቲ መበቆል ዘርኢ ወዲሰብ እያ። ብምኻኑ'ውን ቀርኒ ኣፍሪካ ፍልፍል መበቆል ወዲሰብ እያ ስለንብል ብሓፈሽኡ ኣፍሪካ መበቆል ወዲ ሰብ ከምዝኾነት ንርዳእ። ተምሃሮ ንምንታይ እዩ ኣፍሪካ መበቆል ዘርኢ ወዲ ሰብ እያ ዝበሃል? ሃገርና ኢትዮጵያ ኸ ንምንታይ እዩ መበቆል ዘርኢ ወዲ ሰብ ትበሃል? ኣብ ላዕሊ ዝተምሃርኩምዎ ብደምቢ ገይርኩም ብዝርዝር ግለፁ።



ስእሊ 1.2 ኣሰረሂወት ‘ሉሲ’ ወይድማ ‘ድንቅነሽ’




ካርታ 1.5 ኣሰረ ሂወት ኣውስትራሎፒተከስ ኣርዲፒተከስ ራሚደስ ዝተረኽበሉ

ተምሃሮ ኳዕቲ ኣለሻ ዘርኢ ወዲሰብ መዓዝ ተጀሚሩ? ኣበይ ሃገርን ከባብን ከ እዩ ተኻይዱ? ኣብ ኣፍሪካን ኣብ ሃገርናን ዝተኻየዱ ኳዕቲ ኣለሻ ኣሰረሂወት ወዲሰብ እቶም ቀንድን ወሰንትን ዝበሃሉ ክልተ ግለፁ። ኣለሻ ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ብዝምልከት ንነዊሕ ዓመታት እናተኻየደ ፀኒሑ'ዩ። ንኣብነት ብ1924 ዓመት ምህረት ኣቆፃዕራ ፈረንጂ ሮበርት ዳርት ዝተብሃሉ ወዲ ደቡብ ኣፍሪካ ተመራማሪ ኣናቶሚስት ኣብ **ቱኣንግ** ዝተብሃለ ቦታ ኣሰረሂወት ወዲሰብ ረኺቦም`ዮም። ብ1959 ዓመት ምህረት ኣቆፃዕራ ፈረንጂ ድማ ሎዊስ ሊኪይን ሜሪይ ሊኪይ ዝተብሃሉ ደቂ ሆላንድ ዝኾኑ ኣንትሮፖሎጂስትታት ኣብ ታንዛኒያ ዝርከብ **ሽንጥሮ ኦልዱቫይ** ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ረኺቦም`ዮም። ኣብ መጀመርታ 1960ታት ድማ ሪቻርድ ሊኪይ ዝተብሃሉ ተመራማሪ ኣንትሮፖሎጂ ኣብ ሰሜናዊ ኬንያ ዝርከብ ከባቢ ሃይቅ ቱርካና ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ረኺቦም`ዮም። እዚኦም ብምልኦም ግና ዕድሚኦም ትሕቲ 2.5 ሚሊዮን ዝገበሩ`ዮም ነይሮም።

ስለዚ ብ1974 ዓ.ም.ፈ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር ዝርከብ **ሃዳር** ኣብዝተብሃለ ቦታ ብዶናልድ ጆንሰንን ማውሪስ ታኢብ ጆንሰንን ዝተብሃሉ ክልተ ሰብኣይን ሰበይትን ዝኾኑ ተመራመርቲ ልዕሊ 3.2 ሚሊዮን ዕድመ ዝገበረት ኣንስተይቲ ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ረኺቦም እዮም። እዚ ኣሰረሂወተ ዘርኢ ወዲሰብ ኣውስትራሎፒተከስ ኣፋረንሲስ ተባሂሉ ይፍለጥ። ብምኳኑ`ውን እቲ ዝሐሸ መረዳእታ መበቆል ወዲሰብ ዝሓበረ`ውን እዩ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ሕዚ ዘሎ መረዳእታ ከምዝሕብረና ድማ ብ1994 ዓመት ምህረት ኣቆፃዕራ ፈረንጂ ብቲም ዋይት ዝምራሕ ተመራመርቲ ጉጅለ ኣንትሮፖሎጂስትታትን ኣርኪዮሎጂስትታትን ዝተረኽበ ኣሰረሂወት ወዲሰብ ዕድሚኡ ልዕሊ 4.4 ሚሊዮን ዓመት ዝገበረትን ዝሓሸን ዘተኣማምንን መረዳእታ ዝሃበት'ያ። ሳይንሳዊ መፀውዒ'ዛ ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ‘ኣውስትራሎፒተከስ

ኣርዲፒተከስ ኣራሚደስ’ ትበሃል እንትኸውን ዝተረኸበትሉ ድማ ኣብ ሃገርና ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር ‘ኣርዲ” ኣብ ዝበሃል ቦታ እዩ። ብዛዕባ ኣመፃፅኣ ወዲሰብ ዝሓሸን ዘተኣማምንን ሓበሬታ ተረኺቡ። ተምሃሮ ብቐደም ሰዓብ ኳዕቲ ኣለኻ ኣሰረሂወት ወዲሰብ ዝተኻየደሎም ቦታት ኣፍሪካን ሃገርናን ብዝርዝር ግለፁ፡፡ ኣብ ሞንጎ ሉሲን ኣርዲፒተከስን ዘሎ ኣፈላላይ ግለፁ።

## ኣመፃፅኣን ምግፋሕን ሃይማኖታት ክርስትናን እስልምናን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ

ተምሃሮ ብዛዕባ ኣጀማምራ ሃይማኖት ክርስትና እንታይ ትፈልጡ? ብዛዕባ ኣጀማምራ ሃይማኖት እስልምና’ኸ እንታይ ትፈልጡ? ብጉጅለ ኾይንኩም ብዛዕባ ክልቲኦም ሃይማኖታት ተመያየጡ።

### ዕዮ ጉጅለ



ጉጅለ ፩ - ሃይማኖት ክርስትና መዓዝ ተጀሚሩ? ናብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኸ መዓዝ ኣትዩ? ኣመፃፅኣን ምስፍሕፋሕን ሃይማኖት ክርስትና ብዝምልከት ንወለድኹም፣ ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ሕተቱ፡፡

ጉጅለ ፪ - ሃይማኖት እስልምና መዓዝ ተጀሚሩ? ናብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኸ መዓዝ ኣትዩ? ኣመፃፅኣን ምስፍሕፋሕን ሃይማኖት እስልምና ብዝምልከት ንወለድኹም፣ ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ሕተቱ፡፡

ጉጅለ ፫ - ኣብ ሞንጎ ክልቲኣን ሃይማኖታት (ክርስትናን እስልምናን) ዘለዉ ምምስሳልን ሓድነትን ከምኡ`ውን ኣፈላላይን ተመያየጡ፡፡

ጉጅለ ፬ - ኢትዮጵያውያን ብዝኸተልዎ ሃይማኖት እንተይተፈላለዩ ብሓባር ምንባር ይኽእሉ’ዮም፡፡ ኣፈላላይ ሃይማኖት ሒዝካ ብሓድነትን ሕብረትን እንተይተበታተንካ ብሰላም ምንባር ይከኣል‘ዩ፡፡ ተመያየጡሉ፡፡ ኣብነታት እናልዓልኩም ግለፁ፡፡

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ካብዝርከቡ ሃይማኖታት ውሽጢ ክርስትናን እስልምናን ይርከቡ። ኣብ ካልኦት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ’ውን እዞም ሃይማኖታት ይርከቡ’ዮም። ተምሃሮ እዞም ሃይማኖታት ዝተጀመረሎም ከባብታት ትፈልጡ ዶ? ብኸመይ’ከ ናብ ሃገርና ዝመፁ ይመስለኩም? መዓዝ? ንወለድኹም ወይ ንካልኦት ዝፈልጡ ሰባት ሓቲትኩም ብምምፃእ ኣብ ክፍሊ መብርሂ ኣቕርቡ።

ቅድሚ ምምፃእ ክርስትናን እስልምናን ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪካ ናይ ዓርሶም እምነታት ነይሮምዎም እዮም። ኣብ ማእኸላይን ሰሜናውን ከባብታት ኢትዮጵያ ንኣብነት ኣብ ሃይማኖተ ኦሪት ወይድማ ብሉይ ኪዳን ይኣምኑ ነይሮም። ህዝቢ ኦሮሞ’ውን ‘ኣባ ዋቃ’ ኢሎም ኣብዝፅውዕዎ ይኣምኑ ነይሮም።


### ኣመፃፅኣን ምግፋሕን ሃይማኖት ክርስትና ኣብ ሃገርናን ቀርኒ ኣፍሪካን

ተምሃሮ ንቕድም ጉጅለ ፩ ዘዳልውዎ መልሲ ተመያየጡሉ። ብዛዕባ ኣጀማምራ፣ ትሕዝቶን ምግፋሕን ሃይማኖት ክርስትና ካብዚ ንታሕቲ ብዝርዝር ቐሪቡልኩም ስለዘሎ እናንበብኩም ተመያየጡሉ። ተረድእዎ። ኣብ መወዳእታ ድማ ንዝተረዳእኹምዎ ኣብ ክፍሊ ባዕልኹም ግለፁ።

ሃይማኖት ክርስትና ዝተጀመረሉ ከባቢ ኣብ ክፍለ ዓለም እስያ ማእኸላይ ምብራቕ ተባሂሉ ኣብዝፍለጥ ብፍላይ ድማ ኣብ ሃገራት ፓለስታይንን እስራኤልን ኣብ መበል ቀዳማይ ክፍለ ዘበን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ እዩ። በዚ እዋን`ዚ ፓለስታይን ኣብ ትሕቲ ግዝኣት


መንግስቲ ሮማ ነይራ። ተምሃሮ ካርታ ዓለም ብምርኣይ ፓለስታይንን እስራኤልን ዝርከቡሉ ከባቢ ኣለልዩ። ንፓለስታይንን እስራኤልን ዘዳብዉ ሃገራትን ባሕርን ግለፁ። ዘርዝርዎም። ሃይማኖት ክርስትና ኣብ እዋን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ ነዊሕ ዘበን ኣብ መፅሓፈ ኦሪት 'ብሉይ ኪዳን' ኣብዝብል ብዝተፅሓፈ መሰረት እምነቱ ይገብር። ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣብዘለዉ ነዋሕቲ ዘበናት ዝምርሓሉ መፅሓፍ ድማ 'ሓዱሽ ኪዳን' ተባሂሉ`ዩ ዝፍለጥ። ተምሃሮ ብዛዕባ ብሉይ ኪዳንን ሓዱሽ ኪዳንን ንሃይማኖት መራሕቲ ሓቲትኩም ተረድኡ።

ስለዚ ሃይማኖት ክርስትና ዝምራሕን እምነታቱን መትከላቱን ዝተመስረቱን ኣብ **መፅሓፍ ቅዱስ** እዩ። ሃይማኖት ክርስትና ሓደኣዊ ሃይማኖት እንትኸውን እምነቱ ብምልኡ ኣብ እየሱስ ክርስቶስ ዝተመስረተ እዩ። እየሱስ ክርስቶስ ወዲ ፈጣሪ ኹሉ ዓለም ዝኾነ እግዚኣብሄር ስለዝኾነ ንደቂሰባት ካብ ማእለያ ዘይብሉ ሓጢኣቶም ከድሕን ናብ መሬት መፂኡ ኣብዝብል እምነት ማእኸል ዝገበረ`ዩ። ነገስታት ጥንታዊ መንግስቲ ሮማ ንእምነት ክርስትና ስለዘይተቐበሉን ስለዘይኣመኑሉን ንሰዓብቲ እምነት ክርስትናን መራሕቶምን የሳጉግዎም ነይሮም።



ስእሊ 1.3 መፅሓፍ ቅዱስ

ኣብ ዘመነ ኣገዛዝኣ ንጉስ ኔሮ (ካብ 54 - 68 ዓ.ም.ፈ) ክምኡ`ውን ኣብ እዋን ኣገዛዝኣ ንጉስ ዲክሌሺያ (ካብ 245 - 313 ዓ.ም.ፈ) ስቅያትን ስደትን ሰዓብቲ እምነት ክርስትና ናብ ዝለዓለ መሰከሓይን መሸቐረራይን ብርኪ ዝኀልበተሉ እዋን ነይሩ፡፡ እዚ`ውን ኾይኑ ግና ካብ እዋን ናብ እዋን ሰዓብቲ እምነት ክርስትና ይውስኹ ነይሩ፡፡ ድሕሪ`ዚ ኹሉ ምንግልታዕ ኣብ መበል 4ይ ክፍለዘበን ዝነበረ ንጉስ ቆንስጣንጣይን ንሃይማኖት ክርስትና ስለተቐበለ ሰዓብትን መራሕትን እዚ ሃይማኖት ካብ ምስዳድን ምንግልታዕን ሓራ ወፂኦም፡፡




ካርታ 1.6 ሃይማኖት ክርስትና ኣብ መበል 6ይን 7ይን ክፍለዘበን

ስለዚ ኣብ ዘበነ ኣገዛዝኣ ንጉስ ቴዎዶሲዩስ (ካብ 379 - 395 ዓ.ም.ፈ) ሃይማኖት ክርስትና ሕጋውን መንግስታውን ሃይማኖት ንክኸውን ብዕሊ ተኣዊጁ። ካብዚ ግዜ ንደሓር ሃይማኖት ክርስትና ኣብ ውሽጢ ግዝኣት መንግስቲ ሮማን ካብኡ ወፃእን ናብዘለዉ ሃገራትን ህዝብታትን ብዕሊ ክጋፋሕን ክስፋሕፋሕን ጀሚሩ።



ስእሊ 1.4 ፅዮን ማርያም ኣኽሱም ቤተክርስትያን

ካብ መበል 4ይ ክፍለ ዘበን ኣብ ዓለም ሓሙሽተ ፓትርያክ ሃይማኖት ክርስትና ነይሮም። ንሳቶም`ውንኣብ ሮም፣ ኣለክሳንድርያ፣ ኣንቲያች፣ ቆንስጣንጢኖስን እየሩሳሌምን ነይሮም። ኣብ ሮም ዝነበሩ ፓትርያርክን ኣብ ቆንስጣንጢኖስ ዝነበሩ ኣቡንን ግና ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ክርስትና ዓብዩ ንሕንሕ ነይርዎም። እዚ ንሕንሕን ውጥጥን ናብ ዘይዕረቐሉ ብርኪ ስለዝበፅሐ ድማ ኣብ 1054 ዓ.ም.ፈ ሃይማኖት ክርስትና ኣብ ክልተ ተመቒሉ። ኣብ ሮም ማእኸሉ ዝገበረ ካቶሊካዊ ክርስትና ሃይማኖትን ኣብ ግሪክ ቆንስጣንጢኖስ ማእኸሉ ዝገበረ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ክርስትና ሃይማኖትን ኾይኖም። ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘበን ድማ ካብ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ሃይማኖት ክርስትና ዝተፈንጨሉ ወንጌላውያን ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትና ተፈንጪሎም ወፂኦም። ስለዚ ተምሃሮ ሃይማኖት ክርስትና እንትንብል ንኦርቶዶክስ ቤተ ክርስትያን፣ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያንን ወንጌላዊት ቤተ ክርስትያንን ብምልኦም ዝጠመረ እዩ።



## ንጥፈት

1. ኣብ ሃገርና ኣብ እዋን ሃይማኖታዊ በዓላት ክርስትና መግለፂ ዝህቡ እንመን እዮም?
2. ንኣብነት በዓል ልደትን ትንሳኤን እንትኸበር ብሬድዮን ቴሌቪዥንን መግለፂ እንኳዕ ኣብፅሐኩም ዝህቡ መራሕቲ ሃይማኖት እንመን እዮም? ንምንታይ?
3. ሃይማኖት ክርስትና እንትበሃል ንኣየኖት ሃይማኖታት የጠቓልል?

ሃይማኖት ክርስትና ናብ ሃገርና ኢትዮጵያን ናብ ቀርኒ ኣፍሪካን ዝተኣታተወ ኣብ 4ይ ክፍለ ዘበን ኣብ ከባቢ 330 ዓ.ም.ፈ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሰሜናዊ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣክሱም ተባሂሉ ዝፍለጥ ብርቱዕ መንግስቲ ነይሩ። መንግስቲ ኣኽሱም ኣብ ከባቢ ባሕሪ ሜዲተራንያን ምስዝነበራ መንግስታት ስጡም ርክብ ንግድን ዲፕሎማሲን ነይርዎ። ብምኽንያት`ዚ ዝተፈላለዩ ነጋዶ ካብዘን መንግስታት እዚአን ናብ ኣኽሱም ይመፁ ነይሮም። ናብ ኣኽሱም ካብዝመፁ በፃሕቲ ሓደ ፍሬምናጦስ ዝበሃል ሰዓቢ ሃይማኖት ክርስትና ነይሩ። ፍሬምናጦስ ኣብ ቤተመንግስቲ ኣኽሱም ተቖፂሩ ይሰርሕ ነይሩ። ነዚ ዝረኸቦ ምችው ኩነታት ድማ ንጉስ መንግስቲ ኣኽሱም ንዝነበረ ኢዛና (ካብ 320 - 350 ዓ.ም) ሃይማኖት ክርስትና ክቕበል ገይርዎ። ስለዚ ንጉስ ኢዛናን ምስኡ ዝነበሩ አዕሩኽቱን ሃይማኖት ክርስትና ክቕበሉ ዝገበሮም ፍሬሜናጦስ እንትኸውን እዚ ሰብ ደሓር ኣባ ሰላማ ተባሂሉ ጳጳስ ዘኣኽሱም ኾይኑ የገልግል ነይሩ። ካብዚ ግዘ ንደሓር ክርሰትና ሕጋውን ዕላውን መንግስታዊ ሃይማኖት ኣኽሱም ኾይኑ።

ኣብ ፈለማ እዋን ሃይማኖት ክርስትና ኣብ መሳፍንትን ኣብ ነበርቲ ህዝቢ ከባቢ ከተማ ኣኽሱምን ጥራሕ ተወሲኑ ነይሩ፡፡ ደሓር ግና ብዙሓት ካህናት ካብ ግብፂ ናብ ግዝኣት ኣኽሱም ምምፃእ ብምጅማሮም እቲ ሃይማኖት ናብ ካልኦት ከባብታት’ውን ክስፋሕፋሕ ጀሚሩ። ስለዝኾነ`ውን ኣብ መበል 5ይ ክፍለዘበን ካብ ሶሪያ ዝመፁ ትሸዓተ ቅዱሳን ስለዝነበሩ እዚኦም ሃይማኖት ክርስትና ናብ ህዝቢ ክተኣታተውን ክሰርፅን ገይሮም፡፡ ተቐባልነት`ውን ረኺቡ። እዞም ትሽዓተ ቅዱሳን ንመፅሓፍ ቅዱስን ካልኦት ኣገደስቲ መፃሕፍቲ ክርስትና ናብ ቋንቋ ግእዝ ተርጒሞምዎም። ናብ ህዝቢ ክሰርፅ፣ ክተኣታተውን ተቐባልነት ክረክብን ድማ ይሰብኩን የምህሩን ኣብ ልዕሊ ምንባሮም ኣብያተ ፀሎት`ውን ይሃንፁ ነይሮም። ህዝብን መንግስትን ኣኽሱም ንሃይማኖት ክርስትና ምቕባሎምን እዚ ሃይማኖት`ውን ብዝግባእ ናብ ህዝቢ ምስራፁን ምትእትታዉን ብሓፈሻኡ ኣብ ሞንጎ መንግስቲ ኣኽሱም ዘኢትዮጵያን ግብፅን ጥንኩር ዝምድናታት ንክህልው ባይታ ፈጢሩ። ስለዝኾነ`ውን ኢትዮጵያ ጳጳስ ሃይማኖት

ክርስትና ካብ ኣሌክሳንድርያ ንኸተምፅእ ኣኽኢልዋ ስለዝኾነ እዚ ዓይነት ዝምድና ድማ ክሳብ 1959 ዓ.ም.ፈ ፀኒሑ እዩ፡፡




## ንጥፈት

ተምሃሮ ሃይማኖት ክርስትና ኣብ ዓለምና ይኹን ኣብ ሃገርና ብኸመይ ኣገባብ ከምተጀመረ ተረዲእኹም ዶ? ሃይማኖት ክርስትና እንትጋፋሕ ዝነበሩ ማሕለኻታት ከ ፈሊጥኩምዎም ዶ?

ብስም እዞም ትሽዓተ ቅዱሳን ዝፅውዑ ኣብያተ ክርስትያን ንወለድኹምን መራሕቲ ሃይማኖት ወይድማ ዓበይቲ ዓዲ ሓቲትኩም ዘርዝርዎም። ብዘመነ መንግስቲ ኣኽሱም ሃይማኖት ክርስትና ናብ ሃገርና ብኸመይ ከምዝኣተወ ብዝርዝር ግለፁ። ነዚኦም ብምሉኦም ተመያየጡሎም። ብዝርዝር ድማ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ግለፅዎም።

## ኣመፃፅኣን ምግፋሕን ሃይማኖት እስልምና ኣብ ሃገርናን ቀርኒ ኣፍሪካን

ተምሃሮ ንቅድም ጉጅለ ፪ ዘዳልውዎ መልሲ ተመያየጡሉ፡፡ ብዛዕባ ኣጀማምራ፣ ትሕዝቶን ምግፋሕን ሃይማኖት እስልምና ካብዚ ንታሕቲ ብዝርዝር ቐሪቡልኩም ስለዘሎ እናንበብኩም ተመያየጡሉ። ተረድኡ። ኣብ መወዳእታ ድማ ንዝተረዳእኹምዎ ኣብ ክፍሊ ባዕልኹም ግለፁ። ሃይማኖት እስልምና ዝተጀመረሉ ከባቢ ክፍለ ዓለም ኤስያ፣ ማእኸላይ ምብራቕ ተባሂሉ ኣብዝፍለጥ ከባቢ እዩ። እዚ ሃይማኖት ኣብ መበል 7ይ ክፍለ ዘበን ብነብይ መሓመድ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ከተማ መካ ተጀሚሩ። ተምሃሮ ካርታ ዓለም ብምርኣይ ስዑዲ ዓረብ እትርከበሉ ቦታ ኣለልዩ። ንስዑዲ ዓረብ ዘዳብዉ ሃገራትን ባሕርን ግለፁ። ነብዩ መሓመድ መን እዮም ኢልኩም ንወለድኹም ሕተትዎም። ሃይማኖት እስልምና ኣብ ኣስተምህሮታት ነብዩ መሓመድ ዝተመስረተ እዩ።




ካርታ 1.7 ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት እስልምና ኣብ መበል 7ይን 8ይን ክፍለ ዘበናት

ነብዩ መሐመድ ብ570 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ስዑድ ዓረብያ ትርከብ ከተማ መካ ኣብትበሃል ካብ ዓሌት ቋሪይሽ ዝበሃሉ ተወሊዱ። ነቢይ መሓመድ ብዛዕባ ሃይማኖት እስልምና ምስባኽን ምስትምሃርን ዝጀመረሉ እዋን ኣብ 610 ዓ.ም.ፈ. እዩ። ቅዱስ መፅሓፍ ሃይማኖት እስልምና ቁርኣን ይበሃል። ነቢይ መሓመድ ነዚ ሓድሽ ሃይማኖት ኣብ ከባቢ መካ ምስባኽ ምስጀመረ ብገዛእቲ እቲ ከባብን በቶም ቋሪይሽ ዝበሃሉ ዓሌቱ ሓያል ተቓውሞ ገጢምዎ ነይሩ። እዞም ቋሪይሽ ዝበሃሉ ዓሌትን መራሕቶምን ንነብዩ መሓመድን ሰዓብቱን ክቐትልዎም ብዙሕ ፈተና ይገብሩ ስለዝነበሩ ብዝነበረ መፀገማይ ኩነታት ብ622 ዓ.ም.ፈ ካብ መካ ናብ መዲና ተሰዲዶም። እዚ ካብ መካ ናብ መዲና ነብዩ መሓመድን ሰዓብቱን ዝገበርዎ ምስዳድ ሂጂራ ተባሂሉ ይፍለጥ። እዚ ሂጂራ ድማ ንሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ፈላማይ መዓልቲ ዓመት ኾይኑ እዩ ዝውሰድ። ኣብ መወዳእታ ነብዩ መሓመደ ብ624 ዓ.ም.ፈ ንዓሌት ቋሪይሽ ኣብ ኲናት ባድር ስዒሩ።

ስለዝኾነ ድማ ብ629 ዓ.ም.ፈ ንከተማ መካ ምሉእ ብምሉእ ተቖፃፂርዋ። ድሕሪ`ዚ ክሳብ 632 ዓ.ም.ፈ ንሃይማኖት እስልምና ኣብ ምሉእ ዓለምን ሃገራት ኣዕራብን ንኽስፋሕፋሕ ዝከኣሎ ፃዕሪ ገይሩ`ዩ። ነቢዩ መሓመድ ብ632 ዓ.ም.ፈ ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልዩ። ድሕሪ ሞት ነብዩ መሓመድ ካብ ዓሌት ቋሪይሽ ዝተመረፁ ኣርባዕተ ካሊፋት (መራሕቲ) ነይሮም። እዚኦም ድማ ቀዳማይ ኣቡበከር (632 - 634 ዓ.ም.ፈ)፣ ዑመር (634 - 644)፣ ኦትማን (644 - 658)፣ ከምኡ`ውን ዓሊ (656 - 661 ዓ.ም.ፈ) ይበሃሉ ነይሮም፡፡ እዞም ካሊፋት ዝበሃሉ መረሕቲ ንስዑዲ ዓረብያ ናብ ሓደ ዘወሃሃዱ ኣብልዕሊ ምኻኖም ሃይማኖት እስልምና ኣዐርዩ ክስፍሕፋሕ ገይሮም`ዮም። ብድሕሪ ነብዩ መሓመድ መረሕቲ ሃይማኖት እስልምና ዝነበሩ ምእንታን ሃይማኖት እስልምና ካብ ሃገራት ዓረብ ወፃኢ ናብዘለዉ ሃገራትን ህዝብታትን ንምግፋሕ ጂሃድ ኣዊጆም፡፡ እዚ ጂሃድ ድማ ቅዱስ ኲናት ተባሂሉ ይፍለጥ።



ስእሊ 1.5 መፅሓፍ ቅዱስ ቁርኣን

ሃይማኖት እስልምና ናብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝተስፋሕፈሐ ብሰላማዊ መንገዲ እንትኸውን መስመር ንግዲ ተኸቲሉ ዝተኻየደ`ዩ ነይሩ። ሙስሊም ነጋዶ ንምስፍሕፋሕ ሃይማኖት እስልምና ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ነይርዎም። ሃይማኖት እስልምና ናብ ካልኦት ሃገራት ዓለም ኣብ ማእኸላይ ምብራቕን ኣውሮፓን ከምኡ`ውን ሰሜን ኣፍሪካ እንትስፍሕፋሕ ጂሃድ እናተኣወጀ`ዩ ነይሩ። እዚ ሃይማኖት እስልምና ናብ ቀርኒ ኣፍሪካ እንትስፍሕፋሕ ግና ጂሃድ ኣይተኣወጀን። እዚ ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት ብሰላማዊ መንገዲ ዝተኻየደ`ዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣዝዩ ሰላማውን ሕውነታውን ዝተመልአ ኣገባብ ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት እዩ ነይሩ። ኣብዚ ሓደ ሕቶ ምልዓል ይከኣል`ዩ። ኣብ ሃገርናን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት እስልምና ሰላማዊ ዝነበረ ንምንታይ`ዩ?

ነብዩ መሓመድን ሰዓብቱን ብዓሌት ቋሪይሽ ካብ መካ እንትስደዱ ኣብ 615 ዓ.ም.ፈ ንተወሰኑ ሰዓብቱ ብሰላምን ብቅሳነትን ናብዝነብሩላ ሃገር ኢትዮጵያ ዝነበረ መንግስቲ ኣኽሱም ኸይዶም ንኽዕቀቡ ሰዲድዎም ነይሩ። ኣብቲ እዋን ዝነበረ ንጉስ ኣኽሱም'ውን ነዞም ስዱዳት ሰዓብቲ

ሃይማኖት እስልምና ብሰላም ተቐቢሉ ዝዓርፍሉ ቦታ ሂብዎም። ሃይማኖቶም ንከምልኹ'ውን ፈቒዱሎም፡፡ በዚ ኣቢሉ ድማ ሃይማኖት እስልምና ኣብ ስዑዲ ዓረብ ምስተጀመረ ናብ ሃገርና ኢትዮጵያ'ውን ኣትዩ፡፡ ነብዩ መሓመድ ኣብ ልዕሊ ዓሌት ቋሪይሽ ዓወት ምስኣረጋገፀን ናብ ከተማ መካ ምስተመለሰን ነዞም ብስደትን ዕቑባን ናብ መንግስቲ ኣኽሱም መጺኦም ዝነበሩ ሰዓብቱ ናብ ዓዶም ስዑዲ ዓረብያ ክምለሱ ተገይሩ። በዚ ግዝ`ዚ እዞም ካብ ዝኸድዎ ስደትን ዕቑባን ዝተመለሱ ሰዓብቲ ነብዩ መሓመድ ብዝተገበረሎም ሕውነታውን ሰላማውን ኣቀባብላ ኣዝዮም ተሓጒሶም ነይሮም። እዚ ኩነታት ክሳብ ሎሚ ንዘሎ ምትሕቛቛፍን ምክእኣልን ክልቲኣን ቀንዲ ሃይማኖታት መበገሲ ዝኾነ`ዩ። ስለዚ ነብዩ መሓመድ ናብ ኢትዮጵያን መንግስቲ ኣኽሱምን ምንም ዓይነት ጂሃድ ከይካየድ ኣዚዙ።



## ንጥፈት

ተምሃሮ እዚ ጉጅለ ፩ ንዝገብሮ ምይይጥ ሓጋዚ ሓበሬታ ከምዝኾነ ተረዲእኩም ዶ? እዞም ካብ ስዑድ ዓረብ ዝመፁ ቀደሞት ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ኣብ ዘመነ መንግስቲ ኣኽሱም ዝሰፈሩሉ ቦታ እንታይ ይበሃል? ኣበይ ከባቢ'ሽ ይርከብ?

ድሕሪ ውድቀት መንግስቲ ኣኽሱም ሃይማኖት እስልምና ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ይኹን ኣብ ሃገርና ዝስፋሕፈሓሉ ኣጋጣሚ ተፈጢሩ`ዩ፡፡ ንምስፍሕፋሕ ሃይማኖት እስልምና ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ መእተዊ በሪ ኾይኖም ዘገልገሉ ሰለስተ ቦታታት ኣለዉ።

ቀዳማይ ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ዝኾኑ ኣዕራብ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ብዝርከብ ደሴት ዳህላክ ኣቢሎም ይኣትዉ ጀሚሮም። ስለዚ ብ702 ዓ.ም.ፈ ወደብ ኣዱሊስ ተቖፃጺሮምዋ። በዚ ኣቢሎም ናብ ውሽጢ ሃገርና ምእታው እንትጀምሩ ምስ ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትና ዘይምቅድዳውን ዘይምቕባልን ኣጋጣሚታት ኅሊሆም ዝርኣዩ ተርእዮታት ነይሮም። ስለዚ ኣብ መፈለምታ 8ይ ክፍለ ዘበን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከቡ ደሴታት ዳህላክ ኣብ ቁፅፅር ኣዕራብ ወዲቖም። ካብዚ ብምብጋስ ሰዓብቲ ሃይማኖታት እስልምና ዝኾኑ ኣዕራብ ሃይማኖቶም ኣብ ቆላታት ገማግም ቀይሕ ባሕርን ወሽመጥ ኤደንን ኣስፋሕፊሖም።

## ዕዮ ጉጅለ



ካርታ መሰረት ብምግባር ሃይማኖት እስልምና ኣብ 7ይን 8ይን ክፍለዘበን ዝተስፋሕፈሓሎም ከባብታት ግለፁ፡፡ ጂሃድ እንታይ'ዩ? ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን ዝነበረ ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት እስልምና ሰላማዊ ዝነበረ ንምንታይ'ዩ? ሃይማኖት እስልምና ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ መእተዊ በሪ ኾይኖም ዘገልገሉ ሰለስተ ቦታታት ብዝርዝር ግለፁ።

ካልኣይ በሪ መእተዊ ኾይኑ ዘገልገለ ኣብ ባሕሪ ወሽመጥ ኤደን ዝርከብ ወደብ ዘይላ እዩ። እዚ ንመስመር ንግዲ ሓጋዚ ዝነበረን ናብ ውሽጢ ግዝኣት ኢትዮጵያ ንምእታው ከም ፅቡቕ ኣጋጣሚ ኾይኑ የገልግል ነይሩ። ስለዚ በዚ በሪ ገይሮም ዝኣተዉ ሙስሊም ነጋዶ ኣብ ምብራቕ ሸዋ፣ ወሎ፣ ሃረርጌ፣ ባሌ፣ ኣርሲን ሃድያን ይኣትዉ ነይሮም። ብምኽንያት`ዚ ድማ ዝተፈላለዩ ሱልታኔታት ሙስሊም ኣብ ሸዋ፣ ይፋት፣ ዳዋሮ፣ ፈጢጋር፣ ባሊ፣ ሻርካ፣ ሃዲያ፣ ዳራን ኣርባባኒን ወዘተ ተመስሪቶም። ስለዚ ካብ ስዑድ ዓረቢያ ዝመፁ ነጋዶ ብወደብ ዘይላ ኣቢሎም ናብ

ደቡባዊ ክፋላት ኢትዮጵያ ሃይማኖቶም ከስፋሕፍሑ ክኢሎም እዮም። ድሕሪ ግዘ ድማ ኣብቲ ከባቢ ውሩያት ዝኾና እስላማዊ መንግስታት ማዕቢለን እየን።

ብሳልሳይ በሪ ድማ ብውቅኖስ ህንዲ ኣቢሎም ብሞቃዲሾ፣ ብራቫን መርካን ኣቢሎም ናብ ሶማሊያ ብምእታው ሃይማኖት እስልምና ምስፍሕፋሕ ክኢሎም`ዮም። ተምሃሮ እዘን ሰለስተ በርታት መእተዊ ነጋዶ ሙስሊም ኣብ ካርታ ቀርኒ ኣፍሪካ ርአይወን። ጉጅለ ፫ን ጉጅለ ፬ን ንዝተመያየጡሎም ሓሳባት ኣብ ክፍሊ ክቐርብ ይገበር። ኣብዚ ሎሚ እዋን ንኣብነት ኣብ ከባቢ ነጋሽ እንተወሲድና ሰዓብቲ ሃይማኖታት ክርስትናን እስልምናን በዓላት ሓቢሮም የሕልፉ፣ ብዝግባእ ተኸኣኢሎም ይነብሩ፣ ይፋቐሩን ሓቢሮም ተሳንዮም መነባብረኦም የሳልጡ`ለዉ።



ስእሊ 1.6 መስጊድ ኣልነጃሺ (ትግራይ)



ስእሊ 1.7 ኣንዋር መስጊድ (ኣዲስ ኣበባ)

## መልመዲ 1.2

ሀ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል እንተኾይኖም 'ሓቂ'፣ ትኽክል እንተዘይኮይኖም ድማ 'ሓሶት' እናበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡

1 ኢትዮጵያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ እትርከብ መበቆል ዘርኢ ወዲሰብ እያ።

2 ሃዳርን ኦርዲን ዝበሃሉ ኳዕቲ ኣለሻ ዘርኢ ወዲሰብ ዝተኻየደሎም ስፍራታት ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር ዝርከቡ እዮም።

3 'ሉሲ' ወይድማ 'ድንቅነሽ' ትበሃል ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ኣብ ኣርዲ ዝበሃል ቦታ ብኳዕቲ ተረኺባ።

4 ሃይማኖት ክርስትና ኣብ መበል ቀዳማይ ክፍለዘበን ኣብ እስያን ማእኸላይ ምብራቕን ኣብ ከባቢ ፓለስታይንን እስራኤልን ተጀሚሩ።

5 ስቅያትን ስደትን ሰዓብቲ እምነት ክርስትና ዘብቅዐ ኣብ እዋን ኣገዛዝኣ ንጉስ ቆስጠንጢኖስ እዩ።

6 ሃይማኖት ክርስትና ኣብ ክልተ ኣብዝተመቐለሉ እዋን ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኣብ ግሪክ ከምኡ'ውን ኦርቶዶክስ ክርስትና ኣብ ሮም ማእኸሎም ገይሮምዎ።

7 ሃይማኖት ክርስትና ብዘመነ ንጉስ ኢዛና ካብ 330 - 350 ዓ.ም.ፈ ኣብ መንግስቲ ኣኽሱምን ህዝብን ተኣታትዩ።

ለ ነዞም ዝስዕቡ ኣብ 'ሀ' ንዘለዉ ምስ ኣብ 'ለ' ንዘለዉ ኣዛምዱ።

| | 'ሀ' | 'ለ' |
|---|---|---|
| 1 | ሉዊስ ሊኬይን ሜሪ ሊኬይን | ሀ ታንዛንያ ዝርከብ ሸንጥሮ ኦልዱቫይ |
| 2 | ደቡብ ኣፍሪካዊ ኣናቶሚስት | ለ ኣውስትራሎፒተከስ ራሚደስ |
| 3 | ዶናልድ ጆንሰንን ማውሪስ ኢታብ ዶንሰን | ሐ ኣብ ቱኣንግ ኳዕቲ ዝካየደ ሮበርት ዳርት |
| 4 | ቲም ዋይት | መ ኣንትሮፖለጂስት ኣብ ሰሜን ኬንያ ሃይቅ ቱርካና ኳዕትን ኣለሻን ዝካየደ |
| 5 | ሪቻርድ ሊኬይ | ሰ ሃዳር - ዓፋር - ኢትዮጵያ |

## 1.3 ጥንታዊ መንግስትታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን

### 1.3.1 ታሪክ ግዝኣታት ጥንታዊ መንግስታት

ተምሃሮ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ኣብ ንኡስ ርእሲ 1.1 ከምዝተምሃርኩም ትዝክሩ ዶ? ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ ክሊ ቀርኒ ኣፍሪካ ዘለዋ ስፍራ ብዝምልከት ኣብ ካርታ እናረኣይኩም ተመያየጡ። ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን ጥንታዊ መንግስታት ከምዝነበሩ ትፈልጡ ዶ? ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ይኹን ኣብ ዓለም ንዝነበሩ ጥንታውያን መንግስታት ንክምስረቱ መንቀሊ ምኽንያት ዝኾኑ ምዕባለ ልምድታት ሕርሻን ንግድታትን ከምዝነበረ ይፍለጥ። ኣብ ጥንቲ እዋን ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪካ ብዙሓት ሓያልቲ መንግስታት ነይሮም'ዮም። ስለዚ ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ሓዪሉ ይጋፋሕ ዝነበረ ምንቅስቓስ ንግድን ኣብ ውሽጢ ሃገራት ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪካ ማዕቢሎም ዝነበሩ ዝተፈላለዩ ልምድታት ሕርሻን ተዳሚሮም ብዙሓት ጥንታውያን መንግስታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ክፍጠሩ ገይሮም እዮም። ካብዚኦም ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ጥንታውያን መንግስታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን ኣብ ሃገርናን ነይሮም እዮም።

- ፑንትን ደኣማትን
- ኣኽሱም
- ዛጉዌ
- ብሱልጣን ዝምርሑ ግዝኣታት
- ሙስሊም
- ወላይታ
- ዳሞት
- ኢናርያ
- ካፋ

ተምሃሮ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝነበሩ ጥንታውያን መንግስታት ካብዚ ንታሕቲ ከምዝስዕብ ብዝርዝር ተገሊፆም ኣለዉ።


#### ሀ. ጥንታዊ መንግስቲ ፑንትን ደኣማትን

ተምሃሮ ጥንታዊ ግዝኣት መሬት ፑንት ኣበይ ከባቢ ይርከብ ከምዝነበረ ትፈልጡ ዶ? ግዝኣት መሬት ፑንት ካብ ጥንታዊት ግብፂ ንኣንፈት ደቡብ ኣብ ዝርከብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝነበረ እዩ። ጥንታዊ ግዝኣት መሬት ፑንት ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ካብ ሰሜናዊ ጫፍ ወደብ ሱዋኪን ናብ ደቡባዊ ጫፍ ጓርዱፋይ

ዝርከብ እዩ ነይሩ። ፎርኦናት ጥንታዊ ግብጺ ካብ ሃገረ ግብጺ ንኣንፈት ደቡብ ዝርከብ መሬት ብምልኡ መሬት ፑንት እናበሉ ይፅውዕዎ ነይሮም። መንግስቲ ጥንታዊ መሬት ፑንት 3000 ዓመታት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ጀሚሩ ዝነበረን ኣብ ታሪክ ቀርኒ ኣፍሪካን ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካን ንፈለማ እዋን ብሰነድ ተመዝጊቡ ዝርከብ ፈላማይ ጥንታዊ መንግስቲ እዩ፡፡ ነበርቲ ግዝኣት መሬት ፑንት "ሃበሻት" እናተብሃሉ ይፍለጡ ነይሮም። ግዝኣት መሬት ጥንታዊት ፑንት ብምህርቲ ቅመማ ቅመምን ምግብታትን ዝፍለጥ ነይሩ። ፎርኦናት ግብጺ ብቐይሕ ባሕርን ሸንጥሮ ሩባ ኣባይን ገይሮም ንግዲ ሸቐጣት የካይዱ ነይሮም። ፎርኦናት ግብጺ ካብ ግዝኣት ፑንት ቅመማ ቅመም፣ ምግብታት፣ እንስሳት፣ ማእድናትን ዕጣናትን የምፅኡ ነይሮም። ጥንታዊ መንግስቲ ፑንት ሎሚ ኣብዝርከባ ሃገራት ሱዳን፣ ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ጂቡቲን ሰሜናዊ ሶማልያን ገማግም ባሕሪ ተኸቲሉ ዝተመስረተ ጥንታዊ መንግስቲ ከምዝነበረ ኣብዝስዕብ ካርታ ምርኣይ ይከኣል።

ስለዚ ተምሃሮ ግዝኣት መሬት ፑንት ኣበይ ከምዝርከብን ካበይ ናበይ ተዘርጊሑ ከምዝነበረን ኣብዝስዕብ ካርታ ተመልከቱ።

**ጥንታዊ መንግስቲ ደኣማት፤** ካብ ጥንታዊ መንግስቲ ፑንት ስዒቡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ይርከብ ዝነበረ ድማ ጥንታዊ መንግስቲ ደኣማት ዝበሃል እዩ። ጥንታዊ መንግስቲ ደኣማት ኣብ መወዳእታ ሓሙሻይ ክፍለ ዘበናት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ ህዝብን መንግስትን እዩ። 500 ዓመታት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ዝነበረ እዋን ማለት'ዩ። እዚ ጥንታዊ መንግስቲ ደኣማት ኣብ ናይ ሎሚ ከባቢ ደቡባዊ ኤርትራን ሰሜናዊ ትግራይን እዩ ነይሩ። ቀንዲ ወደብ ጥንታዊ መንግስቲ ደኣማት "ኣዱሊስ" እያ ነይራ፡፡ ዝተወሰኑ ነገስታት ጥንታዊ መንግስቲ ደኣማት ኣብ ደቡብ ዓረብያ ይጥቀሙሉ ዝነበሩ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ስመ ንግስና "ሙካሪብ" ዝበሃል ነይርዎም፡፡ እዚ ድማ ጥንታዊ መንግስቲ ደኣማት ምስ ደቡብ ዓረብያ ዝተፈላለዩ ዝምድናታትን ርክባት ከምዝነበሮም የመልክት፡፡ መንግስታዊ ምልክት ኣርማ ደኣማት "ዋልያ ኣይቤክስ" ነይሩ። ህዝብን መንግስትን ጥንታዊ መንግስቲ ደኣማት ናይ ባዕሎም ዝኾነ ቋንቋን ፅሑፍን ነይርዎም። እሞ ተምሃሮ ጥንታዊ መንግስቲ ግዝኣት መሬት ፑንትን ደኣማትን ኣበይ ከባቢ ከምዝነበሩ ተረዲእኹም ዶ?




ካርታ 1.8 ግዝኣትን መሬትን ፑንትን ደኣማት ዘርእይ ካርታ ጥንታዊት ኢትዮጵያ

## ለ. ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም


ፈላማይ ግዝኣት ጥንታዊ መንግሰቲ ኣኽሱም ኣብ ከባቢ በረኽቲ ቦታታት ሰሜናዊ ክፋል ሃገርና ዝነበረ እንትኸውን ደሓር ግና ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪካን ውሩይን ሓያልን ዝነበረ ጥንታዊ መንግስቲ ሃገርና ክኸውን በቒዑ እዩ፡፡ ስለዚ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ናብ ዝለዓለ ፖለቲካውን ንግዳውን ከምኡ'ውን ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ዘለዎ ብርኪ ዕብየት ምስበፅሐ ንኣንፈት ደቡብ ክሳብ ሰሜናዊ ሸዋ፣ ንኣንፈት ምብራቕ ክሳብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ፣ ንኣንፈት

ሰሜን ድማ ኣብዚ ሎሚ እዋን ኤርትራ ንትበሃል ሃገር ሓዊሱ፣ ክምኡ'ውን ንኣንፈት ምዕራብ ክሳብ ሩባ ኣባይን ናይልን ዘካለለ ነይሩ። ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ክሳብ መበል 9ይ ክፍለዘበን ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪካን ሓያልን ውሩይን ዝበሃል እዩ ነይሩ። መንግስቲ ኣኽሱም ብቴክኖሎጂ ኢደ ጥበብ ኣዝዩ ዝፍለጥ ነይሩ:: ስለዚ ኣዝዮም ዝነኣዱን ዝድነቑን ሓውልትታት፣ ኣብያተ መንግስቲ፣ ስራሕቲ ሸኽላ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዓታሩ፣ ካብ ብሩርን መዳብን ነሃስን ዝስርሑ ዝተፈላለዩ ሳናቲም፣ ቅርፃ ቅርፅታትን ወዘተ ነይሮም። ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ዓለምለኻዊ ንግዲ ብምክያድ ኣዝዩ ዝፍለጥ ነይሩ። ነገስታት ኣኽሱም ብህንዲ ውቅያኖስ ክሳብ ህንዲ፣ ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ደቡብ ዓረቢያ፣ ኣብ ሜዲቴራንያን ባሕርን ሃገራት ኣውሮፓን (ንኣብነት ግሪክን ሮምን) ክምኡ'ውን ናብ ግብፅን ሱዳንን ዝምድናታት ንግዲ ዝተፈላለዩ ሸቐጣት፣ ርክባት ዲፕሎማሲን ወፃኢ ጉዳያትን ነይርዎም። ስለዚ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ስራሕቲ ዝጥቀመሎም ኣርባዕተ ወደባትን በርታት ባሕርን ነይሮምዎ:: እዚኦም ንዓለምለኽ ርክባት፣ ዝምድናታትን ስራሕቲ ንግድን ይጥቀሙሎም ዝነበሩ ወደባትን በርታት ባሕርን ኣዱሊስ፣ ዲኢረ (ራስ ሲያን)፣ ኣቫሊት (ዘይላ)፣ ክምኡ'ውን በርበራ ዝበሃሉ እዮም ነይሮም:: ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ካብ ወርቂ፣ ብሪ፣ መዳብን ነሃስን ዝተሰርሑ ዝተፈላለዩ ሳናቲም ነይረምዎ:: ስለዚ ዓለምለኻዊ ንግድን ንግዲ ውሽጢ ዓድን ተደሚሮም ንጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ፍልፍል ሃፍቲ ኾይኖም ኣገልጊሎም እዮም።

መንግስቲ ኣኽሱም ኣብ ዝለዓለ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓይሊ ኣብዝነበሮ ኣብ መበል 6ይ ክፍለዘበን ብዘበነ ሃፀይ ካሌብ ክሳብ ደቡባዊ ዓረቢያ ይገዝኡን የመሓድሩን ነይሮም። ይኹን ደኣ'ምበር ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ድሕሪ 7ይ ክፍለዘበን ብመዳይ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ወተሃደራዊ ሓይሊ እናተዳኸመ ስለዝመፀ ኣብ መበል 10ይ ክፍለዘበን ህልውና'ዚ መንግስቲ ኣብቂዑ:: ቀንዲ ምኽንያት ውድቀት ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

- ✓ ድሕሪ ሃይማኖት እስልምና እናጎልበተ ምምፃእ መራሕቲ ሃይማኖት እስልምናን ነገስታት ደቡብ ዓረብያን መስመር ንግዲ ቀይሕ ባሕሪ ንምቁፅፃር ናብ ንሕንሕ ምእታዎም፣
- ✓ ብምኽንያት ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ መስመር ንግዲ ንምቁፅፃር ካብ ስዑድ ዓረቢያ ዝተልዓለ ንሕንሕ ወደብ ኣዱሊስ ኣብ ትሕቲ ኣዕራብ ስለዝወደቐት፣
- ✓ ኣዕራብ ንወደብ ኣዱሊስ ስለዝተቖፃፀሩ ብዙ ኣቢሉ ይካየድ ዝነበረ ዓለምለኻዊ ንግዲ ብምድኻሙን ካብዚ ይርከብ ዝነበረ እቶት ብምትራፉ'ውን ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ'ዚ መንግስቲ ኣዐርዩ ስለተዳኸመ፣
- ✓ ብምኽንያት እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ወተሃደራዊ ሓይሊ መንግስቲ ስለተዳኸመ ካብ ወፃኢ ዝመፁ ወራራት ይኹን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝለዓሉ ዓመፃት ንምክልኻል ዘኽእል ዓቕሚ ምስኣን፣
- ✓ ስለዚ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ካብ ቤጃውያን ዝተልዓለ ዓመፅን ኣብ ደቡባዊ ክፋል ድማ ካብ ኣገው ዝተልዓለ ዓመፅን ወራርን ምምካት ብዘይምኽኣል እዩ::

መንግስቲ ኣኽሱም ካብ ኣብ 1150 ዓ.ም.ፈ ምሉእ ብምሉእ ዓንዩ ካብ ኣገው ብዝመፀ ካሊእ ስርወ ንግስና ተተኪኡ። ተምሃሮ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ዝነበረሉ ከባብን ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝነበሮ ዝምድና ብዝምልከት ነዚ ዝስዕብ ካርታ መሰረት ገይርኩም ተመያየጡ።




ካርታ 1.9 ካርታ ግዝኣት ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም


## ሐ. ዛጉዌ ስርወ መንግስቲ

ድሕሪ ውድቀት መንግስቲ ኣኽሱም ስዒቡ ኣብ ሃገርና ዝነበረ መንግስቲ ስርወ ንግስና ዛጉዌ እዩ። ስርወ ንግስና መንግስቲ ዛጉዌ ንከባቢ 120 ዓመታት ካብ 1150 ዓ.ም.ፈ ክሳብ 1270 ዓ.ም.ፈ ዝፀንሐ ኾይኑ ማእኸሉ (መቐመጢ ነገስታት) ኣብ “ላስታ” እዩ ነይሩ።

ላስታ ኣብ ብሄራዊ ክልል ኣምሓራ፣ ምምሕዳር ዞባ ሰሜን ወሎ፣ ወረዳ ቡግና ዝርከብ እዩ። መስራታይን ፈላማይ ንጉስ ዛጉዌ መንግስቲ ዝነበረ ንጉስ መራ ተክለሃይማኖት ዝበሃል እዩ። ዛጉዌ ዝብል ቃል ካብ “ዘ-ኣገው” ዝብል እዩ ተወሪሱ።

ኣብዚ እዋን ፈላማይ ከተማ ማእኸል ንግስና ዛጉዌ ስርወ መንግስቲ ኣብ “ኣደፋ” ዝበሃል ዝነበረ እንትኾውን ደሓር ግና ናብ “ሮሃ” ዝበሃል ከተማ ተቐይሩ።

ሮሃ ዝብል ስም ማእኸል ንግስና ዛጉዌ ዝነበረ ደሓር “ላሊበላ” ናብዝብል ስም ተቐይሩ። ካብ ነገስታት ዛጉዌ እቲ ውሩይ ዝነበረ ንጉስ ላሊበላ ዝበሃል እንትኾውን ሃይማኖት ክርስትና ብምስፍሕፋሕን ውቅር ቤተ ክርስትያን ላሊበላ ብምህናፅን ድማ ኣዝዩ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ እዋን ስርወ ንግስና ዛጉዌ ንንግዲ ወፃኢ ዝምድናታትን የገልግሉ ዝነበሩ ክልተ በርታት ባሕሪ ነይሮም። እቲ ሓደ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ “ደሴት ዳህላክ” እንትኾውን እቲ ካልኣይ ድማ “ወደብ ዘይላ” እዮም ነይሮም። ግዝኣት መንግስቲ ዛጉዌ ካብ ሰሜን ትግራይ ናብ ደቡብ ኣንፈት ክሳብ ሽዋን ካብ ንምብራቕ ኣንፈት ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ንኣንፈት ምዕራብ ድማ ሃይቅ ጣና ዝተዘርገሐ እዩ ነይሩ።




ካርታ 1.10 ካርታ ግዝኣት ስርወ ንግስና መንግስቲ ዛጉዌ

ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ 1270 ዓ.ም.ፈ. ስርወ መንግስቲ ዛጉዌ ብሰለሞናዊ ስርወ ንግስና ተተኪኡ። ንውድቀት ስርወ መንግስቲ ዛጉዌ ምኽንያት ዝኾኑ ብዙሓት እንተኾኑ'ውን ካብዚኦም ውሽጢ ዝስዕቡ ይርከቡ፤

- ድሕሪ ንጉስ ላሊበላ ዝነበሩ ነገስታትን መራሕትን ኣብ ሞንጎኦም ዝነበረ ሓያል ፖለቲካዊ ንሕንሕ ንግስና ዝቀቀስ እንትኸውን ኣብ ክንዲ ብሰላማዊ መንገዲ ምትክካእ ንግስና ምክያድ ብኲናትን ሓይልን ይካየድ ምንባሩ፣
- ስርወ መንግስቲ ዛጉዌ ካብ ኣገው ብምንባሩን ኣገው ድማ ኲሻዊ ዘርኢ ብምዃኖም እዚ መንግስቲ ሴማዊ መሰረት ስለዘይነበሮ ካብ ትግራይን ኣምሓራን ተቓውሞ ይገጥም ነይሩ። መረሕቲ ሃይማኖት ክርስትና ካብ ኣኽሱምልን ደብረ ዳሞን ስርወ መንግስቲ ዛጉዌ ካብ ሰለሞናዊ ብዘይምዃኑ ይቀወሙ ምንባሮም ውሽጣዊ ንሕንሕ ሓይሉ ምንባሩ ቅሳነት ተሳኢኑ፣
- ነገስታት ዛጉዌ ኣብ ክንዲ ወተሃደራዊ ዓቕሞም ዘሐይሉ ናብ ሃይማኖታዊ ራሕትን ምግፋሕ ሃይማኖት ክርስትና ዘድሃቡ ብምንባሮም እዮም።


## መ. ብሱልጣኔት ዝምራሕ ግዝኣት ሙስሊም

ሃይማኖት እስልምና ኣብ ደቡብ ዓረቢያ ምስጀመረ ካብ 9ይ ክፍለ ዘበን ጀሚሩ ብወደብ ዘይላ ቀርኒ ኣፍሪካ ኣቢሉ ናብ ምብራቕን ደቡባዊ ምብራቕን ሃገርና ይኣትው ነይሩ፡፡ ስለዚ ኣብዚ ከባቢ ንምትእትታው ሃይማኖት እስልምና ተኸቲሉ ዝተፈላለዩ ሙስሊም ሱልጣኔታት ይምስረቱ ነይሮም። ሙስሊም ሱልጣኔት ዝበሃሉ ብመራሕቲ ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ዝምራሕን ዝመሓደርን መንግስቲ ዝምልከት እዩ። ገዛእቶምን መራሕቶምን "ሱልጣን" ተባሂሎም ስም ንግስና ይወሃቦም ስለዝነበረ ካብዚ ስም ማእርግ "ሱልጣኔት" ዝብል ብልሙድ መፂኡ።

ስለዚ ሙስሊም ሱልጣኔት እንትበሃል በዞም ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ይመሓደሩ ንዝነበሩ ግዝኣትን መንግስትን ሙስሊም መፀውዒ ተገይሩ ዝተወሰደ እዩ። ካብዞም ሙስሊም ሱልጣኔት ዝበሃሉ ውሽጢ እቶም ውሑዳት ኣብ ሸዋ፣ ኢፋት፣ ኣዳል፣ ፋጣጋር፣ ዳዋሮ፣ ባሊ፣ ሃድያ ወዘተ ዝበሃሉ ይርከብዎም፡፡ እዞም ዝተፈላለዩ ሙስሊም ሱልጣኔታት ኣብ ዝተፈላለየ ታሪካዊ እዋናት ዝተመስረቱን ዝነበሩን ስለዝኾኑ ነናይ ባዕሎም ትርጉም ነይርዎም። ንኣብነት ሙስሊም ሱልጣኔት ሸዋ ኣብ 896 ዓ.ም.ፈ. ዝተመስረተ እንትኸውን ብ1285 ዓ.ም.ፈ. ብሙስሊም ሱልጣኔት ኢፋት ተዓብሊሉ፡፡ ሙስሊም ሱልጣኔት ሸዋ ካብ ስዑድ ዓረብያ ብዝመፁ ስርወ ነገስቲ "ማኩዚማይት" ዝተመስረተ እዩ። ማእኸል ርእሰ ከተማ ሙስሊም ሱልጣኔት ሸዋ ኣብ "ዋላላሀ" ዝበሃል እዩ ነይሩ።

ሙስሊም ሱልጣኔት ኢፋት ድማ ኣብ መበል 13 ክፍለ ዘበን ብስርወ ነገስቲ "ዋላዝማ" ዝበሃል ዝተመስረተ እዩ፡፡ ሱልጣኔት ኢፋት መስመር ንግዲ ዘይላ ይቆፃፀር ስለዝነበረ ሃፍታም መንግስቲ እዩ ነይሩ፡፡ ሱልጣኔት ኢፋት ብ1332 ዓ.ም.ፈ. ብሃፀይ ዓምደፅዮን ምስተወረረ ኣብ ትሕቲ ክርስትያን መንግስቲ ሰሚን ወዲቑ። ኣብ ከባቢ "ቡልጋ"ን "ሸንኮራ"ን ድማ ማእኸል ንግስናን ምምሕዳርን ዝነበሮ ሱልጣኔት ፈጠጋር ዝበሃል ኣብ መበል 13 ክፍለዘበን ዝተመስረተ ነይሩ፡፡ ሙስሊም ሱልጣኔት ኣዳል ዝበሃል ድማ ካብ 1420 - 1560 ኣብ ከባቢ ደጉዓ ሃረርጌ ዝነበረ ኾይኑ ብኣንፈት ሰሜናዊ ምዕራብ ሶማል፣ ንደቡብ ጂቡቲን ሶማሊያን ዘካለለ ኣብ ኦሮሚያን ዓፋርን ዝነበረ እዩ። ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘበን ሓያል ሱልጣን መንግስቲ ዝነበረን ብዋላዝማ ይመሓደርን ዝነበረ'ውን እዩ።
ኢኮኖሚያዊ መሰረት እዞም ሙስሊም ሱልጣኔት ኣብ ሕርሻን ነዊሕ ጉዕዞ ዝኸየደሉ ንግድን እዮም ነይሮም። ካብዞም ዝተጠቐሱ ሙስሊም ሱልጣኔታት እቲ ውሩይን ሓያልን ዝነበረን ካብ

ውሽጢ ዓዲ ናብ ወደብ ዘይላ ዝበፅሕ ነዊሕ ጉዕዞ መስመር ንግዲ ይቆፃፀር ዝነበረ ሙስሊም ሱልጣኔት ኢፋት ዝበሃል እዩ፡፡ ኣብ እዋን ማእኸይ ዘበን ዝነበሩ ንጉስ ኣምደፅዮን (ካብ 1314 - 1344 ዓ.ም.ፈ) ኣብ ሰሜናዊ ብራኽ ዝነበረ ክርስትያናዊ መንግስቲ ነዞም ሙስሊም ሱልጣኔታት ኣዳኺምዎም ነይሩ። ደሓር ግና ድሕሪ ምምስራት ሙስሊም ሱልጣኔት ኣዳልን ወራር ኣሕመድ ግራኝን ስዒቡ እዞም ሙስሊም ሱልጣኔታት ዝበሃሉ ብምልኦም ክሕይሉ ክኢሎም እዮም።




ካርታ 1.11 ካርታ ግዝኣት ሙስሊም ሱልጣኔት ማእኸላይ ዘመን

## ሰ. ኣብ ማእኸላይ ዘበን ብደቡብን ማእኸላይን ኢትዮጵያ ዝነበሩ ህዝብታትን መንግስትታትን

ኣብ እዋን ማእኸላይ ዘበን ኣብ ደቡብን ማእኸላይን ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ መንግስትታትን ህዝብታትን ነይሮም እዮም። እዞም ህዝብታትን መንግስትታትን ሰዓብቲ ክርስትና ወይድማ እስልምና ሃይማኖት ኣይነበሩን። ብኸምዚ መልክዕ ካብዝነበሩ መንግስትታትን ህዝብታትን ውሽጢ ወላይታ፣ ዳሞት፣ ኢናርያን ካፋን ዝበሃሉ ይርከብዎም።


**መንግስቲ ዳሞት፣** ዳሞት ዝበሃል ህዝብን መንግስትን ካብ 5ይ ክፍለ ዘበን ጀሚሩ ዝነበረን ነዊሕ ዕድመ ዝፀንሐን እዩ። ግዝኣት ዳሞት ዝበሃል ካብ ሩባ ኣባይ ንደቡብ ኣንፈት፣ ካብ ሩባ ኣዋሽ ንምዕራብ ኣንፈት፣ ካብ ዲዴሳ ሩባ ንምብራቕ ኣንፈት፣ ካብ ሃድያ ድማ ንኣንፈት ምዕራብ ገፊሕ ግዝኣት ዝነበሮ ኣብ ምዕራብን ደቡብ ምዕራብን ኢትዮጵያ ዝነበረ እዩ። ዳሞት

ኣብ ዝለዓለ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓይሊ ዝነበራን ብኢኮኖሚ'ውን ዝሓየለትን ዝነበረትሉ እዋን ኣብ እዋን ንጉስ ሞቶሎሚ ዝበሃል ነይሩ፡፡ ብ1316 ዓ.ም.ፈ ሃፀይ ዓምደፅዮን ብዘካየድዎ ወራር መንግስቲ ዳሞት ኣብ ትሕቲ ክርስትያን መንግስቲ ሰሜን ወዲቑ እናገበረ ክሳብ መበል 16 ክፍለ ዘበን ፀኒሑ እዩ።

**መንግስቲ ወላይታ፣** እዚ ግዝኣት ካብ ሃድያ ንኣንፈት ደቡብ ዝርከብ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብ መጀመርታ ህዝቢ ወላይታ ኣብ ትሕቲ ዳሞት እናተመሓደረ ከምዝነበረን ንዳሞት ይግብሩ ከምዝነበሩን ይፍለጥ'ዩ። ኣብ ወላይታ ሰለስተ ስርወ መንግስቲ ዝነበሩ እንትኸውን ካብዚኦም እቲ ቀዳማይን መስራታይን ዝነበረ "ስርወ ንግስና ወላይታ ማላ" እዩ። እዚ ስርወ መንግስቲ ኣብ ዳሞት ብዝነበረ ንጉስ ሞቶሎሚ ዝተጣየሸ እዩ ነይሩ። መራሕቲ ወይድማ ንገስታት ወላይታ "ካኦ" ዝብል ስም ማእርግ ነይርዎም። መንግስቲ ወላይታ ብሃፀይ ዓምደ ፅዮን ኣብ መበል 14 ክፍለ ዘበን ምስተወረረ ኣብ ትሕቲ ክርስትያን ስርወ መንግስቲ ደጉዓ ሰሜናዊ ኢትዮጵያ ወዲቑ ይግብሩ ነይሮም ማለት እዩ። ብኽምዚ ኩነታት ክሳብ ወራር አሕመድ ግራኝ ፀኒሑ።

**መንግስቲ ኢናርያ፣** ግዝኣት መንግስቲ ኢናርያ ካብ ሩባ ጎጀብ ንኣንፈት ሰሜን ይርከብ ነይሩ። ኢናርያ ፍልፍል ማእኸል ዝተፈላለዩ ሸቐጣትን ንግድን እዩ ነይሩ። ኣብ መበል 14 ክፍለ ዘበን ብምኽንያት ወተሃደራዊ ወፍሪ ሃፀይ ዓምደፅዮን ግዝኣት ኢናርያ ኣብ ትሕቲ ክርስትያን መንግስቲ ደጉዓ ሰሜን ወዲቑ። መራሕቲ ግዝኣት ኢናርያ ብዙሓት ኣብያተ ክርስትያን ሃኒፆም እዮም። ደሓር ግና ግዝኣት ኢናርያ ብህዝቢ ኦሮሞ ተታሒዙ ስለዝነበረ ኣብ መበል 19 ክፍለዘበን "ግዝኣት ሊሙ -ኢናርያ" ብዝበሃል ተጠናኺሩ ቐፂሉ።

**መንግስቲ ካፋ፣** እዚ መንግስቲ ካብ ኢናርያ ንኣንፈት ደቡብ ኣብዝነበረ ከባቢ ኣብ መበል 14 ክፍለዘበን ዝተመስረተ እዩ። ማእርግ መረሕቲ (ነገስታት) ካፋ "ታቶ" ዝብል ነይሩ። "ታቶ" መንግስቲ ካፋ "መከርቾ" ብዝበሃል ማእርግ ዝፍለጥ ኣማኻሪ ይሕገዝ ነይሩ። ኢኮኖሚያዊ መሰረት መንግስቲ ግዝኣት ካፋ ከምቶም ካልኦት ኣብ ሕርሻን ንግድን ዘማእኸለ እዩ ነይሩ። ሃፀይ ምኒሊክ ንደቡብ ኣንፈት ብዘካየድዎ ወተሃደራዊ ወራር (ወፍሪ ምግፋሕ ግዝኣት) መወዳእታ ንጉስ ካፋ ንዝነበረ "ታቶ ጋኪ ሰሬቾ" ብምስዓሮም ኣብ 1897 ዓ.ም.ፈ መንግስቲ ካፋ ህልውንኡ ኣብቂዑ።




ካርታ 1.12 ካርታ ማእኸላይ ዘበን መንግስትታት ደቡብን ምዕራብን ኢትዮጵያ

እሞ ተምሃሮ ኣብ ጥንታውን ማእኸላይን ዘበናት ኢትዮጵያ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሃገርና ይኹን ኣብ ማእኸላይ፣ ምብራቕ፣ ደቡብ ምብራቕ፣ ምዕራብ፣ ደቡብ ምዕራብን ደቡብን ክፋል ሃገርና ዝተፈላለዩ መንግስትታት ከምዝነበሩ ተረዲእኹም ዶ? ሙስሊም ሱልጣኔትን ሙስሊም ዘይኮኑ'ውን መንግስታት ከምዝነበሩ ተረዲእኹም ዶ? ኣብ ሓደ እዋን ሓየልቲ ዝነበሩ ኣብ ካሊእ እዋን ድማ ህልውንኦም እንተብቅዕ ኸ ተገንዚብኩም ዶ? እምበኣርከስ ብጉጅለ ኾይንኩም ነዞም ዝተገለፁ ደጊምኩም ርኣይዎም።

## መልመዲ 1.3

**ሀ** ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ትኽክል እንተኾይኖም “ሓቂ” ትኽክል እንተዘይኾይኖም ድማ “ሓሶት” እናበልኩም መልሱ።

1 ንውድቀት ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ምኽንያታት ካብዝኾኑ ውሽጢ ዓመፅ ቤጃውያንን ወራር ዓሌት ኣገውን ዝጥቀሱ እዮም።
2 ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ውሩይን ሓያልን ዝነበሮ እዋን ኣብ መበል 9ይን 10ይን ክፍለዘበናት ነይሩ።
3 ኣብ ላስታ ዝነበረ ስርወ መንግስቲ ዛጉዌ ምስወደቐ ብመንግስቲ ኣኽሱም ተተኪኡ፡፡
4 ስመ ማእርግ መረሕቲ (ነገስታት) ወላይታ “ካኦ” ዝብል ነይሩ።
5 ስመ ማእርግ መረሕቲ (ነገስታት) ካፋ “ታቶ” ዝብል ነይሩ።
6 ኢኮኖሚያዊ መሰረት መንግስቲ ካፋ ኣብ ንግድን ሕርሻን ዝተመስረተ ነይሩ።
7 ውሩይ ንጉስ ስርወ ንግስና ዛጉዌ መንግስቲ ንጉስ ካሌብ ዝበሃል ነይሩ።
8 ሙስሊም ሱልጣኔት ኣዳል ኣብ ብራኽ ደጉዓ ምብራቕ ሸዋ ዝተመስረተ ነይሩ።

**ለ** ኣብ ትሕቲ “ሀ” ንዘለዉ ምስ ኣብ ትሕቲ “ለ” ዘለዉ ኣዛምድ፡፡

| | ሀ | | ለ |
|---|---|---|---|
| 1 | ደኣማት | ሀ | ሃፀይ ዓምደፅዮን (1314 - 1344) |
| 2 | መሬት ፑንት | ለ | ሱልጣኔት ሸዋ |
| 3 | ስርወ ንግስና ዛጉዌ | ሐ | ካብ ሩባ ጎጀብ ንኣንፈት ሰሜን ዝነበረ |
| 4 | ጥንታዊት መንግስቲ ኣኽሱም | መ | ታቶ ጋኪ ሴሮቾ |
| 5 | ክርስትያን ንጉስ ደጉዓ ኢትዮጵያ | ሰ | ሓበሻት |
| 6 | ሙስሊም ሱልጣኔት ፈጣጋር | ረ | 500 ዓመታት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ |
| 7 | ፈላማይ ሙስሊም ሱልጣኔት | ሸ | ንጉስ ላሊበላ |
| 8 | ሙስሊም ሱልጣኔት ኢፋት | ቀ | ወደባት ኣዱሊስ፣ ዘይላን በርበራን |
| 9 | ንጉስ መንግስቲ ካፋ | በ | ኣብ ከባቢ ቡልጋን ሸንኮራን ዝነበረ |
| 10 | መንግስቲ ኢናርያ | ተ | ስርወ መንግስቲ ወላዝማ ብ1332 ኣብቂዑ |

### 1.3.2 ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት

ተምሃሮ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ መንግስታት ስለዝነበሩ ኣዝዮም ዘደንቁ ታሪካዊ ተርእዮታትን ምዕባለ ቴክኖሎጂ ኢደ ጥበብን ነይሮም እዮም፡፡ ስለዚ ኣብ ጥንታዊ መንግስታት ኣኽሱምን ዛጉዌን፣ ማእኸላይ ዘበን መንግስቲ ጎንደር፣ ኣብ ሃረር ከተማ ዝርከብ መንደቕ ጀጎል፣

ኣብ ብሂረሰባት ኮንሶን ሲዳማን ዝርከቡ ዘደንቑ ታሪካዊ ተርእዮታትን ዝተወርሱ ዓወታትን ብዝምልከት ካብዚ ንታሕቲ ቐሪቡ'ሎ።

## ሀ. ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም

ተምሃሮ እስኪ ብዛዕባ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ዝተምሃርክምዎን ትፈልጥዎን ያሚቕኩም ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ተመያየጡሉ፡፡ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ካብ መዓዝ ክሳብ መዓዝ ዝነበረ'ዩ? ፍሉይ መግለፂ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም እንታይ እዩ? ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ብዝምልከት ሕዚ ዘለዉ ሓወልትታትን ኣብያተ መንግስትን ከምኡ'ውን መቓብራትን ተኺዒቶም ይወፁ ዘለዉ ሓድግታት እንታይ እዮም ዝገልፁ? ኣብ ዘመነ ኣኽሱም ዝነበሩ ቤተ መቅደስን ፅላተ ሙሴ ተመያየጡ።

ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ጥንኩር፣ ድልዱልን ምእኹል ምምሕዳር መንግስቲ ነይርዎ። ነገስታት ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ካብዝነበሩ ውሽጢ እቶም ቀንዲ ንግስተ ሳባ (ኣዜብ ወይድማ ማክዳ)፣ ንጉስ ቀዳማዊ ምኒልክ፣ ንጉስ ሮምሃይ፣ ሃፀይ ኢዛና፣ ሃፀይ ካሌብ፣ ሃፀይ ገብረመስቀል፣ ንጉስ ባዜን …ወዘተ ዝበሃሉ ነገስታት ይርከብዎም፡፡ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ንግዲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ብወደባት ኣቢሎም ይካየድሉ ስለዝነበረ ኢኮኖሚያዊ መሰረት ኣብ ንግድን ሕርሻን ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂ ኢደ ጥበብን እዩ ነይሩ። ኣብ እዋን ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ምስ ኣሌክሳንድርያን ግብፅን ጥራሕ ዘይኮነስ ምስ ህንዲ፣ የመን፣ ደቡብ ዓረብያ፣ እስራኤል፣ ግሪክን ሮምን ከምኡ'ውን ሜዲተራንያን ዝምድናታት ወፃኢ ከምዝነበሮም ይፍለጥ እዩ፡፡ ካብ ኣኽሱም ዝተፈላለዩ ዕጣናት፣ ከርቤን፣ እንስሳት፣ ስኒ ሓርማዝ፣ ቆርበት፣ መጋየፅታት ወርቂ-ብሩር-መዳብን ነሓስን፣ ኣዝርእቲ፣ ማእድናትን ካልኦት ናብ ሃገራት ወፃኢ ይለኣኹ ነይሮም፡፡ ካብ ወፃኢ'ውን ብዙሓት ሸቐጣትን ናውትን ናብ ኣኽሱም ይመፁ ነይሮም። ስለዚ ዝምድናታትን ምልውዋጥን ንግዲ ነይሩ'ዩ፡፡


ሃይማኖት ክርስትና'ውን ኣብ እዋን ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ብዘመነ ንግስና ሃፀይ ኢዛናን ሳይዛናን ናብ ኣኽሱም ኣትዩ ዕላዊ ሃይማኖት መንግስትን ህዝብን ኾይኑ፡፡ ኣብ ዘመነ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ስነ ጥበብን ስነ ፅሑፍን ማዕቢሉ ነይሩ፡፡ ቋንቋን ፅሑፍ ፊደልን ግእዝ፣ ሳቢያንን ግሪክን ኣብ ግልጋሎት ስራሕቲ መንግስቲ ውዒሎም'ዮም፡፡ መንግስቲ ጥንታዊ ኣኽሱም ሓያልን ዝተጠናኸረን ወተሃደራዊ ሰራዊት ስለዝነበሮ ክሳብ ደቡብ ዓረቢያ ሰራዊት ይልእኽ ነይሩ፡፡ ሃፀይ ካሌብ ሰራዊቶም ናብ ደቡብ ዓረቢያ ልኢኾም ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣካይዶም ነይሮም፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ብደረጃ ዓለም ዘደንቑን ተወዳደርቲ ዘይብሎም ካብ ሓደ እምኒ ዝተፀረቡ ሓወልትታት ኣስሪሖም ክሳብ ሎሚ ብደረጃ ዓለምለኽ ዝተመዝገቡ ሓድግታት ኣለዉ፡፡ ብዙሓት ሳናቲምን ኣብ ትሕቲ መሬት ዝተረኽቡ ውፅኢታት ሸክላ'ውን ኣለዉ፡፡ ስለዚ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ምዕቡል ቴክኖሎጂ ነይርዎ'ዩ።




ካብ ሮም ዝተመለሰ ሓወልቲ ኣኽሱም        ቅድሚ 25 ዓመታት ዝተስኣለ ስእሊ ሓወልቲ ኣኽሱም



ስእሊ 1.8 ሓወልትታት ኣኽሱም (ክንክን ሓድግታት ዘርኢይ) - መስከረም 2003 ዓ.ም



ስእሊ 1.9 ሳናቲም፣ መስቀላትን ዘውድታትን ጥንታዊ ነገስታት ኣኽሱም



ስእሊ 1.10 ብሃፀይ ፋሲል ዝተሃነፀ ካቴድራል ቅድስት ፅዮን ማርያም ኣኽሱም

## ለ. ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስቲ ዛጉዌ


ተምሃሮ እስኪ ብዛዕባ ጥንታዊ መንግስቲ ዛጉዌ ዝተምሃርክምዎን ትፈልጥዎን ያሚቕኩም ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ተመያየጡሉ። ጥንታዊ መንግስቲ ዛጉዌ ካብ መዓዝ ክሳብ መዓዝ ዝነበረ'ዩ? ፍሉይ መግለፂ ጥንታዊ መንግስቲ ዛጉዌ እንታይ እዩ? ኣብ ሮሃ - ላሊበላ ዝርከብ ውቅር ቤተ ክርስትያን ትፈልጥዎ እንተሃልዩ ተመያየጡ። ውቅር ቤተ ክርስትያን ላሊበላ ክንደይ ኣብያተ መቅደስ ኣለውዎ? ዘርዝርዎም። ስርወ መንግስቲ ዛጉዌ ንውደቀት ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ስዒቡ ኣብ ላስታ - ሮሃ - ላሊበላ ዝተመስረተን ን120 ዓመታት ዝኣክል ካብ 1150 - 1270 ዝፀንሐ እዩ። መበቆል ስርወ መንግስቲ ዛጉዌ ካብ ኣገው ብምኳኑ ኩሽቲካዊ ዘርኢ ዝነበሮ እዩ። ኣኽሱማውያን ድማ ብምኽንያት ንግሰተ ሳባን ቀዳማይ ምንሊክ ምስ ንጉስ ሰሎሞን ዘለዎም ሃረግ ዘርኢ ዝኽተሉ ሰሎሞናውያን ተባሂሎም ዝፍለጡን ኣብ ሴማዊ ዘርኢ ዝምደቡን እዮም። ይኹን ደኣ'ምበር ነገስታት ዛጉዌ ሃይማኖት ክርስትና ተቐቢሎም እዮም። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ሮሃ - ላሊበላ ውቅር ቤተ ክርስትያን ኣህኒፆም እዮም። እዚ ባህልን ስነስርዓትን ጥበብ ስነ ህንፃ መቐፀልታ ኣኽሱማውያን ዝነበረ'ዩ።



ስእሊ 1.11 ኣብ ሮሃ - ላሊበላ ዝርከብ ውቅር ቤተ ክርስትያን

ውቅር ቤተ ክርስትያን ላሊበላ ዓሰርተ ሓደ ቤተ ክርስትያናት ዝሓዘ እንትኸውን ብውሽጥን ብደገን ህንፃ ዝተፈላለዩ ስእልታትን ስነ ቅርፅታት ኣለውዎ፡፡ ብዘመነ ኣኽሱማውያን ዝተሰርሑን ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ውቅር ኣብያተ ክርስትያናት ዝተፈላለዩ ፅባቐታት ዘለውዎም እንትኾኑ ዘለውዎም ስነ ቅርፅታትን ስእልታትን ግና ኣብ ውሽጢ ህንፃ ጥራሕ እዮም ዝርከቡ፡፡ እዚ ዝሕብሮ ኣብ ላሊበላ ዝተርኣዩ ስነ ቅርፅታትን ጥበብን ምስ ኣብ ዘመነ ኣኽሱማውያን ዝነበረ ዝመሳሰልን ምትእስሳር ዘለዎምን ከምዝነበሩን ኣፀርዮም ዝተርኣዩ ምዕባለታት'ውን ከምዝነበሩ'ዩ። ኣብ ኣኽሱም ዝርከቡን ጠጠው ኢሎም ዘለዉን ሓውልትታት ከምኡ'ውን ኣብ ላሊበላ ዝርከብ ዓሰርተ ሓደ ቤተ ክርስትያናት ዝሓዘ ውቅር ቤተ ክርስትያን ብደረጃ ዓለም ዝፍለጡ ምዝጉባት ሓድግታት ሃገርና እዮም።

ስለዝኾነውን ኣብዚ ሎሚ እዋን ናብ ኣኽሱምን ላሊበላን ኣዝዮም ብዙሓት ዑደተኛታት ደቂ ወፃእቲ ቱሪስትታት ይመፁ'ለዉ፡፡ ብደረጃ ዓለም ዝተመዝገቡ፣ ዝተደነቑን ውዕኢት ውሕሉል ጥንታዊ ቴክኖሎጂ ኣክሱማውያንን ላሊበላን ንምርኣይን ንምስትምቓርን በዚ ኣቢሎም ድማ ንኸዘናግዑን ይመፁ። ኣብ ዘመነ ስርወ መንግስቲ ዛጉዌ ስነ ፅሑፍ፣ ፊደልን ቋንቋ ግእዝን መንግስታዊ ኣፍልጦ ነይርዎ።





ካርታ 1.13 ማእከላይ ዘበን ሃፀያዊ ግዝኣታት ካብ 1270 - 1520 ዓ.ም.ፈ.

## ሐ. ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ማእኸላይ ዘበን መንግስቲ ጎንደር


ተምሃሮ ብዛዕባ ከተማ ጎንደርን ታሪካዊ ረብሓኣን እንታይ ትፈልጡ? ጎንደር ኣብ ታሪክ ሃገርና ታሪካውን ፖለቲካውን ትርጉም ከምዝነበራ ትፈልጡ ዶ? ኣብ ከተማ ጎንደር ብደረጃ ዓለም

ዝድነቑን ዝተመዝገቡን ሓድግታት ከምዘለዉ ኸ ትፈልጡ ዶ?





ካርታ 1.14 ዳግማይ ምጥያሽ (ምምስራት) ሃፀያዊ ግዝኣታት ካብ 1540 - 1597 ዓ.ም.ፈ.

ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘበን ብምኽንያት ወራር ኣሕመድ ግራኝን ስዒቡ ዝተርኣየ ምንቅስቓስ ህዝቢ ኦሮሞን ኣብ ሰሜናዊ ደጉዓታት ማእኸላይ ኢትዮጵያ ዝነበረ ክርስትያናዊ መንግስቲ ክቀስን ብዘይምኽኣሉ ናብ ሰሜናዊ ኣንፈት ሩባ ኣባይ መፂኡ ነይሩ፡፡ ሃፀይ ገላውዴዎስ (1540 - 1559 ዓ.ም.ፈ)፣ ሃፀይ ሚናስ (1559 - 1563 ዓ.ም.ፈ)፣ ሃፀይ ሰርፀ ድንግል (1563 - 1597 ዓ.ም.ፈ) ማእኸል ፖለቲካዊ ኣመራርሓ ንግስነኦም ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናዘዋወሩ'ዮም የመሓድሩ ዝነበሩ፡፡ ንጉስ ሱስንዮስ (1597 - 1632 ዓ.ም.ፈ) ድማ ሃይማኖቱ ካብ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ናብ ካቶሊክ ኣብ 1622 ዓ.ም.ፈ ስለዝቐየረ ዓብዪ ተቓውሞ ህዝቢ ገጢምዎ፡፡ ብምኽንያት እዚ ኩነታት ቅሳነት ዝሰኣነሉ ኩነታት እዩ ነይሩ፡፡ ስለዚ ጎንደር ዝቐሰነ ማእኸል ፖለቲካዊ ንግስና መንግስቲ ኢትዮጵያ ኾይኑ ንመጀመርታ (ንፈለማ) እዋን ብፍሉይ ዝተመስረተትሉ ኣብ 1636 ዓ.ም.ፈ ብሃፀይ ፋሲል (ፋሲለደስ) እዩ፡፡ ሃፀይ ፋሲል ካብ 1632 - 1667 ዓ.ም.ፈ ዝነበረ ንጉስ መንግስቲ ኢትዮጵያ እዩ፡፡





ካርታ 1.15 ማእኸላይ ዘመን ሃፀያዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ - መንግስቲ ጎንደር

ሃፀይ ፋሲል ንከተማ ጎንደር ማእኸል ቅሱን ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ወተሃደራውን ምምሕዳር ማእከላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኽትከውን ገይሮም። ስለዚ ብፅባቐኡ ብጣዕሚ ፍሉይ ጥበብ ዝተላበሰ ንህዝብን መንግስትን ዘ'ኹርእ ክሳብ ሎሚ ብብዙሕ ጎብነይቲ ዝርአይ "ቤተ መንግስቲ ጎንደር" አህኒያም። ጎንደር ማእኸል ነዊሕ መስመር ንግዲ ክትከውን ስለዝኸኣለት ዝለኣለ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ነይርዋ። ስለዝኾነ'ውን ምስ ምፅዋዕን ቀይሕ ባሕርን፣ ብመተማ ኣቢሉ ድማ ምስ ሱዳን (ፉንጅ ሱልጣኔት) ትራኸብ ነይራ፡፡ እዚ ስትራተጂካዊ ረብሓ ማእኸላይ ዘበን ንምኽታም ጎንደር ዓብዪ ሓገዝ ነይርዎ። ከተማ ጎንደር ማእኸል ንግዲ ስለዝነበረት ደቂ ወፃእን ውሽጢ ዓድን ዝኾኑ ነጋዶን ኢደ ጥበበኛታትን ይነብሩላ ነይሮም። ጀበርቲ እናተብሃሉ ዝፅውዑ ሙስሊም ነጋዶ ኣብ ጣቢያ ኣዲስ ኣለም ከተማ ጎንደር ይነብሩ ነይሮም። ካብ ህንዲ፣ ፋርስ፣ ግሪክን ኣርመንያን ዝመፁ ነጋዶ ደቂ ወፃኢ ነይሮም። ኣብ ስራሕቲ ሸክላ (ዓታሩ ዝሰርሑ)፣ ኢደ ጥበባውያን፣ ዓለምትን ስፈታት (ዘምቢል፣ መሸረፈት፣ ሰተታ፣ መንፌት ...) ይሰርሑ ዝነበሩ ፈላሻታት'ውን ይነብሩ ነይሮም።



ስእሊ 1.12 ቤተ መንግስቲ ነገስታት ጎንደር



1. ፋሲለደስ ካስትል ነብሲ/ሰውነት
2. መሕፀቢ ፋሲለደስ
3. ፋሲለደስ ንኡሽተይ ካስትል
4. ካስትል ቀዳማይ ኢያሱ
5. ቤተ መጻሕፍቲ ፃዲቑ ዮሃንስ
6. ቤተ ሙዚቃ/መዝሙር ሳልሳይ ዳዊት
7. ካስትል ባካፋ
8. ንኡሽተይ ካስትል ግርማዊት ምንትዋብ
9. ቤተክርስቲያን ኣታሚ ቅዱስ ሚካኤል
10. ካስትል ራዕሲ ሚካኤል ስሑል
11. ፍራሳት ቤተክርስትያን ግንጃ ቤት ማርያም
12. በርታት ቤተመንግስቲ ነገስታት ጎንደር

ስእሊ 1.13 ካርታ ቅፅረ ግቢ ቤተ መንግስቲ ነገስታት ጎንደር





ስእሊ 1.14 ኣብ ከተማ ጎንደር ዝርከብ ቤተ መንግስቲ ፋሲለደስ

ብሃፀይ ፋሲለደስ ዝተመጀረ ህንፀት ቤተ መንግስቲ ጎንደርን ምዕቡል ስራሕቲ ንግዲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ድማ ብድሕሪኦም ብካልኦት'ውን ቐፂሉ እዩ። ንጉስ ዮሃንስ ፃዲቑ ቀዳማይ (1667 - 1782 ዓ.ም.ፈ)፣ ንጉስ ኢያሱ ቀዳማይ (1682 - 1706 ዓ.ም.ፈ)፣ ንጉስ ዳዊት ሳልሳይ (1716 - 1721 ዓ.ም.ፈ)፣ ንጉስ ባካፋ (1721 - 1730 ዓ.ም.ፈ)፣ ንጉስ ኢያሱ ካልኣይን (1730 -1755 ዓ.ም.ፈ) እቴጌ ምንትዋብን ኣሰር ሃፀይ ፋሲል ተኸቲሎም ኣብ ውሽጢ ቅፅረ ግቢ ቤተ መንግስቲ ፋሲለደስ ንእስ ንእስ ዝበሉ ኣብያተ መንግስቲ በብግዚኦም ሃኒፆም። ብዝርዝር ንምርዳእ ካርታ ቅፅረ ግቢ ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ፋሲለደስ ተመልከቱ።

ንጉስ ዮሃንስ ፃዲቑን ንጉስ ኢያሱ ቀዳማይን ብፍላይ ድማ ስራሕቲ ንግዲ ንኸጠናኽር ዝሕግዝ ግብርን ቀረፅን ኣታኣታትዮም ነይሮም። ኣብ ታሪኽን ፖለቲካዊ ስርወ መንግስቲ ጎንደር ዓብዪ ትርጉም ዘለዎ ቤተ መንግስቲ ፋሲለደስ ኣብዚ ሎሚ እዋን ብደረጃ ዓለም ተፈላጥነት ዘለዎ ሓድጊ እዩ። ንጉስ ሚካኤል ስሑል ዝበሃሉ ውሩይ ትግራዋይ'ውን ኣብ ጎንደር ዘለዓለ ፖለቲካዊ ስልጣን ስለዝነበሮም ንገሊኦም ንጉስ ይሾሙ ንገሊኦም ንጉስ ድማ የውርዱ ነይሮም። እዚኦም ሸዋምን መውረዳይን ንጉስ ዝነበሩ ትግራዋይ'ውን ኣብ ጎንደር ዝሰርሕዎ "ግምቢ ራእሲ" ዝበሃል ቤተ መንግስቲ ኣሎ። ስለዚ ካብ ዘበነ ሃፀይ ሱስንዮስ ጀሚሩ ክሳብ "ዘበነ መሳፍንቲ" ዝበሃል እዋን ዝጅምር (1784 ዓ.ም.ፈ) ጎንደር መንበሪ "ፖለቲካዊ ምምሕዳር ማእኸላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ" ኮይና ፀኒሓ።




ስእሊ 1.15 ራእሲ ሚካኤል ስሑል



**ንጥፈት**

ተምሃሮ ኣብ እዋን ማእኸላይ ዘበን ጎንደር ማእኸል ፖለቲካዊ ምምሕዳር መንግስቲ ኢትዮጵያ ከምዝነበረትን ነዚ ዝገልፁ ብዙሓት ሓድግታት'ውን ኣብቲ ከተማ ከምዘለዉ ተረዲእኹም ዶ? ብዛዕባ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ከ እንታይ ተረዲእኹም? ታሪካውን ፖለቲካውን ረብሓ መንግስቲ ጎንደር ብዝምልከት ተመያየጡ።

## መ. ህዝቢ ኮንሶ

ኮንሶ ኣብ ምምሕዳር ብሄር - ብሄረሰባትን ህዝብታትን ደቡብ ኢትዮጵያ ኣብዝርከብ ዞባ ሰሜን ኦሞ ዝርከቡ ህዝቢ እዮም። ህዝቢ ኮንሶ ካብዝፍለጡሎም ብዙሓት ፅቡቕ ባህልታት ውሽጢ ኣብ ልምዓት ሕርሻን ክንክን ሃፍቲ ተፈጥሮን ዓብዪ ረብሓ ዘለዎ ውፅኢታዊ ዝኾነ "ፍሉይ ጥበብ ባህላዊ ስራሕ ዛላታት" እቲ ቀንዲ እዩ፡፡

## ንጥፈት

ተምሃሮ ነዚ ውፅኢታዊ ስራሕቲ ዘላታት ህዝቢ ኮንሶ ዘመልክት ካብዚ ንታሕቲ ኣብዘሎ ስእሊ ተመልኪቱ ስለዘሎ ካብቲ ልሙድ ኣብ ክልልና ዝስራሕ ብምንታይ ከምዝፍለይ ተመያየጡሉ።



ስእሊ 1.16 ውፅኢታዊ ፍሉይ ጥበብ ባህላዊ ስራሕ ዛላታት ህዝቢ ኮንሶ

## ሰ. ሃረር

ኣብ ከተማ ሃረር ካብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ሃገርና ዝመፁ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝዛረቡ ነበርቲ ኣለዉ። ከተማ ሃረር ብዙሓት ብሄረ ብሄረሰባት ዝነብሩላ'ያ። ይኹን ደኣ'ምበር መበቆሎም ኣብ ከተማ ሃረር ዝኾኑ ነበርቲ ብሄረ ኦሮሞን ብሄረሰብ ሃረሪን ጥራሕ'ዮም። ኣብ ከተማን ከባብን ሃረር ዝርከቡ ህዝብታት ብሄረሰብ ሃረሪ ኣብ ዘርኢ ሴም ዝምደቡ'ዮም። ኣብ ከተማ ሃረር ብምኽንያት ኣብ ማእኸላይ ዘበን ዝነበረ ታሪካዊ ተርእዮ ካብ ምንቅስቓስ ህዝቢ ኦሮሞ ንምክልኻል ብዝብል ብ1552 - 1553 ዓ.ም.ፈ ዝተሃንፀ "መንደቕ ጀጎል" ይርከብ። እዚ ሓፁር መንደቕ ጀጎል ቁመቱ ኣርባዕተ ሜትሮ እንትኸውን ሓሙሽተ በርታት ኣለውዎ። ኣብ ውሽጢ ሓፁር "መንደቕ ጀጎል" ጥንታዊ መስጊድ ኣሎ፡፡ ኢሚሬትን ሃረር ዝነበሩ ናብ ሃውሳ ዝሃደሙ እንትኸውን ኣብዚ እዋን እዚ ከተማ ሃረር ብሓፁር መንደቕ ዝተኸበበት ነይራ።

ካብዚ ብተወሳኺ ከተማ ሃረር መቐመጢ ራእሲ መኮንን ወልደሚካኤል ነይራ። ንወደብ ዘይላን ጅቡቲን ቀረባ ስለዝኾነት ድማ ብዙሓት ደቂ ወፃኢ ይነብሩላ ነይሮም። ካብ የመን፣ ደቡብ ዓረብያ፣ ኣርመንያ፣

ግብፂ፣ቱርክ፣ፈረንሳይንህንድንወዘተዝመፁነጋዶ'ውንይነብሩላዝነበሩከተማ'ያ፡፡ሃረሪብዝተፈላለዩ ስራሕቲ ስፌትን ንግድን ኣዐርዮም ዝፍለጡን መነባብረኦም ድማ ኣብ ንግዲ ዝተመስረተ'ዩ።






ስእሊ 1.17 መእተዊ በሪ ሓፁር "መንደቕ ጀጎል" ኣብ ውሽጢ ጀጎል ዝርከብ መስጊድ

## ረ. ስርዓት ጋዳ (ህዝቢ ኦሮሞን ሲዳማን)

ህዝቢ ኦሮሞን ህዝቢ ሲዳማን ኩሻዊ ዘርኢ ዘለዎም ህዝብታት እዮም። መሰረታዊ ኢኮኖሚያዊ መነባብሮም ኣብ ሕርሻን ምርባሕ ከፍትን ዝተመስረተ እዩ ነይሩ። ህዝቢ ኦሮሞን ህዝቢ ሲዳማን ይመሓደርሉ ዝነበሩ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ስርዓት ዝተኸለ ትካላዊ መስርሕ ማእኸላይ ዘበን "ጋዳ" ተባሂሉ ዝፍለጥ'ዩ ነይሩ። ስርዓት ጋዳ ብዲሞክራሲያዊ መስርሕ በብሸሞንተ ዓመት ብህዝቢ ብዝካየድ ህዝባዊ መረፃ ፅቡቕ ተቐባልነትን ተደማፅነትን ዘለዎም እሞ ብዕድመ ዝዓበዩን ውፉያት ዝኾኑን ንኽመርሑን ከመሓድሩን ዝመርፁሉ ኣገባብ'ዩ። ስለዚ ተምሃሮ ስርዓት ጋዳ ብዕድመ ዓበይቲ ዝኾኑ ብህዝቢ እናተመረፁ ዘመሓድሩሉ ኣገባብ ምዃኑ ተረዲእኹም ዶ? ንስኹም ከ ብኸመይ ኣገባብን ስርዓትን ሓለቓ ክፍሊ ትመርፁ?

ኩሎም ተመረፅቲ ስርዓት ጋዳ ንፁር ዝኾነ ተግባርን ሓላፍነትን ነይርዎም፡፡ ሓፈሻዊ ጉባኤ ("ጨፌ" ዝበሃል ቤት ምኽሪ ማለት'ዩ) ነበርቲ ደቂ ዓዲ ዝመርሕ ኣቦ መንበር (ፕሬዚዳንት) "ኣባ ቦኩ" ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡ ሓይሊ ምክልኻልን ወተሃደራዊ ወፍርታትን ዝመርሕ ተግባራት ዝፍፅም "ኣባ ዱላ" ዝበሃል መፀውዒ ስመ ማእርግ ነይርዎ። ፍትሒ ብዝምልከት ዝጥምትን ጥርዓናት ህዝቢ ዘተኣናግድን ዝዳንይን ድማ "ኣባ ሴራ" ተባሂሉ ይፅዋዕ ነይሩ። በብሸሞንተ ዓመት ዝካየድ ኣኼባ (ዋዕላ) ጋዳ ብሃይማኖታዊ ስነስርዓት ተሰንዩ'ዩ ዝጅምር ነይሩ። ኣብ ስርዓት ጋዳ ተዋሰእቲ ዝነበሩ ደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ'ዮም። ደቂ ኣንስትዮ ኣይሳተፋን ነይረን። ኣብ ስርዓት ጋዳ ዝሳተፉ ዕድሚኦም ልዕሊ 80 ዓመት ዝኾኑ ሰብ ፀጋ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ'ዮም።



ስእሊ 1.18 ማሕበራዊ ጉዳያት ብስርዓት ጋዳ እንትርአይ ዘመላኽት ስእላዊ መግለፂ

## መልመዲ 1.4

**ሀ** ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ትኽክል እንትኾይኖም "ሓቂ" ትኽክል እንትዘይኾይኖም ድማ "ሓሶት" እናበልኩም መልሱ።

1 ኣብ እዋን ጥንታዊ ኣኽሱም ዝተሰርሐ ኣብ ከተማ ኣኽሱም ዝርከብ ውቅር ቤተ ክርስቲያንብጎብነይቲ ይረኣይ ኣሎ።
2 ኣብ እዋን ጥንታዊ ኣኽሱም ፅሑፍ ፊደላት ሳቢያን፣ ግሪክን ግእዝን ማዕቢሎም።
3 ነገስታት ኣኽሱም ካብ ወርቂ፣ ብርን መዳብን ሳናቲምን መስቀላትን ኣስሪሖም።
4 ሃፀይ ካሌብ ዝተብሃለ ንጉስ ጥንታዊ ኣኽሱም ሃይማኖት ክርስትና ተቐቢሉ።
5 ብዘመነ ጥንታዊ ኣኽሱም ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ናብ ትግራይ መፂኦም ስለዝነበሩ ብሰላም ክነብሩ ተገይሩ'ዩ።
6 ኣብ ሮሃ-ላሊበላ ዝርከብ ውቅር ቤተ ክርስትያን 11 ቤተ መቅደሳት ኣለውዎ።
7 ስነ ጥበብ ቴክኖሎጂ ህንፃ ውቅር ቤተ ክርስትያን ላሊበላ ብባህላዊ ትሕዝትኡ መቐፀልታ ጥንታዊ ኣኽሱማውያን እዩ።
8 ቅፅረ ግቢ ኣብያተ መንግስቲ ነገስታት ጎንደር 5 መእተዊ በሪ ኣለዎ።
9 ቅፅረ ግቢ ሓፁር "መንደቕ ጀጎል" 12 መእተዊ በሪ ኣለዎ።
10 "ግምቢ ራእሲ" እናተብሃለ ዝፍለጥ ቤተ መንግስቲ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ኣብ ውሽጢ ቅፅረ ግቢ ኣብያተ መንግስቲ ነገስታት ጎንደር እዩ ዝርከብ።

**ለ ነቶም ዝስዕቡ ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝለዉ ምስ ኣብ ትሕቲ "ለ" ዘለዉ ኣዛምዱ፡፡**


| "ሀ" | "ለ" |
|---|---|
| 1 ንጉስ ሽዋምን መውረድን ዝነበረ - | ሀ ጨፌ |
| 2 መስራታይ ቤተ መንግስቲ ጎንደር | ለ ንጉስ ሱስንዮስ |
| 3 ርእሰ ከተማ ስርወ መንግስቲ ዛጉዌ | ሐ ኣባ ሴራ |
| 4 ውፅኢታዊ ዛላታት ብምስራሕ ዝፍለጡ | መ ራእሲ ሚካኤል ስሑል |
| 5 ፖለቲካውን ባህላውን ስርዓት ህዝቢ ኦሮሞን ሲዳማን | ሰ ሃፀይ ፋሲል (ፋሲለደስ) |
| 6 ቤት ምኽሪ ስርዓት ጋዳ | ረ ኣባ ቦኩ |
| 7 ኣቦ መንበር (መራሒ) ስርዓት ጋዳ | ሸ ኣደፋ፣ ሮሃ፣ ላሊበላ |
| 8 ሓላፊ ወተሃደራዊ ዘፈር ስርዓት ጋዳ | ቀ ጋዳ |
| 9 ሓላፊ ስርዓት ፍትሕን ምምሕዳር ጥርዓናትን | በ ህዝቢ ኮንሶ |
| 10 ሃይማኖቱ ዝቐየረ ንጉስ | ተ ኣባ ዱላ |

## 1.4 ሕብረትን ዘበናውነትን

ተምሃሮ ብዛዕባ ሕብረት ሓሲብኩም ዶ ትፈልጡ? ሕብረትን ሓድነትን እንታይ ረብሓ ኣለዎ ትብሉ? ሓደ ኣበሃህላ ወለዲ (ምስላ) ኣሎ። "ዝሓበራያ ኣፃብዕትስ ዓርቃይ የፀምብዓ" ይበሃል። እዚ ምስላ ከመይ ትርድእዎ? ብቋንቋ ኣምሓርኛ ዝፍለጥ ድማ ሓደ ምስላ ኣሎ፤ "ድር ቢያብር አንበሳ ያስር" ይበሃል። እዚ ማለት "ፈትሊ ሳሬት እንትሓብር ቅልፅም ኣንበሳ ይኣስር" ማለት እዩ። ንወለድኹምን ካልኦት ዓበይቲ ሰባትን ሓቲትኩም ካብዞም ክልተ ምስላታት ዝተረዳእኹምዎ ሓሳብ ኣብ ክፍሊ ግለፁ። ስለዚ ሕብረትን ሓድነትን ሓይሊ እዩ፣ ፅንዓትን ትብዓትን እዩ፣ መሰረት ዓወት'ውን እዩ።

### 1.4.1 ረብሓ ሕብረትን ሓድነትን ኣብ ኲናት ዓወት ዓድዋ

ተምሃሮ ዓድዋ ኣበይ ከምትርከብ ትፈልጡ ዶ? ብዛዕባ ኲናት ዓድዋ እንታይ ሰሚዕኹም ትፈልጡ? ዓድዋ ኣብ ምምሕዳር ማእኸላይ ዞባ ትግራይ ትርከብ ስትራተጂካዊ ከተማ እያ። ብ1896 ዓ.ም.ፈ ኣብ ዓድዋ ኣብ ሞንጎ ወራሪ ሰራዊት ጣልያንን ብዳግማዊ ሃፀይ ምኒልክ ዝምራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያን ኲናት ተኻይዱ ነይሩ። ወራር ሰራዊት መንግስቲ ጣልያን ንኤርትራን ወደብ ዓሰብን ምሉእ ብምሉእ ምስተቖፃፀረ ናብ ሰሜናዊ ክፋል ኢትዮጵያ ወተሃደራዊ ወፍሪ ምክያድ ብምጅማሩ ብሰንዓፌ ገይሩ ናብ ዓዲግራት ካብኡ'ውን ናብ መቐለን እምባ ኣርዓዶምን ኣቢሉ ክሳብ ኣላጀ በፂሑ ነይሩ። መረብ ሰጊሩ'ውን ናብ ዓድዋ ምእታው ምውፃእ ጀሚሩ። ወራሪ ሰራዊት ጣልያን ሉኣላዊ ግዝኣት መንግስቲ ኢትዮጵያ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ንምውራርን ንምብርካኽን ኣብዝገበረቶ ፈተነ ብሃፀይ ዳግማዊ ምኒሊክ ዝምራሕ መንግስቲ "ምታ ነጋሪት ክተት ሰራዊት" (ነጋሪት ውቓዕ፣ ሰራዊት'ውን ክተት) ዝብል መፀዋዕታ ንህዝቢ ኣቕሪቦም ናብ መኸተ ወራሪ ፃላኢ ኣትዮም።





ካርታ 1.16 ኣብ መበል 19 ክፍለዘበን ምስ ወረርቲ ሓይልታት ኲናት ዝተኻየደሎም ቦታታት

ወራሪ ሰራዊት ጣልያን ኣብ ከባቢ እንትጮ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል ዓሪዱ እንትቕመጥ 21450 ዝኾነ ወተሃደራት ነይረምዎ፡፡ ካብዚኦም ውሽጢ ድማ እቶም 10749 ኣስካሪስ ዝበሃሉ ኤርትራውያን ሓኘኽር ነይሮም፡፡ ነዚኦም ብዘመናዊ ዕጥቂ ኣሰልጢኑ ንኲናት ኣዳልዩዎም ነይሩ፡፡ ንደቂ ዓዲ ሰለልቲ ገይሮም ናብ ዓድዋ እናልኣኹ ብዛዕባ ሚዛን ሓይሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ስለላ ከካይዱ ቖፂሮምዎም፡፡ ካብዚኦም ውሽጢ ባሻይ ኣውዓሎምን ብላታ ገብረእግዚኣብሄር ጊላይን ዝጥቀሱ ሰለልቲ ሰራዊት ጣልያን ነይሮም፡፡ ሰራዊት ጣልያን ብጀነራል ባራቴሪ ዝምራሕ ኾይኑ ኣርባዕተ ጀነራላት ዝመርሕዎም ብርጌዳት ነይሮምዎ፡፡

ጀነራል ኣልበርቶኒ ፀገማይ ኣንፈት ሓደ ብርጌድ መሪሑ ናብ እንዳ ኪዳነ ምሕረት ኣንፈት ኣቕኒዑ፡፡ ጀነራል ኣሪሞንዲ ድማ ብማእኸላይ ኣንፈት ገይሩ ብእምባ በላሕ ወሪዱ ናብ ኲምሮ ኣንፈት ኣምሪሑ፡፡ ጀነራል ዳቦርሚዳ ድማ ብየማናይ ኣንፈት ገይሩ ሕዚ ካብ እንትጮ ናብ ዓድዋ ዝወስድ መንገዲ መኪና ሒዙ ናብ እንዳ ማርያም ሸዊቶ ከቕንዕ ተገይሩ፡፡ ጀነራል ኢሌኒ ዝበሃል ድማ ሓይሊ ደጀን ኾይኑ ኣብ እምባ ራዕዮ ሓይሉ ናብ ገንደፍታ ገይሩ ይፅበይ ነይሩ፡፡ ጀነራል ባራቴሪ ድማ ኣብ እምባ ራዕዮ ኾይኑ ነቲ ኲናት ይመርሕን እቲ ዝነበረ ከይዲ'ውን ይከታተል ነይሩ፡፡ (እምባ ራዕዮ ዘለዎ ስትራተጂካዊ ረብሓ ኣብ ስእሊ ርኣይዎ)

ሰራዊት ኢትዮጵያ ድማ ብሃፀይ ዳግማዊ ምኒልክን እቴጌ ጣይቱ ዝምራሕ ኾይኑ ኣብ ዓዲ ማሕለኻ (ሕዚ ዶንቦስኮ ዘለዎ) ድንኳኖም ተኺሎም ብተፈላለዩ መኳንንቲ ተኸቢቦም ነይሮም። ኣብ ዙሪያ ሃፀይ ምኒሊክን እቴጌ ፀሃይቱ ሰራዊቶም ሒዞም ዝመፁ መኳንንቲ ከም እኒ ራእሲ መንገሻ ኣቲከም (ገዛኢ ኣምሓራ ሳይንት)፣ ራእሲ ወሌ ካብ የጁ ኦሮሞ፣ ፊተውራሪ ገበየሁ (መራሒ ሰራዊት ጉራጌ)፣ ባሻይ ኣቦዬ (መራሒ ሰራዊት ሃዲያ)፣ ፊተውራሪ ሃብተጊዮርጊስ ካብ ጨቦ ጉራጌ፣ ዋግሹም ጓንጉል (መራሒ ሰራዊት ኣገው ሰቖጣ ኣምሓራ)፣ ፊተውራሪ ተክሌ ካብ ወለጋ፣ ደጃዝማች ሓጎስ ተፈሪን ደጃዝማች ስብሓት ኣረጋዊን ካብ ትግራይ ነይሮም። ራእሲ መንገሻ ዮሃንስን ራእሲ ኣሉላ ኣባ ነጋን ኣብ እንዳ ማርያም ሸዊቶ ነይሮም። ራእሲ መኮንን ወልደሚካኤል ኣብ እግሪ እምባ ሰሎዳ (ልዕሊ እንዳ ሚካኤል) ነይሮም። ንጉስ ተክለሃይማኖት ጎጃም ድማ ካብ ከተማ ዓድዋ ንፀጋም ገፀ ኣብ ዘሎ ግድማ ግድሚ እግሪ እንዳባገሪማ ብገፊሑ ተቐፃፂሮምዎ ነይሮም። ሰለልቲ ጣልያን ካብዝነበሩ ውሽጢ ድማ ባሻይ ኣውዓሎም ዝበሃሉ ምንቅስቓስን ትልምን ሰራዊት ጣልያን ብዝምልከት ብምሽጥር ንራእሲ ኣሉላ ኣባ ነጋ የሕልፉ ነይሮም።




ስእሊ 1.19 መዋፈሪ ሰራዊት ጣልያን ዝነበሩ እምባታት ከባቢ ዓድዋ

ኣብዚ መንግስታዊ መፀዋዕታ ሃፀይ ምኒሊክ ህዝብታት ኢትዮጵያ ክተሓባበሩን ሓድነቶም ኣስጢሞም ኣብ ዙሪያ ንጉሰ ነገስት ኾይኖም ጉልበት ዘለዎ ብጉልበቱ፣ ሰራዊት ዘለዎ ከባብያዊ ምምሕዳር ሰራዊቱ ሒዙ ናብ ኲናት ዓድዋ ክከትት ብዕሊ ዕድመ ዝገበሩሉ ኩነታት ነይሩ። ስለዚ ኣብ ደቡብ፣ ምዕራብ፣ ምብራቕ፣ ማእኸልን ሰሜንን ዝርከብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንከባብያዊ መረሕቲ ተኸቲሉ ናብ ዓድዋ ዘሚቱ። ህዝብታት ኢትዮጵያ ብምልኦም ብሓደ ልቢ፣ ብሓደ መንፈስ፣ ብሓደ ስሚዒት ንሃገርናን ሰንደቕ ዓላማን ብዝብል ሃገራዊ ዋኒን ተገዚኦም ተሓባቢሮምን ሓድነቶም ኣጠንኪሮምን ኣንፃር ባዕዳዊ ወራሪ ሓይሊ ሰራዊት ጣልያን መኪቶም። ህዝብታት ሓሪኖም። ሃገርና፣ ድንበርናን ሉኣላዊነትናን ኣይነድፍርን ኢሎም። ሕብረትን ሓድነትን ህዝብታት ዝዓጠቐ ድልዱል ሰራዊት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዙሪያ ሃፀይ ዳግማዊ ምኒሊክ ከቲቱ ኣንፃር ወራሪ ሰራዊት ጣልያን ብሓቦን ወነን ተዋጊኡ።



1. ኲናት ዓድዋ ዝጀመረሉ ግራት ምንድብድብ .... ኣብ ሞንጎ እንዳ ኪዳነምህረትን እምባ ገሰሰውን ዝርከብ ... ጀነራል ኣልበርቶኒ ዝተማረኸሉ ዓውደ ውግእ ኣብዚ ነይሩ



2. እምባ ራዕዮ (መዋፈሪ ሰራዊት ጣልያን ዝነበረ) ካልኣይ ምዕራፍ ኲናት ዓድዋ ዝተኻየደሉ ... ስንደዶ፤ ኩምሮ ... ጀነራል ኣሪሞንዲ ዝተቐተለሉ ቦታ



3. ሳልሳይ ምዕራፍ ኲናት ተኻየደሉ እንዳማርያም ሸዊቶ ... ጀነራል ዳቦርሚዳ ዝተቐተለሉ ዓውደ ውግእ ኣብዚ ነይሩ



4. ከተማ ዓድዋን ኲናት ዝተኻየደሎም ከባብታትን




5. ብጀነራል ኣሪሞንዲ ዝምራሕ ሰራዊት ጣልያን ዝተጓዓዘሉ ብበላሕ፣ ኩምሮ፣ ስንደዶ፣ ዓዲ በጪ ኣቢሉ ናብ ሽንጥሮ ምምሳሕ ዝወሰደ መስመር




6. ብጀነራል ዳቦርሚዳ ዝምራሕ ሰራዊት ጣልያን ዝተጓዓዘሉ ንጎቦታት ኢሻሾን ንየማን ገዲፉን ንበላሕን ኩምሮን ንፀጋም ሓዲጉን ናብ እንዳ ማሪያም ሸዊቶ ዝወሰደ መስመር



7. ብጀነራል ኣሪሞንዲ ዝምራሕ ሰራዊት ጣልያን ዝተዋግኣሉን ዝሞተሉን ከባቢ ስንደዶን ናብ ሽንጥሮ ምምሳሕ ዝወሰድ መስመር



ጀነራል ዳቦርሚዳ ዝመርሖ ሰራዊት ጣልያን ኲናት ዝጀመረሉ ከባቢ ጌንያ እንዳ ማርያም ሸዊቶ



9. እምባ ሰሎዳ



8. ብጀነራል ዳቦርሚዳ ኲናት ዘካየደሉን ኣብ ውግእ ዝሞተሉን ኣብ እንዳ ማርያም ሸዊቶ ዝርከብ ከባቢ ማይ ዓይኒን ድሕሪ ስዕረት ሰራዊት ጣልያን ዝሃደሙሉ መስመር ጌኒያ

ኣብ መወዳእታ'ውን ፅንዓትን ትረትን ሓድነትን ሕብረትን ህዝብታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዘካየዶ መኸተ ተዓዊቱ። ወራሪ ሰራዊት መንግስቲ ጣልያን ተሳዒሩ፡፡ ገሊኦም ሰራዊት ጣልያን ሞይቶም፣ ገሊኦም ተማሪኾም መብዛሕትኦም ድማ ንድሕሪት ሃዲሞም ናብ መሬት ኤርትራ ኣትዮም፡፡ ህዝብታት ኢትዮጵያ ተዓዊቶም። ፀላኢ ስዕረት በጺሕዎ ሕፍረት ተኸዲኑ። እዚ ዘኹርዕ ዓወት ኲናት ዓድዋ በብዓመቱ ለካቲት 23 ብሃገር ደረጃ ብሂራዊ በዓል ኾይኑ ይኽበር'ሎ።

ኲናት ዓድዋ ዕለት 23 ለካቲት 1888 ዓ.ም ሰንበት መዓልቲ ካብ ንጉሆ 12 - ኣጋምሸት 11 ሰዓት ተኻይዱ። ዓወት ኲናት ዓድዋ ዓሙቕ ብሂራዊ፣ ሃገራውን ኣህጉራውን ዓለምለኻውን ረብሓ ነይርዎ። ኢትዮጵያ ሃገርና ክብራን ሉኣላዊነታን ሓልያ ንኽትነብር ወሳኒ ተራ ነይርዎ። ኣብ መወዳእታ መበል 19 ክፍለ ዘበን ኩለን ሃገራት ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ወዲቐን ነይረን። ነዚ መሰረት ብምግባር መንግስቲ ጣልያን ንኤርትራ ተቖፃፂሩ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምስአእተዋ ንኢትዮጵያ'ውን ብተመሳሳሊ መልክዑ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን ንምእታው ዝተገብረ ፈተነ ነይሩ፡፡ ስለዚ ዓወት ኲናት ዓድዋ ዘረጋገፆ መሰረታዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ክትወድቕ ዘይከኣለት ብሕታዊት ፀሊም ኣፍሪካዊት ሃገር ምዃናን ካልኦት ሃገራት ኣፍሪካ'ውን ሕብረቶምን ሓድነቶምን ኣጎልቢቶም ኣንፃር ባዕዳዊ መንግስቲ እንተተላዒሎም ክዕወቱ ከምዝኽእሉ ዘረጋገፀ ታሪካዊ ተርእዮ'ዩ ነይሩ። ዓወት ኲናት ዓድዋ መርኣያ ኩርዓት ፀለምቲ ኣፍሪካውያን እዩ።



ስእሊ 1.20 ኲናት ዓድዋ እንታይ ይመስል ከምዝነበረ ዘርእይ ስእላዊ መግለፂ

ንፀለምቲ ኣፍሪካውያን ኣብ ልዕሊ ባዕዳዊ ገዘእቶም ተወዲቦም ንኽዕምፁን ኣይንግዛእን ንኽብሉን ብመርኣያነት ዝጥቀስ እዩ። ዓወት ኲናት ዓድዋ ካብዘረጋገፆም ረብሓታት ሓደ ኢትዮጵያ ብሳላ ስሙር ሕብረትን ሓድነትን ኣብ መኸተ ወራር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ብሓይላን ትብዓታን ዘይዕፀፍን ዘይተሸረፈን ፖለቲካዊ ነፃነታን ሉኣላዊነታትን ዘረጋገፀት ፀሊም ኣፍሪካዊት ሃገር ምዃና እዩ። ዓወት ኲናት ዓድዋ ብደረጃ ዓለምን ኣህጉርን ስሙር ሉኣላዊነት ሃገር ንምርግጋፅ ዘኽኣለ ታሪካዊ ተርእዮ'ዩ፡፡ ንነፃነትን ሉኣላዊነትን ሃገር ውሕስና ዝሃበ መርኣያ ኣፍሪካውያን እዩ። ብምኽንያት ዓወት ኲናት ዓድዋ ወራሪ ሰራዊት ጣልያን ሕፍረት ተጎልቢቡ። ጋዜጣታትን ዜናታትን ዘመናዊ ኣፅዋር ዝዓጠቑ ሰራዊት መንግስቲ ጣልያን ኣብ

ዓድዋ ብድሑር ኣጋር ሰራዊት ፀለምቲ ሰራዊት ኣፍሪካ እሞ ብኢትዮጵያውያን ዘሕፍር ስዕረት ተጎልቢቦም እናበሉ ይፅሕፉ ነይሮም። ኢትዮጵያውነት ንሉኣላዊነት ሃገር ህልው ሕራነ ይግለፅ።

ስለዚ ድሕሪ ኲናት ዓድዋ ቀዳማይ ሚኒስትር መንግስቲ ጣልያን ዝነበረ "ክሪስፒ" ስልጣን ለቒቑ፡፡ ኣብ ሞንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን መንግስቲ ጣልያን ምሩኻት ኲናት ንምልውዋጥን ሉኡላውነት ሃገር ንምሕላውን ከምኡ'ውን ዶባት ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝንፀር "ውዕሊ ኣዲስ ኣበባ" ብዕለት 16 ወርሒ ጥቅምቲ 1889 ዓ.ም (26 ኦክቶበር 1896 ዓ.ም.ፈ) ተፈራሪሞም፡፡ ኢትዮጵያ ነፃን ሉኣላዊ ሃገር ም'ኳና ብ'ኹሉ ወገን ተኣሚኑሉ ተቐባልነት ረኺቡ፡፡ ስለዚ ሓያላን መንግስታት ኣውሮፓን ዓለምን ሰበስልጣን ዲፕሎማሲ ይልእኹ ጀሚሮም፡፡ መንግስታት ጣልያን፣ እንግሊዝን ፈረንሳይን ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዶብ ዝምልከት ውዕላት ካብ 1897 - 1908 ኣብዝነበረ ዓሰርተ ዓመታት ተፈራሪሞም፡፡ ነዚ ዓወት ኲናት ዓድዋ ስዒቡ ብዝተኣስሩ ዲፕሎማሲያዊ ውዕላት ሰላምን ምርግጋእን ኣብ ኢትዮጵያ ስለተረጋገፀ ብዙሓት ወፃእተኛታት ዝተረጋግአን ዝቐሰነን ናብራ ኣብ ሃገርና ጀሚሮም፡፡ ብዙሓት ወፃእተኛታት ብምኽንት ስራሕ መንግስትን ወይድማ ብውልቆም ይመፁ ጀሚሮም፡፡ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ግልጋሎታት ዝህቡ ዝተፈላለዩ ትካላት'ውን ነይሮም፡፡

ብመንግስቲ ኢትዮጵያን ጣልያንን ዕለት 16 ወርሒ ጥቅምቲ 1889 ዓ.ም (26 ኦክቶበር 1896 ዓ.ም.ፈ) ዝተፈረመ ውዕል ኣዲስ ኣበባ ካብ መረብ ማዕዶ ዘሎ ግዝኣት ባሕሪ ነጋሽ ዝነበረ ብመንግስቲ ጣልያን ክመሓደርን ካብዚ ሩባ ንደቡብ ኣንፈት ዘሎ ድማ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ክመሓደር ስለተፈራረመ ሎሚ ንሪኦ ዘለና ካርታ ሃገርና ኣብዚ እዋን ብውነ ዝተመስረተ ም'ኳኑ ንርዳእ፡፡ ይኹን ደኣ'ምበር ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተሓበረ መንግስቲ ጣልያን ኢትዮጵያ ነፃን ሉኣላወን ሃገር ም'ኳና ብዕሊ ዝተቐበለሉ ኩነታት ነይሩ፡፡ ዓወት ኲናት ዓድዋ መኩርዕን መመክሕን እዩ፡፡

ንዓወት ኲናት ዓድዋ ስዒቡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪካ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ምልዕዓልን ዓመፅን ጀሚሮም፡፡ ንኣብነት ኣብ ኬንያ ብጆሞ ኬንያታ ዝምራሕ ዓመፅ ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዛውያን ተጀሚሩ፡፡ ኣብ ጋና ድማ ኩዋሜ ንክሩማህ ዝበሃል ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ወፍሪ ተጀሚሩ፡፡ ኣብ ኣውሮፓን ኣሜሪካን ንዝርከቡ ፀለምቲ ኣፍሪካውያን ንዓድ'ኹም ተመለሱ፣ ንው ንዓድ'ኹም... እናበለ ዓብዪ ምንቅስቓስ ብምጅማሩ "ፓን ኣፍሪካኒዝም" ዝበሃል ወፍሪ ዓድ'ኹም እተዉ ኣጎሃሂሩ፡፡ ኣብ ታንዛኒያ ድማ "ማጂ ማጂ" ዝብሃል ቃልሲ ኣንፃር ባዕዳውያን ብ1905 ዓ.ም.ፈ ተጀሚሩ፡፡ ማርከስ ጋርቨይ ዝተብሃለ ፀሊም'ውን ኣብ ጃማይካን ላቲን ኣሜሪካን ኩሉ'ኹም ፀለምቲ ናብ ሃገርኩም ኣፍሪካ እተዉ፡፡ ነቶም ፀዓዱ ባዕዳዊ ገዛእቲ ተቓሊስኩም ኣውፅእዎም፡፡ ካብ ዓወት ኲናት ዓድዋን ኢትዮጵያውያንን ንመሃር እናበለ የለዓዕል ነይሩ። ስለዚ ዓወት ኲናት ዓድዋ ንኩለን ሃገራት ኣፍሪካውያንን ፀለምትን ኣንፃር ባዕዳዊ መግዛእቲ ንክቃለሱ ሓቦ ዘስነቐ ታሪካዊ ተርእዮ'ዩ።

## 1.4.2 ምትእትታው ዘበናውነት ኣብ ኢትዮጵያ

ተምሃሮ ዘበናውነት እንታይ ማለት እዩ? ከመይ ይግለፅ? ኣብዝብሉ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡ ኣብ ሞንጎ ዘበናውነትን ምዕራባውነትን ዝብሉ ክልተ ኣምራት እንታይ ትርድኡ? ድሕሪ 1850 ምዕባለ ኢንዱስትሪያላዊ ወያነ ኣብ ሃገራት ኣውሮፓ አዐርዩ ማዕቢሉ ነይሩ፡፡ እንግሊዝ፣ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፣ ፈረንሳይ፣ ጣልያን፣ ጀርመንን ካልኦት ኣብ ኣህጉር ኣውሮፓ ዝርከቡ ሃገራት ስልጣነታትን ምህዞታትን ሳይንስን ቴክኖሎጂን ከምኡ'ውን ኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለታት ካብ እዋን ናብ እዋን እናማዕበሉ መፂኦም፡፡ እዞም ሃገራት ኣውሮፓ ድማ ምዕራባውያን እናተባህሉ ይፅውኡ። ዘበናውነት ምስ ምጥቃም ዝሓሸ ውፅኢት ቴክኖሎጂን ሳይንስን ተኣሳሲሩ ዝግለፅ'ዩ፡፡ ዘበናውነት ብምኽንያት ዝሓሸ ውፅኢት ኢንዱስትሪያላዊ ቴክኖሎጂን ሳይንስን ንመነባብሮ ቀሊል ዝገብሩን

ኣዐርዮም ዘሳልጡን ምህዞታት ምትእትታው ዝምልከት ኣምር እዩ፡፡ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ባንኪ፣ መሰረተ ልምዓት፣ ሓይሊ ምክልኻል ወዘተ፡፡



ስእሊ 1.21 ሃፀይ ቴዎድሮስ ዳግማዊ (ካሳ ሃይሉ)

ኣብ ኣውሮፓ መኪናን ባቡርን ተሰሪሖን ኣብ ሓፂር እዋን ንደቂ ሰባት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብዝሓሸ ቅልጣፈን ምቾት ዝተሓለወሉ ኩነታትን ምምልላስ ተኻኢሉ። ሬድዮ፣ ቴሌግራፍ፣ ቴሌግራምን ስልክን ዝበሃሉ ውፅኢታት ሳይንስን ቴክኖሎጂን መልእኽቲ ንምምሕልላፍ ዝሓሸ ሰለጤንን ምቾው ባይታን ተፈጢሩ። ኣውሮፕላን ምስተሰርሐ ድማ ሰባት በምድሪ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ኣየርን ህዋን ክንቀሳቐሱ ክኢሎም። ገንዘብን ቴምብርን ተሓቲሞም ባንክን ግሊጋሎት ፖስታን ምስተጀመረ ድማ ዘበናውነት እናተመሓየሸ ከምዝመፀ ዘመላኽቱ ነይሮም። ዘበናዊ መሳርሕታት ኩናት'ውን ከም ሽጉጥ፣ ጠመንጃ፣ መድፍዕ፣ ቡምባዋን፣ ላውንቸር ወዘተ ዝመሳሰሉ ተሰሪሖም።

ስለዚ ብምኽንያት ውፅኢት ምህዞታት ሳይንስን ቴክኖሎጂን መነባብሮ ደቂ ሰባት ቀሊልን ስሉጥን ንክኸውን ዝገበሩ ናውቲ ናብ ግልጋሎት ውዒሎም ክጠቕሙ እንተለዉ መግለፂ ዘበናውነት እዮም፡፡ ኣብ ኣውሮፓ ዝተርኣዩ ውፅኢታት ምህዞ ሳይንስን ቴክኖሎጂ ዝኾኑ ናውቲ ናብ ሃገርና ኣትዮም ንግልጋሎት ንኽበቕዑ ዝተገበሩ ፈለምቲ ፃዕርታት መንግስቲ ኢትዮጵያ "ምትእትታው ዘበናውነት" ብዝብል ይግለፅ፡፡

ኣብ ከምዚ ዝመሰለ ስጉምቲ ምትእትታው ዘበናውነት ፈላማይ ራእይ ዝነበሮም ዳግማዊ ቴዎድሮስ (ካሳ ሃይሉ) ዝበሃሉ'ዮም ነይሮም፡፡ ሃፀይ ቴዎድሮስ ዘበናውነት ንምትእትታው ይሕሰቡ ደኣ'ምበር ኣየተግበርዎን፡፡ ኣብ ምትእትታው ዘበናውነት ርኡይ ተራ ዝነበሮም ሃፀይ ምኒሊክ ዳግማዊ ንጉሰ ነገስት ዘኢትዮጵያ እዮም። ዘመናውነት እዋኑ ዝጠልቦ ምዕባለ ውፅኢታት ምህዞ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ኣብ ኩሉ መዳይ ምጥቃም ምኽኣል ዝብል መሰረታዊ መረዳድኢ ሓሳብ ኣሎ። ንኣብነት ዘበናዊ ህንፃ፣ ዘበናዊ ትምህርቲ፣ ዘበናዊ መንገዲ፣ ዘበናዊ ምግብን ኣመጋግባን፣ ዘበናዊ ባህሊ፣ ዘበናዊ መጓዓዝያ፣ ዘበናዊ ሜላ መራኸቢ፣ ዘበናዊ ክዳንን ኣከዳድናን፣ ዘበናዊ ቴክኖሎጂ ህንፀት መንገዲ፣ ዘበናዊ መሳርሕታት ኩናት፣ ዘበናዊ ጥዕና፣ ዘበናዊ መርበብ ሓበሬታን ርክብን፣ ዘመናዊ ሕትመት፣ ዘበናዊ ፅሑፍ፣ ዘበናዊ ስርዓት ምምሕዳር ፋይናንስን ባንክን፣ ዘበናዊ ምምሕዳር፣ ዘበናዊ ኣተሓሳስባ ... ዝበሃሉ ኣገላልፃታት ኣለዉ። ተምሃሮ እዚኦም እንታይ ማለት ከምዝኾኑ ሓድ ብሓደ እናተመያየጥኩም ዝተራድእኹምዎ ንመምህርኩም ግለፁ።

ስለዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘበናውነት መዓዝ ተኣታትዩ ዝብል ሕቶ ኣገዳሲ'ዩ፡፡ ሃፀይ ዳግማዊ ቴዎድሮስ ንኢትዮጵያ ሓንቲ ምስገበሩዋ ዘበናዊ ጦር ንምምስራት፣ ዘመናዊ ምምሕዳር ንምትእትታውን ዘበናዊ ውፅኢት ምህዞ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ንምትእትታው ድልየት ነይርዎም፡፡ ግን ኣይኮነሎምን። ስለዚ ኣብዚ ሎሚ እዋን ንሪኦም ዘለና ባእታት ዘበናውነት ናብ ሃገርና ምእታው ዝጀመሩ ብዘመነ ንግስና ሃፀይ ዳግማዊ ምኒሊክ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ምዕራባውያን ኣውሮፓ ዝነበሩ ዝተወሰኑ ውፅኢት ምህዞታት ሳይንስን ቴክኖሎጂን ከምኡ'ውን ኣተሓሳስባታት ምምሕዳር ብዝምልከት ናብ ኢትዮጵያ ክኣትዉ ተገይሩ እዩ። ተምሃሮ ዘበናዊ ቴክኖሎጂ እንታይ'ዩ? ተመያየጡሉ።



ስእሊ 1.22 ሃፀይ ምኒሊክ ዳግማዊ

ብዘበነ ሃፀይ ምኒልክ ዳግማዊ ዝተወሰኑ ዘበናዊ ህንፃታት መንደቕ፣ ድልድላትን መንገድታትን ተሃኒፆም። ኣብ ቤተ መንግስቲ መስመር ቧንቧ ማይን ፅገናታቶምን ከምኡ'ውን ካብ ሓይሊ ጀነሬተር (ሞተር) ዝፍልፍል ኤሌክትሪሲቲ ብውሱን መልክዑ ተኣታትዩም ነይሮም፡፡ ግልጋሎት ፖስታን ቴሌኮሙኒኬሽንን፣ ቴሌግራምን ቴሌግራፍን፣ ስልኪ ተኣታትዩ፡፡ ንፈለማ እዋን "ባንኪ ኣቢሲንያ" ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ብ1905 ዓ.ም ተኸፊቱ። ቤት ትምህርቲ ዳግማዊ ምኒሊክ ብ1908፣ ሆስፒታል ዳግማዊ ምኒልክ ብ1910፣ ቤት ሕትመትን ሆቴላትን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተሰሪሑም፡፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከብ "ሆቴል ጣይቱ ብጡል" ብእቴጌ ጣይቱ ብ1907 ዓ.ም ዝተሰርሐ ሆቴል ነይሩ፡፡ ስለዚ መኳንንቲ ናብ ኢንቨስትመንት ኣትዮም።


ምምሕዳር ውሽጢ ሃገር ብጠቅላይ ግዝኣት፣ ኣውራጃን ወረዳን ዝተመስረተ ንክኸውን ተገይሩ። ዝተወሰኑ ሚኒስቴራት'ውን ተጣይሾም (ንኣብነት ሚኒስቴር ፍትሒ፣ ሚኒስቴር ጦር፣ ሚኒስቴር ጉዳይ ውሽጢ ሃገር፣ ሚኒስቴር ንግድን ጉዳያት ወፃኢ ሃገርን፣ ሚኒስቴር ፋይናንስ፣ ሚኒስቴር ሕርሻ፣ ሚኒስቴር ብዕራ፣ ሚኒስቴር ቤት መንግስትን ሚኒስቴር ህዝባዊ ጉዳያትን ዝበሃሉ ነይሮም)። ስለዚ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ብ1907 ዓ.ም.ፈ ተጣይሹ። ዝተወሰኑ ደቂ መኳንንቲ ንትምህርቲ ንወፃኢ ሃገር ተላኢኾም ተማሂሮም። ነጋድራስ ገብረሂወት ባይከዳኝን በጅሮንድ ተክለሃዋርያት፣ ነጋድራስ ኣፈወርቅ ገብረእየሱስ፣ ሃኪም ወርቅነህ፣ ሃለቃ ታየ፣ ከንቲባ ገብሩ ምሁራት ካብዝብሃሉ ደቂ መኳንንቲ ዝምደቡ'ዮም ነይሮም።

ንግዲ ውሽጢ ሃገርን ወፃእን ንፈለማ ጠመተ ዝረኸበሉ እዋን ነይሩ። ቴምብር ተሓቲሙ፡፡ ብርን ሳንቲምን'ውን ኣብ ግልጋሎት ውዒሎም። ኣዲስ ኣበባ ምስ ወደብ ጂቡቲ ዘራኽብ መስመር ሃዲድ ባቡር ተዘርጊሑ፡፡ መስመር ሃዲድ ባቡር ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ጂቡቲ ዝወስድ ብ1894 ዓ.ም.ፈ ብሓደ ካምፓኒ ፈረንሳይ ዝተጀመረ እንተኾነ'ውን ብ1917 ዓ.ም.ፈ ተዛዚሙ። እዚ ንኣዲስ ኣበባን ጂቡቲን ዘራኽብ መስመር ባቡር ምስተሰርሐ ብዙሓት ኣብ መስመር ዝርከባ ከተማታት ማዕቢለን (ንኣብነት ድሬ ዳዋ፣ ኣዳማ፣ ሞጆ፣ ቢሾፍቱን ኣቃቂን)። ካብዚኦም ብተወሳኺ ስሩዕ ጦር ሰራዊት ተጣይሹ፣ ስርዓት ግብሪ ተኣታትዩ፣ ጠቅላይ ቤት ፍርዲ ተጣይሹ።



ስእሊ 1.23 ንጉሰ ነገስት ቀዳማዊ ሃይለስላሰ

ብዘበነ ሃፀይ ሃይለስላሰ ንጉሰ ነገስት ዘኢትዮጵያ እውን ፖለቲካውን ምምሕዳራውን ኣሰራርሓታት ኣውሮፓውያን ናብ ኢትዮጵያ ክተኣታተዉ ተገይሩ'ዩ፡፡ ንኣብነት ምትእትታው ትምህርቲ ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ ነይሩ። ቤት ትምህርቲ ቀዳማዊ ሃይለስላሰ፣ ቤት ትምህርቲ ጀነራል ዊንጌት፣ ቤት ትምህርቲ እቴጌ መነንን ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስትን ዝተወሰኑ እዮም፡፡ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ዕዮ ሚኒስትራትን ቤት ምኽሪ ሚኒስትራትን'ውን ተጣይሾም። ብርሃንን ሰላምን ቤት ሕትመት ብ1921 ዓ.ም ተጣይሹ። 1923 ዓ.ም ኢትዮጵያ ኣባል ሊግ ሃገራት (መንግስታት) ዓለም ንክትከውን ተገይሩ። ንፈለማ እዋን ኣብ ፅሑፍ ዝሰፈረ ሕገ መንግስቲ ዝተጣየሸ'ውን ብዘበነ ሃፀይ ሃይለስላሰ ነይሩ።ፓርላማ ተጣይሹ ህዝቢ'ውን ኣባላት ፓርላማ ክመርፅ ክኢሉ፡፡ ተወዳደርቲ ግና መሳፍንቲ ጥራሕ ነይሮም፡፡ ሆስፒታል ጥቁር ኣንበሳን ሆስፒታል እቴጌ መነንን'ውን ኣብ ዘመነ ሃፀይ ሃይለ ስላሰ ዝተጣየሹ'ዮም፡፡ ዘበናዊ ሓይሊ ምክልኻል (ሓይሊ ምድሪ፣ ኣየርን ባሕርን) ንፈለማ እዋን ተጣይሾም።



ስእሊ 1.24 ብዘመነ ሃፀይ ዳግማዊ ምኒሊክ ተኣታትዮም ዝነበሩ ዘመናዊ ቴክኖሎጂታት

## መልመዲ 1.5

**ሀ** ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ትኽክል እንተኾይኖም "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኾይኖም ድማ "ሓሶት" እናበልኩም መልሱ።

1. ዓወት ኲናት ዓድዋ ንፀለምቲ ኣፍሪካውያን ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ።
2. ሃፀይ ቴዎድሮስ ምስ ወራሪ ሰራዊት ጣልያን እንትዋግኡ ሞይቶም።
3. ዝሓበራ ኣፃብዕቲ ዓርቃይ የፀምብዓ ዝብል ምስላ ረብሓ ሕብረትን ሓድነትን ይገልፅ።
4. ኣብ ኲናት ዓድዋ ኣስካሪስ እናተብሃሉ ዝፍለጡ ኤርትራውያን ምስ ወራሪ ሰራዊት ጣልያን
   ወጊኖምን ተሓሽኪሮምን ኣንፃር ኢትዮጵያ ተዋጊኦም እዮም።
5. ኣብ ኲናት ዓድዋ መረሕቲ ብርጋዴራት ሰራዊት ጣልያን ዝነበሩ ክልተ ጀነራላት ሞይቶም።

**ለ** ኣብ "ሀ" ዘለዉ ምስ ኣብ "ለ" ዘለዉ ኣዛምዱ።

| | ሀ | | ለ |
|---|---|---|---|
| 1 | ቤት ትምህርቲ ዳግማዊ ምኒልክ | ሀ | ሃፀይ ምኒሊክ ዳግማዊ |
| 2 | ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ | ለ | ብ1908 ዓ.ም.ፈ ተመስሪቱ |
| 3 | ሃፀይ ቴዎድሮስ ዳግማዊ | ሐ | ኢንቨስትመንት መኳንንቲ |
| 4 | ምስ ጣልያን ኲናት ዝተኻየደሎም | መ | ብ1917 ዓ.ም.ፈ ተዛዚሙ |
| 5 | ቀዳማይ ሚኒስትር ጣልያን ዝነበሩ | ሰ | ኣብ ኲናት መተማ ሞይቶም |
| 6 | ሆቴል ጣይቱ ብጡል | ረ | ብ1868 ዓ.ም.ፈ ሞይቶም |
| 7 | ኲናት ዓድዋ ዝመርሑ | ሸ | ሰሃጢ፣ ዶግዓሊን ዓድዋን |
| 8 | ኣዲስ ኣበበ - ጂቡቲ መስመር ሃዲድ ባቡር | ቀ | ክሪስፒ |
| 9 | መራሒ ሰራዊት ጣልያን ኣብ ኲናት ዓድዋ | በ | ጀነራል ባራቴሪ |
| 10 | ምስ ደርቡሽ ሱዳን ኲናት ዝተኻየደሎም | ተ | ኲፌትን መተማን |

## ዕዮ ጉጅለ



1. ረብሓ ሕብረትን ሓድነትን ህዝብታት ኣረድኡ። ኲናት ዓድዋ ኣብነት ገይርኩም ተመያየጡ።
2. በብዓመቱ ለካቲት 23 በዓል ዓወት ኲናት ዓድዋ ብዝደመቐ ብሄራዊ ስነስርዓት ይበዓልን ይኽበርን'ዩ። ንምንታይ? ብዝርዝር እናተመያየጥኩም መልስኹም ፅሓፉ።
3. ኣብ እዋን ኲናት ዓድዋ መራሕቲ ሰራዊት ጣልያን ዝነበሩ ጀነራላት ዘርዝሩ። ዝነበሮም ኣሰላልፋ'ውን ኣረድኡ። እናተመያየጥኩም ግለፁ፡፡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእሊ ተጠቐሙ።

4 ኣብ እዋን ኲናት ዓድዋ መራሕትን መዋገእትን ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝነበሩ እናዘርዘርኩም ኣሰላልፈኦም'ውን ተመያየጡሉ። ብዝርዝር ኣረድኡ።

5 ኣብ እዋን ኲናት ዓድዋ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያውያንን ሰራዊት ጣልያንን ውግእ ዝተኻየደሎም ሰለስተ ቦታታት ግለፁ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእልታት እናረኣይኩም ተመያየጡ።


6 ታሪካዊ ረብሓ ኲናት ዓድዋ እንታይ'ዩ? ብጉጅለ እናተመያየጥኩም ብዝርዝር ግለፁ።

## 1.5 ቐልፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን ባህልን

ተምሃሮ ብዛዕባ ኣሰፋፍራ ህዝቢ እንታይ ትፈልጡ? ህዝቢ ኣብ ከተማን ኣብ ገጠርን እንትሰፍሩ እንታይ ረቛሒ መሰረት ይገብሩ? ኣሰፋፍራ ህዝቢ እንታይ ማለት'ዩ? ኣሰፋፍራ ማለት ህዝቢ ኣብ ሓደ ከባቢ መነባብርኡ ንምክያድ ተኣኪቡ ነናይባዕሎም መንበሪ ሰሪሖም ናብርኦም ዘካይድሉ ኣምር ዝግለፀሉ ኩነታት'ዩ። ህዝቢ ኣብ ሓደ ከባቢ እንትነብሩ ብሓደ መልክዕ ስሕው ኢሎም መንበሪኦም ሰሪሖም ንርኢ ወይድማ ፅዕቕ ኣብዝበለ ኩነታት መንበሪኦም ሰሪሖም እንትነብሩ ንዕዘብ። ህዝቢ ኣብ ከባቢ መንበሪኦም ከም ጉጂ፣ ግድግዳ ቀላሚጦስ፣ ህድሞ፣ መንደቕ ወይድማ ዘመናዊ ህንፃ ሰሪሖም ብሓባር እንትነብሩ ንዕዘብ። ከከም ኩነታት ጠባይ ኣየር ድማ ምስሓውን ምፅዓቕን ወይድማ መንበሪ ዝስርሑሎም ባእታታት ይፈላለዩ እዮም።

ኣሰፋፍራ ህዝቢ ብምኽንያት ጠለብ፣ ደጉዓን ቆላን፣ ብራኸን መታሕትን፣ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት'ውን ኣብ ግምት እናኣተወ ኣፈላላይ ይግበር'ዩ። ተግባራት ኣሰፋፍራ ብክልተ መልክዕ ምርኣይ ይከኣል'ዩ።

1. ገጠርን ከተማን ኢልካ ብተግባራት ኣሰፋፍራ
2. ከበሳን (ደጉዓን) መታሕትን (ቆላን) ኢልካ'ውን ብኣቀማምጣ ይርኣይ።



ስእሊ 1.25 ኣሰፋፍራ ህዝብታት ኣብ ከተማታት ብጣዕሚ ፅዑቕ እዩ፡፡

ስለዚ ተምሃሮ ኣብ ገጠርን ከተማን ዘሎ ኣሰፋፍራ ብጣዕሚ ይፈላለይ'ዩ። ብተመሳሳሊ ድማ ኣብ ከበሳን መታሕትን ዘሎ ኣሰፋፍራ አዐርዩ ይፈላለይ'ዩ። ኣብ ከተማ ዘሎ ኣሰፋፍራ

ህዝቢ ብትልምን ፕላንን ዝተቐየደ ኾይኑ ዕዉቕ ኣቀማምጣ ዝጠልብ'ዩ። ኣብ ገጠር ዝርአይ ኣሰፋፍራ ድማ ምስ ውልቀ ትሕዝቶ መሬት ዝተኣሳሰር ስለዝኾነ ስሕው ዝበለን ዝተረሓሓቐን'ዩ:: መነባብሮ ህዝቢ ገጠር ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳትን ዝተመስረተ እዩ።



ስእሊ 1.26 ኣሰፋፍራ ህዝብታት ኣብ ገጠራት ብጣዕሚ ስሕው እዩ፡፡

ኣብ ከተማን ገጠርን መንቀሊ ምኽንያት ኣፈላላይ ኣሰፋፍራ ህዝቢ እንታይ ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ? መንቀሊ ምኽንያታት ኣፈላላይ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኣብ ክልተ መቒልካ ምርኣይ ይከኣል። እዚኦም ድማ ዝስዕቡ'ዮም፤

1 ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት፤ ኣብ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ከተማን ገጠርን ኣፈላላይ ንምፍጣር መንቀሊ ምኽንያታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ንኣብነት ኣቀማምጣ መሬት፣ ሃፍትታት ተፈጥሮ ውሽጢ መሬትን ልዕሊ መሬትን፣ ጠባይ ኣየር፣ ቀረብ ማይ፣ ልምዑነት መሬት፣ ግድሚ መሬት፣ ከውሒ መሬት፣ ወዘተ ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዮም።

2 ሰብ ስራሕ ባእታታት፤ ኣብ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ከተማን ገጠርን መንቀሊ ምኽንያታት ዝኾኑ ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ጥራሕ ዘይኮኑስ ሰብ ስራሕ ዝኾኑ'ውን ኣለዉ'ዮም። ሰብ ባዕሉ ዝፈጥሮም ኩነታት መንቀሊ ምኽንያታት ተገይሮም ይውሰዱ'ዮም። ብምኽንያት ደቂ ሰባት ዝውሰዱ ስጉምትታት፡፡ እዚ ዝኾነሉ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣለዉ፤

ሀ. ካብ ሓደጋታት ተፈጥሮን እንስሳትን ከምኡ'ውን ካብ ፀላኢ ንምክልኻል ብዝግበር ፃዕሪ ደቂ ሰባት ኣብ ሓደ ከባቢ ክሰፍሩ ይኽእሉ'ዮም።

ለ. ኣብ ከባቢ ብዝርከቡ ግልጋሎታት ንኣብነት ሸቕ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ትካል ግልጋሎት ጥዕና፣ ዕዳጋ፣ መጓዓዝያን መንገዲ መኪናን ወዘተ ተኸቲሎም ሰባት ይሰፍሩ'ዮም።

ከባብታት መዕረፊ ኣውቶቡሳትን ዕዳጋን ዘሎ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ከተማ ኣስተውዒልኩም ዶ ትፈልጡ? ዕዉቕ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ምስ ዝተፈላለዩ ንግዳዊ ምንቅስቓሳት ትዕዘቡ። ዕሽላት ከተማ እንትክትማ ኸ ኣስተውዒልኩም ዶ ትፈልጡ? ኣውራ መንገዲ መኻይንን ኣውቶቡሳትን (ኣውራ ጎደናታት) ተኸቲሎም ይኸትሙ። ኣብ ገጠር ዝርከብ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ድማ ኣብ ጎቦታትን ግድምታትን ይበዝሕ ምኽኑ ኸ ተዓዚብኩም ዶ? እቲ ማይዳ መሬትን ልሙዕ መሬትን ንማሕረስ ስለዝድለይ'ዩ። ጎቦታትን ግድምታትን ኣብዘይብሉ ከባቢ ግና ኣብ ማይዳ'ውን ህዝቢ ከምዝሰፍር ምርድኡ ዕቡቕ'ዩ:: ንኣብነት "ዓዲ ጎሹ" ዘለዉ ሰፈርቲ ኣብ ማይዳን ልሙዕ መሬትን እዮም ሰፊሮም:: ተፈጥሮኣውን ፊዚካላውን ባእታታት ስለዘገደዱ ማለት እዩ:: ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኩናማ እንትወሲድና ካብ ካልኦት ከባቢ ትግራይ ይፍለይ'ዩ።

ኣሰፋፍራ ህዝብታት ጥራሕ ኣይኮነን ኣፈላላይ ዘለዎ፡፡ ባህሊ ኣሰፋፍራ ህዝቢ'ውን ኣፈላላይ ኣለዎ'ዩ፡፡ ባህሊ እንታይ ማለት'ዩ? ባህሊ መግለፂ ኣነባብራ ህዝቢ'ዩ። ባህሊ ልምድታትን እምነታትን ህዝቢ ዝግለፀሉ እዩ። ዝተፈላለዩ ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝተፈላለየ ባህሊ ኣለዎም። ንኣብነት ባህሊ ህዝቢ ኦሮሞ፣ ባህሊ ህዝቢ ዓፋር፣ ባህሊ ህዝቢ ኣምሓራ፣ ባህሊ ህዝቢ ሶማል፣ ባህሊ ህዝቢ ኩናማ፣ ባህሊ ህዝቢ ኢሮብ፣ ባህሊ ህዝቢ ጉራጌ፣ ባህሊ ህዝቢ ሲዳማ ወዘተ ተባሂሉ ዝግለፀሉ ኩነታት ኣሎ። ኣብ ኣግባብ መነባብሮ፣ ኣመጋግባ፣ ኣከዳድና፣ ስነ ፅባቐ፣ መርዓ፣ ሓዘን፣ ቀብሪ፣ እምነትን ልምድታትን፣ ኣከባብራ በዓላት፣ ኣሰራርሓ ፀጉሪ ወዘተ ዝተፈላለዩ'ዮም። ኣብ ዝተፈላለዩ ኣሰፋፍራን ባህልን ዘለዎም ህዝብታት ድማ ብመንፅር ከተማን ገጠርን ተመሳሳልቲ ባህልታት ከምዘለዉ ኹሉ ኣፈላላይ ዘለዎም ኩነታት ድማ ይርአይ'ዩ። ስለዚ ኣፈላላይ ባህሊ ምስ መነባብሮ ህዝብን ድሕረ ባይቶኦምን ዝተኣሳሰር'ዩ።

ባህልን መነባብሮን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት እዮም። መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ሕርሻ፣ ንግዲ፣ ምርባሕ ከፍትን ካልኦት ኣግባብ ምእላሽ እቶት ስድራን መሰረት ተገይሩ ዝርአይ'ዩ፡፡ ንኣብነት መነባብሮ ህዝቢ ገጠር ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳትን ዝተመስረተ እንትኸውን መነባብሮ ህዝቢ ገጠር ድማ ኣብ ንግድን ካልኦት ፍልፍል እቶትን ዝተመስረተ'ዮም። ብምኽንያት ከምዚ ዝመሰለ ኩነታት መነባብሮን ባህልን ከተማን ገጠርን ዘተኣሳስሮም፣ ዘመሳስሎምን ዘፈላልዮምን ብዙሕ ጉዳይ'ሎ። ገጠርን ከተማን እንትንብል ኣሰፋፍራ ህዝቢ'ዩ ዘመላኽት። ግን እዚ ኣሰፋፍራ ገጠርን ከተማን ብብዙሕ መንገዲ ይፈላለይ'ዩ። ስለዚ ኣብዝስዕብ ሰደቓ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኣብ ከተማን ገጠርን ብዝምልከት መነፃፀሪ ቐሪቡ'ሎ።

| ገጠራት ዘለዎም ኣሰፋፍራ ብዝምልከት | ከተማታት ዘለዎም ኣሰፋፍራ ብዝምልከት |
|---|---|
| • ኣብ ገጠር ዘለዉ መንበሪ ገዛውቲ ብጣዕሚ ዝተረሓሓቑ'ዮም።<br>• ኣብ ሕርሻን ምርባሕ ከፍትን ዝተመስረተ መነባብሮ ኣሎ።<br>• መንበሪ ገዛውቲ ካብ ዕንጨይትን እምንን ዝተሰርሑ'ዮም።<br>• ጎረባብቲ ብጣዕሚ ኣብ ዝተረሓሓቑ ቦታታት እናነበሩ ግና በብመዓልቱ ይጠያየቑ'ዮም።<br>• ሰብን ናውትን ንምጉዕዓዝ ኣዕዱግን ካልኦት እንስሳታትን ይጥቀሙ። | • መንበሪ ገዛውትን ህንፃታትን ተቐራሪቦም ብፃዕቒ'ዮም ተሰሪሖም ዝርከቡ።<br>• ነበርቲ ኣብ ኣብያተ ዕዮ፣ ፋብሪካታት፣ ሹቓትን ውልቀን መንግስታውን ትካላት እናሰርሑ ብዝረኽብዎም እቶታት መነባብረኦም ይመርሑ።<br>• መብዛሕትኦም መንበሪ ገዛውቲ ካብ ብሎኬትን ኣእማንን ዝተሰርሑ'ዮም።<br>• ጎረባብቲ ብጣዕሚ ተቐራሪቦም ብፃዕቒ ዝነብሩ እንተኾነ'ውን ኣይጠያየቑን። ኣይፋለጡን።<br>• ነበርቲ ንመጓዓዝያ ብሽክለታ፣ ሞተር ብሽክለታ፣ ታክሲ፣ መኪና ይጥቀሙ። |

መነባብሮን ባህልን ነበርቲ ከበሳ (ደጉዓ)ን መታሕት (ቆላ)ን ብዝምልከት ድማ ካብዚ ንታሕቲ ኣብዘሎ ሰደቓ ብሓፂር ተገሊፁ'ሎ።

| ነበርቲ ከበሳ (ደጉዓ) ብዝምልከት | ነበርቲ መታሕት (ቆላ) ብዝምልከት |
|---|---|
| መብዛሕትኡ ግዝ ነበርቲ ከበሳ (ደጉዓ)<br>• ስገም፣ስርናይን ጣፍን የፍርዩ።<br>• ዛሕሊ ኣብዘለዎ ከባብታት ደጉዓ ይነብሩ<br>• ቀላሚጦስ፣ ፅሕድን ዓርቃይን ይተኽሉ<br>• ኣባጊዕ የጥርዩ፣ የራብሑ<br>• ካብ ጣፍ፣ ስርናይን ስገምን እንጀራን ሕምባሻን ይስንክቱ፣ ይምገቡ<br>• ፀባ ካብ ላሕሚ ይጥቀሙ<br>• ዛሕልን ቁርን ካብዘለዎ ጠባይ ኣየር ንባዕሎም ንክከላኸሉ ካብ ጡጥ ዝተሰርሑ ክዳውንቲ (ከም ሻማ፣ ብሉኮ፣ ጋቢ፣ ኩታ፣ ኮበርታ ዝመሳሰሉ) ይኸደኑ | መብዛሕትኡ ግዝ ነበርቲ መታሕት (ቆላ)<br>• ዕፉን (ምሽላ ባሕሪ)፣ ዳጉሻን ምሻላን የፍርዩ<br>• ሓፋርን ሙቐትን ኣብዘለዎ ከባቢ ኣየር ይነብሩ<br>• ሽባኽ፣ ሳግላ፣ ሰራውን ኣካሺያን ይተኽሉ<br>• ኣግማልን ኣጣልን የጥርዩ፣ የራብሑ<br>• ካብ ዕፉን (ምሻላ ባሕሪ)ን ምሽላን እንጀራን ሕምባሻን (ቅጫ) ይስንክቱ፣ ይምገቡ<br>• ፀባ ካብ ኣጣልን ኣግማልን ይጥቀሙ<br>• ንነብሶም ካብ ሙቐትን ሃሩርን ጠባይ ኣየር ንምክልኻል ቅልል ዝበሉን ፎከስትን ክዳውንቲ ይኸደኑ |




ስእሊ 1.27 ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን



ስእሊ 1.28 ኢትዮጵያ ተምሳሌት ህብረ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን



ስእሊ 1.29 መርኣያ ኣከዳድና ብሄረ ኦሮሞ



ስእሊ 1.30 ኣከዳድና ብሄረ ትግራይ



ስእሊ 1.31 ህዝብታት ዓፋርን ሶማልን ዝተመስረተሉም ስርዓት መነባብሮ ኣግማል



ስእሊ 1.32 ስእሊ ባህላዊ ኣከዳድና ብሄረሰብ ዓፋር



ስእሊ 1.33 መርኣያ ኣከዳድናን ኣሰራርሓን መንበሪ ገዛ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ደቡብ

ተምሃሮ እስኪ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ተመቒልኩም ዝተፈላለዩ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ብዝምልከት ተመያየጡ። ጉጅለ ፩ ኣብ በረኽ ቦታታት (ብራኸ ኣብ ዘለዎ ወይድማ ከበሳ) ገጠር ንዝነብሩ ህዝቢ ዘለዎም ኣሰፋፍራ ብዝምልከት ንሓደ ቑሸት ኣብነት ወሲድኩም ነንርእስኹም ተመያየጡ። ጉጅለ ፪ ኣብ መታሕት (ቆላ) ከባብታት ገጠር ንዝነብሩ ህዝቢ ዘለዎም ኣሰፋፍራ ብዝምልከት ንሓደ ቑሸት ኣብነት ወሲድኩም ነንርእስኹም ተመያየጡ። ጉጅለ ፫ ኣብ በረኽ ቦታታት (ብራኸ ኣብ ዘለዎ ወይድማ ከበሳ) ከተማ ንዝነብሩ ህዝቢ ዘለዎም ኣሰፋፍራ ብዝምልከት ንሓደ ቑሸት ኣብነት ወሲድኩም ነንርእስኹም ተመያየጡ። ጉጅለ ፬ ኣብ መታሕት (ቆላ) ከባብታት ከተማ ንዝነብሩ ህዝቢ ዘለዎም ኣሰፋፍራ ብዝምልከት ንሓደ ቑሸት ኣብነት ወሲድኩም ነንርእስኹም ተመያየጡ። ኣብ ትግራይ መታሕት (ቆላ) ከባብታት ከተማን ገጠርን ኣብ ወረዳታት ቃፍታ ሑመራ፣ ኣድያቦን ጣንቋ ኣበርገለን ምውሳድ ይከኣልዩ። ደጉዓ ከባብታት ትግራይ ብዝምልከት ድማ ሃገረሰላም፣ ኦፍላን እንዳ መኾኒን ምውሳድ ይከኣልዩ። ኣብ ኣሰፋፍራን ባህልን ዘለዉ ኣፈላላይ ብዕሙቕት ፈትሹ።

# መጠቓለሊ

ቀርኒ ኣፍሪካ ኣብ ልዕሊ ምብራቓዊ ጫፍ ክፍለዓለም ኣፍሪካ ዝርከብ ከባቢ ሓውሲ ደሴት'ዩ። ሓውሲ ደሴት ማለት ብሓደ ወገን ብመሬት ብካሊእ ወገን ድማ ብባሕሪ ወይድማ ብውቅያኖስ ዝተኸበበ መሬት ማለት'ዩ። ቀርኒ ኣፍሪካ ተባሂሉ ዝፍለጥ ከባቢ ብኣንፈት ሰሜን ብቀይሕ ባሕሪ፣ ብኣንፈት ምብራቕ ብወሽመጥ ባሕሪ ኤደን፣ ብኣንፈት ደቡብ ብውቅያኖስ ህንዲ ከምኡ'ውን ብኣንፈት ደቡባዊ ምዕራብ ብኬንያን ብኣንፈት ምዕራብ ድማ ብሱዳን ዝዳወብ'ዩ። ስለዚ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ተባሂሎም ዝፍለጡ ኣርባዕተ እንትኾኑ እዚኦም ድማ ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ጂቡቲን ሶማልን እዮም። ቀርኒ ኣፍሪካ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎም ኣሰረ ሂወት ወዲሰብ ዝተረኸበሉ ከባቢ እዩ። ኢትዮጵያ'ውን ኣብዚ ከባቢ'ያ ትርከብ። ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ ኣርባዕተ ሚሊዮን ዓመታት ዘቑፀሩ ኣሰረ ሂወት ወዲሰብ ተረኺቦም'ዮም። ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር ኣብ ዝርከብ ሓጓፍ ፍሉይ ስም 'ሃዳር' ኣብዝበሃል ቦታ 3.5 ሚሊዮን ዕድመ ዘቑፀረ ኣሰረ ሂወት ወዲሰብ ተረኺቡ። ኣብ ዓፋር ፍሉይ ስሙ 'ኣርዲ' ኣብዝተብሃለ ቦታ'ውን ልዕሊ 4 ሚሊዮን ዕድመ ዘቑፀረ ኣሰረ ሂወት ወዲሰብ ተረኺቡ'ዩ። ስለዚ ሉሲ ወይድማ ድንቅነሽ፣ ኣርዲፒተከስን ሰላምን እናተብሃሉ ዝፍለጡ ኣሰረ ሂወት ወዲ ሰብ ኣብዚ ከባቢ ሓጓፍ ሽንጥሮ ዓፋር'ዮም ተረኺቦም።

ቀርኒ ኣፍሪካ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ዝርከቡላ እያ። ክርስትናን እስልምናን ሃይማኖታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ብዙሕ ሰዓብቲ ዘለዎምን ዓብለልትን ዝበሃሉ'ዮም። ሃይማኖት ክርስትና ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣብዝርከባ ሃገራት ፓለስታይንን እስራኤልን ኣብ መበል ቀዳማይ ክፍለዘመን ተጀሚሩ። ሃይማኖት ክርስትና ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ዝተመስረተ እንትኸውን እምነታትን ትምህርትታትን ኦሪት ዝተመስረቱሉ 'ብሉይ ኪዳን' ከምኡ'ውን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ዝማዕበሉ እምነታትን ትምህርትታትን ሃይማኖት ክርስትና ዝተመስረቱሉ 'ሓዱሽ ኪዳን' ዝበሃሉ ክልተ ክፋላት ኣለዉዎ። ሃይማኖት ክርስትና ናብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ መበል 4ይ ክፍለዘበን ብዘበነ ንጉስ ኢዛና ተስፋሕፊሑ። ሃይማኖት እስልምና ድማ ኣብ መበል 7ይ ክፍለዘበን ኣብ ስዑድ ዓረብያ ከተማ መካ ብነብዩ መሓመድ ተጀሚሩ። እምነታትን ትምህርትታትን እምነት ሃይማኖት ኣብ መፅሓፍ ቁርዓን ዝተመስረተ'ዩ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ሃይማኖት እስልምና ምእታው ዝጀመረን ናብ ውሽጢ ዓዲ'ውን ይጋፋሕ ዝጀመረሉ እዋን ድሕሪ 8ይ ክፍለ ዘበን እዩ። ድሕሪ ውድቀት ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ሃይማኖት እስልምና ኣብ ሃገርና ብዝበለፀ ዝስፋሕፈሐሉ ኣጋጣሚ ተፈጢሩ፡፡ እዚ ድማ በቲ ሽው እዋን ዝነበረ ንግድ ነዊሕ መስመር ተኸቲሉ ዝተኻየደ እዩ። ድሕሪ 8ይ ክፍለዘበን ካብ ደቡብ ዓረቢያ ዝመፁ ሰዓብቲ ሃይማኖት ናብ ኢትዮጵያ ብቐሊሉ ይኣትዉ ስለዝነበሩ ነዚ ምስፍሕፋሕ ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ተቓልዐት ነይራ። ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ናብ ማእኸል ኢትዮጵያ፣ ምብራቕን ደቡብን ኣትዮም ዝመፁሉ ዓብዪ መደብ ንክሰርሑ ቀንዲ መእተዊ በሪ ኾይኑ ዘገልገሎም ወደብ ዘይላ እዩ ነይሩ። ብምኽንያት ብዙሓት ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ናብ ኢትዮጵያ ምእታዎምን ንብዙሓት ደቂ ዓዲ ናብ ሃይማኖቶም ምልዋጦም ደሓር "ሙስሊም ሱልጣኔት" እንትምስርቱ ዓብዪ ሓገዝ ኾይንዎም። ሙስሊም ሱልጣኔት ድማ በቲ ሽው እዋን ዝነበረ ንግዲ ነዊሕ መስመር ምትእስሳር ገይሮም። ስለዚ ኣብ ኢትዮጵያ ሃይማኖት እስልምና መስመር ንግዲ ተኸቲሉ ብሰላማዊ መንገዲ'ዩ ተስፋሕፊሑ።

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ጥንታዊ መንግስታት ነይሮም'ዮም። ካብዚኦም ውሽጢ ድማ ጥንታዊ መንግስታት ፑንትን ደኣማትን ይርከብዎም። ግዝኣት ጥንታዊ መንግስቲ ፑንት ካብ ጥንታዊት ግብፂ ንኣንፈት ደቡብ ኣብ ዝርከብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ (ካብ ሰሜናዊ ጫፍ ወደብ ሱዋኪን ናብ ደቡባዊ ጫፍ ጓርዱፋይ) ዝነበረ'ዩ። ገማግም ባሕሪ ሃገራት ሱዳን፣ ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ጂቡቲን ሶማልን ተኸቲሉ ዝተመስረተ ጥንታዊ መንግስቲ'ዩ ነይሩ። ጥንታዊ መንግስቲ ደኣማት ድማ ንጥንታዊ መንግስቲ ፑንት ስዒቡ ኣብ መወዳእታ ሓምሻይ ክፍለዘበን

ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራን ትግራይን ዝነበረ'ዩ። ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ካብ ቀዳማይ ክፍለዘበን ክሳብ 9ይ ክፍለዘበን ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪካን ብንግዲ፣ ብቴክኖሎጂ፣ ኢደ ጥበብን ስነ ጥበብን፣ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓያልን ውሩይን ዝነበረ'ዩ። ውድቀት ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ስዒቡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ስርወ ንግስና ዛጉዌ ዝበሃል እንትኸውን ንከባቢ 120 ዓመታት ዝፀንሐ'ዩ።

ድሕሪ 9ይ ክፍለ ዘበን ሃይማኖት እስልምና ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኢትዮጵያ እናተስፋሕፍሐ ብምኽያዱም ሙስሊም ሱልጣኔት ክምስረቱ ክኢሎም'ዮም። ብመራሕቲ ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ይምርሑን ይመሓደሩን ዝነበሩ ሙስሊም ሱልጣኔት ሸዋ፣ ኢፋት፣ ኣዳል፣ ፋጣጋር፣ ዳዋሮ፣ ባሊ፣ ሃድያ ወዘተ ነይሮም። ኣብ ማእከላይ ዘበን እናተብሃለ ኣብዝፍለጥ እዋን ድማ ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትና ወይድማ እስልምና ዘይነበሩ መንግስትታትን ህዝብታትን ነይሮም'ዮም። ካብዚኦም ውሽጢ ከም ዳሞት፣ ወላይታ፣ ኢናርያን ካፋን ዝበሃሉ ይርከብዎም። ስለዚ ኣብ እዋን ማእከላይ ዘበን ሃፀይ ዓምደፅዮን ብዘካየድዎ ወፍሪ ምስፍሕፋሕ ግዝኣት ሃፀያዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ናብ ደቡብ ኣንፈት ዝተስፋሕፍሐ እንትኸውን ሃይማኖት ክርስትና'ውን ክትኣታተው ተገይሩ'ዩ። ኣብ መበል 20 ክፍለዘበን ዝነበረት ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ቅርፂ ስርዓት ሃፀያውነት ዝሓዘት ብዘበነ ሃፀይ ዓምደፅዮን ነይሩ። ኣብ እዋን ጥንትን ማእከላይ ዘበናትን ዝነበሩ መንግስትታትን ህዝብታትን ኣዝዮም ዘደንቑን ሰሓብትን ሓድግታት ሓዲጎምልና እዮም። ካብዞም ኣዝዮም ብዙሓት ሓድግታት ውሽጢ ንኣብነት ሓወልቲ ኣኽሱም፣ ውቅር ቤተ ክርስትያን ላሊበላን ኣብ ከተማ ሃረር ዝርከብ መንደቕ ጀጎልን ዝጥቀሱ'ዮም።

ኣብ መወዳእታ ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት መበል 19 ክፍለዘበን ኢትዮጵያ ብተፈላለዩ ባዕዳዊ ወረርቲ ሃገራት ኣውሮፓ ብዙሕ ፈተነ ወራር እናገጠማ ነይሩ፡፡ ብፍላይ ብ1888 ዓ.ም (1896 ዓ.ም.ፈ) ሰራዊት ጣልያን ናብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዘካየድዎ ወተሃደራዊ ወፍርን ኲናት ዓድዋን ዝጥቀሱ ተርእዮታት'ዮም። ኣብዚ እዋን ኣብዝተፈላለዩ ኩርናዓት ሃገርና ዝርከቡ ህዝብታት ኢትዮጵያ ሓድነቶምን ሕብረቶምን ኣስጢሞም ንሓደ ሃገራዊ ዕላማ ብሓደ ልብን መንፈስን ኣንፃር ባዕዳዊ ወራሪ ሰራዊት ጣልያን ብዘካየድዎ ዕዉት ኲናት ዓድዋ ተዓዊቶም፡፡ ስለዚ ኲናት ዓድዋ ኣብ ታሪክ ፍሉይ ስፍራ ዝወሃቦ'ዩ። ዓወት ኲናት ዓድዋ ኩርዓትን ሓበንን ፀለምቲ ኣፍሪካውያን እዩ።

ዘበናውነት ንምትእትታው ፈላማይ ተበግሶ ዝወሰዱ መራሒ (ንጉሰ ነገስት) ሃገርና ሃፀይ ዳግማዊ ቴዎድሮስ እንትኾኑ ብተግባር ግና ርኡይ ምንቅስቓስ ዝጀመሩ ሃፀይ ዳግማዊ ምኒልክ'ዮም። ድሕሪ ኲናት ዓድዋ ሃፀይ ዳግማዊ ምኒልክ ኣብ ኣውሮፓ እናማዕበሉ ይርኣዩ ዝነበሩ ውፅኢታት ዘበናውነት ከም ስርዓት የተኣታትዉ ጀሚሮም። ስለዚ ቤት ትምህርቲ፣ መስመር ሃዲድ ባቡር፣ ዘበናዊ ምምሕዳር፣ ቴሌፎን፣ ቴምብር፣ ባጤራ (ገንዘብ)፣ ዘበናዊ ሕትመት፣ ግምጃ ቤት፣ ባንኪ፣ ሓይሊ ምክልኻል ወዘተ ዝመሳሰሉ ንፈለማ እዋን ተጣይሾም፡፡ ቀዳማዊ ሃይለስላሰ ድማ ነቲ ተጀሚሩ ዝፀንሐ ምትእትታው ስርዓት ዘበናውነት ብዝተጠናኸረ ኣገባብ ቀፂሎምሉ፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዘበናውነት ናብ ዝለዓለ ብርኪ በፂሑ'ሎ።

ኣብ ኢትዮጵያ ትሽዓተ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስትታት ኣለዉ፡፡ ኣብዚኦም ዝተፈላለዩ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣለዉ። ሕድሕዲኦም ብሄር ብሄረሰብን ህዝብታትን ድማ ናይባዕሎም ዝኾነ ባህሊ፣ ፀወታ፣ ኣሰራርሓ ምግብን ኣመጋግባን፣ ኣሰራርሓ ክዳንን ኣከዳድናን፣ ኣሰራርሓ ፀጉሪ፣ ኣሰራርሓ መንበሪ ገዛን ልምድታትን ኣለዉዎም፡፡ እዚኦም መግለፂ መልክዕን ዕባቸን ህዝብታት'ዮም። ሕዳር 29 በዓል ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና ንክኸውን ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝብታትን ፌደሬሽንን ስለዝተወሰነ በብዓመቱ ብዝለዓለ ድምቀት ይበዓልን ይኽበርን'ዩ።

# ማህደረ ቃላት

| | ቁልፊ ቃላት | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ቀርኒ ኣፍሪካ | ኣብ ካርታ ኣፍሪካ ኣብዝርከብ ቅርፂ ቀርኒ ዝርከቡ ሃገራት ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ጂቡቲን ሶማልን ዝርከቡሉ ከባቢ |
| 2 | ኣንፃራዊ መርክቦ | መርክቦ ሓደ ቦታ ብመንፅር መርክቦ ካልእ ቦታ። |
| 3 | ደሴት | ምሉእ ብምሉእ ዙርይኡ ብማይ ዝተኸበበ መሬት። |
| 4 | ሓውሲ ደሴት | ብሰለስተ ኣንፈታት ብማያዊ ኣካል ዝተኸበበ መሬት። |
| 5 | ካርታ | ምሉእ ወይ ድማ ክፋል ኣካል ምድሪ ኣብ ወረቐት ኣዝዩ ኣንኢሱ ዘርእይ ስእሊ። |
| 6 | ንድፊ ካርታ | ካርታ ቅድሚ ምስኣሉ ብእርሳስን መስመርን ዝሰኣል ካርታ። |
| 7 | ኣሰረሂወት | ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ትሕቲ መሬት ዝነበረ ቅሪት ኣፅም ወዲሰብ |
| 8 | ኣርኪዮሎጂ | ኣርኪኦሎጂ ኣብ ትሕቲ መሬት ተቐቢሮም ንዓመታት ዝፀንሑ ኣሰረሂወት ደቂሰብን ጥንታዊ ሕብረተሰብ ይጥቀመሎም ዝነበሩ ናውትን ብኳዕቲ ብምውፃእ ብዛዕባ ጥንታዊ ሕብረተሰብ ዘፅንዕ ሳይንስ |
| 9 | ኣውስትራሎፒተከስ ኣፋረንሲስ | ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር 'ሃዳር' ኣብዝተብሃለ ቦታ ንዝተረኸበ ኣሰረሂወት ወዲሰብ ዝተውሃበ ሳይንሳዊ መፀውዒ |
| 10 | ኣውስትራሎፒተከስ ኣርዲፒተከስ ራሚደስን | ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር 'ኣርዲ' ኣብዝተብሃለ ቦታ ብ1994 ዓ.ም.ፈ ንዝተረኸበ ኣሰረሂወት ወዲሰብ ዝተውሃበ ሳይንሳዊ መፀውዒ |
| 11 | ሃዳር | ብዶናልድ ጆንሰንን ማውሪስ ታኢብ ጆንሰንን ዝተብሃሉ ክልተ ሰብኣይን ሰበይትን 'ሉሲ' ወይድማ 'ድንቅነሽ' እናተብሃለት ትፍለጥ ኣንስተይቲ ኣሰረሂወት ወዲሰብ ዝተኸቡሉ ቦታ'ዩ:: ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር ከባቢ ሽንጥሮ ኣዋሽ ዝርከብ ቦታ:: |
| 12 | ኣርዲ | ኣብ 1994 ዓ.ም.ፈ ብቲም ዋይት ዝምራሕ ተመራመርቲ ጉጅለ ኣንትሮፖሎጂስትታትን ኣርኪዮሎጂስትታትን ኣብ ኣውስትራሎፒተከስ ኣርዲፒተከስ ራሚደስን ዝተመደበ ኣሰረሂወት ወዲሰብ ዝተኸቡሉ ቦታ'ዩ:: ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር ከባቢ ሽንጥሮ ኣዋሽ ዝርከብ ቦታ:: |
| 13 | ክርስትና | ኣብ መፅሓፍ ቅዱስን ኣስተምህሮ እየሱስ ክርስቶስን ዝተመስረተ ሃይማኖት እዩ። |
| 14 | እስልምና | ኣብ ቅዱስ ቁርዓንን ኣስተምህሮ ነቢዩ መሓመድን ዝተመስረተ ሃይማኖት እዩ። |

| | | |
|---|---|---|
| 15 | ብሉይ ኪዳን | ቀዳማይ ክፋል መፅሓፍ ቅዱስ ኾይኑ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበሩ እምነታትን ኣስተምህሮታትን ኦሪት ዝተፅሓፈሉ'ዩ። |
| 16 | ሓዱሽ ኪዳን | ካልኣይ ክፋል መፅሓፍ ቅዱስ ኾይኑ ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ዝመፁ እምነታትን ኣስተምህሮታትን ዝተፅሓፈሉ'ዩ፡፡ |
| 17 | ባሕሪ ሜዲተራንያን | ኣብ ሞንጎ ኣፍሪካን ኣውሮፓን ዝርከብ ዓብዪ ባሕሪ። |
| | ቀይሕ ባሕሪ | ኣብ ሞንጎ ኣፍሪካን ስዑድ ዓረብያን ዝርከብ ባሕሪ። |
| 17 | መፅሓፍ ቅዱስ | ሃይማኖት ክርስትና ዝተመስረተሉን ኣስተምህሮታት እየሱስ ክርስቶስ ዝተፅሓፈሉን ቅዱስ መፅሓፍ። |
| 18 | ቅዱስ ቁርዓን | ሃይማኖት እስልምና ዝተመስረተሉን ኣስተምህሮታት ነቢዩ መሓመድ ዝተፅሓፈሉን ቅዱስ መፅሓፍ። |
| 19 | መሬት ፑንት | ካብ ጥንታዊት ግብፂ ንኣንፈት ደቡብ ኣብ ዝርከብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝነበረ ጥንታዊ ግዝኣት እንትኾውን ካብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪካ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ትርከብ ሰሜናዊ ጫፍ ወደብ ሱዋኪን ናብ ደቡባዊ ጫፍ ጓርዱፋይ ዝርከብ ዝርግሐ ዝነበሮ ነይሩ፡፡ |
| 20 | ኣዱሊስ | ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝነበረት መንግስቲ ጥንታዊት ኣኽሱም። |
| 21 | ዛጉዌ | ዘ-ኣገው ካብዝብል ቃል ዝመፀን ድሕሪ ውድቀት መንግስቲ ኣኽሱም ኣብ ላስታ - ሮሃ - ላሊበላ ዝነበረ መንግስቲ። |
| 22 | ዳሞት | ካብ ሩባ ኣባይ ንደቡብ ኣንፈት፣ ካብ ሩባ ኣዋሽ ንምዕራብ ኣንፈት፣ ካብ ዲዴሳ ሩባ ንምብራቕ ኣንፈት፣ ካብ ሃድያ ድማ ንኣንፈት ምዕራብ ገፊሕ ግዝኣት ዝነበሮ ኣብ ምዕራብን ደቡብ ምዕራብን ኢትዮጵያ ዝነበረ እዩ፡ |
| 23 | ወላይታ | ካብ ሃድያ ንኣንፈት ደቡብ ዝርከብ እዩ ነይሩ። |
| 24 | ኢናርያ | ካብ ሩባ ጎጀብ ንኣንፈት ሰሜን ይርከብ ነይሩ። |
| 25 | ካፋ | ካብ ኢናርያ ንኣንፈት ደቡብ ይርከብ ነይሩ። |
| 26 | ንግስተ ሳባ | ኣዜብ ወይድማ ማክዳ እናተብሃለት ትፍለጥ ንግስት ኣኽሱም ዝነበረትን ኣብ ሃገረ እስራኤል ዝነበረ ናብ ንጉስ ሰለሞን ከምዝኸደትን ካብኡ'ውን ንቀዳማዊ ምኒሊክ ከምዝወለደት ዝንገረላ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረት እያ፡፡ |
| 27 | ስርወ ንግስና (መንግስቲ) | ብዓሌትን ዘርእን (ሓረግ ወለዶ) ተኣሳሲሮም ንነዊሕ ክፍለዘመናት ንዝነገሱ እንጥቀመሉ ብጥማር መፍለዪ ንግስና ንኣብነት ስርወ ንግስና ኣኽሱም፣ ስርወ ንግስና ዛጉዌ፣ ሰለሞናዊ ስርወ መንግስቲ ወዘተ ዝበሃል ማለት'ዩ፡፡ |
| 28 | ኣኽሱማውያን | ኣብ ትሕቲ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ይመሓደሩ ዝነበሩ ህዝብታት |

| | | |
|---|---|---|
| 29 | ሓድጊ /ሓድግታት | ንልዕሊ 100 ዓመታት ዝፀንሐ መንፈሳውን ቁሳውን ሃፍትታት ህዝቢ ኾይኑ ክዕቀብን ክንክን ክግበረሉን ዝግባእ፡፡ ንኣብነት ሓወልቲ ኣኽሱም ልዕሊ 2000 ዓመታት ክምዝፀንሑን መግለፂ ጥንታዊ ስልጣነ ሃገርና ምዃኖም ምርኣይ ይከኣል፡፡ |
| 30 | ጀበርቲ | ኣብ ከተማ ጎንደር ጣቢያ ኣዲስ ኣለም ዝነበሩ ሙስሊም ነጋዶ |
| 31 | ፈላሻ | ኣብ ስራሕቲ ሸክላ (ዓታሩ ዝሰርሑ)፣ ኢደ ጥበባውያን፣ ዓለምትን ስፈታት (ዝምቢል፣ መሸረፈት፣ ሰተታ፣ መንፌት ...) ይሰርሑ ዝነበሩ ካብ ቤተ እስራኤል ዝውለዱ ዓሌታት፡፡ |
| 32 | ፋሲለደስ | ንሃፀይ ፋሲል ክም መፀውዒያም ተገይሩ ዝውሰድ ስያመ፡፡ |
| 33 | ዘመነ መሳፍንቲ | ካብ 1784 - 1855 ዓ.ም.ፈ ዝነበረ ፖለቲካዊ ምሕደራ ሃገርና ዝፍለጠሉን በብከባቢኡ ዝነበሩ መሳፍንትን መኳንንትን ክም ቃሕ ዝበሎም ይገዝኡሉ ዝነበሩሉ እዋን እንትኸውን ኣብዚ እዋን ኣነ እየ ንጉስ ዝብል ዘይነበረሉ እዩ፡፡ እዚ ስርዓት ብሃፀይ ዳግማዊ ቴዎድሮስ (ካሳ) ዝብቀፀ ፖለቲካዊ ስርዓት'ዩ፡፡ |
| 34 | ብሄር ብሄረሰባት | ኣብ ሃገርና በብክልሉ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ቋንቋታትን ባህልታትን ዘውንኑ ህዝብታት ብሓባር መፍለጢኦም ተገይሩ ዝግለፀሉ'ዩ፡፡ ብሄረ ኣምሓራ፣ ብሄረ ኦሮሞ፣ ብሄረ ትግራይ፣ ብሄረሰብ ኩናማ፣ ብሄረሰብ ኢሮብ፣ ብሄረሰብ ጉሙዝ፣ ብሄረሰብ ጉራጌ፣ ብሄረሰብ ሲዳማ፣ ብሄረሰብ ሃረሪ፣ ብሄረሰብ ኮንሶ ወዘተ ስለዝበሃሉ ብሓባር ንምፅዋዕ ብሄር ብሄረሰብ ንብል፡፡ |

## መጠቓለሊ ሕቶታት

**ሀ** ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል እንተኾይኖም 'ሓቂ'፣ ትኽክል እንተዘይኮይኖም ድማ 'ሓሶት' እናበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡

1 ኣብ ኩለን ሃገራት ኣፍሪካ ኳዕቲ ኣለሻ ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ተኻይዱ'ዩ፡፡
2 ኢትዮጵያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ እትርከብ መበቆል ዘርኢ ወዲሰብ እያ፡፡
3 ሃዳርን ኣርዲን ዝበሃሉ ኳዕቲ ኣለሻ ዘርኢ ወዲሰብ ዝተኻየደሎም ስፍራታት ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር ዝርከቡ እዮም፡፡
4 ኣብ ሃዳር ዝተረኽበት ኣንስተይቲ ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ሳይንሳዊ መፀውዒኣ 'ኣውስትራሎፒተከስ ራሚደስ' እያ ትበሃል፡፡
5 'ሉሲ' ወይድማ 'ድንቅነሽ' ትበሃል ኣሰረሂወት ዘርኢ ወዲሰብ ኣብ ኣርዲ ዝበሃል ቦታ ብኳዕቲ ተረኺባ፡፡
6 ኳዕቲ ኣርዲ ብ1974 ዓ.ም.ፈ እንትርከብ ሃዳር ድማ ብ1994 ዓ.ም.ፈ ኣብ ዓፋር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ'ዩ ተረኺቡ፡፡
7 ሃይማኖት ክርስትና ኣብ መበል ቀዳማይ ክፍለዘበን ኣብ እስያን ማእኸላይ ምብራቕን ኣብ ከባቢ ፓለስታይንን እስራኤልን እዩ ተጀሚሩ፡፡
8 ስቅያትን ስደትን ሰዓብቲ እምነት ክርስትና ዘብቅዐ ኣብ እዋን ኣገዛዝኣ ንጉስ ቆስጠንጢኖስ እዩ፡፡
9 ሃይማኖት ክርስትና ኣብ ክልተ ኣብዝተመቐለሉ እዋን ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኣብ ግሪክ ክምኡ'ውን ኦርቶዶክስ ክርስትና ኣብ ሮም ማእኸሎም ገይሮምዎ፡፡
10 ሃይማኖት ክርስትና ብዘመነ ንጉስ ኢዛና ካብ 330 - 350 ዓ.ም.ፈ ኣብ መንግስቲ ኣኽሱምን ህዝብን ተኣታትዩ፡፡

11 ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዘበነ ጥንትን ማእኸላይን እዋን ዝተፈላለዩ መንግስትታት ነይሮም እዮም፡፡
12 ንውድቀት ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ምኽንያታት ካብዝኾኑ ውሽጢ ዓመፅ ቤጃውያንን ወራር ዓሌት ኣገውን ዝጥቀሱ እዮም፡፡
13 ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ውሩይን ሓያልን ዝነበሮ እዋን ኣብ መበል 9ይን 10ይን ክፍለዘበናት ነይሩ፡፡
14 ኣብ ላስታ ዝነበረ ስርወ መንግስቲ ዛጉዌ ምስወደቐ ብመንግስቲ ኣኽሱም ተተኪኡ፡፡
15 ስመ ማእርግ መረሕቲ (ነገስታት) ወላይታ "ካኦ" ዝብል ነይሩ፡፡
16 ስመ ማእርግ መረሕቲ (ነገስታት) ካፋ "ታቶ" ዝብል ነይሩ፡፡
17 ኢኮኖሚያዊ መሰረት መንግስቲ ካፋ ኣብ ንግድን ሕርሻን ዝተመስረተ ነይሩ፡፡
18 ውሩይ ንጉስ ስርወ ንግስና መንግስቲ ዛጉዌ ንጉስ ካሌብ ዝበሃል ነይሩ፡፡
19 ኣብ ሰሜን ጫፍ ዝርከብ ጥንታዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዳሞት ዝበሃል ነይሩ፡፡
20 ሙስሊም ሱልጣኔት ኣዳል ኣብ ብራኽ ደጉዓ ምብራቕ ሸዋ ዝተመስረተ ነይሩ፡፡
21 ሃፀይ ቴዎድሮስ ምስ ወራሪ ሰራዊት ጣልያን እንትዋግኡ ሞይቶም፡፡
22 ዝሓበራ ኣፃብዕቲ ዓርቃይ የፀምብዓ ዝብል ምስላ ረብሓ ሕብረትን ሓድነትን ይገልፅ፡፡
23 ዓወት ኲናት ዓድዋ ንፀለምቲ ኣፍሪካውያን ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ፡፡
24 ኣብ ኲናት ዓድዋ መራሕቲ ሰራዊት ጣልያን ዝነበሩ ክልተ ብርጋዴር ጀነራላት ሞይቶም፡፡
25 ኣብ ኲናት ዓድዋ ኣስካሪስ እናተብሃሉ ዝፍለጡ ኤርትራውያን ምስ ወራሪ ሰራዊት ጣልያን ወጊኖምን ተሓሽኪሮምን ኣንፃር ኢትዮጵያ ተዋጊኦም እዮም፡፡

ለ ነዞም ዝስዕቡ ኣብ 'ሀ' ንዘለዉ ምስ ኣብ 'ለ' ዘለዉ ኣዛምዱ፡፡

ቀዳማይ ክፋል ሕቶ ኣዛምዱ

| 'ሀ' | 'ለ' |
|---|---|
| _____1 ደቡብ ኣፍሪካዊ ኣናቶሚስት | ሀ ታንዛንያ ዝርከብ ሸንጥሮ ኦልዱቫይ |
| _____2 ሉዊስ ሊኬይን ሜሪ ሊኬይን | ለ ኣውስትራሎፒተከስ ራሚደስ |
| _____3 ሪቻርድ ሊኬይ | ሐ ኣብ ቱኣንግ ኳዕቲ ዘካየደ ሮበርት ዳርት |
| _____4 ዶናልድ ጆንሰንን ማውሪስ ኢታብ ዶንሰን | መ ኣንትሮፖለጂስት ኣብሰሜን ኬንያ ሃይቅ ቱርካና ኳዕትን ኣለሻን ዘካየደ |
| _____5 ቲም ዋይት | ሰ ሃዳር - ዓፋር - ኢትዮጵያ |
| _____6 መሬት ፑንት | ረ ሃፀይ ዓምደፅዮን (1314 - 1344) |
| _____7 ደኣማት | ሸ ሱልጣኔት ሸዋ |
| _____8 ጥንታዊት መንግስቲ ኣኽሱም | ቀ ካብ ሩባ ጎጀብ ንኣንፈት ሰሜን ዝነበረ |
| _____9 ስርወ ንግስና ዛጉዌ | በ ታቶ ጋኪ ሴሮቾ |
| _____10 ሙስሊም ሱልጣኔት ፈጣጋር | ተ ሓበሻት |
| _____11 ክርስትያን ንጉስ ደጉዓ ኢትዮጵያ | ቸ 500 ዓመታት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ |
| _____12 ሙስሊም ሱልጣኔት ኢፋት | ነ ንጉስ ላሊበላ |
| _____13 ፈላማይ ሙስሊም ሱልጣኔት | ከ ወደባት ኣዱሊስ፣ ዘይላን በርበራን |
| _____14 መንግስቲ ኢናርያ | ወ ኣብ ከባቢ ቡልጋን ሸንኮራን ዝነበረ |
| _____15 ንጉስ መንግስቲ ካፋ | ደ ስርወ መንግስቲ ወላዝማ ብ1332 ኣብቂዑ |

### ካልኣይ ክፋል ሕቶ ኣዛምዱ

| ‘ሀ‘ | | ‘ለ‘ | |
|---|---|---|---|
| ______ 1 | ሃፀይ ቴዎድሮስ ዳግማዊ | ሀ | ሃፀይ ምኒሊክ ዳግማዊ |
| ______ 2 | ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ | ለ | ብ1908 ዓ.ም.ፈ. ተመስሪቱ |
| ______ 3 | ምስ ደርቡሽ ሱዳን ኲናት ዝተኻየደሎም | ሐ | ኢንቨስትመንት መኳንንቲ |
| ______ 4 | ምስ ጣልያን ኲናት ዝተኻየደሎም | መ | ብ1917 ዓ.ም.ፈ. ተዛዚሙ |
| ______ 5 | ኲናት ዓድዋ ዝመርሐ | ሰ | ኣብ ኲናት መተማ ሞይቶም |
| ______ 6 | መራሒ ሰራዊት ጣልያን ኣብ ኲናት ዓድዋ | ረ | ብ1868 ዓ.ም.ፈ. ሞይቶም |
| ______ 7 | ቀዳማይ ሚኒስትር ጣልያን ዝነበሩ | ሽ | ሰሃጢ፣ ዶግዓሊን ዓድዋን |
| ______ 8 | ኣዲስ ኣበበ - ጂቡቲ መስመር ሃዲድ ባቡር | ቀ | ክሪስፒ |
| ______ 9 | ሆቴል ጣይቱ ብጡል | በ | ጀነራል ባራቴሪ |
| ______ 10 | ቤት ትምህርቲ ዳግማዊ ምኒልክ | ተ | ኲፊትን መተማ |

### ሐ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1 ኣብ ኣፍሪካ ኳዕቲ ኣለሻ ዘርኢ ወዲሰብ ዝተኻየዱሎም ቦታታት ዘርዝሩ፡፡

2 ኣብ 4ይ ክፍለ ዘበን ዝነበሩ ሓሙሽተ ፓትርያካት ኦርቶዶክስ ኣበይ ኣበይ ከምዝነበሩ ግለፁ፡፡

3 ሃይማኖት እስልምና ናብ ሃገርናን ቀርኒ ኣፍሪካን ዝተስፋሕፋሕለን በርታት ወደብ ዘርዝሩ፡፡

4 ነብዩ መሓመድን ሰዓብቱን ካብ መካ ናብ መዲና ዝገበርዎ ጉዕዞ ስደት እንታይ ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡

5 ቅዱስ ኲናት ሃይማኖት እስልምና እንታይ ከምዝበሃል ጥቐሱ።

6 ሕብረትን ሓድነትን ንነፃነትን ሉኣላውነትን ሃገር ዘለዎ ረብሓ ግለፁ።

7 ቅድሚ ኲናት ዓድዋ ምጅማሩ ወራሪ ሰራዊት ጣልያን ኣበይ በፂሑ ነይሩ?

8 ኲናት ዓድዋ ዝተኻየደሉ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ቦታታት ግለፁ።

9 ወተሃደራዊ ኣሰላልፋ ሰራዊት ጣልያንን ኢትዮጵያን ግለፁ።

10 ረብሓ ዓወት ኲናት ዓድዋ ብዝርዝር ኣረድኡ። በብጉጅለ ዕዮ ይሰራሕ።

11 ብዘበነ ሃፀይ ሚኒሊክ ዳግማዊ ዝተኣታተወ ዘበናውነት ብዝርዝር ግለፁ።



# ምዕራፍ ክልተ

# ምድርን ከባቢኣን

## ውፅኢታት`ዚ ምዕራፍ

### ተምሃሮ ነዙይ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም፡-

- ቤት ትምህትኹምን ከባቢኡን ፈልዩ ዘርኢ ካርታ ደረጃ ብደረጃ ነዲፍኩም ትስእሉ፡፡
- ሳዕቤናት ምንቅስቓስ ምድሪ ተብርሁ፡፡
- ቐዋምን ወቕታውን ሃፍትታት ማይ ኢትዮጵያ ተለልዩ፡፡

### ብቕዓታት እዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ እዮም

- ረብሓ ካርታ ተብርሁ፡፡
- ንድፊ ካርታ ከመይ ከምዝሰኣል ተብርሁ፡፡
- መርከቦ ቤት ትምህርቶም ዘርኢ ንድፊ ካርታ ተዳልዉ፡፡
- ቅርፅን ምንቅስቓስን ምድሪ ተለልዩ፡፡
- ሳዕቤናት ምንቅስቓሳት ምድሪ ተብርሁ፡፡
- ሳዕቤናት ወቕትታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን ተዛምዱ፡፡

## መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ካልኣይ ምዕራፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይ ክፍሊ ብቐንዱ ኣብ ክልተ መሰረታዊ ጉዳያት ዘድሃበ ትምህርቲ ትመሃርሉ'ዩ። ነሳቶም ድማ ብዛዕባ ምንባብ ካርታን ምንቅስቓስ ምድርናን ግንዛበ እተሕድሩሎም'ዮም። ኣብ ምዕራፍ ሓደ ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ስኢልኩም መርከቦ ኢትዮጵያ ብመንፅር ጎረባብታ ብዝግባእ ምንፃር ክኢልኩም ኢኹም። ኣብዚ ምዕራፍ ድማ ንድፊ ካርታ ከመይ ከምዝሰኣል፣ እንታይ ረብሓታት ከምዝህብ እትመሃርሉን ከምኡ'ውን መርከቦ ቤት ትምህርትኹም ዘርኢ ንድፊ ካርታ እተዳልውሉን ምዕራፍ'ዩ። ብምቕፃል ዝመፅእ ትሕዝቶ ትምህርቲ ድማ ቅርፂ ምድርና እንታይ ከምዝመስል፣ ምድርና እንታይ ዓይነት ምንቅስቓሳት ከምትገብርን ሳዕቤናቶምን ዘብርህ'ዩ። ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ድማ ብዛዕባ ወቕትታትን ኣብ ምርባሕ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳትን ዝህልዎም ሳዕቤናትን ግንዛበ ትረኽብሉ ትምህርቲ'ዩ። እዚ ምዕራፍ ብካርታታትን መልመድታትን'ውን ስለተሰነየ ንክትርድ እዎን ንክተፅንዑን አዐርዩ ሓጋዛይ ከምዝኸውን ተሓሲቡ ዝተዳለወ'ዩ።

## 2.1 መርከቦና

ረብሓ ንድፊ ካርታ፡- ተምሃሮ ካርታ እንታይ እዩ ? ከመይ ከምዝስኣልከ ትፈልጡዶ? ረብሓ ካርታ ኸ እንታይ እዩ? እስቲ ተመያየጥሉ፡፡ ካርታ ዝበሃል ምሉእ ኣካል ምድሪ ወይ ክፋሉ ብመልክዕ ስእሊ ኣብ ወረቐት ኣዝዩ ኣንኢሱ ዘርእየና እዩ፡፡ ካርታ ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት እንረኽበሉ እዩ፡፡ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣውን ሰብ ሰራሕን ነገራት ብወከልቲ ምልክታት፣ ምስልታት፣ ሕንፃፃት ወይ ሕብርታት የርእየና፡፡

### ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ብጉጅለ ኮይንኩም ብምእላሽ ካርታ ዓለም፣ ካርታ ክፍለ ዓለም፣ ካርታ ሃገር፣ ካርታ ክልልኩም፣ ካርታ ወረዳኹም ረአዩ። እቶም ኣብቲ ካርታ ዝተቐመጡ ምልክታትን ሕብርታትን እንታይ ከምዘርእዩ ተዓዚብኩም ተመያየጥሉ። ንድፊ ካርታ ኣብ እተዳልውሉ እዋን ድማ ተጠቐምሉ። ካርታ እንታይ ረብሓ ከምዘለዎውን ተመያየጡሉ።

ካርታ መርከቦ ዝኾነ ቦታ ንምርካብ ይጥቕመና። ካብ ካርታ ርሕቐት ምዕቃን ይካኣል እዩ፡፡ ሓደ ቦታ ካብቲ ካልእ በየናይ ኣንፈት ከም ዝርከብ እውን ዝሕብር እዩ። ካርታ ስፍሓት ንምርካብ እውን ይጠቕመና እዩ፡፡ ካርታ ዝተፈላለዩ ማያዊ ኣካላት፣ ገፀ ምድሪ፣ ዝርግሐ ህዝቢ፣ ዝርግሐ እፅዋት፣ መንገድታትን ዝመሳሰሉን እውን የርእየና እዩ፡፡ ተምሃሮ፣ ዝተፈላለዩ ካርታታት ብምርኣይ ነዞም ካብ ካርታ እንረኽቦም ረብሓታት ኣለሊኹም ንምፍላጥ ፈትኑ። ቅድሚ ናብቲ ዝቕፅል ትምህርቲ ምስግጋርኩም ረብሓ ካርታ ምፍላጥኩም ኣረጋግፁ። እትጥቀምሉ ካርታ ናይ ኢትዮጵያ ወይድማ ናይ ትግራይ ክኸውን ይኽል'ዩ።

ተምሃሮ ንድፊ ካርታ እንታይ እዩ? እስቲ ምስ መምህርኩም ተመያየጡ? ተምሃሮ፣ እዞም ዝረኣኹምዎም ዝተፈላለዩ ካርታት ዓለም፣ ሃገር፣ ክባብን ካልኦትን ብዙሕ ተደኺሙሎም ተሓቲሞም ዝወፁ እዮም። ዝኾነ ካርታ ቕድሚ ምስኣሉ ግና ንቕድም ንድፊ ካርታ እዩ ዝሰኣል። ንድፊ ካርታ ብእርሳስን መስመርን ዝስራሕ እዩ። ንድፊ ካርታ ምሉእ ብእምሉእ ትኽክለኛ ወካሊ ኣይኮነን፡፡ ንድፊ ካርታ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ከባቢ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ቦታታት መርከቦኦምን ኣንፈቶምን ብሓፈሻዊ መንገዲ ንምምልካት እትጥቀምሉ እዩ፡፡


**ቀሊል ንድፊ ካርታ ምስራሕ፡-** ተምሃሮ፣ እስቲ ካብ ከባቢኹም ሓደ ቦታ ምረፁ። ናይዚ ዝመረፅኩምዎ ቦታ ንድፊ ካርታ ንምስራሕ እንታይ እንታይ ከምዘድልየኩም ምስ መምህርኩም ብዝርዝር ኣቐምጡ? ቐፂልኩም ንድፊ ካርታ ንምስኣል እንታይ እንታይ ክትሰርሑ ከምዘለኩም ተመያየጥሉ? ኣብ እዋን ምይይጥ ዝቐረቡ ሓሳባት መዝግብኩም ዶ?

## ዕዮ ጉጅለ



እቲ ካብ ከባቢኹም ሓደ ዝኾነን እትመሃርሉን ቤት ትምህርትኹም ምረፁ፡፡ ቐፂልኩም እስቲ ንድፊ ካርታ ቤት ትምህርትኹም ስኣሉ? መርክቦ ቤት ትምህርትኩም ዘርኢ ንድፊ ካርታ ኣብ እተዳልውሉ እዋን ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታት ብዝግባእ ተገንዚብኩም ስኣሉ፡-

- ጎንን ቁመትን ቤት ትምህርትኹም ብሜትሮ ዓቐኑ ፍለጡ፣
- ብመሰረት ጎንን ቁመትን ወረቐትኩም ናይ ባዕልኹም ሚዛን ካርታ ኣዳልዉ፡፡
- ሚዛን ካርታ ኣብ መሬት ዘሎ ርሕቐት ኣብ ካርታ ብክንደይ ንኢሱ ከምዝተሰኣለ ዝሕብር መግለፂ እዩ፡፡
- ሚዛን ካርታ ኣብቲ ንድፊ ኣቐምጡ፡፡
- ላዕለዋይ ክፍል ወረቐትኩም ኣንፈት ሰሜን ከምዘርእይ ብሓባሪ ቐስቲ ማለት ብምልክት ኣብቲ ጎኒ እቲ እትስእልዎ ንድፊ ካርታ ኣቐምጡ፡፡ ሰሜናዊ ኣንፈት ቤት ትምህርትኹም ከመይ ጌርኩም ከምእትፈልጥዎ ምስ መምህርኩም ተመያየጡ፡፡
- ኣብቲ ካርታ ስም ናይቶም ቐንዲ ነገራት ቤት ትምህርትኹም ዝተፈላለዩ ምልክታት ተጠቒምኩም ኣብ ትኽክለኛ መርክቦኦም ኣቐምጡ፡፡ ንኣብነት መምህሪ ክፍልታት፣ ቤት ፅሕፈት ርእሰ መምህር፣ መፃወቲ ዝተፈላለዩ ኩዕሶታት፣ ሽቓቕ፣ መንገዲ ወዘተ ኣብ ቦተኦም ኣቐምጡ፡፡
- ብዝተኻእለ መጠን ሓደ ቦታ ካብቲ ካልእ ኣብ ክንደይ ርሕቐትን በየናይ ኣንፈትን ከምዝርከብ ብትክክል ከምዝተቐመጠ ኣረጋግፁ፡፡
- ኣብ መወዳእታ ሕዳግ ካርታ ብምድላው ርእሲ ካርታ፣ ሚዛን ካርታ፣ ዕለት፣ ኣንፈት ሰሜን፣ መፍትሕን ካልኦትን ብትኽክል ከምዝተቐመጡ ኣረጋግፁ፡፡ ዝተጠቐምኩምሎም ምልክታት እንታይ እንታይ ከምዘማላኽቱ ኣብ ትሕቲ መፍትሕ ኣቐምጡ ፡፡
- ንድፊ ካርታ በብጉጅለ ምስ ሰራሕኹም ምስ ተምሃሮን መምህርኩምን ኣብ ክፍሊ ተመያየጥሉ። ዝይበርህልኩም ነጥቢ እንተሎ ንመምህርኩም ብምሕታት ክበርህልኩም ግበሩ።



ስእሊ 2.1 ንድፊ ካርታ እንትሰርሕ ዘርእይ ስእሊ

## 2.2. ቅርጺ፣ ምንቅስቃስን ሳዕቤናት ምንቅስቓሳትን ምድሪ

### ቅርጺ ምድሪ፡-

ተምሃሮ ምድሪ እንታይ ዓይነት ቅርጺ ዘለዋ ይመስለኩም? ቅርጺ ምድሪ ሰጣሕ ድዩ ወይስ ሬክታንግል? ትርብዒት ወይስ ስሉስ ኲርናዕ? ክቢ ወይስ ካልእ? እስቲ ተመያየጥሉ? ተምሃሮ፣ ቅርጺ ምድሪ በቲ ኣብ ከባቢኹም ብዓይንኹም ትርእይዎ ብምግንዛብ ጥራይ ክትፈልጥዎ ዝካኣል ኣይኮነን። ከምኡ እንተኾይኑ ቕርጺ ምድሪ ሰጥ ዝበለ ወይድማ ሰጣሕ ክመስለኩም ይኽእል'ዩ። እዚ ኣተሓሳስባ ኣብ ግንዛበ ደቂ ሰባት ንቡዙሕ ዓመታት ፀኒሑ እዩ፡፡ ምሁራት ዓለምና ብዝገበርዎ ናይ ነዊሕ እዋን መፅናዕታት ግና ቅርጺ ምድሪ እንቁላሊሕ ዝመስል ሓውሲ ክቢ ከምዝኾነ ብሳይንስ ተረጋጊፁ እዩ። ተምሃሮ ቅርጺ ምድርና ሓውሲ ክቢ ከምዝኾነ ባዕልኹም'ውን ክተረጋግፁ ተኽእሉ ኢኹም። ንኣብነት ሳይንቲስትታት ካብ መንኮርኩር (ሳተላይት) ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዝሰኣልዎም ፎቶ ግራፋት ብምርኣይ ክትግንዘቡ ትኽእሉ። ንኣብነት ነቲ ኣብ ስእሊ 2.2 ዘሎ ካብ ሳተላይት ዝተልዓለ ፎቶግራፍ እስቲ ተመልከቱ። ብኣውሮፕላን ወይ ብመርከብ ከየቛረፅኩም ብቐፃልነት ጉዕዞ እንተካይድኩም ኣብ መወዳእታ ናብታ ዝተበገስኩምላ ቦታ ምምላስኩም ኣይተርፍን። እዚ ዘርእየኩም ድማ ምድርና ሰጣሕ ወይ ሰጥ ዝበለት እንተይኮነትስ ከባብ ምዃና እዩ። ቕርጺ ምድሪ ብትኽክል ዘርእየና ምስሊ 'ሉል' ወይድማ 'ግሎብ' ዝበሃል እዩ።



ስእሊ 2.2 ቅርጺ ምድሪ

ተምሃሮ እስቲ ኣብ ክፍልኹም ዘሎ ሉል ወይድማ ግሎብ ተመልከቱ። ብምቕፃል ድማ ነቲ ሉል ብኢድኩም ብምድህሳስ ኽዘውር ግበሩዎ፡፡



**ንጥፈት**

ተምሃሮ፣ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ተመቓቒልኩም ነዚ ቐጺሉ ቐሪቡ ዘሎ ንጥፈት ኩሉኹም ብምሉእ ተሳትፎ ፈፅሙ።

**ቀዳማይ ጉጅለ** ረብሓ ካርታን ሉልን እንታይ ምዃኑ ዘርዚርኩም ኣብነታት ብምቕራብ ንተምሃሮ ክፍልኹም ኣቕርቡ፡፡

**ካልኣይ ጉጅለ** ንድፌ ካርታ እንታይ ከምዝኾነ፣ ከመይ ከምዝሰኣልን ጥቕሙን ተገንዚብኩም ከምኡ`ውን ስኢልኩም ብምርይ ንኽፍሊ ኣቕርቡ፡፡

**ሳልሳይ ጉጅለ** ኣብ መንጎ ካርታን ሉልን ዘሎ ኣፈላላይን ሕድሕዲኦም ዘለዎም ፍሉይ ረብሓን ተገንዚበኩም ንኽፍሊ ኣቕርቡ፡፡



ስእሊ 2.3 ምስሊ ቅርፂ ምድሪ ዘርኢ ሉል (ግሎብ)

## ምንቅስቓሳት ምድርን ሳዕቤናቶምን

ተምሃሮ ምድርና ኣብ ሓደ ቦታ ተሸኺላ ዝቖመት ድያ ወይ ተንቀሳቓሲት እያ? እስቲ ተመያየጥሉ? ምድርና ተንቀሳቓሲት እያ እንተኢልኩም እንታይ ዓይነት ምንቅስቓሳት ከምዘኾኑን ሳዕቤናቶምን ተመያይጥኩም ንመምህርኩም ንገሩ?

ምድርና ንሓንቲ ሰከንድ`ኳ ከየቋረፀት ኩሉ ግዜ ኣብ ምንቅስቓስ እያ ትርከብ፡፡ ምድርና ካብ እተካይዶም ምንስቅቓሳት እቶም ቐንድን ዓበይትን ክልተ እዮም፡፡ ተምሃሮ እቶም ክልተ ምንቅስቃሳት ምድሪ እንታይ ከምዝኾኑ ትፈልጥዎም ዶ? እስቲ ንመምህርኩም ንገሩ ?

**ካብቶም ክልተ ዓበይቲ ምንቅስቓሳት ምድሪ እቲ ቐዳማይ ሕምባበ ምድሪ እንትበሃል እቲ ካልኣይ ድማ ዑደት ምድሪ ይበሃል፡፡**


**ሀ ሕምባበ ምድርን ሳዕቤኑን፡-** ተምሃሮ እስቲ መምህርኩም ንዘቕርቡልኩም ሉል /ግሎብ/ ብኢድኩም ክሽክርክር ግበሩዎ? ኣብ ዙርያ እቲ ዘንጊዱ ተሓምቢ፡ ቡ?

**ምድርና ኣብ ክሊ ናይ ባዕላ ዘንጊ እትገብሮ ምንቅስቓስ ሕምባበ ምድሪ ይበሃል፡፡**

እቲ ዘንጊ ምድሪ እንብሎ ካብ ሰሜን ዋልታ ናብ ደቡብ ዋልታ ዝተሰመረ ናይ ሓሳብ ዘንጊ ወይድማ መስመር እዩ። ተምሃሮ ናይ ሓሳብ ዘንጊ ወይድማ መስመር ማለት ሰብ ብሓሳቡ ወይድማ ኣብ ወረቐት ዝሓንፀፆ እምበር ኣብ ምድሪ ብኣካል ዝርከብ ኣይኮነን። ምድርና ኣብ ክሊ ዘንጋ ሓደ ምሉእ ሕምባበ ጌራ ንኽትዞር ኣስታት 24 ሰዓታት ይወስደላ፡፡ ተምሃሮ ነቲ ሉል (ግሎብ) ክተሽከርክርዎ እንተለኹም ገሌኹም ካብ ፀጋም ናብ የማን ገሌኹም ድማ ካብ የማን ናብ ፀጋም ዶ ኣዚርኩምዎ? ምድሪ ግና ኣብ ክሊ ዘንጋ ኽትሕምበብ እንተላ ካብ ፀጋም ናብ የማን ወይድማ ካብ ምዕራብ ናብ ምብራቕ ወይድማ ብተፃራሪ ኣዛውራ ሰዓት'ዩ፡፡



ኣዛውራ ስዓት



ተፃራሪ ኣዛውራ ስዓት

ስእሊ 2.4 ኣዛውራ ሰዓት

ተምሃሮ ምድሪ ኣብ ክሊ ዘንጋ ብምሕምባብ እንታይ ሳዕቤናት ወይድማ ክስተታት ይፍጠሩ ኢልኩም ትግምቱ? እስቲ ተመያየጡ? ምድሪ ኣብ ክሊ ዘንጋ ኣብ እትገብሮ ሕምባበ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣዊ ክስተታት ይፍጠሩ እዮም፡፡ ብሕምባበ ምድሪ ካብ ዝፍጠሩ ክስተታት እዞም ዝስዕቡ ክልቲኦም ቀንድታት እዮም


1 ክስተት ምብራ`ቕን ምዕራብን ፀሓይ፡፡
2 ክስተት ምቅይያር ቐትርን ለይትን፡፡

## 1 ክስተት ምብራ`ቕን ምዕራብን ፀሓይ

ተምሃሮ ፀሓይ በሪቓ፣ ፀሓይ ዓሪባ ዝበሃል እንታይ ንምግላፅ እዩ? ፀሓይ ከመይ ትበር`ቕ? ከመይከ ትዓርብ? እስቲ ምስ መምህርኩም ተመያየጥሉ? ተምሃሮ ፀሓይ ባዕላ ኣይትበር`ቕን ኣይትዓርብን እያ። ፀሓይ እትበር`ቕ ወይድማ እትዓርብ መሲላ እትረኣየና ንዓና እዩ። እዙይ ድማ ፀሓይ ኣብ ዙርያ ምድሪ እትዞር ስለዝመስለና እዩ፡፡ እቲ ሓቂ ግን ምድሪ እያ ኣብ ዙርያ ፀሓይ እትዞር እምበር ፀሓይ ኣይኮነትን ኣብ ዙርያ ምድሪ እትዞር። ምድሪ ኣብ ክሊ ዘንጋ ኣብ እትገብሮ ሕምባበ እቲ ዝተወሰነ ክፋል ምድሪ ናብ ፀሓይ ገፁ እትገብር ብርሃን ፀሓይ ይረክብ። ብኣንፃሩ ድማ እቲ ካልእ ክፋል ምድሪ ብርሃን ፀሓይ ኣይረክብን። በዙይ መሰረት ኣብቲ መጀመርያ ብርሃን ፀሓይ ዝረኣየሉ ኸባቢ- ምድሪ ኩሉ ግዜ ፀሓይ በሪቓ ይበሃል። ድሕሪ ዝተወሰነ ሰዓታት-ሕምባበ-ምድሪ እዙይ ቦታ ካብ ኣንፈት ብርሃን ፀሓይ እናረሓቐ እንትኸይድ ድማ ፀሓይ እናዓረበት እያ ይበሃል። በዚ መሰረት ብምኽንያት ሕምባበ ምድሪ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ዝተወሰነ ክፋል ምድሪ ብርሃን ፀሓይ እንትረክብ እቲ ካልእ ድማ ኣይረክብን።

## 2 ክስተት ምቅይያር ቐትርን ለይትን


ተምሃሮ ምድሪ እንታይ ዓይነት ቅርፂ ከምዘለዋ ሪኢ`ኹም ኣለ`ኹም። እስቲ ሕዚ ድማ ምስ መምህርኩም ብም`ኻን እዚ ዝስዕብ ንጥፍት ፈፅሙ።



ንጥፈት

ኣብ ሓደ ፀልማት ክፍሊ ሉልን ላምባዲናን ሒዝኩም እተዉ። ሓደ ተምሃራይ ነቲ ላምባዲና ወሊዑ ናብቲ ሉል የብርሀ። ተምሃሮ ክንደይ ዝኣክል ኣካል ናይቲ ሉል ብርሃን ረኺቡ? ክንደይ ዝኣክልከ ፀልሚቱ?


ቅርጺ ምድሪ ከምቲ ሉል ሓውሲ-ኸቢ እዩ። ልክዕ ከምቲ ላምባዲና ፀሓይ'ውን ንኹሉ ኣካል ምድሪ ብሓደ ግዜ ብርሃን ኣይትህብን እያ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ሕምባበ ምድሪ ኣብቲ ናብ ፀሓይ ኣንፈት ዘሎ ክፍለ ምድሪ ቀትሪ እንትኾን ኣብቲ ካልእ ክፉል ድማ ለይቲ ወይድማ ፀልማት እዩ። ስለዚ ምድሪ ብምኽንያት ኣብ ክሊ ዘንጋ ተካይዶ ዘየቋርፅ ሕምባበ ኩልግዘ ዘየቋርፅ ናይ ለይትን ቀትርን ምቅይያራት ይኸሰት።




ስእሊ 2.5 ምቕይያር ቀትርን ለይትን

## ለ ዑደት ምድርን ሳዕቤኑን

ተምሃሮ ዑደት ምድሪ ሓደ ካብቶም ምንቅስቓሳት ምድሪ ከምዝኾነ ተማሂርኩም ኣለኹም። ዑደት ምድሪ እንታይ እዩ? ምህዋር እንታይ ማለት'ዩ? ብምኽንያት ዑደት ምድሪ እንታይ ክስተታት ይረኣዩ? እስቲ ተመያየጡሎም። ምድሪ ኣብ ክሊ ዘንጋ እናዘረት ኣብ ዙርያ ፀሓይውን ትዘውር እያ፡፡ ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ እትገብሮ ምንቅስቓስ ዑደት ምድሪ ይበሃል። ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ ሓደ ምሉእ ዑደት ንኽትገብር 365 ¼ መዓልታት ወይ ሓደ ዓመት ይወስደላ። ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ ዑደት ክተካይድ እንተላ ናይ ባዕላ መስመር ሒዛ እያ እትዞር። እዚይ መስመር ወይ መንገዲ ድማ ምህዋር ይባሃል። ከምዚ ኣብ ስእሊ 2.6 ቐሪቡ ዘሎ ምህዋር ክብብ ዝበለ ቕርፂ ዘለዎ'ዩ።




ስእሊ 2.6 ምህዋር ዑደት ምድሪ

ተምሃሮ ቅርጺ ምህዋር ምድሪ ክብብ ዝበለ'ዩ? ምሉእ ብሙሉእ ክቢብ ኣይኮነን፡፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም? ቅርጺ ምህዋር ሓውሲ ኸቢ ዝኮነሉ ምኽንያት ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ምድሪ ካብ ፀሓይ ዘለዋ ርሕቐት ሓደ ዓይነት ስለዘይኮነ'ዩ።

እቲ ርሕቐት ይፈላለ'ዩ። ንኣብነት ኣብ ሓደ እዋን ምድሪ ካብ ፀሓይ ዘለዋ ርሕቐት 147 ሚሊዮን ኪሎ ሜትር እንትኾን ኣብ ካልእ እዋን ድማ ናብ 152 ሚልዮን ኪሎ ሜትር ይበፅሕ። በዚይ ምኽንያት ቅርፂ ምህዋር ምሉእ ብምሉእ ከቢብ ዘይኮነስ ሓውሲ ኸቢ'ዩ፡፡ ተምሃሮ ብምኽንያት ዑደት ምድሪ እንታይ ክስተታት ይፍጠሩ ይመስለኩም? ምድርና ኣብ ዙርያ ፀሓይ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ሓደ ዑደት ክትፍፅም እንተላ ዝተፈላዩ ክስተታት ይረኣዩ እዮም፡፡ እቶም ቀንድታት እዞም ዝስዕቡ ክልተ ክስተታት እዮም።

1. ኣፈላላይ ኣብ በዝሒ ስዓታት ቐትርን ለይትን፡፡
2. ክስተት ዝተፈላለዩ ወቕትታት፡፡

## 1 ኣፈላላይ ኣብ በዝሒ ስዓታት ቐትርን ለይትን

ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ (24 ሰዓታት) ክንደይ ስዓታት'ዩ ቐትሪ ክንደይ ስዓታት'ዩ ኸ ለይቲ? እዚይ ከከም ወቕቱን ቦትኡን ዝፈላለ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ከባቢኹም ሓድሓደ ግዘ ንጎሆ ሰዓት 12 ኾይኑ እናሃለወ ፅልምት ዝብለሉ እዋን መዓስ'ዩ? ካልእ ግዘ ድማ ድሕሪ ቐትሪ ሰዓት 12 ሓሊፉ እናሃለወ ብርሃን ፀሓይ ዝህልወሉ እዋን ከምዘሎ ተዓዚብኩም ዶ? መዓዝ መዓዝ'ዩ ከምዚ ዝኸውን? እስቲ ተመያየጥሉ፡፡ ኣብ ምድርና ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታትን ኣዋርሕን ነዊሕ መዓልቲ ኣሎ፣ ነዊሕ ለይቲ ኣሎ፣ ከምኡ'ውን ሓፂር ለይቲ ወይድማ ሓፂር መዓልቲ ኣሎ እዩ፡፡ ብሓፂሩ ኣፈላላይ ስዓታት ቐትርን ለይትን ኣሎ እዩ፡፡ እዚይ ኣፈላላይ ዝኸሰተሉ ምኽንያት ዘንጊ ምድሪ ቐጥ ዝበለ ስለዘይኮነ እዩ፡፡ ዘንጊ ምድሪ ካብቲ ቐጥታዊ ኣንፈት ብ23½ ድግሪ ዘንበል ዝበለ እዩ፡፡ ተምሃሮ እስቲ ስእሊ 2.7 ብምርኣይ ዝንባለ ዘንጊ ምድሪ ኣነፂርኩም ኣፈላላይ ስዓታት ቐትርን ለይትን ከመይ ከምዝኸሰት ተመያየጥሉ?



ስእሊ 2.7 ዝንባለ ዘንጊ ምድሪ

ተምሃሮ ዘንጊ ምድሪ ዝንብል ዝበለ ብምኳኑ ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ንፍቂ ክቢ ምድሪ ናብ ፀሓይ ገፁ እንትዘንብል እቲ ካልእ ንፍቀ ክቢ ድማ ካብ ብርሃን ፀሓይ ፍንትት ይብል፡፡ እዚይ ድማ ኣፈላላይ ቐትርን ለይትን የስዕብ፡፡ ኣብ ዝኾነ ወቕቲ ወይድማ ወርሒ ኣብ ከባቢ ቕናት ምድሪ ለይትን ቐትርን ማዕረ እዩ። ካብ ቕናት ምድሪ እናረሓቕና እንትንኸይድ ግና እቲ ኣፈላላይ እናወሰኸ ይኸይድ።

ኩልግዘ ሰነ 14 ኣብ መስመር ሃሩር (23⁰ሰሜን) ካንሰር ፀሓይ ኣብ ቅርቅርቲ ርእሲ ትውዕል። ኩልግዘ ታሕሳስ 13 ድማ ኣብ ሃሩር መስመር ካፕሪኮርን ኣብ ቅርቅርቲ ርእሲ ትውዕል። በዚይ መሰረት ቅርቅርቲ ፀሓይ ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ ክቢ ኣብ እትህልወሉ ኣዋርሕ ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ ክቢ ነዊሕ መዓልቲ ኣብ ደቡባዊ ንፍቀ ክቢ ድማ ነዊሕ ለይቲ ይኸውን፡፡ ቅርቅርቲ ፀሓይ ኣብ ደቡባዊ ንፍቀ ክቢ እንትትህሉ ድማ ብኣንፃሩ ይኸውን፡፡ ንኣብነት ኣብ ታሕሳስ 13

እንተሪኢና ፀሓይ ኣብ ቅርቅርቲ ርእሲ እትውዕል ኣብ ካፕሪኮርን እዩ። ኣብዚ ዕለት'ዚ ክሳብ ደቡባዊ ዋልታ ዘሎ ክፋል ምድሪ ናብ ፀሓይ ገፅ ዝንብል ይብል። በዚ ምኽንያት ካብ $66^1/_2{}^0$ ደቡብ ክሳብ $90^0$ ደቡብ ዘሎ ኸባቢ ንኣስታት 24 ሰዓታት ብርሃን ፀሓይ ይርክብ። ብኣንፃሩ ድማ ካብ $66^1/_2{}^0$ ሰሜን ክሳብ $90^0$ ሰሜን ዘሎ ክፋል ምድሪ በዚ ዕለት ንኣስታት 24 ሰዓታት ካብ ብርሃን ፀሓይ ስለዝኸወል ፀልማት ይኸውን።

ተምሃሮ ኩልግዜ መስከረም 13ን መጋቢት 12ን ኣብ ፍርቂ መዓልቲ ፀሓይ ኣብ ቅርቅርቲ ርእሲ ትውዕል ኣብ ቅናት ምድሪ እዩ። በዚ ምኽንያት ብርሃን ፀሓይ ካብ ደብባዊ ዋልታ ክሳብ ሰሜናዊ ዋልታ ብማዕርነት እዩ ዝበፅሕ። ኣብዘን ክልተ መዓልትታት ኩሉ ክፋላት ምድሪ ማዕረ 12 ሰዓታት ቐትርን 12 ሰዓታት ለይትን ይኸውን። ተምሃሮ ዘንጊ ምድሪ ዝንብል ዝበለ እንተዘይኸውን ኄሩ እንታይ ምኾነ ኢልኩም ትግምቱ? እስቲ ተመያየጥሉ?

## ኣፈላላይ ሰዓታት ቐትርን ለይትን


| ቦታ ቅርቅርቲ ፀሓይ | ዕለት | ንውሓት ለይትን ቐትርን |
|---|---|---|
| መስመር ሃሩር ካንሰር | ሰነ 14 | ዝነውሐ ቐትርን ዝሓፀረ ለይትን ኣብ ሰሜን ንፍቀ ክቢ |
| መስመር ሃሩር ካፕሪኮርን | ታሕሳስ 13 | ዝነውሐ ቐትርን ዝሓፀረ ለይትን ኣብ ደቡባዊ ንፍቀ ክቢ ምድርና |
| ቅናት ምድሪ | መስከረም 12ን<br>መጋቢት 13ን | ኣብ ምሉእ ዓለም ማዕረ ስዓታት ቐትርን ለይትን |

ተምሃሮ ብመሰረት እዚ ሰደቓ፣ ቅርቅርቲ ፀሓይ ኣብ መስመር ሃሩር ካንሰር እንትትህሉ ኣብ ደቡባዊ ዋልታ ንውሓት ለይትን ቀትርን ከመይ ይኸውን ትብሉ ? ኣብ ከባቢ ቕናት ምድሪ ኸ?

## 2. ክስተት ዝተፈላለዩ ወቕትታት

ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹም ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ምንታይ ወቕቲ ትርከቡ? ክንደይ ወቕታት ኣለዉ? እስቲ ዘርዝርዎም? ሓደ ወቕቲ መዓዝ ተጀሚሩ መዓስ ይፍፀም? እንታይ ወቕቲ'ኸ ይስዕብ? ምቅይያር ወቕትታት ንኽህሉ መበገሲ ምክንያት እንታይ እዩ:? እስቲ ኣስፊሕኩም ተመያየጡሎም?

ተምሃሮ ሓደ ካብ ሳዕቤናት ዑደት ምድሪ ኣፈላላይ ስዓታት ቐትርን ለይትን ከምዝኾነ ተገንዚብኩም ኣለኹም። ካልእ ሳዕቤን ዑደት ምድሪ ድማ ክስታት ዝተፈላለዩ ወቕትታት እዩ። ወቕታት ዝተፈላለዩ ንኽኾኑ ቀንዲ ምክንያት ዝኾኑ ዑደት ምድርን እቲ ዘንበል ዝበለ ዘንጊ ምድርን እዮም። ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ እንተዘይትዘውር ኄራ ወቕትታት ኣይመሃለዉን። ከምኡ'ውን ዘንጊ ምድሪ ዘንበል ዝበለ እንተዘይኸውን ኄሩ ኩሉ ክፋል ምድሪ ማዕረ ብርሃን ፀሓይ ምረኸበ፣ ኣብ ውቕትታት ድማ ኣፈላላይ ኣይምሃለወን፡፡ ዘንጊ ምድሪ ብ$23\frac{1}{2}{}^0$ ዘንበል ብምባሉ ሓደ ንፍቂ ምድሪ ናብ ፀሓይ ገፁ እንትዘንብል እቲ ካልእ ድማ ብኣንፃሩ ናብ ፀሓይ ገፁ ኣየዘንብልን።





ስእሊ 2.8 ክረምቲ ሰሜን ንፍቀ ክቢ

ተምሃሮ ካብ ስእሊ 2.8 እንታይ ተገንዚብኩም? ዘንጊ ምድሪ ዘንበል ዝበለ ብምዃኑ ሰሜናውን ደቡባውን ንፍቀ ኸበባት ምድሪ ዝተፈላለዩ መጠን ብርሃን ፀሓይ ይረኽቡ፡፡ በዚይ ምኽንያት ካብ ከባቢ ፍርቂ መጋቢት ክሳብ ከባቢ ፍርቂ መስከረም እቲ ካብ ቅናት ምድሪ ንሰሜን ኣንፈት ዘሎ ክፋል ምድሪ ናብ ፀሓይ ገፁ ዘንበል ዝበለ እዩ። በዚይ መሰረት ቐጥታዊ ብርሃን ፀሓይ ይርክብ፣ መጠን ረስኒ ድማ ውዑይ ዝኾነሉ ወቕቲ ይኸውን። እዚ ወቕቲ ድማ ክረምቲ ይበሃል። ይኹን ዳኣምበር ኣብ ክረምቲ ዝናብ ዝረኽቡ ከባብታት ብምኽንያት ዝፍጠር ደበና መጠን ረስኒ ዝሕል ክብል ይኽእል እዩ።

ተምሃሮ ሕዚ'ውን ስእሊ 2.8 ብምርኣይ እቲ ካብ ቅናት ምድሪ ንኣንፈት ደቡብ ዘሎ ክፋል ምድሪ ቀጥታዊ ብርሃን ፀሓይ ከምዘይረክብ ተገንዘቡ፡፡ ዘንጊ ምድሪ ዘንበል ዝበለ ብምዃኑ እቲ ናብ ደቡባዊ ዋልታ ዝዓርፍ ብርሃን ፀሓይ ድማ ቐጥታዊ ዘይኾነስ ዘንበል ዝበለ (ቁናን) እዩ። ስለዚይ ድማ ኣብዚ እዋን እዚ መጠን ረስኑ ዝሑል ይኸውን እዚ ወቕቲ ድማ ሓጋይ ይበሃል።

ተምሃሮ ኣብ እዋን ክረምቲ ልዑል መጠን ረስኒ ዝህሉ ብርሃን ፀሓይ ብቐጥታ ስለዝዓርፍ እዩ። ብኣንፃሩ ድማ ኣብ እዋን ሓጋይ እቲ ተመሳሳሊ ብርሃን ፀሓይ ናብ ዝሰፍሐ ኣካል ምድሪ ክዝርጋሕ ስለዘለዎ ብቐጥታ ኣይዓርፍን።

በዚ ምኽንያት ድማ መጠን ረስኒ ትሑት ይኸውን። ተምሃሮ እስቲ ሕዚ ድማ ስእሊ 2.9 ተመልከቱ? እንታይ ተዓዚብኩም? ደቡባዊ ዋልታ ናብ ፀሓይ ገፁ ዘንበል ኢሉ ኣሎ።




ስእሊ 2.9 ሓጋይ ኣብ ሰሜን ንፍቀ ክቢ

ሰሜናዊ ዋልታ ድማ ካብ ቀጥታዊ ብርሃን ፀሓይ ርሒቑ ኣሎ በዚ ይ መሰረት ካብ ከባቢ ፍርቂ መስከረም ክሳብ ከባቢ ፍርቂ መጋቢት ኣብ ዘሎ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ ደቡባዊ ንፍቂ ክቢ ክረምቲ ይኸውን። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሰሜናዊ ንፍቂ ክቢ ሓጋይ እዩ።

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይንኩም ኣብ መንጎ ወቕትታት ክረምትን ሓጋይን ብመንፅር ዝንባለ ዘንጊ ምድሪ ዘሎ ርክባትን ምትእስሳርን እንታይ ከምዝኾነ ተመያይጥኩም ፀብፃብ ንክፍሊ ኣቕርቡ?


**2.1 ኣርባዕተ ወቕትታት-:** ተምሃሮ እቶም ኣርባዕተ ወቕታት ዝበሃሉ እንመንዮም? ኣብ መንጎኦም እንታይ ኣፈላላይ ኣሎ? ሕድሕዲኦም መዓስ ተጀሚሮም መዓስ ይውድኡ? እስቲ ተመያየጥሉ? ተምሃሮ እዞም ዝዘርዘርኩምዎም ኣርባዕተ ወቕትታት ኣብ ኩሉ ክፋል ዓለም ይኸሰቱ እዮም ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ ከባቢ ቅናት ምድሪ ዓመት ምሉእ ኣብ መጠን ረስኒ ይኹን ዝናብ ብዙሕ ኣፈላላይ የለን። ስለዚ ይ ዓመት ምሉእ ሓደ ዓይነት ወቕቲ እዩ ዘሎ። ከምኡ'ውን ኣብቲ ኣብ መንጎ መስመራት ሃሩር ካፕሪኮርንን ካንሰርን ዘሎ ክፋል ምድሪ ብግልፂ ዝኸሰቱ ክልተ ወቕታት ጥራይ እዮም። ንሳቶም ድማ ክረምትን ሓጋይን እዮም።

ካብ መስመር ሃሩር ካፕሪኮርን ክሳብ ደቡባዊ ዋልታ፣ ከምኡውን ካብ መስመር ሃሩር ካንሰር ክሳብ ሰሜናዊ ዋልታ ኣብ ዘለዉ ክፋላት ምድሪ ግና ኣርባዕተ ወቕትታት ይኸሰቱ እዮም። ንሳቶም ድማ ወቕትታት ክረምቲ፣ ቐውዕን ሓጋይን ፅድያን እዮም። ተምሃሮ ንወለድኹም ብምሕታት ቐውዕን ፅድያን መዓስ ከምዝኸሰቱ ንኽፍሊ ኣቕርቡ።

ንምጥቅላል ዝኣክል፥ ተምሃሮ ብምኽንያት ዝንባለ ዘንጊ ምድርናን ከምኡ'ውን ምድርና ኣብ ዙርያ ፀሓይ እትገብሮ ዑደትን ምቅይያር ወቕታት ይኸሰት። ብሓፈሻ እንትረኣዩ ኣርባዕተ ፍሉጣት ወቕታት ኣለዉ። ንሳቶም ድማ መዓስን ኣበይን ከምዝኸሰቱ ኣብዚ ስዒቡ ዘሎ ሰደቓን ስእሊ 2.10ን ቐሪቦምልኩም ኣለዉ።

ሰደቓ 2.1 ወቕትታት

| ወቕቲ | ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ ክቢ | ኣብ ደቡባዊ ንፍቂ ክቢ |
|---|---|---|
| ክረምቲ | ሰነ፣ ሓምለ፣ ነሓሰ፡፡ | ታሕሳስ፣ ጥሪ፣ ለካቲት |
| ሓጋይ | ታሕሳስ፣ ጥሪ፣ ለካቲት | ሰነ፣ ሓምለ፣ ነሓሰ |
| ቐውዒ | መስከረም፣ ጥቅምቲ፣ ሕዳር | መጋቢት፣ ሚያዝያ፣ ግንቦት |
| ፅድያ | መጋቢት፣ ሚያዝያ፣ ግንቦት | መስከረም፣ ጥቅምቲ፣ ሕዳር |




ስእሊ 2.10 ኣርባዕተ ወቕትታት ምድሪ

## መልመዲ 2.1

ሀ ንዝስዕቡ ሕድሕድ ሕቶ ካብዝተውሃቡ መማረፂ መልስታት ትኽክለኛ ንዝኾነ ምረፁ።

1 ካርታ ብመልክዕ ስእሊ ዘርእዮ እንታይ እዩ?
   ሀ ምሉእ ኣካል ምድሪ　　ለ ክፋል ኣካል ምድሪ
   ሐ መርከቦ ቦታታት　　ሐ ኩሉ መልሲ እዩ፡፡
2 ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ነገራት ኣብ ካርታ ዝውከሉ ብምንታይ እዮም?
   ሀ ብምስልታት　　ለ ብሕብርታት
   ሐ ብሕንፃፃት　　መ ኩሉ መልሲ እዩ፡፡
3 ቅርፂ ምድሪ እንታይ ይመስል?
   ሀ ሓውሲ ክቢ　　ለ ሬክታንግላዊ
   ሐ ሰጣሕ　　መ ስለስ ኩርናዕ
4 ቅርፂ ምድሪ እንታይ ከምዝመስል ብትኽክል ዘርእየና ኣየናይ እዩ?
   ሀ ሉል　　ለ ንድፊ ካርታ
   ሐ ካርታ　　መ ኩሉ መልሲ እዩ፡፡
5 መስከረም 13 ፀሓይ ኣብ ቅርቅርቲ ርእሲ እትውዕለሉ ከባቢ ኣየንኡ እዩ?
   ሀ መስመር ሃሩር ካንሰር　　ለ ቅናት ምድሪ
   ሐ መስመር ሃሩር ካፕሪኮርን　　መ ሰሜናዊ ዋልታ

ለ ካብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ 'ሓቂ' ንዘይኮኑ ድማ 'ሓሶት' ብምባል መልሱ።

1 ካርታ ከም እምባታትን ማያዊ ኣካላትን ዝበሉ ተፈጥሮኣዊ ነገራት እምበር ሰብ ስራሕ ነገራት ዘርእይ ኣይኮነን።
2 ዝኾነ ካርታ ርሕቐት፣ ዕምቐት፤ ብራኽን ስፍሓትን ብትኽክል ንምልካዕ የኽእለና።
3 ንድፊ ካርታ ቅድሚ ካርታ ዝሰኣል እዩ።
4 ኣብ ዋልታ ፀሓይ ኣብ ዝኾነ ወቕቲ ኣብ ቅርቅርቲ ርእሲ ፈፂማ ኣይትውዕልን እያ።
5 ኣብ ከባቢ ቅናት ምድሪ ኣብ ዝተፈላለዩ ወቕትታት ኣዝዩ ዝተፈላለየ መጠን ረስንን ዝናብን ይኸሰት እዩ።

## 2.3 ሳዕቤናት ወቕትታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን

ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹም ክንደይ ወቕትታት ይኸሰቱ? እዞም ወቕትታት ኣብ ዝኸሰቱሉ እዋን ኣብ ከባቢኹም ገባራት እንታይ ስራሕቲ ይሰርሑ?

### ወቕትታት ኣብ ኢትዮጵያ


ተምሃሮ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኽ ክንደይ ዓይነት ወቕታት ኣለዉ? መነባብሮ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ምንታይ ዝተመስረተ እዩ? እስቲ ተመያየጡሉ? ወቕትታት ኣብ መነባብሮ ህዝብታት ዘለዎም ፅልዋ ዓብዪ እዩ። ሰባት ዝሰርሕዎም ስራሕቲ፤ ዝበልዕዎም ዓይነታት ምግቢ፤ ዝኽደንዎም ክዳውንቲ ወዘተ ብወቕትታት ዝፅለዉ እዮም። ወቕትታት እንትለወጡ ኩነታተ ኣየር ይልወጥ፤ መጠን ረስኒ ይልወጥ፤ ኣንፈታት ንፋስ ይቕየር፤ ደበና ይለዋወጥ ወዘተ። ብሓፈሻ እንትረኣ መነባብሮ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ሕርሻ ዝተመስረተ እዩ፡፡ ሕርሻ ድማ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝራእቲ ምፍራይን ምርባሕ እንስሳን ዘጠቓለለ እዩ፡፡ ሕርሻ ሃገርና ብቐንዱ ኣብ ዝናብ ዝተደረኸ እዩ። በዚ ምኽንያት ኣብ መነባብሮ ሓረስቶትን ኣርባሕቲ እንስሳትን ዘለዎ ፅልዋ ዓብዪ እዩ። ዝናብ ኣብ ወቕቱ እንተዘይዘኒቡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንድርቂ ይቃላዕ፣ ሓረስታይ ዝበልዖ ይስእን፣ ኣርባሕቲ እንስሳት ብምኽንያት ሕፅረት ማይን ሳዕርን ጥሪቶም ይሞታ፣ ንሳቶም ድማ ንስደትን ጥሜትን ይቃልዑ።

ነባሪ ኣየር ኢትዮጵያ ብቐንዱ ኣብ ብራኽ ዝተደረኸ እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ብራኽ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ነባሪ ኣየር ኣለዉ። ባእታታት ነባሪ ኣየር ብሕልፊ ድማ ረስንን ዝናብን ብወቕትታት ዝፈላለዩ እዮም። ሓደ ቦታ ኣብ ሓደ ወቕቲ ዝናብ እንትረክብ ካልእ ቦታ ኣብ ተመሳሳሊ ወቅቲ ዝናብ ኣይረክብን። ብሓፈሻ እንትረኣ ካብ ሰነ ክሳብ መስከረም ኣብ ዘሎ ወቕቲ ክረምቲ መብዛሕትኡ ኸባቢታት ሃገርና ዝናብ እንትረክብ ብምብራቓዊ መታሕት ዘሎ ቦታ ግና ኣይረክብን። ብኣንፃሩ ድማ መብዛሕትኡ ክፋል ሃገርና ኣብ እዋን ሓጋይ ዝናብ ኣይረክብን ነገር ግን ኣብ ከባቢ ሰሜን ምብራቕ ግና እዚ ወቕቲ ዝናብ ዝዘንበሉ እዩ። ተምሃሮ ኣብ ኢትዮጵያ ኣርባዕተ ወቕትታት ከምዘለዉ ተመያይጥኩም ኣለኹም። እስቲ ዘርዝርዎም? ናይ ዞም ወቕታት ሳዕቤናት ብቐንዱ ኣብ ዝናብ ዝተመስረቱ እዮም፡፡ ምኽንያቱ ድማ መነባብሮ ህዝብና ኣብ ሕርሻ ስለዝተደረኸ እዩ፡፡

## ክልላት ዝናብ ሃገርና፡-

ዝተፈላለዩ ካባቢታት ሃገርና ኣብ ዝተፈላለዩ ወቕትታት ዝናብ ይረኽቡ፡፡ ዝረኽበዎ መጠን ዝናብ'ውን ዝተፈላለየ እዩ፡፡ ብመንፅር ዝናብ ዝረኽብሉ ወቕትን መጠንን ኢትዮጵያ ኣብዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ክልላት ዝናብ ትምቀል። ንሳቶም ድማ፡-

1. **ክሊ ዝናብ ዓመት ምሉእ፡-** ከባብታት ደብባዊ ምዕራብ ኢትዮጵያ ዓመት ምሉእ ዝናብ ዝዘንበሉ ክሊ እዩ፡፡ እዚ ብክፉል ክልላት ኦሮሚያን ህዝብታት ደቡብን ዝሓቖፈ እዩ፡፡ ኣብዙይ ክሊ ዝለዓለ መጠን ዝናብ ዝርከብ ኣብ እዋን ክረምቲ እንትኾን ኣብ እዋን ሓጋይ እውን ይንኪ እምበር ዝናብ ኣሎ እዩ፡፡ እዚ ኸባቢ ዝናብ ዝረኽብሉ ብምኽንያት ዘለዎ ልዑል ብራኽ እዩ፡፡ ኣብዙይ ኸባቢ ዝርከቡ ትሑት ብራኽ ዘለዎም ቆላታት ከምዙይ ዝበለ ዓመት ምሉእ ዝናብ ኣይረኽቡን።
2. **ክሊ ዝናብ ወቕቲ ክረምቲ፡-** ተምሃሮ ወቕቲ ክረምቲ ማለት ቅርቅርቲ ፀሓይ ኣብ ሰሜናዊ ወይ ደቡባዊ ንፍቀክቢ እትርከበሉ እዋን ማለት እዩ፡፡ መብዛሕትኡ ክፉል ኢትዮጵያ ካብ ሰነ ክሳብ መስከረም ኣብ ዘሎ ወቕቲ-ኽረምቲ እዩ ዝናብ ዝረክብ። ኣብ ሰሜን ምዕራብ፣ ደቡብ ምዕራብ፣ድቡብ ምብራቕ፤ ማእኸልን ሰሜናዊ ኽፉልን ኢትዮጵያ ዝርከቡ በረኽቲ ቦታታት ኣብዙይ ወቕቲ እዮም ዝናብ ዝረኽቡ። ኣብ ዙርያ እዞም ቦታታት ዝርከቡ ሓደ ሓደ መታሕት'ውን ዝተወሰነ ዝናብ ይረኽቡ እዮም። ቕርቅርቲ ፀሓይ ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ ኽቢ ኣብ እትርከበሉ እዋን ወቕቲ ክረምቲ እዩ። በዚ ምክንያት ድማ ካብ ደቡባዊ ውቅያኖስ ኣትላንቲክ ዝበገሱ ጠሊ ዝሓዘሉ ንፋሳት ንሃገርና ዝናብ ይህቡ።
3. **ክሊ ዝናብ ወቕቲ ቐውዕን ፅድያን፡-** እዙይ ክሊ-ዝናብ ኣብ ከባብታት ደቡብ ምብራቕ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ትሕት ዝበለ ብራኽ ዘለዎም ቦታታት ዘካተተ እዩ። ኣብዞም ወቕትታት ካብ ውቅያኖስ ህንዲ ናብ ምብራቕ ቐርኒ ኣፍሪካ ገፆም ዝነፍሱ ንፋሳት እዮም ነዙይ ከባቢ ዝናብ ዝህቡ።
4. **ክሊ ዝናብ ሓጋይ፡-** እዙይ ክሊ ኣብ ከባብታት ሰሜን ምብራቕ ኢትዮጵያ ዝርከብ እዩ። ኣብዙይ እዋን ሓጋይ ቅርቅርቲ ፀሓይ ኣብ ከባቢ መስመር ሃሩር ካፕሪኮርን እያ ትርከብ። በዙይ ምኽንያት ድማ ካብ ማእኸላይ እስያ ተበጊሶም ብቐይሕ ባሕሪ ኣቢሎም ዝነፍሱ ንፋሳት መጠኑ ልዑል ዘይኮነ ዝናብ ይህቡ።




ካርታ 2.1 ክልታት ዝናብ ኢትዮጵያ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት ተመቒልኩም ብሓፈሻ ኣብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢ'ኹም ተመስሪትኩም ኣብዞም ዝስዕቡ ተመያይጥኩም ፀብፃብ ን'ክፍሊ ኣቕርቡ።

**ጉጅለ ሓደ**

ኣብ ወቕቲ ክረምቲ እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ሕርሻ ይካየዱ? ኣብ ቆላታት ዝነብሩ ኣርባሕቲ እንስሳ 'ኸ ኣብ ምንታይ ይነጥፉ?

**ጉጅለ ክልተ**

ኣብ ወቕቲ ሓጋይ እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ሕርሻ ይካየዱ? ኣብ ምርባሕ እንስሳ ዝተዋፈሩ ሳባት ከ ኣብ ምንታይ ይነጥፉ?

**ጉጅለ ሰለስተ**

ኣብ ወቕትታት ቀውዕን ፅድያን ቀንዲ ንጥፈታት ሕርሻ እንታይ እዮም? ኣብ ምርባሕ እንስሳ ዝተዋፈሩ ሰባት ኣብዞም ወቕትታት ብቐንዱ ኣብ ምንታይ ይነጥፉ?

ተምሃሮ ሳዕቤናት ወቕትታት ኣብ መነባብሮ ሓረስቶት ይኹን ኣርባሕቲ እንስሳት ዓብይ ፅልዋ ኣለዎ እዩ። ዝናብ ኣብ ወቅቱ እንተዘንብ ሓረስቶት ፍርያቶም ይስስን፣ መነባብሮኦም ይመሓየሽ።

ተምሃሮ ደንጒዩ ዘኒቡ ቐልጢፉ እንተቋርፅ ወይድማ ድማ ጨሪሱ ኣብ ወቕቲ እንተዘይዘኒቡ እንታይ ሳዕቤናት ይህልዎ ትብሉ? እስቲ ተመያየጡሉ?

ወቅታት ኣብ መነባብሮ ህዝብታት ኣርባሕቲ እንስሳትው`ን ዓብዪ ግደ ኣለዎም እዩ። ዝናብ ኣብ ወቕቱ እንተዘንብ እንስሳታት እ'ኹል ሳዕርን ምግብን ይረኽቡ፡፡ እዙይ ምስተወደኣ ድማ እቶም ሰባት ጥሪቶም ሒዞም ኩልግዜ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናዞሩ ሳዕርን ማይን ይእልሹ። ኣብ ዝዞሩሉ እዋን ወቕታት እዮም መሰረት ዝገብሩ። ኣበየናይ ወቕቲ፣ ኣበይ ቦታ እንታይ ዓይነት ሳዕርን ማይን ከም ዝርከብ ይፈልጥዎ እዮም። ካልእ ሳዕቤን ወቕትታት ድማ ኣብ ሩባታት ኢትዮጵያ ዝርአ ትሕዝቶ ማይ እዩ። ገለገለ ሩባታት ቐወምቲ ኾይኖም ዓመት ምሉእ ዝፈሱ እዮም። ንኣብነት ሩባታት ኣባይ፣ ዋቢሸበሌ፣ ተከዘን ዝመሳሰሉን ዓበይቲ ሩባታት ቐወምቲ እዮም። ነገር ግን ካልኦት እናእ'ሽቲ ሩባታት እውን ኣብ እዋን ወቕቲ ዝናብ ጥራሕ ዝፈሱ ኣለዉ። እዞም ወቕታዊ ሩባታት ሓድሓደ ግዘ ሓደገኛ ውሕጅ ፈጢሮም ኣብ ህይወትን ንብረትን ብዙሕ ጉድኣት የብፅሑ እዮም። ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተወሰኑ ዓመታት ሃፍትታት ማይ ሃገርና ዝንክየሉ ግዜ ኣሎ እዩ። እዚ ድማ ድርቂ ስለዘስዕብ ኣብ ደቅሰባት ዓብይ ጉድኣት የብፅሕ።

## መጠቓለሊ

ካርታ ምሉእ ኣካል ምድሪ ወይድማ ክፋሉ ብመልክዕ ስእሊ ኣብ ወረቐት ኣዝዩ ኣንኢሱ ዝርእይ እዩ። ረብሓ ካርታ ብዙሕ እዩ። ካርታ መርከቦ፣ ርሕቐት፣ ኣንፈት፣ስፍሓት ንምርካብ ይጠቕመና ብተወሳኺውን ዝርገሐ ህዝቢ፣ እፀዋት፣ መንገድታት ወዘተ የርእየና። ካብ ካርታ እዞም ረብሓታት ንምርካብ ግና ዝተፈላለዩ መንገድታት ክንጥቀም ይገባእ። ሚዛን ካርታ፣ ኣንፈት ሓባሪ ቐስቲ፣ መፍትሕ ካርታ ብሓፈሻ ህዳግ ካርታ ብግቡእ ክንጥቀም ኣለና። ዝኾነ ካርታ ቅድሚ ምስኣሉ ግና ንድፊ ካርታ ክስራሕ ግድን እዩ።

ቅርፂ ምድሪ እንቁላሊሕ ዝመስልን ክብብ ዝበለን እዩ። ምድርና ንሓንቲ ሰከንድ`ኳ ደው ዘይትብል ኣብ ምሉእ ምንቅስቓስ እያ ትርከብ። እቶም ክልተ ዓበይቲ ምንቅስቓሳታ ሕንባበ ምድርን ዑደት ምድርን ይበሃሉ። ሕንባበ ምድሪ ዝበሃል ምድርና ኣብ ክሊ ዘንጋ እትገብሮ ምንቅስቓስ እንትኾን ዑደት ምድሪ ድማ ምድርና ኣብ ዙርያ ፀሓይ እትገብሮ ዑደት እዩ።

ምድሪ ኣብ ክሊ ዘንጋ ኣብ እተካይዶ ሕንባበ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣዊ ክስተታት ይፍጠሩ እዮም። ካብዚኣቶም እቶም ክልተ ክስተት ምብራቕን ምዕራብን ፀሓይ ከም`ኡውን ክስተት ምቅይያር ቀትርን ለይትን እዮም። ምድሪ ኣብ ክሊ ዘንጋ ኣብ እትገብሮ ሕንባበ ንዝተወሰነ ክፋል ምድሪ ናብ ፀሓይ ገፁ ንትገብር ብርሃን ፀሓይ ይረክብ። ብኣንፃሩ ድማ እቲ ካልእ ክፍሉ ብርሃን ፀሓይ ኣይረክብን። በዚ መሰረት ብምኽንያት ሕንባበ ምድሪ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ዝተወሰነ ክፋል ምድሪ ብርሃን ፀሓይ እንትረክብ እቲ ዝተረፈ ክፋል ድማ ብርሃን ፀሓይ ስለዘይረክብ ፀልማት ይኸውን።

ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ ኣብ እትገብሮ ሓደ ዓመት ዝወስድ ሓደ ዑደት ክልተ ዓበይቲ ክስተታት ይፍጠሩ። ካብኣቶም ድማ እቲ ሓደ ክስተት ኣፈላላይ በዝሒ ሰዓታት ቐትርን ለይትን እንትኾን እቲ ካልኣይ ድማ ክስተት ዝተፈላለዩ ወቕትታት እዩ። ዘንጊ ምድሪ ብ22.5° ዝንብል ዝበለ እዩ። ዘንጊ ምድሪ ቐጥ ዝበለ ስለዘይኾነ ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ንፍቀ ክቢ ምድርና ናብ ፀሓይ ገፁ እንተዘንብል እቲ ዝተረፈ ድማ ካብ ብርሃን ፀሓይ ኸውል ይብል። እዚ ድማ ኣፈላላይ ቐትርን ለይትን የስዕብ። ክስተት ዝተፈላለዩ ወቕትታት ሓደ ካብ ሳዕቤናት ዑደት ምድሪ ብምዃኑ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታትን ወቕትታትን ዝኽሰቱ 4 ወቕትታት ኣለዉ። ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ ክቢ እዋን ክረምቲ እንትኾን ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ደቡባዊ ንፍቀ ክቢ ሓጋይ ይኸውን። ከም`ኡውን ኣብ ደቡብ ፅድያ እንትኾን ብሰሜን ቐውዒ ይኸውን። እዞም 4 ወቕትታት ኣብ ኩሉ ክፋላት ዓለም ይኽሰቱ እዮም ማለት ግን ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ ከባቢ ቕናት ምድሪ ዓመት ምሉእ ኣብ መጠን ረስኒ ይኹን መጠን ዝናብ ዝረአ ኣፈላላይ ስለዘየለ ሓደ ወቕቲ እዩ ዘሎ። ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ መስመራት ሀሩር ካፕሪኮርንን ካንሰርን ዘሎ ክፋል ምድሪ ብግልፂ ዝኽሰቱ ክልተ ውቕትታት ጥራይ እዮም። ኣብ ሓደ ዓመት ብግልፂ ዝረአዩ ኣርባዕተ ወቕትታት ዝኽሰቱ ኣብ ሞንጎ መስመራት ሃሩር ካንሰርን ሰሜናዊ ዋልታን ከምኡ'ውን ካፕሪኮርንን ደቡባዊ ዋልታን ዘለዉ ቦታታት እዩ።

## ማህደረ ቃላት

| | ቁልፊ ቃላት | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ሕምባበ - ምድሪ | ምንቅስቓስ ምድሪ ኣብ ክሊ ዘንጋ። |
| 2 | ዑደት ምድሪ | ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ እትገብሮ ዙረት። |
| 3 | ምህዋር ምድሪ | ምድርና ዑደት ምድሪ ክተካይድ እንተላ እትኸተሎ |
| 4 | ክረምቲ | ምድርና ዑደት ምድሪ ክተካይድ እንተላ እትኸተሎ |
| 5 | እፅዋት ተፈጥሮ | ብዘይ ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ብተፈጥሮ ጥራይ |

# መጠቓለሊ ሕቶታት

## ሀ "ካብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ "ሓሶት" ብምባል መልሱ፡፡

1 ካርታ ናይ ሓደ ቦታ መርከቦ ዘርእይ እምበር ርሕቐት ዝዕቀነሉ ኣይኮነን።

2 ቕርፂ ምድሪ ብትክክል ከርእየና ዝኽእል ካርታ እንተይኮነስ ሉል እዩ።

3 ምድርና ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ምንቅስቓሳታ ደው ትብል እያ።

4 ምድርና ኣብ ክሊ ናይ ባዕላ ዘንጊ እትገብሮ ምንቅስቓስ ሕምባበ - ምድሪ ይበሃል።

5 ፀሓይ ኣብ ዙርያ ምድሪ ትዘውር፡፡

6 ሓፂር ወይ ነዊሕ ለይቲ (መዓልቲ) ዝኽሰት ዘንጊ ምድሪ ቐጥ ዝበለ ስለዘይኮነ እዩ።

7 ኣብ ከበብታት ዋልታ ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት ብርሃን ዝህልወሉ እዋን ኣሎ እዩ።

8 ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ ስለ እትዘውር ወቕትታት ይኽሰቱ።

9 ከባቢታት ደቡብ ምብራቕ ኢትዮትያ ኣብ ክሊ ዝናብ ወቕትታት ቐውዕን ፅድያን ዝርከቡ እዮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ቐወምትን ወቕታውን ሩባታት ኣለዉ እዮም።

## ለ ንሕድሕድ ሕቶ ካብ ዝተወሃቡ መማረፅታት እቲ ዝበለፀ ትኽክል ዝኾነ መልሲ ምረፁ።

1 ካርታ እንታይ ዘርእይ እዩ?

ሀ ምሉእ ኣካል ምድሪ

ለ ክፋል ኣካል ምድሪ

ሐ ኣዝዩ ኣንኢሱ ዘርእይ

መ ኩሉ መልሲ እዩ፡፡

2 ምድሪ እንታይ ዓይነት ቅርፂ ኣለዋ፡፡

ሀ ሰጣሕ ለ ሓውሲ ኽቢ ሐ ሬክታንግላዊ መ ስሉስ ኩርናዕ

3 ዘንጊ ምድሪ ዝበሃል

ሀ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ዝተሰመረ እዩ፡፡

ለ ብኣካል ዝርከብ መስመር ምድሪ እዩ፡፡

ሐ ናይ ሓሳብ መስመር እዩ፡፡

መ ኩሉ መልሲ እዩ፡፡

4 ካብ ሳዕቤናት ሕምባበ ምድሪ ሓደ ዝኾነ ኣየንኡ እዩ?

ሀ ክስተት ዝተፈላለዩ ወቕትታት፡፡

ለ ክስተት ምቅይያር ቐትርን ለይትን፡፡

ሐ ክስተት ክረምትን ሓጋይን

መ ክስተት ኣፈላላይ ኣብ በዝሒ ሰዓታት ቐትርን ለይትን፡፡

5 ካብዞም ዝስዕቡ ትኽክል ዘይኮነ ኣየንኡ እዩ?

ሀ ኣብ ዝኾነ ወቕትን ቦታ ለይቲ 12 ሰዓታት ቐትሪ ድማ 12 ሰዓታት እዩ፡፡

ለ ኣብ ዝኾነ ወቕቲ ወይ ወርሒ ኣብ ከባቢ ቕናት ምድሪ ለይትን ቐትርን ማዕረ እዩ፡፡

ሐ ኩሉ ግዜ ስነ 14 ኣብ መስመር ካንሰር ፀሓይ ኣብ ቅርቅርቲ ርእሲ ትውዕል፡፡

መ ካብ ቕናት ምድሪ ንኣንፈት ዋልታታት እንትንኸይድ ኣፈላላይ ሰዓታት ለይትን ቐትርን እናወሰኸ ይኸይድ፡፡

6 ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ ኽቢ ወርሕታት መጋቢት፣ ሚያዝያን ግንቦት እንታይ ወቕቲ እዮም?
ሀ ቐውዒ ለ ፅድያ ሐ ክረምቲ መ ሓጋይ

7 ኣብ ከባቢ ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ዘለው በረኽቲ ቦታታት
ሀ ዝናብ ዝረኽቡ ኣብ እዋን ሓጋይ እዩ።
ለ ዝናብ ዳርጋ ኣይረኽቡን እዮም።
ሐ ኣብ እዋን ቐውዕን ፅድያን ዝናብ ዝረኽቡ እዮም።
መ ዓመት ምሉእ ዝናብ ይረኽቡ እዮም።

## ሐ ንሕድሕድ ሕቶ ኣብዝተውሃበ ባዶ (ክፍቲ) ቦታ ትኽክለኛን ቅኑዕን መልሲ ሃቡ።

1 ምድሪ ኣብ ክሊ ናይ ባዕላ ዘንጋ እትገብሮ ምንቕስቓስ_______________ይበሃል።
2 ኣብ መሬት ዘሎ ርሕቐት ኣብ ካርታ ብኽንደይ ንኢሱ ከም ዝተሰኣለ ዝሕብር መግለፂ __________________ ይበሃል፡፡
3 ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ እትገብሮ ምንቅስቓስ ________________ ይበሃል።
4 ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ እንትትዘውር ናይ ባዕላ መስመር ሒዛ እያ እትዞር። እዙይ ድማ ____________________ ይበሃል፡፡
5 ኣርባዕተ ወቕትታት ዝበሃሉ _______፣ __________፣ ____ ን ______እዮም።

## መ ንጥፈት ንድፌ ካርታ ምድላው

ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት መሰረት በምግባር ኣብ ደብተርኩም ናይ ሓደ ጣቢያ ንድፌ ካርታ ሰኣሉ፡፡ መርከቦ ናይቶም ዝተገለፁ ቦታታት ኣብ ትኽክለኛ ቦተኦም ኣስፍሩ፤ ህዳግ ካርታ እውን ተጠቐሙ፡፡

1 ካርታ ጣቢያ ማዕርነት እዩ።
2 ቅርፂ መሬት እታ ጣቢያ ዘይስሩዕን ሓውሲ ሬክታንግልን ክብን እዩ።
3 ሚዛን ካርታ ሓደ ሴንቲ ሜትር ንፍርቂ ኪሎሜትር ዝብል ተጠቐሙ።
4 ካብ ምዕራባዊ ጫፍ ናይቲ ጣቢያ ናብ ጫፍ ምብራቕ እቲ ጣቢያ ኣስታት 7 ኪሎ ሜትር ርሕቐት ኣሎ።
5 ካብ ጫፍ ሰሜን እቲ ጣቢያ ክሳብ ጫፍ ደቡብ ድማ ኣስታት 9 ኪሎ ሜትር ርሕቐት ኣሎ።
6 ካብ ሰሜን ምዕራብ እቲ ጣቢያ ናብ ደቡብ ምብራቕ ሰንጢቑ ዝሓልፍ ሓደ ሩባ ሰኣሉ።
7 ጫፍ ደቡብ ምዕራብ እቲ ጣቢያ ምስ ጫፍ ሰሜን ምብራቕ እቲ ጣቢያ ዘራኽብ ሓደ እናተምዘግዘገ ዝሓልፍ ፅርግያ መንገዲ ሰኣሉ።
8 ኣብ ደቡባዊ ኽፋል እቲ ጣቢያ ሓደ ቤተክርስያን ሰኣሉ። ካብኡ ንኣንፈት ሰሜን ኣስታት ክልተ ኪሎ ሜትር ርሕቕ ኢሉ ድማ ሓደ መስጊድ ኣርእዩ።
9 እቲ ሩባን እቲ ፅርግያን ኣብ ዝራኽብሉ ቦታ ሓደ ቢንቶ /ድልድል/ ኣቐምጡ።
10 ኣብ ሰሜን እቲ ጣቢያ ሓደ ንእስ ዝበለ ቓላይ ኣቐምጡ።
11 ኣብ ህዳግ ካርታ ኣንፈት ካርታ ዘርእይ ቀስቲ ኣቐምጡ።
12 መፍትሕ ካርታ ብዝግባእ ኣቐምጡ።



# ምዕራፍ ሰለስተ

# ከባቢና

## ውፅኢታት`ዚ ምዕራፍ

### ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም

- ቀንዲ ዓይነት እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ምስ ሜላታት ዕቀባን ትርድኡ፡፡
- ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ትግንዘቡ፡፡

### ብቕዓታት እዚ ምዕራፍ፡-

ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ምስተማሃሩ እዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ትጭብጡ፡፡

- ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ ኢትዮጵያ ንቀርኒ ኣፍሪካን ተለልዩ።
- ቀንዲ ዓይነታት እንስሳት ዘገዳም ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ተዝርዝሩ።
- ልሙድን ብርቂ እንስሳን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ትመምዩ።
- ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ተረጋግፁ።
- ረብሓ ምሕላው መንበሪን እንስሳት ዘገዳምን ተርድኡ።
- እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ንምንታይ ከምዝሕለው ተብርሁ።
- ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ትትንትኑ።
- ኣብ ንጥፈታት ዕቀባ ከመይ ከምዝሰተፉ ትፈልጡ።
- ቐንዲ ሜላታት ኣተዓቓቕባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ትገልፁ። ነዞም ንጥፈታት ምስ ከባቢኦም ወይ ፍሉጥ ከባብታት የዛምዱን ኣብ ዕቀባ ትሳተፉን።
- ንረብሓ ብርቂ እንስሳት ኢትዮጵያ ኣድናቆት ተርእዩ።

## መእተዊ

ተምሃሮ ኣብ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ መርከቦ ቐርኒ ኣፍሪካ ተማሂርኩም ነይርኩም ኢኹም። ኣብዚ ምዕራፍ ሰለስተ ድማ መቐፀልታ ምዕራፍ ሓደ ዝኾነ ብዛዕባ ኣብ ቐርኒ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን ዝርከቡ እፀዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ክትመሃሩ ኢኹም። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ እፀወት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳም ዝንፀረሉ፣ ረብሐኦም ብሕልፊ ብመንፅር ምሕላው ሚዛን ተፈጥሮን ብመዳይ ቱሪዝም ዝርከብ እቶት ዝበርሃሉን ምዕራፍ'ዩ። ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ድማ ቑልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ እፀዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝህልዎ ፅቕጥን ሳዕቤንን ዝንፀረሉን ንምዕቃቦም ክግበሩ ዝግበኦም ምንቅስቓሳትን ዝቐርበሉ'ዩ። እዚ ምዕራፍ ብካርታታት፣ ስእልታትን መልመድታትን'ውን ስለተሰነየ ንምርድኡን ንክተፅንዑን አዐርዩ ሓጋዛይ ኣግባብ ከምዘለዎ ተሓሲቡ ዝተዳለወ'ዩ፡፡

# 3.1 ቀንዲ ዓይነታትን ረብሓን እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን

## 3.1.1 ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ

ኣብ ዓለም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ተኽሊ እፅዋት ይበሃሉ። እፅዋት ተፈጥሮ እንታይ እዮም?

**ብዘይ ወዲሰብ ኢድ ኣእታውነት ብተፈጥሮ ዝበቑሉ ተኽልታት እፅዋት ተፈጥሮ ይበሃሉ። ወዲሰብ ተኺልዎም ዝበቑሉ ድማ ሰብ-ተከል እፅዋት ይበሃሉ። ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዝተፈላለዩ ዓይነት እፅዋት ተፈጥሮ ይርከቡ።**


**ኣብ ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ፅዕንቶ ዝሕድሩ ነገራት፡-**

ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝተፈላለየ እዩ፡፡ ኣብ ገለ ኸባቢታት ፅዑቕ ደኒ እንትህልው ኣብ ካሊእ ኸባቢ ድማ ብሳዕሪ ምድሪ ዝተሸፈነ ወይድማ ሓውሲ ምድረበዳ ኾይኑ ይርከብ፡፡

ተምሃሮ ንምንታይ እዩ ዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ኣብ ምድርና ሓደ ዓይነት ዘይኮነ? እስኪ ብጉጅለ ኾይንኩም ብዕሙቀት ተመያየጡሉ።

ንዝርገሐ እፅዋት ተፈጥሮ ፅዕንቶ ካብዘሕድሩ ነገራት እቶም ቀንዲ ዝስዕቡ እዮም።

- መጠን ዝናብ
- መጠን ረስኒ
- ዓይነትን ልሙዕነትን ሓመድ
- ብራኽ
- ንፋስን ኢድ ኣእታውነት ወዲሰብን እዮም፡፡




ካርታ 3.1 ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ

**ተምሃሮ እስቲ ኣብ ካርታ 3.1 ካብ ቁፅሪ 1 እስከ 4 ተገለፆን ዘለዎ ሃገራት ብመሰረት ዝተወሃበን ቁፅሪ ስመን ዘርዝሩ?**

ቀርኒ ኣፍሪካ ዝበሃላ ሃገራት ኢትዮጵያ፣ ጅቡቲ፣ ሱማልያን ኤርትራን ዘጠቓልል ከባቢ ምዃኑ ኣብ ምዕራፍ ሓደ ተማሂርኩም ኢኹም። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን ካብ እፅዋት ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን ጀሚሩ ክሳብ ኣብ በረኽቲ ቦታታትን ጫፍ ዓብይቲ ጐቦታትን ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ዓይነት እፅዋት ተፈጥሮ ይርከቡ። ኣብ ሸንጥሮ ሩባታት እውን ሩባ ቦቆል እፅዋት ተፈጥሮ ይርከቡ።



ስእሊ 3.1 እፅዋት ተፈጥሮ ቀርኒ ኣፍሪካ

## ዱር፣ ሳዕሪ መሬትን ምድረበዳን

**ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ እፅዋት ተፈጥሮ ብዋናነት ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ክፈልካ ምርኣይ ይካኣል። ንሳቶም`ውን ዱር፣ ሳዕሪ መሬትን እፅዋት ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን እዮም። ተምሃሮ ኣብ ከባቢ.ኹም እንታይ ዓይነት እፅዋት ተፈጥሮ ይርክቡ። እስቲ ኣብ ከባቢ.ኩም ብተፈጥሮ ዝቦቐሉ እፅዋት ዝርዝርዎም።**

**ዱር** ዝባሃል ኣእዋም ፅዕቕ ኢሎም ዝሸፈንዎ ከባቢ እዩ፡፡ **ሳዕሪ መሬት** ዝበሃል ሳዕርን ኣናእሽተይ ኣእዋምን ተሓዋዊሶም ዝርከቡሉ እንትኾን እፅዋት **ምድረ በዳ** ድማ ከም ቆልቋልን ቆጥቋጥን ዝበሉ ዝቦቐሉሉ እዮም፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዓይነት እፅዋት ብብራኽን ዓመታዊ መጠን ዝናብን ከባቢ ዝብውሰን እዩ፡፡ በዚ ምኽንያት ኣብ መታሕት ልዑል መጠን ረስኒ ዝፃወሩ ኣብ ዝተፈላለየ ብራኽ ዘለዎም በረኽቲ ቦታታት ድማ ዝተፈላለዩ ዓይነት እፅዋት ይርከቡ፡፡ ንሳቶም`ውን ከም እፅዋት ጫፍ ነዋሕቲ ጐቦ /ኣፍሮኣልፓይን/ ዱር በረኽቲ ቦታታት፣ እፅዋት፣ ሳዕሪ መሬት፣ እፅዋት ምድረበዳን ሓወሲ ምድረበዳን እፅዋት ጀቕጀቕ ቦታታት እዮም፡፡ እፅዋት ሳዕሪ መሬት ብመንፅር ዝርከቡሉ ብራኽ ኣእዋም ሳዕሪ መሬት፣ ብራኽ ሳዕሪ መሬትን ሳዕሪ መሬት ጐቦን ይርከብዎ፡፡



### ንጥፈት

1. ተምሃሮ እስኪ ኣብ ከባቢ.ኹም ዘለዉ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮን ሰብ ተኪል እፅዋትን ነንበይኖም እናገበርኩም ዘርዚርኩም ፀሓፍዎም፡፡
2. እቶም እፅዋት ተፈጥሮ ኣብ ከባቢ.ኹም ብበዝሒ ዶ ይርከቡ? ኣዝዩ ትሑት እንተኾይኑ እቲ ምኽንያ እንታይ'ዩ?



ስእሊ 3.2 እፅዋት ኢትዮጵያ

## 3.1.2 እፀዋት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን

ኢትዮጵያ ዝተፈላለየ ብራኸን ነባሪ ኣየርን ስለዘለዋ ዝተፈላለዩ ዓይነት እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ዝርከብዋ ሃገር እያ፡፡

### ዱር ቀርኒ ኣፍሪካ

እዞም ዓይነት እፅዋት ተፈጥሮ ዓበይትን ፅዕቕ ዝበሉ ተፈጥሯዊ እፅዋት ዝሓዘ ከባቢታት እንትኾኑ መብዛሕቱ ግዘ ዝናብን ልሙዕ ሓመድን ኣብ ዝርከቦ ከባቢታት ዝርከቡ እዮም። ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ምዕራባውን ደቡባውን ክፋላት ሓልሓሊፎም ይርከቡ። ኣብ ክልልና ትግራይ ድማ ደኒ ሕጉምብርዳን ዴስኣን ብዋናነት ዝጥቀሱ እዮም። ኣብዚ ዝካተቱ ዓይነት እፅዋት ዓርቃይ፣ ፅሕዲ፣ ኣውሊዕ፣ ዝግባን ኮሶን ብበዝሒ ይርከቡ።

### ሳዕሪ መሬት ቀርኒ ኣፍሪካ

ነዋሕትን ሮጎድትን ሳዕርታት (ሳዕሪ ሓርማዝ) ሓልሓሊፎም ድማ ከም ሰራው ዝርከብዎ ከባቢ እንትኾን ኣብ ሃገርና ኸባብታት ሓጓፍ ሽንጥሮ ጋምቤላ፣ ቤንሻንጉል ጉሙዝን ምዕራብ ትግራይን ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ሃገርና በበዝሒ ይርከቡ፡፡

### እፅዋት ምድረበዳን ሓውሲ ምድረበዳን ቀርኒ ኣፍሪካ

እዞም ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ ትበሃሉ መጠን ዝናብ (ትሕቲ 600 ሚ.ሜ) ኣብዘለዎ ከባቢታት ዝርከቡ እንትኾን ኣብ ከባቢታት ዓፋርን ኦጋዴንን ብበዝሒ ይርከቡ፡፡ ሓያል ዋዒ ናይ ምፅዋር ዓቕሚ ዘለዎም ዓይነታት ተኽሊ እዮም፡፡



## ንጥፈት

1. ኣብ ክልልና ደኒ ኣበይ ከባቢ ይርከብ?
2. ብመንግስቲ ዝሕለው ደኒ ’ኸ ኣበይ ከባቢ ይርከብ?




## 3.1.2 ዓይነታት እንስሳት ዘገዳም

ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝተፈላለየ ከባቢ ኣየርን እፅዋት ተፈጥሮን ምህላዉ ዓብዪ ተራ ኣለዎ። ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም ኣብ ሽዱሽተ ከፋፊልካ ምርኣይ ይከኣል። ንሳቶም`ውን፡-

1 ኣብ መብዛሕቱ ቦታ ዝርከቡ ከምኒ ዝብዒ፣ ቡኻርያ፣ ማንትለ፣ ወዘተ
2 በሳዕሪ መሬት ኣብዝበዝሑ ከባቢ ዝርከቡ ከምኒ ዘራፍ፣ ዜብራ፣ ኣጋዘን ሓርማዝ፣ ሰሳሕ ዝመሳሰሉ ሳዕርን ቆፅላ መፅልን ዝበልዑ ከምኡ’ውን ኣንበሳ፣ ዓርዓር ነብሪ፣ ኣቦሸማኔ ስጋ ዝበልዑን
3 ኣብ እፅዋት ዝንጠላጠሉ ከምኒ ህበይ፣ ወዓግ፣ ጉሬዛ ወዘተ
4 ኣብ ማያዊ ኣካላት ዝርከቡ ከምኒ ጉማረ፣ ሓርገፅ ...
5 ኣፅዋፍ መብዛሕትኦም ኣብ ከባብታት ሓጓፍ ሽንጥሮ ይርከቡ።
6 ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝርከቡ ብርቂ እንስሳት ዘገዳም እዮም።



ዋልያ



ኒያላ



ጭላዳ



ቀይሕ ቡኻርያ



ቆርኪ

ስእሊ 3.3 ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ካብ ዝርከቡ እንስሳት ዘጋዳም ገሊኦም

ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝርከቡ 7 ዘጥብዉ እንስሳት ዘገዳምን 25 ዓይነታት ኣዕዋፍን ከምዘለዉ ትፈልጡ ዶ? እዞም ዓይነታት እንስሳት ዘገዳምን ኣዕዋፍን ብኣብዝሓ ኣብ ደቡብ፣ ምዕራብን ሰሜናዊ ከባብታት ሃገርና ይርከቡ።

### ኣብ ሃገርና ጥራሕ ዝርከቡ ብርቂ እንስሳት ዘገዳምን ዝርከቡሉ ከባብን

- ዋልያ ኣብ እምባታት ሰሜን (ጎንደር)
- ንያላ ኣብ እምባታት ባሌ
- ጭላዳ ባቡን ኣብ እምባታት ሰሜን
- ቆርኪ ኣብ ነጭ ሳር ፓርክ (ደቡብ ኢትዮጵያ)
- ቀይሕ ቡኻርያ ኣብ እምባታት ሰሜንን ባሌን
- ድኩላ ምኒሊኽ ኣብ እምባታት ሰሜንን ባሌን
- ኣድጊ በረኻ ኣብ ከባብታት ዓፋርን ደቡብ ምብራቕ መታሕትን ይርከቡ። ተምሃሮ ኣድጊ በረኻ ዝበሃል ካብ ዜብራ ዝተፈለየ ኾይኑ መልክዑ ንኣድጊ ዘቤት ይመስል። እንስሳት ዘገዳም ንኸጠፍኡን ክስደዱን ምኽንያት ካብ ዝኾኑ እቶም ቀንዲ

- ብርሰት እፅዋት ተፈጥሮ
- ዘይሕጋዊ ሃደን
- መንበሪ እንስሳት ዘገዳም ዝኾነ ከባቢ. ማሕበረሰብ ንመግሃጫ እንስሳት እንትጥቀምሉ
- ባርዕ ሓዊ
- ብሰንኪ ድርቂ ዝፍጠር ሕፅረት ማይን ምግቦምን እዮም።

ተምሃሮ ኣብ ላዕሊ ካብዝተጠቐሱ ምኽንያታት እንታይ ትግንዘቡ? ኩሎም ፀገማት ብምንታይ ምኽንያት ዝተፈጠሩ ይመስለኩም? እዚኦም ብወዲሰብ ኢ.ድ ኣእታውነት ዝፍጠሩ እዮም።


ኣድጊ በረኻ


ዜብራ

ስእሊ. 3.4 ኣድጊ በረኻን ዜብራን

## 3.1.3 ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን

### ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮ

እፅዋት ተፈጥሮ እንታይ ረብሓ ኣለዎም? እስቲ ተመያየጥሉ። እፅዋት ዝተፈላለየ ዓይነት፣ ጥቕሚ ኣለዎም። ንኣብነት

- ንሰብን እንስሳትን ፍልፍል ምግቢ. እዮም፣
- መንበሪ እንስሳት ዘገዳም እዮም፣
- ሓመድ ብውሕጅ ተፀሪጉ ከይኸይድ ይዕቅቡ፣
- ንመስርሒ. ገዛን ናውቲ ገዛን ይጠቕሙ፣
- ንሓዊ፣ ፍልፍል ሰብን እንስሳትን ዘተንፍስዎ ኦክስጅንን ንዝመሳሰሉን ይጠቕሙ።
- ዝናብ ብምስሓብ ጠሊ. ይውስኹ፣
- ከባቢ. ኣየር የረጋግዑን ብኽለት ኣየር ይንከዩን እዮም።

### ረብሓ እንስሳት ዘገዳም

ረብሓ እንስሳት ዘገዳም ከ እንታይ እዩ? እስቲ ተመያየጡሉ። ካብ ሃገር ወፃእን ካብ ውሽጢ. ሃገርን ንዞም እንስሳት ዘገዳም ብምርኣይ መንፈሶም ከህድሱ ንዝደልዩ ዑደተኛታት ይስሕብ። ካብ ዑደተኛታት ድማ ብዙሕ ኣታዊ ገንዘብ ክርከብ ይኽእል። ብሓፈሻ ቱሪዝም ክምዕብል ይገብር።


ስለዚ እፅዋት ምሕላዉ መንበሪ እንስሳት ዘገዳም ምሕላዉ እዩ። እንስሳት ዘገዳም ምሕላው ድማ ብኻልእ ገፁ እፅዋት ከይብርሱ ምሕላው እዩ፡፡ እዚ ድማ ሚዛን ተፈጥሮ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ዝሕለወሉ ኩነታት ዝፈጥር እዩ፡፡ ንእፅዋትን ንእንስሳትን ጠቓሚ ዝኾነ ኦክስጅን ዝተብሃለ ኣየር የምርቱ። ብተመሳሳሊ እንስሳትን እፅዋትን ምግቦም ንምስራሕ ኣድላዪ ዝኾነ ካርቦን ዳይ ኦክሳይድ ይምግብዎም። ካብ እንስሳት ዝርከብ ድኹዒ ንዕብየት እፅዋት ተፈጥሮ ከም ማዕድን ኾይኑ የገልግል። ካብዚ ብተዋሳኺ እንስሳት ዘገዳም ዝርከቡሉ ከባቢ መብዛሕትኡ ግዘ ስለዝኸለል እፅዋት እቲ ከባቢ ካብ ብርሰትን ጨፍጫፍን ይድሕን፡፡ እዚ ድማ ሚዛን ተፈጥሮ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ዝሕለወሉን ነንባዕሎም እናተደጋገፉ ዝቕፅሉሉን ኩነታት ይፍጥር።

ሓረስቶትን እንስሳት ዘገዳምን ከመይ ተሳኒዮም ክነብሩ ይኽእሉ? ሓረስቶትን እንስሳት ዘገዳምን ተሳኒዮም ክነብሩሉ ዝኽእሉ ሓረስቶት መንበሪ እንስሳት ዝኾነ እፅዋት ከይበረሰ ሓሊዮም ምንባር እንትኽእሉ እዩ። ብኻልእ ገፅ ድማ ሓረስቶት ካብ ሓደጋ እንስሳት ዘገዳም ዓርሶምን ዘራብሕዎም እንስሳት ሓሊዮም ምንባር እንትኽእሉ እዩ።

ተምሃሮ ልዕል ክብል እንስሳት ዘገዳም ንምዕባለ ቱሪዝም ከምዝጠቅም ተማሂርኩም ኣለኹም። ቱሪዝም እንታይ እዩ? ቱሪዝም ንማሕበረሰብን እንስሳት ዘገዳምን ዘለዎ ረብሓ እንታይ እዩ?

ቱሪዝም ናይ ውሽጢ ዓዲ ወይድማ ናይ ወፃኢ ሃገር ዑደተኛታት ተፈጥሮኣዊ ወይድማ ሰብ ስራሕ ሓድግታት ብምርኣይ መንፈሳዊ ድልየቶም ዘህድሱሉ እዩ። ቱሪዝም እቶት ሸርፊ ወፃኢ የዕብይ። ምዕባለ ህንፀት ሆቴላት፣ ዝርግሐ መሰረተ ልምዓት ፅርግያ፣ ዝርግሐ ኤሌክትሪክን ቴሌኮሙኒኬሽንን የተባብዕ፡፡ ኣብ ሞንጎ ሃገራትን ህዝብታትን ዘሎ ርክብን ባህልን የጠናኽር። እንስሳት ዘገዳም ብኣግባቡ ክዕቀቡን ክንክን ክግበረሎምን የተባብዕ። ማሕበረሰብ እቲ ከባቢ ተጠቃሚ ዝርገሐ እቶም መሰረተ ልምዓትን በዚኦም ኣቢሎም ዝፍጠሩ ዕድል ስራሕትን ይኸውን። መንበሪ እንስሳት ዘገዳም ዝኾነ እፅዋት ተፈጥሮ ዑደተኛታት ንምሳፍብ ክንክን እንትግበረሉ ጠሊ እቲ ከባብን ልሙዕነት መሬትን ይውስኽ በዚ ምኽንያት ሓረስቶት ፍርያት ዝራእቶምን ዘራብሕዎም እንስሳት ዘቤትን ስለዘዓቢ ኣብ መነባብርኦም ተጠቀመቲ ይኾኑ ካብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ኢትዮጵያ ዝሓሸ ምዕባለ ቱሪዝም ዘለዋን ተረባሒት ቱሪዝምን እያ።

## ንጥፈት



- ኣብ ኢትዮጵያ ሓደ መስሕብ ዑደተኛታ ዝኾነ ቦታ ወሲድኩም ቱሪዝም ንኢትዮጵያ ብኸመይ ከምዝጠቕማ ፀብፃብ ንኽፍሊ ኣቕሪብኩም ተመያየጡሉ።
- ኣብ ከባቢኹም ናብዘሎ በዓል ሞያ ክንክን ሓድግታት ወይድማ ሃፍቲ ተፈጥሮ ብምኻድ ፀገማት ቱሪዝምን ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታትን (መፍትሒ ሓሳባትን) ብፀብፃብ መልክዕ ኣብ ክፍልኹም ኣቕርቡ።

## መልመዲ 3.1

ካብ ዞም ዝስዕቡ ሕቶታታ ነቶም ትኽክል ዝኾኑ 'ሓቂ' ነቶም ትኽክል ዘይኮኑ ድማ 'ሓሶት' ብምባል መልሱ።

1 እፅዋት ተፈጥሮ ዝበሃሉ ከም ኣእዋም፣ ሳዕሪ፣ ኣሕምልትን ፍረምረን ዝሓወሰ እዩ።
2 ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ሓደ ዓይነት እፀዋት ተፈጥሮ እዩ ዝቦቅል።
3 ኣብ ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮ ዕፅዋት ተፈጥሮቶ ካብ ዘሕድሩ ነገራት ሓደ መጠን ዝናብ እዩ።
4 ኣእዋም ፅዕቕ ኢሎም ዝሸፈንዎ ከባቢ ሳዕሪ መሬት ይበሃል።
5 ሳዕርን ኣናእሽቱ ኣእዋምን ተሓዋዊሶም ዝርከብሉ ከባቢ ሳዕሪ መሬት ይበሃል።
6 እፅዋት ምድረበዳ ሓያል ዋዒ ናይ ምፅዋር ዓቕሚ ኣለዎም።
7 ብርሰት እፅዋት ተፈጥሮ እንትኸሰት እንስሳት ዘገዳም ናብ ካልእ ቦታ ይስደዱ።

### 3.1.4 ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን

ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብኸመይ ብርሰት እፅዋት፣ ምስዳድ እንስሳት ዘገዳምን ምፅንታቕ ሃፍቲ ዱርን የስዕብ? እስቲ ተመያየጥሉ? ሎሚ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት እፅዋት ኣልቦ ኾይኑ እንሪኦ መሬት ቀደም ብእፅዋት ተሸፊኑ ዝነበረ እዩ። በዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ ምስከደ ግና ወዲሰብ ንሕርሻ፣ ንመንበሪ ዝኾን ቦታ፣ ንመስርሒ ገዛን ናውቲ ሕርሻን፣ ንሓዊ ዝኾን ዕንፀይቲን ዝመሳሰሉን ንምርካብ ዱር ብምጭፍጫፍ ክበርስ ገይርዎ።

ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እንስሳት ዘገዳም እንታይ የስዕብ? ልዕል ክብል እፅዋት መንበሪ እንስሳት ዘገዳም ምኻኖም ተማሂርኩም ኢኹም። ዕቤት በዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ እንትኸይድ ወዲሰብ ዱር ንዝተፈላለየ ጥቕሚ ከምዘብርስ እውን ተማሂርኩም ኢኹም።

ስለዚ ብምኽንያት ቅልጡፍ ዕብየት ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ እንስሳት ዘገዳም ዝነብረሎም ዱር እንትጭፍጨፉን ብባርዕ ሓዊ እንትነዱን እንስሳት ዘገዳም ናብ ካልእ ቦታ ይስደዱ፣ ገሊኦም ድማ ስለዝሞቱ በዝሖም ይንኪ። ጠሊ እቲ ከባብን ልሙዕነት መሬትን ይንኪ። ምዝባዕ ከባቢ ሃፍቲ ተፈጥሮ ይፍጠር።

ስለዚ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ኣጠቓቕማ ዱር ብርሰትን ኢሉ`ውን ውድመትን፣ ኣብ እንስሳት ዘገዳም ድማ ስደትን ሞትን ስለዘስዕብ ብሓፈሻ ሃፍቲ ዱርን እንስሳት ዘገዳምን ተመናሚኑ ክበርስን ኣብ ገሊኡ ድማ ተፀንቒቑ ንሓዋሩ ክጠፍእን ዝገብር እዩ።



## ንጥፈት

ንዓበይቲ ሰባት ሓቲትኩም
- ቅድሚ 30 - 40 ዓመት ኣየናይ ክፋል ከባቢኹም ብእፅዋት ዝተሸፈነ ከምዝነበረ
- ኣብቲ ከባቢ እንታይ እንታይ እንስሳት ከምዝነበሩ፣
- ቀንዲ ምኽንያት ምብራስ እፅዋትን ምጥፍእ እንስሳትን እንታይ ከምዝኾነ ንክፍሊ ፀብፃብ ኣቕሪብኩም ተመያየጥሉ፡፡

### 3.1.5 ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን

ተምሃሮ ልዕል ክብል ብርሰት እፅዋት ተፈጥሮ ዘስዕቡ ኩነታት ብዝርዝር ተማሂርኹም ኢኹም። ብርሰት እፅዋት ተፈጥሮ ከመይ ምክልኻል ይካኣል? ኣብ ከባቢኹም ምክልኻል ብርሰት እፅዋት ብኸመይ ይካየድ? ህልውና እንስሳትን ወዲሰብን ኣብ እፅዋት ዝተመሰረተ እዩ። ስለዚ እፅዋት ግቡእ ክንክን ተገይርሎም ክዕቀቡ ኣለዎም። ቀንዲ ሜላታት ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

- ዳግመ ግረባ ምክያድ፡- እዚ ማለት እፅዋት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተቖሪዮም ኣብ ጥቕሚ እንትውዕሉ መተካትኦም ቀልጢፎም ዝዓብዩ ተኽልታት ኣፍሊስካ ብምትካል ምትካእ እዩ።
- ተፈጥሮኣዊ እፅዋት ጠጢዮም ክዓብዩ ዝኽእልሎም ከባብታት ተፈሊጦም ካብ ምንቅስቃስ እንስሳትን ሰብን ክኸለሉ ምግባር።
- ኣብ ከባቢ ዱር ባርዕ ሓዊ ከፈጥሩ ዝኽእሉ ምንቅስቓሳት ምክልኻል።
- ንፍግረ መሬት ኣብ ዝተቓለዐ መሬት ዘላታትን ግድባትን ምስራሕ፣ እዚ ሜላ እፅዋት ብግቡእ ንኽዓብዩ ዘኽእሎም ማይን ሓመድን ተሸርሺሩ ከይኸይድ ይሕግዝ።
- መግሃጫ /ጋህዚ/ እንስሳት በብእዋኑ ምቅይያር። ኣብዚ እንስሳት ዘምገበሉ ቦታ ብተደጋጋሚ ብእንስሳት ተረጊፁ ሓመደ ብማይን ንፋስን ስለዘይሸርሸር እቲ ቦታ ተመሊሱ እፅዋት ከብቁል ይኽእል።
- ኣገባብ ዘይብሉ ኣጠቓቕማ እፅዋት ዝከላኸል ሕጊ ብምውፃእ ብህዝብን መንግስትን ተግባራዊ ምግባር።
- ዓቕሚ ከባቢ ማሕበረሰብ ኣብ ኣጠቓቕማ እፅዋት ክዓቢ ምግባር።
- ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ምቁፅፃር

ልዕል ክብል እንስሳት ዘገዳም ንምዕበለ ቱሪዝም ዘለዎም ረብሓ ተማሂርኩም ግና ካብ እንስሳት ዘገዳም እንረኽቦ ጥቕሚ ክንረክብ ግቡእ ክንክንን ዕቀባን ክንገብረሎም እንተኽኢልና'ዩ።

እንስሳት ዘገዳም ብኸመይ ክዕቀቡ ኣለዎም? ኣብ ከባቢኹም ዕቀባ እንስሳት ዘገዳም ብኸመይ ይካየድ? ተመያየጥሎም፡፡ እንስሳት ዘገዳም ብዝተፈላለዩ ሜላታት ምዕቃብ ይካኣል፡፡

ንኣብነት

- ተፈጥሮኣዊ ፍልፍል ቀለቦምን መንበሪኦምን ዝኾነ እፅዋት ካብ ብርሰት፣ ጨፍጫፍን ባርዕ ሓዊን ምሕላው፣
- ካብ ዘይሕጋዊ ሃድን ምክልኻል፣
- ዝዕቀቡሉ'ም ፓርክታት ክህሉ ምግባር፣
- ኣብ ዕቀባ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝሰርሑ ውደባት ምትብባዕ፡፡

## ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ሃገርና ዓበይቲ ብሄራዊ ፓርክታት ዝተፈላለዩ ዓይነት እንስሳት ዘገዳም ካብ ብርሰት ተዓቂቦሙሎም ይርከቡ። ንኣብነት ኣብ ካልእ ሃገር ዘይርከቡ ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝርከቡ ብርቂ እንስሳት ዋልያን ጭላዳ ባቡንን ኣብ እምባታት ሰሜን ፓርክ፣ ኒያላ ኣብ እምባታት ባሌ ፓርክ ተዓቂቦም ይርከቡ። ንዞም ብርቂ እንስሳትና ንምርኣይ ብዙሓት ዑደተኛታት ናብዞም ፓርክታት ዑደት የካይዱ እዮም። ከም ማሕበር ሓለዋ እንስሳት ዘገዳም ኢትዮጵያ እንስሳትን ከባብን ዝከናኸን ትካል ኣብ ዕቀባ ሃፍቲ ተፈጥሮ እናሰርሐ ይርከቡ።



### ንጥፈት

3 (ሰለስተ) ካርታታት ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ ስኢልኩም ንኽፍሊ ኣቕሪብኩም ተመያየጡሉ፡፡

## መጠቓለሊ

ብዘይ ወድሰብ ኢድ ኣታውነት ብተፈጥሮ ጥራይ ዝበቕሉ ተኽልታት ብሓፈሻ እፅዋት ተፈጥሮ ይበሃሉ። ኾይኑ ግና ኣብ ዓለምና ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮ ብማዕርነት ዝተዘርግሐ ኣይኮነን። ገሊኡ ብዕዑቕ ኣግራባት እንትሸፈንፈን ገሊኡ ድማ ምድረ በዳ ይኸውን። ዝርግሐ እፅዋት ተፈጥሮ ዝውሰን ብመሰረት መጠን ዝናብ፣ ረስኒ፣ ብራኽ ልሙዕነት ሓመድ፣ ንፋስን ኢድ ኣታውነት ደቂ ሰባትን እዩ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ ቐንዲ እፅዋት ተፈጥሮ ዱር፣ ሳዕሪ መሬትን እፅዋት ምድረ በዳን እዮም።

እንስሳት ዘገዳም ምብራቕ ኣፍሪካ ብዙሓት እዮም። ገለገሊም ኣብ ካልእ ቦታ ዘይርከቡ እዮም። ንኣብነት ዋልያ፣ ኒያላ፣ ጭላዳ ባቡን ዝመሳሰሉ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣይርከቡን። እፅዋት ተፈጥሮ ካብ ዝህብዎ ረብሓታት ፍልፍል ምግቢ፣ መንበሪ እንስሳት ዘገዳም፣ ዕቀባ ሓመድ፣ ንመስርሕ ገዛ፣ ፍልፍል ኦክስጅን፣ ንነዳዲ፣ ምስሓብ ዝንብን ጠልን፣ ምንካይ ብኽለትኣየርን እቶም ቀንድታት እዮም። እንስሳት ዘገዳም ፍልፍል ሃፍቲ ቱሪዝም እዮም።

ብተወሳኺ'ውን ንሳይንሳዊ መፅናዕትን ምርምርን ዓብዪ ረብሐ ኣለዎም። ስለዚ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዘድሊ ክንክን፣ ሓለዋን ዕቀባን ክግበረሎም ይግባእ። ዝተፈላለዩ ፓርክታት ክስርሑን ክንክን ክግበረሎምን ኣለዎ።

## ማህደረ ቃላት

| ቁልፌ ቃላት | | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ዱር | ብዕውቕ ኣእዋም ዝተሸፈነ ቦታ። |
| 2 | ቱሪስት | መንፈሱ ንምህዳስ ናብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ወይድማ ቦታታት ብምዝውዋር ዑደት ዘካይድ ሰብ። |
| 3 | ምድረበዳ | ዓመታዊ መጠን ዝናብ ትሕቲ 250 ሚሊሌትር ዝኾነን ዝባደመ ቦታ። |
| 4 | ዳግመ ግረባ | ተኽልታት ኣፍሊስካ ዳግም ብምትካል ንዝተቖረፁ ኣእዋማት ምትካእ። |
| 5 | ብሄራዊ ፓርክ | እንስሳት ዘገዳም ዝዕቀቡሉ ሰፊሕ ዝተኸለለ ቦታ |

## መጠቓለሊ ሕቶታት

**ሀ ንሕድሕድ ሕቶ ካብ ዝተወሃቡ መማረፂ መልስታት ነቲ ዝበለፀ መሪፅኩም መልሱ።**

1 ቀንዲ ዓይነት እፅዋት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?
ሀ እፅዋት ኮኒፈረስ ሐ ሳዕሪ መሬት
ለ ዱር መ እፅዋት ምደረበዳ

2 ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝርከብ እንስሳ ዘገዳም ኣየናይ እዩ?
ሀ ዝብኢ ለ ኣንበሳ ሐ ኒያላ መ ነብሪ

3 ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮ
ሀ ፍልፍል ካርቦን ዳይኦክሳይድ እዩ ሐ ፍግረ መሬት ዝከላኸል እዩ
ለ ፍልፍል ምግቢ እዩ መ መንበሪ እንስሳት ዘገዳም እዩ

4 ኣብ መብዛሕትኦም ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ እንሳሳት ዘገዳም
ሀ ሓርማዝን ዋልያን ሐ ነብርን ዘራፍን
ለ ዝብእን ብ'ኳርያን መ ድሙን ከልብን

5 እንስሳት ዘገዳም
ሀ መሳሕብ ዑደተኛታት እዮም ሐ መጓዓዝያ ሰብን ኣቑሑን እዮም
ለ መሰርሒ ገዛ እዮም መ ምስ ሰብ ዝነብሩ እዮም

6 ካብዞም ዝስዕቡ ብርሰት እፅዋት ዘስዕብ ኣየናይ እዩ?
ሀ ግድባት ምስራሕ ሐ ዳግም ግረባ
ለ ምኽላል ዱር መ ፍግረ መሬት

7 ቅልጡፍ ዕቤት በዝሒ ህዝቢ እንትህሉ
ሀ ጨፍጫፍ ዱር ይንኪ ሐ ባርዕ ሓዊ ይንኪ
ለ ደሌት ንሕርሻ ዝኾን ቦታ ይንኪ መ ልሙዕነት ሓመድ ይንኪ

8 ሜላ ዕቀባ እንስሳት ዘገዳም ዘይኮነ

ሀ ሕጋዊ ሃደን ምክልኻል
ሐ ጨፍጫፍ እፅዋት ምክልኻል
ለ ፓርክታት ምንካይ
መ ኩሎም መልሲ እዮም

ለ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብዝግባእ ተገንዚብኩም ትኽክለኛ መልሲ ሃቡ።

1 እንስሳት ዘገዳምን ቱሪዝምን ዘለዎም ምትእስሳር ግለፁ።
2 ኣብ መንጎ ዱር፣ ሳዕሪ መሬትን እፅዋት ምደረበዳን ዘሎ ኣፈላላይ ግለፁ።
3 ረብሓ ቱሪዝም እንታይ እንታይ እዮም?
4 ሓረሰቶትን እንስሳ ዘገዳምን ብኸመይ ተሳኒዮም ክነብሩ ይኽእሉ?
5 ምሕላው እንስሳት ዘገዳምን መንበሪኦምን እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
6 በዝሒ ህዝቢ እንትውስኽ ብርሰት እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን የስዕብ። ብኸመይ?
7 መግሃጫ እንስሳት በብእዋኑ ምቅያር ብኸመይ ብርሰት እፅዋት ይከላኸል?
8 ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ዘርዝሩ።
9 ኣብ መንጎ እፅዋት ተፈጥሮን ሰብ-ተከል እፅዋትን ዘሎ ኣፈላላይ ግለፁ።
10 ንዝርገሐ እፅዋት ፅዕንቶ ካብ ዘሕድሩ ነገራት ነቶም ኣርባዕተ ዘርዝሩ።
11 ካብቶም ቀንዲ ሜላታት ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ ነቶም ሓሙሽተ ዘርዝሩ።
12 ካብቶም ቀንዲ ሜላታት ዕቀባ እንስሳት ዘገዳም ነቶም ሰለስተ ግለፁ።



# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ውራይ ህዝቢ

## ውፅኢታት`ዚ ምዕራፍ

**ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም ነዞም ዝስዕቡ ውፅኢታት ተረጋግፁ፤**

- ንሓደጋታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘቃልዑን ዘሳጥሑን ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን ዘስዕብዎ ፅዕንቶን ኣብ ኢትዮጵያ ትገልፁ።
- ሳዕቤናትን ፅዕንቶን ቐልጡፍ ዕብየት ህዝቢ ብዝምልከት ብዝርዝር ትትንትኑ።
- ቀንዲ መፍለይን መግለፅን ባህርያት (መትከላት) ሰናይ ምምሕዳር ትዝርዝሩ። ትገልፁ።
- ቀንዲ ነጥብታት መሰላት ህፃናትን  መትከላቶምን ተብርሁ። ተረድኡ።
- ምስ ድሕንነት ዝተኣሳሰሩ ሓደጋታት መጠኖም ትግብጡ።ተዛምዱ።

**ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ተማዕብሉ፣ ትውንኑ፤**

- ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት ተብርሁ።
- ደኸታምነትን ጎደና ተሓዳደርነትን ከም ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ትገልፁ።
- ኣብ ኢትዮጵያ ዋሕዲ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ሕፅረት ዝሕረስ መሬትን ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከምዝኾኑ ትገልፁ።
- መግለፂ ባህርያት ሰናይ ምምሕዳር ተለልዩ።
- ኣብ ከባቢኦም ዘጋጥሙ ሓደጋታትን ክኸተልዎ ዘለዎም ደንብታት ደሕንነት ተለልዩ።
- ኣብ ከባቢኦም ንዘጋጥሙ ሓደደጋታት ሜላታት ኣሰራርሓ ደሕንነት ትጭብጡ።

## መእተዊ

ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ኣርባዕተ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ ውራይ ህዝቢ እዩ ዝድህስስ። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ኣብዝኾኑ ጉዳያት ክትመያየጡን እናሓተትኩም ክትመሃሩን ትፅቢት ይግበር። ውራይ ህዝቢ ዝብል ምዕራፍ ንተምሃሮ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ማሕበረሰብ ኣዐርዩ ዝጠቕሞም መሰረታዊ ጉዳይ'ዩ። ስለዚ ሕድሕዲኹ መመያየጢ ዛዕባን ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርትን ክንድዝከኣል ተምሃሮ ኣፀቢቅኩም ክትርድእዎም ምግባር ወሳናይ'ዩ።

ስለዚ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ፣ ምስ ህዝቢ ተዛማዳይነት ዘለዎም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ውራያት ህዝቢ ክትመሃሩ ኢኹም። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ትምሃርዎም ርእስትታት ብዛዕባ ምስ ጉዳያት ህዝቢ ዝተኣሳሰሩ ዛዕባታት ክህልዉ'ዮም። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ ብዋናነት ጠመተ ዝተገበረሎም ቀንዲ ኣርእስትታት እዞም ዝስዕቡ ይርከቡ።

ኣገደስቲ ውራያት ህዝቢ ምስ ጉዳያት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ጉዳእቲ ባህልታት፣ ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት ህዝቢ፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ መሰል ህፃናትን ድሕንነትን ዝመሳሰሉ ዛዕባታት ትመሃሩሉ ምዕራፍ እዩ፡፡ ስለዚ እዚ ምዕራፍ ብዛዕባ ኣገደስቲ ውራያት ህዝቢ ትምሃሩሉ እዩ። እዚ ን19 ክፍለ ግዝያት ዝተዳለወ ትምህርቲ ኾይኑ ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ውራያት ህዝቢ ኣፀቢቕኩም ትፈልጡን ትርድኡን ከምዝኾንኩም ንኣምን።

## 4.1 ጉዳያት ህዝቢ



### ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እንታይ ትፈልጡ? መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኣመልኪቱ ኣብ ገፅ 134 - 136 ዝተገለፀ ኣብ ቤት መፅሓፍ ቤት ትምህርትኹም ኸይድኩም ኣንብቡ። ኣብ ከባቢ.ኹም ናብ ዝርከብ ትካል ጣብያ ጥዕና ከይድኩም'ውን መብርሂ ኣምፅኡ። መልስኹም ብፅሑፍ ተዳልዩ ናብ ክፍሊ ብምቕራብ ተመያየጡሉ።

### 4.1.1 ዝምድና ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን



#### ንጥፈት

ተምሃሮ፣ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እንታይ እዩ? ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ መመሓላለፍቲ መንገድታት ከ እንታይ'ዮም? ጎዳእቲ ባህልታት ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብኸመይ ዘቃልዑ ይመስለኩም? ብዛዕባ ጎዳእቲ ባህልታት እንታይ ትፈልጡ? ብስሩኸ ጉዳእቲ ባህልታት እንታይ እዮም? ቅድሚ ናብ ዝስዕብ ትምህርትን ትንተናን ምእታውኹም ነዞም ሕቶታት መሰረት ብምግባር ብጉጅለ ተመያየጡ፡፡

ተምሃሮ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ሰብ ተላባዳይን ተመሓላላፋይን ዝኾነ ሕማም እዩ። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ደም ብዝርከብ ቫይረስ ጥራሕ ዝመሓላፍ እዩ። ተሸካሚ ቫይረስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብዝኾነ ሰብ ብደም ኣቢሉ ናብ ካልእ ጥዑይ ሰብ ዝመሃላለፍ ሕማም እዩ። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብደም ጥራሕ ዘይኮነስ ብፆታዊ ርክብ'ውን ካብቶም ቫይረስ ተሸከምቲ ዝኾኑ ሰባት ናብ ጥዑያት ሰባት ይመሓላለፍ'ዩ። ስለዚ ብላማ (መላፀ)፣ በሊሕ ነገራት፣ ካራን ካብ ቆርበት ደም ብዘውፅኡ ነገራት፣ ብመርፍእን ምስ ቆርበትን ስጋን ወዲ ሰብ ከድምዩ ዝኽእሉ ነገራት ካብ ሓደ ናብ ካልእ ይመሓላለፍ እዩ፡፡ ምእንተ'ዚ እዩ ኣብ እንዳ ቀምቃማይ ፀጕሪ ላማ ከይትጥቀሙ እንተጠቒምኩም ሓዱሽን ኣብ ዝፈልሐ ማይን ዝተጠጠቐ ክኸውን ኣለዎ፣ ኣብ እንዳ ሕክምና መርፍእ እንተትውግኡ ሓዱሽ ምዃኑ ኣረጋጊፅኩም ምስተጠቐምኩም ክድርበይ ኣለዎ፣ ብሓደጋ ዝደመየ ሰብ ብኢድኩም ደም ከይትነኽኡ፣ ክትሕግዙ እንተትደልዩ ጓንቲ ኢድ ተጠቐሙ ወዘተ ዝበሃል። ስለዚ ኣብ እዋን ሓደጋ ኲናት፣ መኪና፣ ባእስን ጎንፅን፣ ሕማም ወዘተ ዝመሳሰሉ ተጓንፎታት ዝፈስስ ደም ብኢድ ምንካእ ኣየድልይን ዝበሃል።

## ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ 1 መመሓላለፊ መንገድታት ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብዝርዝር ግለፁ።
2 ሜላታት መከላኸሊ ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ ትሑዝ ቫይረስ ናብ ጥዑይ ሰብ እንታይ ከምዝኾኑ ብዝርዝር ግለፁ።

ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝተፈላለዩ ጠቐምትን ጎዳእትን ዝኾኑ ባህልታትን ልምድታትን ኣለውዎም። እዞም ባህልታትን ልምድታትን ካብ ቦታ ናብ ቦታን ካብ ከባብን ናብ ከባብን ከምኡ'ውን ካብ ክልል ናብ ክልልን ዝተፈላለዩ እዮም። እዞም ጠቐምትን ጎዳእትን ባህልታትን ልምድታትን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፉ ዝመፁ'ዮም። እዞም ጠቐምቲ ባህላዊ ልምድታት ዝበሃሉ ብኣዎንታ ዝረአዩ እንትኾኑ ካብዚኦም እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፤

- ንህፃናት ፀባ ጡብ ኣዶ ምጥዋብ፣
- ንህፃናት ዝግበር ክንክን፣
- እድር፣ ዕቁብን ተሓባቢርካ ምስራሕን
- ዝተብኣሱ ምትዕራቕን ነገራት ብሽምግልና ምፍታሕን፣
- ንሓረሳት ዝግበር ክንክንን፣
- ምጥይያቕን ምትሕልላይን፣
- ብሓባር ተወዲብካ ኣብ ፀገምን ደስታን ምርድዳእ፣
- ንኣረጋውያንን ጉዱኣት ኣካልን ዝግበር ቤተሰባዊ ክንክንን፣
- ንዝተፀገሙ ወገናት ደኸታማት፣ ሽማግለታት፣ ኣካል ጉድኣት ምጥዋር
- ኣጋይሽ ምቕባልን ካልኦትን።

እዚኦምን ከምዚኦምን ዝመሳሰሉ ማሕበራዊ ሃፍትታት ኣብ ከባቢና ሕብረተሰብ'ውን ብኣዎንታ ዝርእዮም እዮም።

ብኻልእ ገፅ ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብ፣ ስነ-ኣእምሮኣውን ስነ-ልቦናውን ከምኡ'ውን ማሕበራውን ኩነታት ኣሉታዊ ፅልዋ ዘሕደሩ ጎዳእቲ ዝበሃሉ ባህላዊ ልምድታት ብሰፊሑ ይርኣዩ ፀኒሖም'ዮም፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣዴታት፣ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ጥዕናዊ፣ ስነ ልቦናውን ማሕበራውን ህይወት ዝጎድኡ ብርክት ዝበሉ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት

ክፍፀሙ ዝርአዩ ኣለዉ። እዞም ጎዳእቲ ልምዲ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኮይኖም ኣብ ስነ ኣእምሮ፣ ኣብ ኣካልን ኣብ ማሕበራዊ ርክብን ፀገማት ዝፈጥሩ እዮም። ካብቲ ብዝለዓለ ብርኪ ዝረአይ ሓደጋ ሓዲኡ ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘለዎ ምቅላዕን በዚ ኣቢሉ ዘምፅኦ ሳዕቤን እንትኾን፣ እዚ ድማ ካብዚ ንታሕቲ ምስቶም ዓበይቲ ተግባራት ጎዳእቲ ልምድታት ብምትእስሳር ቐሪቡ'ሎ። ስለዚ ብዋናነት ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፤

1 ኣብ ኣዴታት (እኖታት) ዝበፅሑ ጎዳእቲ ባህላውን ልማዳውን ተግባራት ከም ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ፣ ትሕቲ ዕድመ መርዓ፣ ምስ ዘይማንዛ ሓዳር ምግባር፣ መዳሕንቲ ምእንታን ክወርድ ከብዲ ኣዶ ብጠስሚ ምድራዝ ዝመሳሰሉ ኣለዉ።

2 ኣብ ህፃናት ዝፍፀሙ ጎዳእቲ ባህላውን ልማዳውን ተግባራት ድማ ከም ምኽንሻብ ህፃናት ደቂ ኣንስትዮ፣ ምኽላእ ዓንቀር፣ ምፍልፋል ስኒ ባርካይ (ድርፃን)፣ ዘይተመጣጠነ ምግቢ ምሃብን ንመልክዕ ተባሂሉ ቆርበት ምጥባሕን ምውቃጥን ካልኦትን ይርከብዎም።

## ዕዮ ጉጅለ



ኣብ ከባቢ.ኹም ዝፍለጡ ጎዳእቲ ባህላውን ልማዳውን ተግባራት ዝበሃሉ እንታይን እንታይን ከምዘለዉ ተመያየጡሎም፡፡ ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡

## ብዋናነት ዝጥቀሱ ጎዳእቲ ባህላውን ልማዳውን ተግባራት

### ሀ. ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ (ምትልታል ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ)፤

ተምሃሮ ምኽንሻብ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ? እዚ ምስ ብባህላዊ ልማድ ግርዘት ወይድማ ምትልታል ብልዕቲ ዝምልከት እዩ። ምኽንሻብ ንደቂ ተባዕትዮን ንደቂ ኣንስትዮን ዝምልከት ባህላዊ ልማዳዊ ተግባር እዩ። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብዚ ርእሲ ትመሃርዎ ምኽንሻብ ህፃናት ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ጎዳኢ ባህላዊ ልማዳዊ ተግባር እዩ። እዚ ጎዳኢ ባህላዊ ልማዳዊ ተግባር ምኽንሻብ (ምግራዝ ወይድማ ምትልታል) ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ እናተብሃለ ዝፍለጥ እንትኸውን ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ብበሊሕ ነገር ብምትልታልን ብምቑራፅን ዝፍፀም ጎዳኢ ልምዲ'ዩ። እዚ ተግባር ደጋዊ ክፋል ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ብክፋል ወይድማ ብምሉእ ብምቑራፅን ብምድርባይን ዝፍፀም መስካሕከሓይ ዝኾነ ጎዳኢ ባህላዊ ልማዳዊ ተግባር እዩ። እዚ ጎዳኢ ባህላዊ ልማዳዊ ተግባር ብኣብዝሓ ኣብ ሃገራት ኣፍሪካ ዝተለመደ እንትኸውን ኣብ ዝተወሰኑ ሃገራት እስያ'ውን ይርአዩ።

እዚ ጎዳኢ ባህላዊ ልማዳዊ ተግባር ንነዊሕ እዋን ብልምድን ብእምነትን ተመስሪቱ እናተፈፀመ ዝፀንሐ'ዩ። ኣብ ዓለም በብዓመቱ ካብ ክልተ ሚሊዮን ዘይውሕዳ ደቂ ኣንስትዮ ህፃናት በሰላ'ዚ ጎዳኢ ልምዲ ይኾና ኣለዋ። ኣብ ኣፍሪካ ጥራሕ ካብ 28 ኣብዘይውሕዳ ሃገራት እዚ ተግባር ባህላዊ ልማድ ዝፍፀም እንትኸውን ብኣብዝሓ ጎሊሁ ዝርአይ ግና ኣብ ከባቢ ቅናት ምድሪ ዝርከባ ሃገራት ማእኸላይ ኣፍሪካ፣ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካን ከባቢ ቀይሕ ባሕርን እዩ።

ናይዚ መበገሲ ካብ ሓደ ማሕበረሰብ ናብቲ ሓደ ዝተፈላለየ ምኽንያት ዝቐርብ ኾይኑ መብዛሕትኡ ምስ ጉዳያት ሞራል፣ ባህልን ሃይማኖትን ዝተዛመደ'ዩ። እዚ ተግባር ኣብ ክልልና ብሰፊሑ ዝፍፀምን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ኣብ ህፃናት ደቂ ኣንስትዮ ዘብፅሖ ማሕበራውን ኣካላውን ፅልዋ ከቢድ'ዩ። እዚ ተግባር ዝፍፀም በቶም ኣባላት ናይቲ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፣ ነዚኦም ከም እቶት መርከቢ ተገይሩ ስለዝውሰድ እቲ ጉዳይ ንኽዛመት ከም ዓብዪ ምኽንያት ክውሰድ ክኢሉ። ምኽንሻብ ንምፍፃም/ንምክያድ ዝቐርቡ ምኽንያታት ዝስዕቡ እዮም፤

1 ኣብ ሕብረተሰብ ተቐባልነት ንክህልወን ንምግባር፣ ምኽንያት ነቲ ባህሊ ሕብረተሰብ ኣኽቢሩ ስለዝተቐበለት ተፈታውነታ ዝለዓለ ይኾውን ብዝብል ኣተሓሳስባን እምነትን ስለዝውሰድ ከም ስነ ስርዓት ዘለዋ ተገይሩ ይውሰድ፡፡ ዝተገረዘት ጓል ኣንስተይቲ ንሓዳር ብቐዕቲ፣ ተኣማኒት፣ ክትወልድ እትኽእል ወዘተ ተገይራ'ያ ትውሰድ፡፡


2 ንዝሙት ዝተቓልዐት ኣይትኸውንን፣ ነዚ ዝቐርብ ምኽንያት ዘይተገረዘት ጓል ኣብ ሓደ ስብኣይ ተረጋጊዓ ኣይትቕመጥን ዝብል ድሑር ኣተሓሳስባ ስለዘሎ'ዩ፡፡ ስለዚ ነቲ ስድራ መሕፈሪትን መፅረፌትን ትኸውን ዝብል ግጉይ ኣረዳድኣ ምህላዉ፡፡

3 ተኣመንቲ ይኹና ዝብል እምነት ምህላዉ፣ ዝተኸንሸባ ደቂ ኣንስተዮ ቅድሚ ሓዳር ድልየት ፆታዊ ርክብ ግብረ ስጋ ክይህልወንን ክብረ - ንፅህንአን ሓሊየን ንኽፀንሓ ከምዝገብር ብሕብረተሰብ ብሰፊሑ ዝእመነሉ ምኽኑ ይግለፅ'ዩ፡፡ ድሕሪ ሓዳር'ውን እንተኾነ ፆታዊ ርክብን ስምዒትን ደቂ ኣንስተዮ ብምንካይ (ምቕናስ) ንሰብኡተን ተኣመንቲ ንክኾና ከምዝሕግዘን ይእመነሉ፡፡

4 ኣብ እዋን ወሊድ ፀገም ኣየጋጥማን ዝብሉ'ውን ኣለዉ፣ እዚኦም ግና ሓቅነት ዘይብሎምን የግዳስ ብተፃራሪ ዝረአዩን ጉድኣት ዘስዕቡን ተግባራት'ዮም፡፡

5 ብሃይማኖት ዝተፈቐደን ዝተኣዘዘን ምኽኑ ዝገልፁ'ለዉ፣ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስተዮ ዝፍፀመሉ ምኽንያት ብሃይማኖት ዝተፈቐደ ስለዝኾነ'ዩ ዝብል ይርከብ'ውን እዩ፡፡ ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ሃይማኖት ክርስትና ወይድማ እስልምና ኣድላይነት ምኽንሻብ (ምትልታል ብልዕቲ) ደቂ ኣንስተዮ ብዝምልከት ዝተሓበረ ነገር ኣብ ቅዱስ መፅሓፍቲ ዝተገለፀ ነገር ከምዘየለ መራሕቲ ሃይማኖት ይገልፁ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ



ደቂ ኣንስተዮን ደቂ ተባዕተዮን ነንበይኖም ተጎጂሎም ምኽንሻብ፣ ምትልታል ብልዕቲ ደቂ ኣንስተዮ፣ ግርዘት እንታይ ማለት ከምዝኾነን ኣብ ከባቢኦም ዝትግበር ልማዳዊ ባህሊ ኣመልኪትኩም ተመያየጡ። ንምንታይ'ዩ ምኽንሻብ፣ ምትልታል ብልዕቲ ደቂ ኣንስተዮ፣ ግርዘት ጎዳኢ ልማዳዊ ባህሊ ዝበሃል? ኣብ ሕብረተሰብና ምኽንሻብ፣ ምትልታል ብልዕቲ ደቂ ኣንስተዮ፣ ግርዘት ንምፍፃም ዝቐርቡ ምኽንያታት እንታይ'ዮም? ኣብ ከባቢኹም ኸ እዞም ምኽንያታት ይንፀባረቑ (ይግለፁ) ድዮም? ሳዕቤናት ምኽንሻብ፣ ምትልታል ብልዕቲ ደቂ ኣንስተዮ፣ ግርዘት ብዝርዝር ግለፁ። ብምኽንያት ምኽንሻብ፣ ምትልታል ብልዕቲ ደቂ ኣንስተዮ፣ ግርዘት ጉድኣት ዝበፅሖም ወገናት ኣብ ከባቢኹም እንተልዮም ተመያየጡሉ።

## ሳዕቤናት ምኽንሻብ (ምትልታል)

ምኽንሻብ (ምትልታል) ብልዕቲ ህፃናት ደቂ ኣንስተዮ ብዙሕ ሳዕቤናት ኣለውዎ፡፡ ንምኽንሻብ (ምትልታል) ብልዕቲ ደቂ ኣንስተዮ ዝጥቀሙሎም መሳርሕታት ፅርየት ዘይብሎምን ባህላውን እዮም። ኣብ እዋን ምኽንሻብ ብዙሕ ደም ምፍሳስ ዘስዕብን ቀልጢፉ ዘይሓዊ ቁስሊ ስለዘጋጥምን እተን ደቂ ኣንስተዮ ናብ ቃንዛን ስቓይን ስለዘሳጥሐን ድሕሪ እቲ ምኽንሻብ ገዲፍዎ ዝኸድ በሰላ ከቢድ ይኸውን። ስለዚ ብውሑድ እዞም ፅርየት ዝጎደሎም ባህላዊ መኽንሸቢ መሳርሕታት ረኺሲ የስዕቡ'ዮም፡፡ እንትኸንሸቡ (ብልዕቲ እንትትልትሉ) ዝጥቀሙሉ ባህላዊ መሳርሕታት ብዘይገለ ዓይነት መደንዘዚ ስለዝፍፅምዎ ብጣዕሚ መሳቐዩን መቐንዘውን እዩ፡፡ ምኽንሻብ ደቂ

ኣንስትዮ ኣብዚ ሕዚ እዋን እንትረአ ካብቶም ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ዘመሓላልፉ መንገድታት ሓዲኡ ከምዝኾነ ይፍለጥ። ብሰንኪ ንምኽንሻብ ዝጥቀሙሉ መሳርሒ ፀገም ፅሬትን ኣታዓቓቕባን ስለዝህልዎምን ብምኽንያት'ዚ ድማ ኣብዚ እዋን ብበዝሒ ደም ስለዝፈስስን በዚ ኣቢሉ ካብ ሕሙም ናብ ጥዑይ ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ክመሓላለፍ ይኽእል። ስለዝኾነ ድማ እዚ ልምዲ ኣብቲ ተፈጥሮኣዊ ኣካል ጥራሕ እንተይኮነስ ንሓደጋ ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ መተሓላለፊ ቁልፊ መንገዲ ብምኳኑ ጥንቓቐን ክትትልን ብምግባር ክውገድ ዝግብኦ ጉዳይ'ዩ። ጥምር ብዝበለ እንትርአይ፧

1. ብዙሕ ደም ምፍሳስ
2. ፅርየት መሳርሕታት ምጉዳል
3. ቃንዛን ስቓይን
4. ቀንዲ መንገዲ ምትሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ

ምኽንሻብ ኣብ መብዛሕቲኡ ሃገርና ዝካየድ ኾይኑ ብዝበለፀ ግና ኣብ ክልል ዓፋርን ሶማልን ዳርጋ ኣብ ኩሉ ዝፍፀም እዩ። ኣብ ትግራይ ልዕሊ 30% ከምዝነበረን ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና እናነከየ ዝመፀ ጎዳኢ ልምዲ እዩ። እዚ ጉዳይ ሃይማኖታውን ጥዕናውን ረብሓን ባይታን ዘይብሉን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እዋን ወሊድ ፀገም ዝፈጥረለን ድሑር ልምዲ'ዩ። እዚ ብምኳኑ ድማ ብኹሎም መራሕቲ ሃይማኖት ተቐባልነት ዘይብሉን እናተወገዘ ዝርከብ እንትኾን ነዚ ኣብ ምቅላስ ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ፣ ዝተፈላለዩ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት ተሪር ቃልሲ እናካየዱ ይርከቡ። ስለዚ ምኽንሻብ ምክያድ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ./ኤድስ ተዛሚዱ እንትረአ ዝኸፍአ መልክዕ ይሃልዎ'ምበር ብዘይካ እዚ'ውን ኣብ ስነ ኣእምሮ እናፈጠሮ ዘሎ በሰላ ብቐሊሉ ዝርአይ ኣይኮነን። ኣብ እዋን ምኽንሻብ (ምትልታል ብልዕቲ) ደቂ ኣንስትዮ ዘጋጥም ስቓይ ኣብ ኣእምሮን ስነ ልቦናን ደቂ ኣንስትዮ ዘሕድሮ ፍርሕን ጭንቀትን ኣዝዩ ልዑል እዩ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ መወዳእታ ኣብ እዋን ወሊድ ደቂ ኣንስትዮ ፀገም የጋጥመን፣ ስምዒት ፆታዊ ርክብ ደቂ ኣንስትዮ ትሑት ይኸውን፣ ኣብ ኣካል ደቂ ኣንስትዮ ጉድኣት ክበፅሕ የብሉን ንዝብል ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት ዝግሃሰ መነወርን ድሑርን ጎዳኢ ባህላዊ ልማድ እዩ። ነዚ ኣመልኪቱ ኣብ ጎረቤት ክልልና ዓፋር ዝተሰርሐን ኣብ ሓቂ ዝተመስረተ "ሓራም" ብዝብል ሽም ዝፍለጥ ዶኩመንተሪ ፊልም ተሰሪሑ ብኢትዮጵያ ቴሌቪዥን ዝተመሓላለፈ እንትኾን እዚ ድማ ብዙሕ ትምህርቲ እናሃበ ይርከብ።

## ለ. ምኽላእ ዓንቀርን ምፍልፋል ድርፃንን (ስኒ ባርካይ - ግርፃን)፧

### 1. ምኽላእ ዓንቀር

ዕዮ ጉጅለ



1 ምኽላዕ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ? እስኪ ንወለድኹም ሕተቱ'ሞ ኣብ ነብስኹም ፈትሹ። ኣብ ክፍሊ ውሽጢ ዓንቀር ዝተኸላዕኹምን ዘይተኸላዕኹምን ክንደይ ኣለኹም? ወለድኹም ሕተቱ'ሞ ምኽላዕ ዓንቀር ንምንታይ'ዩ ዘድልይ ከምዝብልኹም መልሲ ናብ ክፍሊ ሒዝኩም ምፁ።

2 ምኽላዕ ዓንቀር ዝፍፅሙ ሰባት ከመይ ዝመሰሉ'ዮም? ብምንታይ ዓይነት መሳርሒ እዮም ምኽላዕ ዓንቀር ዘካይድዎ?

3 ሕብረተሰብ ከባቢ.ና ምኽላዕ ዓንቀር ቅቡል ዝገብረሉ ምኽንያታት እንታይ'ዮም? ብመሰረት'ዚ ትምህርቲ ምኽላዕ ዓንቀር እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? ኣብዚኦም ንቕድም ተመያየጡ።

ዓንቀር ኣብ ጉሮሮ ላዕለዋይ ክፍሊ ንታሕቲ ተንጠልጢሉ ዝበቁል ልስሉስን ንእይሽተይን ኣካል'ዩ። እተን ክልተ ጎኒ ጉሮሮ ዝርከባ ክልተ ዕክታት "ቶንሲል" (ዓንቀር ምውራድ) ተባሂሉ'ዩ ዝፍለጥ። ቀንዲ ተግባር ዓንቀር ሒቕታ ምክልኻል እዩ። እዞም ዕክታት (ቶንሲል) ዝበሃሉ ስርሖም ሕማማት ምክልኻል እዩ። እዞም ክፍልታት ኣካል ከምቶም ካልኦት ክፍልታት ኣካል ተሸከምቲ ሕማም ብዝኾኑ ተሃዋሲያን እንትውረሩ ጉሮሮ ስለዝቖስል ፀገም ኪጋጥም ጥዕና የጋጥም'ዩ። እዚ ፀገም ኪጋጥም እንትሎ መልዓሊ እዚ ሕማም ዓንቀር'ዩ ተባሂሉ ስለዝውሰን ነቲ ዓንቀር ከም ጥቕሚ ዘይብሉን ትርፊ ኣካልን ብምቑፃር በባህላዊ ሕክምና ዕርየቱ ብዝጎደሎ ኣገባብ ክቑረፅ ይግበር። ዓንቀር ህፃናት በቶም ጎዳእቲ ልምዲ ዝፍፅሙ ሰባት ብዝተፈላለዩ መሳርሕታት ማለት ብመላፀ (ላማ)፣ ብጭራ ፈረስ፣ ብጅማት ወይድማ ብዝኾነ በሊሕ ነገር ይቑረፅ። እዚ ምኽላእ ዓንቀር ይበሃል። ዓንቀር ብባህላዊ ልማዳዊ ተግባራት ሕክምና ክቑረፅን ክኽላእን ምግባር ፈፂሙ ጌጋ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ብዘመናዊ ሕክምና ብቐሊሉ ዝሓውይ ሕማም ስለዝኾነ። ምኽላእ ዓንቀር ዝፍፀመሉ መንገዲ ንኣብነት ወለዲ ህፃን ምግቢ ምውሓጥ ኣፀጊሙሉ ኢሎም እንትኣምኑ ዝፍፀም'ዩ። እዚ ምስ ካልኦት ተግባራት ስኒ ፀባ ምፍልፋልን ጉሮሮ ምጉሕጣዋን ዝመሳሰሉ ኣብ ህፃናት ዝፍፀም ተግባር ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘለዎ ርክብ ስጡም ይኸውን። ኣብዚ ሰለስተ ነገር ምርኣይ ይከኣል፣

1 እቲ ሓደ ዓንቀር ንምኽላዕ ወለዲ ዘቕርብዎ ምኽንያት ድሑርን ጎዳእን ዝኾኑ ባህላዊ ልምድታት ምኳኖምን እንትኸውን
2 እቲ ካልኣይ ድማ ብምኽንያት ዝጥቀሙሉ መሳርሕታት ዝህልዎም ጉድለታት ኣተሓሕዛ ዕርየትን ጥንቃቐታትን ንሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ካልኦትን ዘቃልዑ ምኳኖምን እዩ።
3 እቲ ሳልሳይ ድማ እቶም ባህላዊ ምኽላዕ ዓንቀር ዘካይዱ ሰባት ብትምህርቲ ኣተኣላልያ ጥዕና ዝሰልጠኑን ሰብ ሞያን ዘይኮኑስ ብልምዲ ጥራሕ ኣብ ዝተፈላለዩ ህፃናት ብዝሰርሕዎ ጥፍኣት ልምድን ክእለትን ዘጥረዩ'ዮም ተባሂሎም ዝእመነሎም'ዮም። እዚኦም እቲ መሳርሒ ክንድዝደለይዎ ኣብ ዕዳጋ ዝረኽብዎ ብዘይምኳኖም ሓንቲ መሳርሒ ንኹሉ ስራሕቶም ዝጥቀሙ'ዮም

ብዓንቀር ምኽላእ ዝተጎድኡ ህፃናት ንካልኦት ፀገማት ጥዕና ከቃልዑ ይኽእሉ'ዮም። ንኣብነት ብዙሕ ደም ስለዝፈሶም ንሞት ከብፅሖም ይኽእል፣ ሕማም ርእስን ካሊእ ስምዒት ሕማማትን፣ ፀገም ምውሓጥ ምግብን ብምኽንያት'ዚ ድማ ምድኻም ሰውነትን ንካልኦት ዝተፈላለዩ ሕማማት ምቅላዕን ዝመሳሰሉ ይገጥሙ ወይድማ ክገጥሙ ይኽእሉ። ካብዚኦም ብተወሳኺ ድምፂ ምልሕሳስ፣ ብግቡእ ክዛረቡ ዘይምኽኣል፣ ምዝባዕ ዘረባ፣ መግሊ ቑስሊ ምሓዝ ወዘተ ዝመሳሰሉ ሓደገኛ ኩነታት ኪጋጥሙ ይኽእሉ። ስለዚ ብሓፈሻ ኣብ ኣፍሪካ ዘለዉ ጎዳእቲ ልምድታት ንምክልኻል ንምቁፃርን ዘኽእል ስራሕ ንምፍፃም ዝዓለመ ውዳበ ምፍጣር ኣገዳሲ ምኳኑ ስለዝተኣመነሉ ኣብ 1984 ዓ.ም.ፈ ኣብ ዳካር ሰኔጋል ምርድዳእ ተገይሩ። ነዚ ዘቀላጥፉ ቢሮታት ኣብ ጀኔቫን ኢትዮጵያን ክኽፈት ክኢሉ፡፡ ብሃገርን ክልልን ድማ ጎዳእቲ ልምዲ መወገዲ ኮሚቴ ተጣይሹ ስራሕቲ እናወገነ ይርከብ። ስለዚ ኣብ ሃገርና ካብ ቦታ ናብ ቦታን ካብ ከባቢ ናብ ከባብን ዝተፈላለዩ'ኳ እንተኾነ ጥምር ብዝበለ እንተወሲድና ምስ ምኽላእ ዓንቀር ዝተሓሓዙን ብሕብረተሰብ ከም ቅቡል ምኽንያታት ተገይሮም ዝውሰዱን ነዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል'ዩ፣

- ምሕባጥ ዓንቀር ንሞት ዘብፅሕ ዓብዩ ፀገም ከምዝኾነ ብምእማን
- ሕማም ርእሲ ንምክልኻል
- ምሕባጥ ሰውነት ንምክልኻል
- ንዕርየት ድምፂ
- ዓይነ ስውርነት ንምክልኻል ወዘተ ዝብሉ ይርከብዎም፡፡

እሞ ተምሃሮ ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱን ካልኦት ዘይተጠቐሱን ምስ ምሕባጥ ዓንቀር ተተሓሒዞም ዝግለፁ ምኽንያታት ብዘመናዊ ሕክምና ብቐሊሉ መፍትሒ ከርከቡሎም ስለዝከኣል ዓንቀር ካብ ምኽላእ (ምቁራፅ) ናብ በዓል ሞያ ሕክምና (ሓኪም) ብምኽያድ ንህፃናት ትኽክለኛ መፍትሒ ምርካብን ብዘመናዊ መንገዲ ካብ ሕማሞም ክናገፉ ምግባርን ዝበለፀ ውሑስ ኣገዳስነት ዘለዎ ጉዳይ ከምዝኾነ ተረዲኢኹም ዶ?

## 2. ምፍልፋል ድርፃን (ስኒ ባርካይ - ግርፃን)፤



### ዕዮ ጉጅለ

- ምፍልፋል ድርፃን (ስኒ ባርካይ) እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትፈልጡ ዶ?
- ምፍልፋል ድርፃን (ስኒ ባርካይ) ንምፍፃም ከም ምኽንያት ተገይሮም ዝውሰዱ እንታይ'ዮም?
- ምፍልፋል ድርፃን (ስኒ ባርካይ) ኣብ ህፃናት ዘብፅሖ ፀገም እንታይ'ዩ?

ብተመሳሳሊ መልክዑ ከም ምኽላእ ዓንቀር "ምፍልፋል ድርፃን (ግርፃን)" ኣብ ህፃናት ዘብፅሖ ፀገም ብጣዕሚ ከቢድ እዩ፡፡ ንኣብነት ዝኸፍአ ስምዒት ቃንዛ ክሳብ ዓርስኻ ምስሓት ዘበፅሕ፣ ብዘስዕቦ ከቢድ መድመይቲ (ምድማይ) ናብ ሞት ምብፃሕ፣ ምምራዝ ቁስልታት፣ ንቕድሚት ስኒ ከይቦቅል ይኽእል፣ ዝተጣመሙ ኣስናን ኣብዘይቦትኦም ክቦቕሉ ይኽእሉ ወዘተ ዝመሳሰሉ የጋጥሙ፡፡ እዚ ተግባር ምፍልፋል ስኒ ባርካይ እናተብሃለ'ውን ይፍለጥ'ዩ፡፡ ስለዚ ብሓፈሻኡ ምኽላእ ዓንቀርን ምፍልፋል ድርፃንን (ግርፃንን) ዕርየት ብዘይብሎም ሓደ ዓይነትን ተመሳሳልትን መሳርሕታት ንብዙሓት ሰባት ስለዝጥቀሙሉን ጥንቃቐ ብዘይብሉ ኣግባብ ባህላዊ ሕክምና ስለዝፍፀሙን ንዝተፈላለዩ ረኽስታትን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ዘቃልዑ ዕድላት ገፊሕ ይኸውን ማለት እዩ፡፡
ኣብ ሃገርና እዞም ምፍልፋል ስኒ ባርካይ (ድርፃን / ግርፃን) ንምፍፃም ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ይወሃቡ'ዮም፡፡ ካብዚኣቶም ዝስዕቡ ይርከብዎም፤

1 ሱር ቀዳማይ ዝቦቅል ስኒ - ኣስናን- (ስኒ ፀባ ዝበሃል) ሓሳኹን ፀጉርን ስለዘቡቅል/ሉ ከምኡ'ውን መግሊ ስለዝፈጥሩ/ር ንዕብየት ህፃናት ይጎድእዎ'ዮም ተባሂሎም ይእመን'ዩ። ብምኳኑ ድማ እቲ ምፍልፋል ስኒ ባርካይ (ድርፃን) ነቲ ሕማም ይከላኸል'ዩ ዝብል ባህላዊ ልማዳዊ እምነት ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ እዚ ተግባር ምፍፃም ሃንደበታዊ ውፅኣትን ተምላስን ንምክልኻል ይጠቅም'ዩ እንተዘይኮይኑ ግና እቲ ህፃን ይምንምን፣ ይቀጥን፣ ንቕድሚት'ውን እቲ ህፃን ጥዕና ዘለዎ ስኒ ከቡቅል ኣይኽእልን ተባሂሉ ብባህልን ልማድን ይእመን።

2 ምስ ምብቋል ስኒ ዝተተሓሓዙ ፀገማት ይከላኸል'ዩ ብዝብል እቲ ተግባር ይፍፀም። ህፃናት ቀዳማይ ስኒ (ስኒ ፀባ) እንተብቁሉ ከም ውፅኣት፣ ትኩሳት (ረስኒ) ወዘተ ከጋጥሞ ስለዝኾነ ምስቲ ምብቋል ስኒ የተሓሕዝዎ'ሞ ንፈውሲ ተባሂሉ እቲ ድርፃን (ግርፃን) ወይድማ ስኒ ባርካይ ይፍልፈል። እዚ ተግባር ንካልኦት ሕማማት የሳጥሖም። ረስንን ውፅኣትን ምልክታት ካልኦት ሕማማት ክኾኑ ስለዝኽእሉ መፍትሒኡ ሰብ ሞያ ሕክምና (ሓካይም) ምምኻር ጥራሕ'ዩ ዝኸውን። እቲ ህፃን ቀልጢፉ ከይዓብይ፣ ከይሮግድ ዝገብሩ ኣመጋግባታት፣ ምስ ጥዕና ዝተተሓሓዙ ብዙሓት ፀገማት ክነብሩ ስለዝኽእሉ እኹል ክንክንን ክትትል ጥዕናን ምግባር የድልይ።

ስለዚ ንምፍልፋል ስኒ ባርካይ (ድርፃን) ተባሂሉ ናብ ባህላዊ ሓካይም ብምውሳድ ንህፃናት ኣደዳ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ካልኦት ከም ምምራዝ ሰውነት (ቴታነስ) ዝመሳሰሉ ሕማማት ይቃልዑ። ንህፃናት መፍትሒ ክኸውን ዝኽእል ናብ ሕጋዊ ሓካይምን ሰብ ሞያ ጥዕናን ብምኽያድ ግቡእ ምምኻር እዩ ዝኸውን፡፡ እዚ እቲ ዝበለፀን ብሕታውን ሜላ እዩ።

## ሐ ትሕቲ ዕድመ መርዓ

### ዕዮ ጉጅለ



ተምሃሮ ትሕቲ ዕድመ መርዓ እንታይ ማለት'ዩ? ብኣብነት እናገለፅኩም ተመያየጡ። ንምንታይ'ዩ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ልሙድ ባህላዊ ተግባር ይኸውን ዘሎ? እቶም ቀንዲ ዝበሃሉ ምኽንያታት ብዝርዝር ተመያየጡሎም:: ኣብ ከባቢኹም ኸ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ዝውቱር ድዩ? ብምኽንያት ትሕቲ ዕድመ መርዓ ዝበፅሑ ፀገማት እናዘርዘርኩም ተመያየጡሎም።

ትሕቲ ዕድመ መርዓ ኣብ ሃገርናን ክልልናን ብሰፊሑ ዝረአ'ዩ:: ትሕቲ ዕድመ መርዓ ኣብ ኩለን ክልላት ሃገርና ዝፍፀም ጉዳኢ ባህላዊ ልምዲ እዩ:: ብፍላይ ኣብ ክልላት ኣምሓራ፣ ቤኒሻንጉል፣ ትግራይ፣ ጋምቤላ፣ ዓፋርን ልሙድ ተግባር እዩ:: ትሕቲ ዕድመ መርዓ (ሓዳር ምግባር) ማለት ዕድሚኦም ሓዳር ንምምስራት ዘይበፅሑ ህፃናትን መናእሰይን ብድልየት ወለድን ቤተ ዘመድን ተገዲዶም ሓዳር ክገብሩ ዝድፍኡሉ ኩነታት ዝሕብር ጎዳኢ ባህላዊ ልምዲ እዩ:: ትሕቲ ዕድመ መርዓ ማለት መርዓ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሕጊ ብዝተቐመጠ ዕድመ 18 ዓመት ዘይምፍፃም ማለት'ዩ:: በዚ መሰረት ኣብ ክልልናን ሃገርናን ብፍላይ ኣብ ገጠር ካብ 12 ክሳብ 15 ዓመት ዕድመ ብኣብዝሓ ይካየድ'ዩ:: እዚ ተግባር ድማ በቶም ናይ ወለዲ ድልየት ተመስሪቱ ዝካየድን እታ ጓል ኣንስተይቲ ንሓዳር ብስነ ኣእምሮን ብኣካልን ተዳልያ ስለዘይትፀንሕ ኣብ ሂወታ ዝፈጥሮ ሓደጋ ኣዝዩ ዝለዓለ ይኸውን:: ነዚ ጎዳኢ ባህላዊ ልማዳዊ ተግባር ከም መንቀሊ ምኽንያታት ተገይሮም ዝውሰዱን ብዋናነት ዝጥቀሱን ቀንዲ ዝበሃሉን እንትንርኢ፤

- ወለዲ ቅድሚ ምእራጎምን ምሟቶምን ደቆም ኣመርዕዮም ዓርሶም ክኽእሉ ካብ ዘለዎም ድልየት ዝፍፀምዎ እዮም::
- ገሊኦም ድማ ምስ ሃፋትም ቤተሰብ መውስቦ ብምፍፃም መነባብረኦም ንምምሕያሽ፣
- ብመልክዕ ገዝሚ ዝወሃብ ገንዘብ ተጠቒሞም ናይ ደቆም ናይ ቅድሚት ህይወት ፅቡቕ ንክኸውን ብምሕሳብ፣
- ኣብ ሞንጎ ቤተሰብ ዝምድናን ምትእስሳርን ንምጥንኻርን፣
- ክብረ ጓል ኣንስተይቲ ክብረ ንፅህና ንምሕላውን እታ ጓል ኣንስተይቲ ሓዳር ዘይብላ ተሪፋ ከይትበሃል ወዘተ ዝብሉ ይርከብዎም::

ኣብ ሃገርና ብፍላይ ኣብ ገጠር ትሕቲ ዕድመ መርዓ ብገፊሑ'ዩ ዝፍፀም። ኣብ 1990 ዓ ም ብዝተገበረ መፅናዕቲ መሰረት ኣብ ኩሎም ከባቢታት ትግራይ 79% ዝሸፈነ ኣገባብ እዚ ተግባር ተጋፊሑ ይርከብ። ኣብዚ እዋን ዝተገብረ መፅናዕቲ ግና ናብ 34% ከምዝነከየ የመልክት። ትሕቲ ዕድመ መርዓ ብዝምልከት ካብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ጎሊሁ ዝርአይ ብምኻኑ ብሰንኪ እዚ ኩነታት ዝመፁ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ፣ ዲሞግራፊያዊ፣ ስነ ልቦናውን ጥዕናውን ፀገማት ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ብዝያዳ ዝዓዘዘ እዩ። ተምሃሮ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ኣብ ሃገርን ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ዘብፅሖም ፀገማት እንታይ እዮም ትብሉ? ብሰንኪ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ዝበፅሑ ፀገማት ዝስዕቡ እዮም።

1. **ኣብ ማሕበራዊ መነባብሮ ዘበፅሖ (ዝገጥሙ) ፀገማት፤** ትሕቲ ዕድመ መርዓ ኣብ ዕብየት ሃገር፣ ኣብ ሕብረተሰብን ኣብ ሰብ ሓዳርን ዘስዕቦ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራውን ዲሞግራፍያውን (ስነ ህዝብን) ዕልዋታትን ሳዕቤናትን ብጣዕሚ ዓብዩ እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ (ጓል ኣንስተይቲ) ጥዕና ማሕበራዊ ህይወትን ስነ ልቦናዊ ብቕዓትን ዘሕድሮ ዕልዋ ከቢድ'ዩ። ኣብ ትሕቲ ዕድመ ትምርያ ጓል ኣንስተይቲ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዕብየታ ብዝፈቕደላ

*መጠን ደረጃ ብደረጃ እናዓበየት ዘይኮነስ ኣብ ህፃንነት ዕድሚኣ ኣዶ ቆልዓን ሓላፊት ስድራን (ቤተሰብን) ክትከውን ስለትግደድ ማሕበራዊ ህይወታ ዝተማልአን ዝተስተኻኸለን ኣይኸውንን፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ንናይ ባዕላ ህይወት፣ ንቤተሰብ ትኹን ንዕብየት ሃገር ጠቓሚ ክትከውን ዘኽእላ ፍልጠት ኣብ እትረኽበሉ እዋን (ዕድመ) ብምኽንያ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ስለዝተቓወሰ እቲ ዕልዋ ተዓፃፄ'ዩ ዝኸውን፡፡*

*ጓል ኣንስተይቲ (ደቂ ኣንስትዮ) ትምህርታ ደፊኣ ዓርሳ ንኽይትኽእል ዕንቅፋት ካብዝኾኑዋ ምኽንያታት እቲ ሓደን ቀንድን ትሕቲ ዕድመ መርዓ እዩ፡፡ ኣብ ትሕቲ ዕድመ መርዓ እንትትገብር ጓል ኣንስተይቲ ምስኡ ተተሓሒዙ ብዝመፅኡ ፀገማት ማለት ቆልዓ ወሊድካ ምዕባይ፣ ቤተሰብ ምምሕዳር ወዘተ ስለዝህልው ትምህርቲ ንምክትታል ዕድል የብላን፡፡ እዚ ድማ ቁፅሪ ዘይተምሃራ ደቂ ኣንስትዮ ክውስኽ ዝገብር ተርእዮ'ዩ፡፡ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ኣብዝተስፋሕፍሐሉ ከባብታት ትምህርቲ ቀዳማይ ብርኪ ንምውዳእ ብፍላይ ድማ ንደቂ ኣንስትዮ ብጣዕሚ ዝፀበበ እዩ፡፡ ብትምህርቲ ዘይደፍአት ጓል ኣንስተይቲ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ንምጥቃም ዝሕግዝ ዕድል ኣይህልዋን፡፡ ከምኡ'ውን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ኣብ ኩሉ ስራሕ ንምስታፍ ዕድል ኣይህልዋን፡፡ ናይዚ ውፅኢት ጓል ኣንስተይቲ ፅግዕተኛ ሰብኣያ ክትከውን የገድዳ ማለት እዩ፡፡ ብካሊእ ወገን ድማ ብዙሓት ቆልዑ ምውላድ፣ ኣብ ትሑት ደረጃ ትምህርቲ ተወሲንካ ምትራፍን ንዝተፈላለዩ ፀገማት ጥዕና ዘቃልዕ ኣጋጣሚ'ዩ ዝኸውን፡፡*

*ትሕቲ ዕድመ መርዓ (ሓዳር) ዝፈፀመት ጓል ኣንስተይቲ ካብ እዋን ንእስነታ ክሳብ 49 ዓመት ስለትወልድ ብዙሓት ቆልዑ ክትወልድ'ያ ትኽእል። እዚ ማለት ድማ ትሕቲ ዕድመ መርዓን ኣብ ንእስነት ዕድመ ዝርከብ ህዝቢ ምብዛሕን ከምኡ'ውን ግሉጋሎት ምጣነ ስድራ ኣብ ትሑት ደረጃ ምህላዉ ንወሰኽ (ናህሪ) በዝሒ ዕብየት ህዝቢ ዓብዪ ምኽንያት እዩ ዝኸውን። ትሕቲ ዕድመ መርዓን ቀፂሉ ዝመፅእ ጥንስን ስዒቦም ዝመፁ ፀገማት ጥዕናን ንናይ ዓዴታትን ህፃናትን ሕማምን ሞትን ቀንዲ ምኽንያት እዩ። ስለዚ ትሕቲ ዕድመ መርዓ (ሓዳር) ዘስዕቦም ቁጠባዊ ማሕበራውን ጥዕናውን ኣሉታዊ ዕልዋታት ድምር ውፅኢት እተን ደቂ ኣንስትዮ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ብምስዳድ ነብሰን ሸይጠን ብዝሙት ክሓድራ፣ ኣብ ጎደና ሓዳሪነት ክዋፈራ፣ ንኣልኮልን ሽጋራን ከምኡ'ውን መደንዘዝቲ ዕፃትን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ወዘተ ክቃልዓ ይግደዳ። ድምር ውፅኢት እዚኦም ብምልኦም ኣብ ዕብየትን ኩነታት ጥዕናን ሃገር ዘሕድርዎ ኣሉታዊ ዕልዋታትን ሳዕቤናትን ኣዝዩ ከቢድ'ዩ ዝኸውን።*

## ዕዮ ጉጅለ



*ብምኽንያት ትሕቲ ዕድመ መርዓ ኣብ ማሕበራዊ መነባብሮ ዝበፅሑ (ዝገጥሙ) ፀገማት ብዝርዝር ተመያየጡሉ። ትሕቲ ዕድመ መርዓ ኣብ ዕብየት ሃገር፣ ኣብ ሕብረተሰብን ኣብ ሰብ ሓዳርን ዘስዕቦ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራውን ዲሞግራፍያውን (ስነ ህዝብን) ዕልዋታትን ሳዕቤናትን ብዝምልከት ብዝርዝር ተመያየጡ። ብፍላይ ድማ ኣብ ጥዕና፣ ማሕበራዊ ህይወትን ስነ ልቦናዊ ብቕዓትን ደቂ ኣንስትዮ (ጓል ኣንስተይቲ) ዘሕድሮ ዕልዋ ብዝርዝር ተመያየጡሉ። ትሕቲ ዕድመ መርዓ ኣብ ጥዕናን ሂወትን ደቂ ኣንስትዮ (ጓል ኣንስተይቲ) ዘብፅሖ ሓደጋ ብዝርዝር ተመያየጡሉ። ምስዚኦም ብዝተኣሳሰረ መልክዑ ድማ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ኣብ ኢኮኖሚያዊ ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ ዘብፅሕዎም ፀገማት ብዝርዝር ተመያየጡ።*

2. *ኣብ ጥዕና ዘጋጥሙ ፀገማት፣* ኣብዚ ዝረአዩ ፀገማት ብጣዕሚ ሰፋሕትን ኣብ ሂወታ ከቢድ ሓደጋ ዘብፅሑ እዮም፡፡

- ንያታዊ ርክብ ድልዊ ስለዘይኮነትን ነዚ ዝኸውን ዓቕምን ጉልበትን ስለዝንእሳ ኣብ እዋን ያታዊ ርክብ ጉድኣት ይበፅሓን ንሕማም ትቃላዕን። ብሰንኪ'ዚ ነቲ ሰብኣይ ስለትፀልኦ ኣብ ሓዳር ናይ ምፅናሕ ኩነታት ዝተመናመነ ይኸውን።
- ብተመሳሳሊ ህፃን ብዘይድልየታን ምርመራ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እንተይገበረትን መርዓ ስለትፍፅም ንሕማም ዝተቓልዐት ክትከውን ትግደድ።
- ኣብ ትሕቲ ዕድመ ዝተመስረተ ናብራ ጥንስን ሕርስን ስለዘጋጥም ብሰንኪ'ዚ ንሕማም ፌስቱላ ዝተሳጥሐት ስለትኸውን እቲ ዝውለድ ቆልዓ ጥዕንኡ ኣብ ሓደጋ ይወድቕ።
- ብሰንኪ ነቲ ዘይተደለየ ጥንሲ ካብ ቁልዕነት እዋን ምውላድ ስለዝጅመር እቲ ስድራ ካብ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾነ ዕያል ስለዝህልዉዎ ናብረኦም ንድኽነት ዝተሳጥሐ ንክኸውን ይገብሮ።




ስእሊ 4.1 ኣብ ጉዳይ ማሕበራዊ ፀገም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣመልኪቶም ማሕበረሰብ ዘተ እንትካየዱ

3. **ኢኮኖሚያዊ ፀገማት፤** ኣብዚ ዝረኣዩ ሕፅረታት እታ ሰበይቲ ኣብ ስራሕ ስለዘይትዋፈርን ትምህርቲ ንምምሃር ዕድል ስለዘይትረክብ ናብራኣ ኣብቲ ሰብኣይ ዝተፀገዐት ክትከውን ትግደድ። በዚ መሰረት ድማ ናይ ሰብኣያ ዕግዕተኛን ኣብ መነባብሮኣ ናይቲ ሰብኣይ ድልየት እናማለአት ሂወታ ትመርሕ።
4. **ሕጋዊ ክፍተታት፤** ትሕቲ ዕድመ መርዓ ምክያድ ማለት ብኻሊእ መዳዩ ኣብ ሃገርናን ዓለምለኸን ዘለዉ ሕግታት ምጥሓስን ኣካል ምግሃስ ሰብኣዊ መሰልን እዩ። እዚኦም ድማ
   - ኣብ ሕገ መንግስቲ ሃገርናን ክልልናን ዝተቐመጠ ክሊ ዕደመ መርዓ 18 ስለዝብል ትሕቲ ዕድመ መርዓ ምክያድ ነዚ ምጥሓስ ስለዝኾነ ዝህሉ መቕፃዕቲ ኣብ ናብራ እቲ ስድራ ኣሉታ ይፈጥር።
   - መሰል ህፃናት ንምርግጋፅ ዝወፀን ሃገርና ዝተቐበለቶ ኮንቬንሽን ህፃናት ህፃን ዝበሃል ካብ ትሕቲ 18 ዓመት ዘሎ ከምዝኾነ ስለዝሕብር ትሕቲ ዕድመ መርዓ ምፍፃም ማለት ነዚ መሰል ምጥሓስ እዩ ዝብሉ መሰረታዊ ናይ ሕጊ ጉዳይ ዝሓትት ይኸውን።

## መ. ምውቃጥን ምጥባሕን፤

እዚኦም ኣብ ኩሎም ያታታት ዝካየዱ'ዮም። ብኣብዝሓ ምውቃጥ ዝካየደሎም ኣካላት ግንባር፣ ክሳድ፣ ኢድን እግርን እንትኾኑ ብተመሳሳሊ ምጥባሕ ዝካየደሎም ኣካላት ሰብነት ድማ ግንባር፣ እግሪ፣ ኢድን ሕቖን እዮም። እዞም ተግባራት ብልምዲ ዝፍፀሙ'ምበር ምንም ብሳይንስ ዝተረጋገፀ ረብሓ ዘለዎም ኣይኮኑን። ብሰንኪ ምውቃጥን ምጥባሕን ዘጋጥሙ ናይ ኣካልና ቆርበት ካብ ምብልሻዉ ሓሊፉ እቲ ገዲፍዎ ዝኸድ ምልክት ካብ ኣካልና ስለዘይጠፍእ ዘሎ

ተፈጥሮኣዊ መልክእ የጥፍኦ'ዩ። ብኻሊእ ገፅ ብሰንኪ ምውቃጥን ምጥባሕን ዝመሓላለፍ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ዜጋታት ሓደጋ እናበፅሐ ይርከብ። ነዚ ምኽንያት ዝኾውን ድማ እቶም እዚ ተግባር ዝፍፅሙ ሰባት ዝጥቀሙሎም መሳርሕታት ባህላዊ ስለዝኾኑን ብኣግባቡ ፅሬቶም ሓልዮም ዝስረሕሎም ስለዘይኾኑ እቶም ቫይረሳት ኣብቲ መሳርሒ ስለዝፀንሑን ናብ ካሊእ ብቐሊሉ ክመሓላለፉ ይኽእሉ እዮም።



## ዕዮ ጉጅለ


ምውቃጥን ምጥባሕን እንታይ ማለት ከምዝኾነን እዚ ተግባር ዘብፅሖም ፀገማት ብዝርዝር ግለፁ፡፡ ነዚኦም ማእኸል ገይርኩም ድማ ተመያየጡ።

ብፍላይ ኣብዚ ሕዚ እዋን መናእሰያት ንምግያፅ ኢሎም ኣብ ዝተፈላለየ ኣካላቶም ይውቀጡ ኣለዉ። እዚ ድማ ንሓደጋ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘቃልዕ ስለዝኾነ ነዚ ምክልኻል ካብ መናእሰያት ትፅቢት ይግበር። መናእሰያት ብፊልም ዝሪእዎም ተዋሳእቲ ፊልምን ኩእሶ ተፃወትን መርኣያ ብምግባር ናቶም ቅዳሕ ንምውሳድ ብምሕሳብ ጥንቓቐ ብዝጎደሎ መንገዲ እናተወቀጡ ስለዝርከቡ እዚ ጉዳይ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘለዎ ርክብ ተረዲኦም ካብዚ ልምዲ ክወፁ ይግባእ። እምበኣርከስ ተምሃሮ ብዛዕባ ጎደእቲ ባህልታትን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ብዝምልከት ዝተምሃርክምዎ ንምስራፅን ንዝበለፀ ዕሙቐትን ኣብዞም ዝስዕቡ ብጉጅለ ተመያየጡለን።

1 ንበዓል ሞያ ጥዕና ሓቲትኩም ክንደይ ዓይነት ምኽንሻብ ከምዘሎ ተመያየጡ፡፡
2 ኣብ ከባቢ.ና ትሕቲ ዕድመ መርዓ ንምክያድ ምኽንያት ዝኾኑ ጉዳያት ፍለዩ፡፡
3 ኣብ ከተማ መቐለ ዝርከብ ሆስፒታል ፌስቱላ ዝሰርሖም ስራሕቲ እንታይ እዮም?

### 4.1.2 ጎደና ተሓዳደርትን ጎደና ሓደርትን

ተምሃሮ ኣብ ከተማ ጎደና ዝሓድሩን ኣብ ጎደና ዝመሓደሩን ህፃናት ሪኢኹም ዶ ትፈልጡ? ኣብ ሞንጎ እዞም ክልተ ዓይነታት ኣብ ጎደና ዝወፁ ህፃናት እንታይ ፍልልይ ኣሎ? ህፃናት ብተፈላለዩ ምኽንያታትን ዝተፈላለዩ ረብሓ ብምሕሳብን (ደልዮምን ተገዲዶምን) ናብ ጎደና ይወፁ'ዮም። ገሊኦም ጎደና ተሓዳደርቲ ገሊኦም ድማ ጎደና ሓደርቲ ይኾኑ። ነዚ ዓርሱ ዝኽኣለ መበገሲ ኣለዎ። ካብዚኦም እቶም ዝፍለጡ ምኽንያታት ዝስዕቡ'ዮም።



## ንጥፈት

1 ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ምስ መመሓላለፊ መንገድታትን ሜላታት ምክልኻልን ኣረድኡ።
2 ጠቐምትን ጎደእትን ባህላዊ ልምድታት ብዝምልከት ብዝርዝር ኣብ ሰደቓ ግለፁ።
3 ምስፍሕፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት ዘለዎም ዝምድና (ዘረፋ፣ ምትልታል ብልዕቲ ኣዋልድ /ምኽንሻብ/ ዘርዝሩ፣
4 ፀገማትን ሳዕቤናትን ትሕቲ ዕድመ መርዓ ዝምልከት ኢኮኖሚያዊ፣ ጥዕናዊ፣ ሕጋውን ማሕበራዊ ኩነታትን ብዝርዝር ተንትኑ።
5 ንምኽንሻብ ምክንያታት ኮይኖም ዝቐርቡን ሳዕቤናትን ብዝርዝር ኣረድኡ።
6 ንምኽላእ ዓንቀርን ምፍልፋል ስነ ባርካይን (ድርፃን) ምኽንያታት ኮይኖም ዝቐርቡን ሳዕቤናትን ብዝርዝር እናተንተንካ ኣረድኡ። ኣብርሁ።
7 ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስ ደኽታምነትን ጎደና ተሓደደርትን ዘለዎም ዝምድና ግለፁ። ብዝርዝር ኣረድኡ።

- **ኣብ ጎደና ውዒሎም ናብ ገዛ ዝምለሱ፣** እዚኦም መነባብሮ ስድራ ንምሽፋን ዝተፈላለዩ ሸቐጣት ከረሜላ፣ ሽጋራ፣ ማስቲካ፣ ሶፍት፣ ቆሎ፣ ካልኦትን ብምሻጥ ንስድራ ዝሕግዙ እንትኾኑ ካብዚኦም ዝበዝሑ ሂወቶም ንምብልሻው ዝተቓልዑ'ዮም። መነባብረኦም ምስ ስድርኦም ወይድማ ዘፀገዕዎም ቤተሰብ ስለዝኸውን ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ኣብ ጎደናን እንዳ መስተን ክንቀሳቐሱ ምስፀንሑ ናብ መሕደሪኦም ዝኸዱ'ዮም። ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ህፃናት ድማ ብተፈላለዩ ረብሓታትን ዕለታዊ ምግብን ዝዕሸዉ ጥራሕ ዘይኮነስ ንሓደጋታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝቃልዑ'ዮም። ስለዚ ስድርኦም ክትትል ክገብሩ ይግብኦም።
- **ኣብ ጎደና ውዒሎም ኣብ ጎደና ዝሓድሩ፣** እዚኦም ብሰንኪ ሕፀረት ክትትል ወለድን ድኽነትን ወይድማ ብመሓዛ ተደፋፊኦም ወዘተ ሂወቶም ኣብ ጎደና ዝገበሩ ህፃናትን ኣብ ከተማ ዝርአዩን'ዮም። ስለዚ ንዕውልናን ዝተፈላለዩ እፃትን መስተን ዝተቓልዑ ይኾኑ። ብፍላይ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተዛመዱ ሕማማትን ካልኦት ሓደጋታትን ከጋጥሞም ይኽእል'ዩ። እዚኦም ጎደና ሓደርቲ ስለዝኾኑ ፎቐዶ በረንዳን መንገድታትን እዮም ዝሓድሩ። ዝኸታማትን ፅጉማትን እዮም። ገሊኦም ድማ እእምርኦም ጥዑይ ዘይኮኑን ጥዕና ዝስኣኑንን ይርከብዎም። ስለዚ ካብ ስድራ፣ ሕብረተሰብን መንግስትን ፍሉይ ጠመተ ክውሃቦም ይግባእ።

## ዕዮ ጉጅለ



ጎዳኢቲ ባህላዊ ልምድታት! ንምንታይ? ተመያየጡ...



1 ጎዳእቲ ባህልታትን ልምድታትንዝበሃሉ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎም?
2 ምውቃጥን ምጥባሕን ዝመሳሰሉ ባህላዊ ልምድታት ዘብፅሕዎ ሳዕቤን ግለፁ።
3 ሕማም ኤድስ ኣብ ክልልና ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ይርከብ? ኣብ ከባቢኹምከ?
4 ጎዳእቲ ልምድታት ንምውጋድ እንታይ ክግበር ኣለዎ? ንሕና ተምሃሮ ኸ ካባና እንታይ ትፅቢት ይግበር?
5 እትዝርግሕን ሽፋንን ጎዳእቲ ልምዲ ኣመልኪትኩም ተምሃሮ፣ እትፈልጥዎምን ብበዝሒ እትሪእዎምን ግለፁ።
6 ጎዳእቲ ልምድታት ዝፍፅሙ ሰባት ካብዚ ንኽወፁ እንታይ ክግበር ኣለዎ?
7 ካልኦት ዓይነታትን ኣብዚ ዘይተገለፁ ጎዳእቲ ልምዲ እንታይነት ብኸመይ መንገዲ ከምዝፍፀም ሪኢቶ ሃቡሉ።
8 ብኣብነት ኣደጊፍኩም ብዛዕባ ኣብ ጎደና ዝተሓዳደሩን ዝሓድሩን ህፃናት ኣረድኡ።

## 4.2 ሳዕቤን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ

ኣብ ሓንቲ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን በዝሒ ህዝብን ተመጣጣንን ተመጋጋብን ምዕባለ ክርእይ ኣለዎ። ክልቲኦም ተዋዲዶም እንድሕር ዘይፍፀሙ ነቲ ዘሎ ልምዓት ማሕለኻ ይኸውን። ስለዚ እቲ ዕልዋ ኣብ ኩሎም ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ግልጋሎታት ፀቕጢ ይፈጥር'ዩ። እዚ ድማ ሳዕቤናት ኣለውዎ። ካብዚኦም ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ሳዕቤናት ንምርኣይ ይከኣል።

| | 1994 | 2004 | 2015 | ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብ% /1994-2004/ | ዕብየት በዝሒ ህዝቢ 2004-2015 |
|---|---|---|---|---|---|
| ዓለም | 5,594 | 6,378 | 7,197 | 1.31 | 1.10 |
| ኣፍሪካ | 690 | 869 | 1,085 | 2.44 | 2.25 |
| ኢትዮጵያ | 52 | 71 | 85 | 3.2 | 2.7 |

ሰደቓ 4.1 ኣብ ዓለም፣ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን ዘሎ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብሚልዮን (ዓ.ም.ፈ)

እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ መረዳእታ ዝሕብሮ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ 25 ዓመት ውሽጢ ብዕፅፊ ናይ ምዕባይ ኩነታት ከምዘሎን ብዓለም ብርኪ ድማ ኣፍሪካ ዝለዓለ በዝሒ ከምዘሎ'ዩ። ኣብ ከተማ ዝነብር ህዝቢ'ውን ኣብ ገጠር ካብዝነብር ህዝቢ ብዕፅፊ ናይ ምዕባይ ኩነታት ኣሎ። እዚ ብምኳኑ ድማ ዝስዕቡ ፀገማት እናተፈጠሩ እዮም።

## ሀ. በዝሒ ህዝብን ማሕበራዊ ግልጋሎትን



### ዕዮ ጉጅለ

መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ኣብ ገፅ 139 ብዛዕባ ስነ ህዝብን ልምዓትን ተገሊፁ ዘሎ ናብ ቤተ መፃሕፍቲ ቤት ትምህርትኹም ብምኸያድ ኣንብቡ። ክተንብቡ እንተለኹም ድማ ኣብ ጠመተ ዝግበረሎም ኣንፈታት ስነ ህዝብን ልምዓትን፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂ (ሜላታት) ኣፈፃፅማን ዝብሉ ዛዕባታት እናተመያየጥኩም ኣንብቡ። ነዚ ፅሑፍ ምስ ትምህርትኹም ኣተኣሳስርዎ'ሞ መምህርኩም'ውን ክሕግዙኹም ሕተትዎም። ዝበፃሕኹምዎ ምርድዳእ ናብ ክፍሊ ኣቕርብዎ።

- ኣብ ሃንቲ ሃገር ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን በዝሒ ህዝብን ተመጣጣንን ተመጋጋብን ምዕባለ ከርእይ ኣለዎ እንትበሃል እንታይ ማለት'ዩ? ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎት ዘለዎ ፅልዋ ብዝርዝር ግለፁ። በዝሒ ዕያል ኣብ ልዕሊ ስድራ ዝህልዎ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ፅልዋታት ዘርዝሩ።

♦ ከም ሃገርና ዝመሳሰላ ዘይማዕበላ ሃገራት እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ትሕቲ 15 ዓመት ብምኳኑ ኣብ ምግፋሕ ትምህርትን ጥዕናን ዝለዓለ በጀት ክምድብ ይግደድ። ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ግና ኣብ ኩሎም ዕድመ ክልላት ተመሳሳሊ በዝሒ ስለዘሎ ኣብዚ ዝህሉ ፅልዋ ብዙሕ ኣይኮነን። ንኣብነት ኣብ ትግራይ ዘሎ በዝሒ ተምሃራይ ቀዳማይ ብርኪ እንትረአ ቅድሚ 1989 ዓ.ም 298372፤ ኣብ 1993 ዓ.ም 551375 እንትበፅሕ ኣብ 2002 ዓ.ም ግና እዚ ቑፅሪ ብዕፅፊ ብምዕባይ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን በፂሑ ኣሎ። ናብዚ ንምብፃሕ ድማ ኣብ ክልልና ልዕሊ 50% ናይቲ ክልል በጀት ኣብ ትምህርቲ እናተመደበ ክመፅእ ክኢሉ'ዩ።

እዚ ድማ በቲ መንግስቲ ቀዳማይ ብርኪ ንኹሉ ንምብፃሕ ዝሓዞ መትከልን ነዚኦም ዝውሃብ ግልጋሎትን ብነፃ ምኳኑ ዝፈጥሮ ኢኮኖሚያዊ ፅልዋ ዝለዓለ ይገብሮ። ብሓፈሻ ኣብ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዘሎ ፀቕጢ ነቲ ሓደ እንተይመላእኻ ካሊእ ተወሳኺ ፀቕጢ ስለዝፈጥር እዚ ጉዳይ ኣብ ሃገር ይኹን ኣብ ክልል ዘስዕቦ ፀገም ከቢድ ይኸውን።

- ኣብ ጥዕና ትካላት ማለት ግልጋሎት ኣዋህባ ፃዕቒ ናይ ምፍጣር ኩነታት የጋጥም'ዩ። ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት መብዛሕትኦም ሕማማት ተላባድቲ ምኽኖም እንትረአን እዚ'ውን ኣብ ፅሬት ስድራ ዘሎ ፀገም ምኽኑ የረድእና። ምስቲ ዘሎ መጠን ውልዶ በዝሒ ምህላው ብመንግስቲ ይኹን ብስድራ ንጥዕና ዝህለ ወፃኢ ከቢድ ይገብሮ። ንኣብነት ኣብ ክልልና ካብ ትምህርቲ ቐፂሉ ዝለዓለ በጀት ዝጠልብ ጥዕና እንትኾን ከምዚ ኾይኑ ዛጊድ እኹል ጥዕና ዘይረኽቡ ስድራ ኣለዉ እዮም። ብኻሊእ ገፅ ህፃናት ሃገርና ትሑት ስነ መኣዛ ብምርካብ ካብ ዓለም ቀዳሞት እዮም። ነዚ ንምቅላል ድማ ካብ መጠን ውልደት ጀሚሩ ክመሓየሽ ይግባእ። ብሓፈሻ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘሎ በዝሒ ህዝቢ ብቐጥታ ኣብ ሽፋንን ፅሬትን ግልጋሎት ጥዕና ርክብ ዘለዎ'ዩ። እዚ ስለዝኾነ ድማ እቲ በዝሒ ህዝቢ ምስ ሰብ ሙያ ጥዕና ብፍላይ ምስ ሓካይም ዘሎ ምምጥጣን እንትርአይ ካብ ዓለም ትሑት'ዩ። በዚ ድማ ኣብ መብዛሕትኡ ገጠር ከባቢ ብዶክተራት ግልጋሎት ሕክምና ኣይረኽቡን።

- ማሕበራዊ ፀገም'ውን የጋጥም'ዩ። ዝኾነ ስድራ ካብ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሙ ንላዕሊ በዝሒ ዕያል እንትህልዎም እቶም ዕብይ ዝበሉ ቆልዑት ስድራ ንምድጋፍ ብምሕሳብ ኣብ ጎደና ዝተፈላለዩ ሸቐጣት ኣብ ምሻጥ ክዋፈሩ ይግደዱ። ኣብዚ እንትዋፈሩ ትምህርቶም ስለዘቋርፁን መሊኦም ካብ ስድራ ክወፁ ስለዝኽእሉን ኣብ መፃኢ ሂወቶም ፀገም ክረኽቡ ይኽእሉ። ብኻሊእ ገፅ ኣብ ገጠር ዝተወለዱ ቆልዑ ዕድል ትምህርቲ ስለዘይረኽቡን ብሰንኪ በዝሒ ዕያል ንጥምየትን ዕርቃንን ስለዝቃልዑ ነዚ መነባብሮ ሃዲሞም ናብ ከተማ ይመፁ። በዚ ድማ መብዛሕትኦም ናብ ዘይሓሰብዎ ዕውልና ይኣትዉ። ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ናብ ዝሙት ክኣትዋ ይገብረን። ሽማግለታት ድማ ዝጥውሮም እንትስእኑ ናብ ጎደና ወፂኦም ኣብ ልመና ይዋፈሩ። ብሓፈሻ ምስ ኢኮኖሚ ዓቕሚ ስድራ ዘይመጣጠን ዕያል እንትህሉ ንማሕበራዊ ፀገም ምኽንያት ከምዝኸውን ሕድ ሕድ ስድራ ምፍላጡ ኣገዳሲ 'ዩ።

### ለ. በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተሓራሲ መሬት ምንኣስ ዘጋጥም ፀገም

#### ዕዮ ጉጅለ



በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተሓራሲ መሬት ዝፈጥሮ ፅልዋ ኣመልኪትኩም ብዝርዝር ግለፁ። በዝሒ ህዝብን ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮን ብዝምልከት'ውን ተመያየጡ። በዝሒ ህዝቢ እንትውስኽ ብርሰት ከባቢ ስለዝህሉን መሬት ካብ ፍግረ መሬት ዝግበር ምክልኻል ድኹም ስለዝኸውን ኣብ መጠንን ልምዑነትን መሬት ኣሉታዊ ፅልዋ ከምዘለዎ ኣመልኪትኩም ተመያየጡ፡፡ ውፅኢት ምይይጥኩም ብፅሑፍ ኣቕርቡ።

በዝሒ ህዝቢ እናዓበየ እንትኸይድ ትሕዝቶ ተሓራሲ መሬት እናነኣሰ ይኸይድን እቶት ምህርቲ'ውን ይውሕድ። ከምዝፍለጥ በዝሒ ህዝቢ ካብ እዋን ናብ እዋን እንትውስኽ መሬት ግና ኣብታ ዘላታ እያ ትፀንሕ። በዚ መሰረት ሓደ ስድራ ዝነበረቶ መሬት ንውላዱ የመቓቕል፤ እቲ ዝመፅእ ወለዶ ድማ ንደቁ የመሓላልፍ። ብኸምዚ ካብ ውሉድ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ብምምፃእ ትሕዝቶ መሬት እናነኣሰ ክኸይድ ይገብሮ። ንኣብነት ብ1900 ዓ.ም ዝነበረ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከባቢ 11 ሚልዮን እንትኸውን ኣብ 1999 ዓ.ም ናብ 73 ሚልዮን ክበፅሕ ክኢሉ'ዩ። ኣብ ሕርሻ ዝመሓደር ስድራ መጠኑ እናበዝሐ እንትኸይድ ተሓራሲ መሬት እናነከየ ስለዝመፅእ ብምግቢ ዓርሱ ኣብ ምኽኣል ሕፅረት የጋጥሞ እዩ። ኣብ ትግራይ ቅድም ክብል ዝነበረ ብፅሒት ተሓራሳይ መሬት ልዕሊ 2 ሄክታር እንትኸውን ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢ ካብ ፍርቂ ክሳብ ሓደ ሄክታር ከምዝኾነ መረዳእታታት ይሕብሩ። ብተወሳኺ ኣብዚ እዋን መሬት መቕሎ ብዘይምህላዉ መሬት ዘይብሎም መናእሰይ ኣብ ገጠር ብበዝሒ ኣለዉ። እዚኦም ከም ሓደ ምኽንያት ዝውሰድ ውፅኢት ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከምዝኾነ ንምርዳእ ይከኣል።



ስእሊ 4.2 ኣግራብ በሪሶም ናብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እንትውዕሉ



ስእሊ 4.3 ኣግራብ ንዝተፈላለየ ረብሓ ብሓዊ እንትበርስ



ስእሊ 4.4 ኣግራብ ብሓይልን ጉልበትን ደቂ ሰባት እንትበርስ



ስእሊ 4.5 ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ኣግራብ ብሓይልን ጉልበትን ደቂ ሰባት እናበረሱ ናብ ፈሓም እናተለወጡ ኣብ ከተማታት ንመሸጣ እንትውዕሉ

በዝሒ ህዝቢ እንትውስኽ ብርሰት ከባቢ ስለዝህሉን መሬት ካብ ፍግረ መሬት ዝግበር ምክልኻል ድኹም ስለዝኸውን ኣብ መጠንን ልምዑነትን መሬት ኣሉታ ዘለዎ ይኸውን። ነዚ ዝኾነሉ ምኽንያት መሬት ንምግፋሕ ተባሂሉ ዝበርሱ ኣግራብ ነቲ ሓመድ ብትሕዝቶ ይኹን ብልሙዕነት ናብ ሓደጋ ክጥሕል ይገብሮ። ኣግራባት ምህላዎም ብዉሑጅን ብነፋስን ክበርስ ዝኽእል መሬት ይከላኸል'ዩ። ናይዚኦም ምብራስ ግና እቲ መሬት ተጋሕጊሑ ስለዝኸይድ ካብ መፍረያይነት ናብ ባድመ ስለዝልወጥ ኣብ መነባብሮ ገባራት ፀገም ይፈጥር ኣሎ። ኣግራባት ዝበርሱሉ ኩነታት ንረብሓ ተሓራሳይ መሬት፣ ንገዛ መስርሒ፣ ንምግቢ መብሰሊ ብምሕሳብ እንትኾን እዚ ድማ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ በዝሒ ህዝቢ እንትውስኽ ድልየትን ጠለብን ከምዝንህር ይእመን።

ስለዚ ተሓራሳይ መሬት ምስ ዝርግሐን ፀቕጥን ህዝቢ ብቐጥታ ዝተኣሳሰር ኾይኑ እዚ'ውን ምስ ፀባይ ኣየር ዝዛመድ'ዩ። በዚ መንፅር ካብ ቆላ፣ ሓውሲ ዱግዓን ዱግዓን ዘሎ ፀቕጢ ዝፈላለይ እንትኾን ኣብ ደጉዓ ዘሎ መሬት ምንኣስ ዝገደደ ከምዝኾነ ብጭቡጥ ኣብ ባይታ ዝረአይ'ዩ።

### ምይይጥ ጉጅለ



1. ኣብ ጎደና ምምሕዳር ህፃናት እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? ካብዚ ንምንጋፍ እንታይ ክግበር ይግባእ ትብሉ?
2. ኣብ ከባቢና ዘሎ ስራሕ ስእነት ብኸመይ መንገዲ እናተፈትሐ ይርከብ?
3. ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ እንታይ ማለት እዩ? ኣብራህርህ፡፡
4. ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ዓለም፣ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን ብዝርዝር ግለፁ፡፡
5. ንምንታይ'ዩ ኣብ ሃገርና  በዝሒ ህዝቢ ዘጋጥም?
6. ኣብ ገጠርን ከተማን ዘሎ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ንምንታይ ኣፈላላይ ክህልው ክኢሉ?
7. ዕብየት በዝሒ ህዝብን ኢኮኖምን ብኸመይ ክመጣጠን ይኽእል?
8. ኣብ ገጠር ዘሎ ተሓራሳይ መሬት ምንኣስን ሕፅረት መሬትን ብኸመይ ኣገባብ ፍታሕ ክረክብ ይኽእል?
9. ሳዕቤናትን ፀገማትን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብዝርዝር ኣረድእ፡፡
10. በዝሒ ህዝቢ ክፈጥሮ ዝኽእል ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ፀገማት ብዝርዝር ኣረድእ፡፡




## 4.3 ሰናይ ምምሕዳር፣ መሰል ህፃናትን ድሕንነትን

**ተምሃሮ እስኪ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንቕድም ተመያየጡሎም፤**

- ሰናይ ምምሕዳር እንታይ ማለት ይመስለኩም?
- ሰናይ ምምሕዳር ከመይ ትገልፅዎ?
- መሰል ህፃናት እንትበሃል ከ እንታይ ማለት'ዩ?
- ኣብ ቤት ትምህርትኹም ፓርላማ ህፃናት ኣሎ ዶ? እንታይ ይሰርሕ?
- ንህፃናት ከ እንታይ ዓይነት ጥንቃቐን ድሕንነትን የድልዮም ትብሉ?
- ሰናይ ምምሕዳር፣ ዲሞክራሲ፣ ግልፅነት፣ ተሓታትነት ዘማእኸለ ምምሕዳር ግለፁ።

### 4.3.1 ሰናይ ምምሕዳር

ሰናይ ምምሕዳር እንትብሃል ንኹሎም ኣሰራርሓታት ሕጋውን ፖለቲካውን ማእኸል ገይርካ ህዝቢ ተረባሓይን ዕጉብን ንምግባር ዝሳለጥ ኮይኑ ነዚ ንምርካብ ኩለመዳያዊ ብስለትን ፍልጠትን ኣመራርሓ ዝሓትት እዩ። እዚ ምርግጋፅ ማለት ድማ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ካብ ምስፋን ሓሊፉ ህዝቢ ኣብቲ ስርዓት ሕጉስ ክገብሮ ይኽእል። ስለዚ ሰናይ ምምሕዳር ኩለመዳያዊ ንጥፈትን ተበግሶን መንግስታዊ ኣካላት ዝጠልብን ብዘላቒ መልክዑ ነዚ ማእኸል ብምግባር ዝፍፀሙ ስራሕቲ ዲሞክራሲ ዘጐልብትን ልምዓት ዘቀላጥፍን ከምዝኾነ ናይ ቀረባ እዋን ተሞክሮናን ልምዲ ካልኦት ሃገራትን ዘምህረና ውራይ እዩ።




ስእሊ 4.6 *መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን መግለፂ ባህርያቶምን*

## ዕዮ ጉጅለ



መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዘዳለዎ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን (ካብ 2003 - 2007 ዓ.ም) ካብ ገፅ 115 - 118ን 127 - 129ን ዝርከብ ብዛዕባ

- ♦ ጥንኩርን ድልዱልን ዓቕሚ ምፍፃም ስራሕ ዘለዎ መንግስታዊ መሓውር ምውዳብን ምፍጣርን፣
- ♦ ግልፅነት ክዓስልን ግዕዝይና (ብልሽውና) ካብ መንቀሊኡ ምብርቓቕን ክጠፍእ ምግባርን፣
- ♦ ተሳትፎ ህዝቢ ምሕያልን ምልዕዓልን፣ ግልፅነትን ተሓታትነትን ማእኸል ዝገበሩ ኣሰራርሓታት ምትእትታው፣
- ♦ ውዕኢታዊ፣ ቅልጡፍን ስሉጥን፣ ግልፅን ተሓታትን ዝኾነ ስርዓት ፋይናንስ መንግስቲ ምሕያል፣
- ♦ ምርግጋፅን ምዕሳልን (ምስፋን) ሰናይ ምምሕዳር ዝምልከቱ እናንበብኩም ተመያየጡሎም።
- ♦ ጠመተ ክግበረሎም ዝግብኦ ኣንፈታት፣ ቀንዲ ሽቶታትን ስትራተጂ (ሜላታት) ኣፈፃፅማን ምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳር ዝምልከቱ ዛዕባታት ኣብ ቤት መፃሕፍቲ ቤት ትምህርትኹም ብምኺያድ ኣንብቡ። ተመያየጡ። መልስኹም ብፅሑፍ ኣቕርቡ።
- ♦ ነዚ ዘምበብኩምዎ ድማ ምስ ስእላዊ መግለፂ መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን መግለፂ ባህርያቶምን እናገናዘብኩም ተመያየጡ።

ዝተፈላለዩ ምሁራት መግለፂ ሰናይ ምምሕዳር ብዝተፈላለዩ መልክዕን ኣቀራርባን ከቐምጡ ይፈትኑ'ምበር ሓፈሻዊ ትሕዝቶኡ መሚኻ እንትረኣይ ግና ድልየትን ዝንባለን ኩሎም ተመሳሳሊ'ዩ። ሰናይ ምምሕዳር ብኹሉ መዳይ ዝተማልአ ሓባራዊ ምርድዳእ ማእኸል ዝገበረ ግልፂ፣ ፅቡቕ፣ ቅኑዕ፣ ፍትሓዊ፣ ማዕረ፣ ስሉጥ፣ ኣሳታፋይ፣ ቅልጡፍን ስሉጥን ግልጋሎት፣ ዲሞክራሲያዊ፣ ተበፃሓይ፣ ተኣማንነትን ተሓታትንትን ዘንገሰ ከምኡ'ውን ልዕልነት ሕጊ ዘረጋገፀን ስርዓት ምምሕዳር ኣብ ኩሉ መዳይ መሓውር መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት እንትህልው ዝግለፅ'ዩ። ስለዚ መግለፂ ባህርያት ሰናይ ምምሕዳር ኣብዝስዕቡ ሽዱሽተ መትከላት መቐልካ ምቕማጥ ይከኣል። እዚኦም ድማ ልዕልነት ሕጊ፣ ነፃነትን ብቕዓት ዳይነትን፣ ብቕዓት ኣፈፃፅማ ግልጋሎት ሲቪል ሰርቪስ፣ ግልፅነት፣ ተሓታትነትን ተሳትፎ ህዝብን እዮም። ነዚኦም'ውን ሓደ ብሓደ ንምርኣይ ብኽምዝስዕብ ቐሪቦም'ለዉ።

**ሀ. ልዕልነት ሕጊ፤** ኣሰራርሓ መንግስቲ ብሕጊ ዝተነፀረ ንምግባር ኣብ ሰለስተ ኣካላት ተመቒሉ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ተወዲቡ እናሰርሐ ይርከብ። በዚ መሰረት ብሕገ-መንግስቲ ይኹን ኣብ ካልኦት ዝወፁ ሕግታት ማእኸል ተገይሩ ኩሎም ስራሕቲ ክፍፀሙ ናይ ግድን'ዩ። ብሕጊ ምምራሕ ማለት ማዕርነትን ፍትሕን ካብ ምርግጋፅ ሓሊፉ ግዕዙይ ኣሰራርሓ ዘወግድ ስለዝኾነ ዜጋታት ብማዕረ ተጠቀምቲ ዝገብር ይኸውን። እዚ ጥራሕ እንተይኮነስ ህዝቢ ክመሓደረሉ ተባሂሉ ዝወፅእ ሕጊ ቅድሚ ምትግባሩ ካብ ረቂቕ ሕጊ ምድላው ጀሚሩ ህዝቢ ክሳተፍን ሪኢቶኡ ክህበሉ ምግባር ኣገዳሲ ይኸውን። ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝስራሕ ዝኾነ መደብ ውዒሉ ሓዲሩ ናብ ውልቀ መላኸነት መንገዲ ስለዘምርሕ ጥንቃቐ ክግበር ይግባእ። እዚ ኣግባብ ንምፍፃም ብሕገ-መንግስቲ ዝተረጋገፀ ምግባር ግድን'ዩ። እዚ ንምግባር ድማ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ሓቂ ዝተመስረተን ብሕግን ንሕግን ጥራሕ ማእኸል ብምግባር ስርሑ ዝፍፅም ክኸውን ኣለዎ። ስለዚ ነፃነት ዳይነት ብጣዕሚ ኣገዳስን ፍሉይ ቆላሕታን ምሕብሓብን ከምዘድልዮ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ፡፡ ምስዚ ብተወሳኺ'ውን ሰለጤንን ዕፈትን ዘለዎ ፍርዲ ንኸወሃብ ብውልቀን ብትካልን ብቕዓት ክህልዎን እናተጠናኸረ ክኸይድ ምግባር ወሳኒ'ዩ።

**ለ. ኣፈፃፅማን ብቕዓትን ስራሕቲ መንግስቲ፤** ነፃነቱን ብቕዓቱን ዝተረጋገፀ ሲቪል ሰርቪስ ክህልው ምግባር ንጡፍን ስሉጥን ግልጋሎት ኣዋህባ ክህሉ ስለዝገብር ኣብ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ትኹረት ክወሃቦ ይግባእ፡፡ ዝተሳለጠ ኣሰራርሓ መንግስቲ ምርግጋፅ ምህላው ማለት ልምዓት ኣብ ምስላጥን ከምኡ'ውን ህዝቢ ኣብ ኣፈፃፅማ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ዕግበት ስለዝህሉ መንግስትን ህዝብን ተደጋጊፎምን ተዋዲዶምን ዕላምኦም ከፈፅሙ ይገብር፡፡ ስለዚ በብደረጅኡ ዝርከብ ሰራሕተኛ መንግ-ስቲ ዘመናውን ፅፉፍን ኣወዳድባ ሃልይዎ ንልምዓትን ዲሞክራስን ምዕባለ ደጋፋይ ክኸውን ብምግባር ብዝለዓለ መልክዑ ሰናይ ምምሕዳር ክጉልብት ይገብሮ፡፡

**ሐ. ግልፅነት፤** ዝኾነ ኣካል መንግስቲ ዝተውሃቦ ዕማም ንምፍፃም ይኹን ዝሰርሖምን ዘመዝገቦ ውፅኢትን ኣመልኪቱ ንህዝብን ንማእኸናት መራኸብቲ ሓፋሽን ግልፂ ክኸውን ይግባእ፡፡ ኣሰራርሓን መረዳእታን ግልፂ ምግባር፡፡ ዝኾነ ሰብ ዝተውሃቦ ተግባርን ሓላፍነትን ብሕጊ ስለዝኾነን ስለዝተደገፈን በዚ መንፅር ዝተፈፀሙ መደባት ክፍለጡን ክግምገሙን ብፍላይ ህዝቢ ሪኢቶ ክህበሉ ምግባር ብዙሕ ረብሓ ኣለዎ፡፡

- **ሓደ** መን እንታይ ከምዝሰርሕ ይፍለጥ።
- **ካልኣይ** ውፅኢትን ድኽመትን ንህዝቢ ግልፂ ይኸውን።
- **ሳልሳይ** ካብ ግዕዝይናን ዘይሕጋዊ ኣሰራርሓን ይናገፍ፣
- **ራብዓይ** መንግስቲ ዝፍፅሞም መደባት ህዝባውነቶም ዘረጋግፁ ምኽንያም ብተግባር ይረጋገፅ።
- **ሓምሻይ** ህዝቢ ኣብ ኩሎም ስራሕቲ መንግስቲ ሪኢቶ ክህብን ብቐረባ እናገምገመ ንመፃኢ እዋን ዝተመሓየሸ ስራሕ ንምምዝጋብ ይኽእል ዝብሉ እዮም።

**መ. ተሓታትነት፣** መንግስታውን ህዝባውን ሓላፍነት ብተሓታትነት ክድገፍ ምግባር የድሊ:: ዝኾነ ሰብ ወይድማ ኣካል ንዝፍፅሞን ዝመሃዞን ሰናይ ተግባር ክበረታታዕን ንዘጥፈኦን ዘባላሸዎን ስራሕ ድማ መቕፃዕቲ ክረክብን ግድን እዩ:: እዚ እንትትግበር ጥራሕ'ዩ መንግስታዊ ስራሕ ክብርን ጥንቃቐን ዝረክብን ኩሉ ብዝተኽኣለ መጠን ዕዉት ስራሕ ክሰራሕ ዝገብሮ:: ተሓታትነት እንተዘይሃልዩ ግና እንታይ ከይኾውን፣ እንታይ ከይመፅኒ ዝብል መንፈስ ስለዘሎ ከምድልየትካን ገባርን ሓዳግን ናይ ምኽን ዝንባለ ክጋፋሕ ይገብር። እዚ ድማ ኢ-ዲሞክራስያውነትን ዘይፍትሓውነትን ስለዘንግስ ሰናይ ምምሕዳር ንምርግጋፅ መፀገማይ ይኸውን ማለት`ዩ:: ሓለፍቲ ብኣመራርሐኦምን ብዝፍፅምዎም ስራሕትን ንህዝቢ ተሓተትቲ ስለዝኾኑ እዚ መግለፂ ሰናይ ምምሕዳር'ዩ::

**ሰ. ተሳትፎ ምርግጋፅን፣** ተሳትፎ ህዝቢ ምርግጋፅ ማለት መግለፂ ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ስለዝኾነ ነዚ ብሕጊ ንምርግጋፅን ዘይግሃስ መሰል ምኽኑን ብተግባር ምርኣይ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ሰፊሩ'ዩ:: በዚ ኣገባብ ህዝቢ ካብ ምትላም ጀሚሩ ክሳብ ውሳነ ምሃብን ኣፈፃፅማኡ ምግምጋምን ንጡፍ ተሳትፎ ክገብር ኣለዎ:: ኣብዚ ግና ዘይንዓቕ ደንገርገር ከምዝህሉ ክግመት ዝከኣል'ዩ:: እዚ ማለት መን ይሳተፍ? መዓዝን ብኸመይ ኣገባብን ይሳተፍ? ዝብሉ ሕቶታት ኣቐዲምካ መልሲ ምሃብ የድሊ:: ኣብ ተሳትፎ ህዝቢ ብዝተኽኣለ መጠን ምምህሃር ስለዘሎን ህዝቢ ነቲ ስራሕ ናተይ ኢልካ ኣብ ምርኣይን እንታይ ከምዝስራሕ ምፍላጥን ምክትታልን ስለዝህሉ ነቲ ስራሕ ውፅኢታዊ ከምዝገብሮ ይእመን::

**ረ. ንሕቶ ህዝቢ ምላሽ ምሃብ፣** ካብ ህዝቢ ዝመፅእ ሕቶ ብእዋኑ ምላሽ ምሃብ ይግባእ። ከምቲ ዝፍለጥ ዘለና ውሱን ሃፍቲ ንኹሉ ብሓደ  ንምምላእ ከምዘፀግም ርዱእ እዩ። ኾይኑ ግና ዝመፅእ ሕቶ ብእዋኑ  ክቐርበሉን ዘይፍፀም እንተኾይኑ ምኽንያቱ ብምግላፅ ክረዳዳእ ይግባእ። በዚ መንፅር ኩሉ መንግስታዊ ኣካል ነዚ ድልው ኾይኑን መስርሕ ኣዳልዩን ክሰርሖሉ ኣለዎ። እዚ ምትግባር ማለት  መግለፂ ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣሰራርሓን ባህልን ዲሞክራሲያዊ ትካላት እውን ስለዝኾነ ጥንቃቐ ክግበር ኣለዎ።

**ሰ. ስምዒት ሓላፍነት፣** ዜጋታት ኣብ ዝተፈላለዩ ሓላፍነትን ስራሕን ተመዲቦም ስራሕቶም እናሳለጡ ይርከቡ:: በዚ መሰረት ሕድ ሕድ ሰብ ዝተውሃቦ ስራሕን ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ብቕንዕና፣ ብተኣማንነት፣ ብንጥፈትን ክፍፅሙ ኣለዎም። ስለዚ በብደረጃኡ ዘሎ መንግስታውን ህዝባውን ስራሕቲ ምትግባር ዝተመደበ ሰብ ስራሕቱ ሃገራዊ ስምዒትን ሓላፍነትን ብዘለዎ ኣገባብ ዝተውሃቦም ዕማም ክፍፅሙ'ምበር ነዚ ብምርሳዕ ዝተውሃበካ ሓላፍነት ንውልቀ ረብሓ ምውዓል ብጉቦን ካልኦት ናይ ብልሽውና ተግባራት ክፍፅሙ የብሎምን። ብሓፈሻ ዜጋታት ኣብ ዝተመደቡሉን ዝተዋፈሩሉን ዕማም ናፃን ግልፅን ኮይኖም ህዝባዊ ስምዒት ክህልዎም ይግባእ።

**ሸ. ንሕጊ ተገዛኢ ምኳን፣**  ልዕልነት ሕጊ ኣብ ሓንቲ ሃገር ንክህሉ ዓብይ ተሳትፎ ዝገብር ናይቲ ልዕልነት ሕጊ ተጠቃሚ ዝኾነ ሓፋሽ ሕዝቢ'ዩ። እዚ ህዝቢ ኣብ ልዕልነት ሕጊ ዓብይ ተራ ንክፃወት ብዛዕባ ልዕልነት ሕጊ ኣፍልጦ ክህልዎ ይግባእ:: ብዛዕባ ልዕልነት ሕጊ ኣፍልጦ ዘይብሉ ሕብረተሰብ ልዕልነት ሕጊ ኣብ ምኽባር ግደ ኣይህልዎን። ህዝቢ ብዛዕባ ንሕጊ ተገዛእነት ዘለዎ

ባህሊ ንምጉልባት ኣፍልጦ ክህልዎ ይግባእ ክበሃል እንተሎ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ይምልከት፤

- እቲ ህዝቢ ኣብ ከባቢኡ እንታይ ይግበር ከምዘሎ ምፍላጥ፣
- ብዝዓበየ'ውን ኣብቲ ዝነብረሉ ሕብረተሰብ /ሃገር/ እንታይ ይግበር ከምዘሎ ምፍላጥ፣
- እቲ ህዝቢ መሰሉን ግቡኡን እንታይ ከምዝኾነ ምፍላጥ ማለት'ዩ።

እቲ ህዝቢ ንሕጊ ተገዛኢ ክኾውን ብሃገርን ክልልን ዝወፁ ሕግታት ክፈልጥ ኣለዎ፡፡ ነዚ ንምፍፃም ዝኽእል ዝስዕቡ መንገድታት ብምጥቃም ይኸውን፣


- ነቶም ዘመሓድርዎ ፈፀምቲ ኣካላት ብምዝርራብ
- ነቶም ነናይ ወረድኡ፣ ነናይ ክልሉን ነናይ ጠቕላላ አባላት ፓርላማ ሃገር ብዛዕባ ናይ መንግስቲ ኣሰራርሓታትን ፖሊሲታትን ብምሕታት፣
- ከባቢያውን ሃገራውን ዝኾኑ ጋዜጣታት ብምንባብ፣
- ኣብ ኣብያተ መፃሕፍቲ ዝርከቡ መረዳእታታት ብምንባብ፣
- ጭብጥታት ኣልዒልካ ምስ ቤተሰብካን ማሓዙትካን ብምዝታይን'ዩ፡፡

ልዕልነት ሕጊ ኣብ ሓንቲ ሃገር ልምዓት ዲሞክራሲን ንክህሉ ወሳናይ ዝኾነ መትከል`ዩ፡፡ ልዕልነት ሕጊ ንክህልው ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስቲ ንኣብነት ፖሊስ፣ ዓቃብያነ ሕጊ፣ ዳያኑን ሕጊ መውፅኢ ኣካል፣ ካልኦት ማሕበራት ህዝቢ፣ መሓውራት ዜና፣ ትምህርቲ ስነ ዜጋ ዝህቡ ኮለጃት ሕጊ ወይድማ ካልኦት ኣካላት ኩሎም ብሓባር ክሰርሑ ይግባእ፡፡ ይኹን'ምበር ልዕልነት ሕጊ ኣብ ሓንቲ ሃገር ንክህሉ እቲ ወሳናይን ዓንድን ዝኾነ ሃገር ኣብ ምምራሕ ዝርከብ መንግስቲ ልዕልነት ሕጊ ብሓቂ ንክሰፍን ድልውነት ክህልዎ ይግባእ፡፡ እንድሕር እቲ ዝመርሕ ዘሎ መንግስቲ ድልውነት ዘይብሉ ኾይኑ ግን ዋላ ኣዝዩ ብጣዕሚ ፅቡቕ ዝኾነ ብሰብኣዊ መሰላት ዝተደገፈ ሕገ መንግስቲ እንተሃለወ ልዕልነት ሕጊ ክህልው'ዩ (ክረጋገፅ'ዩ) ኢልካ ምዝራብ ፅሽነት'ዩ፡፡



## መመያየጢ ጉጅለ

ሰናይ ምምሕዳር ከመይ ትርድኦ?



1 ልዕልነት ሕጊ እንታይ ማለት እዩ?
2 ግልፅነትን ተሓታትነትን ከመይ ይግለፅ?
3 ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ህዝብና እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
4 ተምሃሮ፣ ካብዚ እንታይ ትምህርቲ ረኺብኩም?
5 ሰናይ ምምሕዳር ብኸመይ ይረጋገፅ?
6 ሰናይ ምምሕዳር ንኽረጋገፅ እንታይ ክግበር ኣለዎ?
7 ህንፀት ሰራዊት ልምዓትን ብቕዓት ሰራሕተኛታት መንግስትን ንምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳር ዝህልዎም እጃም ግለፁ፡፡
8 ዝስዕብ ስእላዊ መግለፂ ካብ 1-12ን ካብ ሀ - መን ምልኡ፡፡

## 4.3.2 መሰላት ህፃናት

ተምሃሮ ህፃን እንትበሃል ኣበየናይ ክሊ ዕድመ ከምዝርከብ ትፈልጡ ዶ? ምስዚ ተኣሳሲሩ ዝግለፁ መሰላት ህፃናት እንትበሃሉ ኸ እንታይ ትርድኡ? ህፃን ማለት በብኸባቢኡን ብዝተፈላለዩ ትካላትን ዝተፈላለየ ትርጉም ዝውሃቦ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ዲሞግራፊ (ስነ ህዝቢ) ህፃናት ዝበሃሉ ኣብ ትሕቲ ፅግዕተኛታት ስድራ (ወለዲ) ዝርከቡ ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ክሊ ዕድመ ንዝርከቡ ብምልኦም

ተገይሮም ይውሰዱ፡፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓድሓደ ከባቢ ብፍላይ ኣብ ገበን መቕፅዒ ሕጊ ተሓታታይ ዝኾውን ክሊ ዕድመ ፈልዩ የቐምጥ፡፡ ስለዚ ኣብ ዓለምለኸ መሰላት ህፃናት ተቐባልነት ዝረኸበን ምርድዳእ ዝተበፅሓሉን ህፃን ዝበሃል ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ንዝለዉ'ዮም፡፡ እዚ ክሊ ዕድመ ኣብ ሃገርናን ክልልናን "ህፃን" ብዝብል ተቐባልነት ዝረኸበ እዩ፡፡

### ሀ. መሰላት ህፃናት - ሓለዋ ህፃናት ንበይኑ ተፈልዩ ምርኣይ ንምንታይ ኣድልዩ?

ትርጉም ሓለዋ ህፃናት ብዝተፈላለየ ኣገባብ ኣብ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ከምዝርከብ ዝእመን ኾይኑ ነዚ ጉዳይ ግና ኣብ ማኑዋል መሰል ህፃናት ብዓለምለኸ ሕብረት ፓርላማ ዝተዳለወ ትርጉም ወሲድና ክንሪኦ ኢና፡፡ ሓለዋ ህፃናት መሰረት ዝገብሮ ብዋናነት ኣብ ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት ዝተቐመጡ ጉዳያት እንተይተሸራረፉ ክትግበሩ ምቅላስ ኾይኑ ብዝበለፀ ግና ህፃናት ካብ ዓመፅ፣ ምዝመዛን ምግሃስን ክሕለዉ ምግባር ይኸውን፡፡ ከምዝፍለጥ መሰላት ህፃናት ኣካል ሰብኣዊ መሰላት ብምኳኑ ምግሃስ (ጥሕሰት) ድማ ብቐጥታ ምግሃስ (ጥሕሰት) ሰብኣዊ መሰላት ከምዝኾነ ምርዳእ የድልይ፡፡ ብተመሳሳሊ ኣብ መነባብሮ ህፃናት ዝግበር ሓለዋ ህፃናት ብኣእምሮን ብጥዕናን ዝበሰሉ ክኾኑን ኣብ ቀፃላይ ሂወቶም ብዓርሰ እምነትን ምክብባርን ዝተመስረተ ናብራ ክህልዎምን ወለዲ ደቆም ብኣግባቡ ዘዕብዩን ንክኾኑ ዝሕብር'ዩ፡፡

ሓለዋ ህፃናት ኣብ ምዕባይ ኣብ ዘለዋ ሃገራት ፍሉይ ተገዳስነት ዝድልየሉ ኩነታት ከምዘሎ ኾይኑ ብፍላይ ኣብ ከም ሃገርና ዘሎ ጎዳእቲ ልምዲ፣ ምፍራስ ስድራን ልሕሉሕ ርክብ ስድራ ወዘተ እንትርኣይ ጠመተ ዝድልዮን ትካላዊ ኣሰራርሓ ዝጠልብን ከምዝኾነ ንምርዳእ ኣየፀግምን፡፡ ኣብዚ ፀገም ዘለዋ ሃገር ኣብ ልምዓት ኣሉታዊ ተራ ክፈጥረላ ከምዝኽእልን ኣብ ቀፃላይ ጉዕዞ ዓርሱ ዝኸኣለ ማሕበራዊ ፀገም ክህልዋ ከምዝገብር ኣብ ሽቶታት ልምዓት ሚሊንየም ዝተነፀረ ጉዳይ እዩ፡፡ ሓለዋ ህፃናት ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ኩሎም መሰላት ህፃናት ዝሓወሰ (ዘጠቓለለ) ኾይኑ ብዝበለፀ ግና ፍሉይ ጠመተ ክውሃቦም ዝግባእ ነዞም ዝስዕቡ መሰላት ይኸውን፡፡ ስለዚ መሰላት ህፃናት ነዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ጉዳያት ብውነ ዝሓዘ እዩ፣

- መለለዪ ስምን ክብርን ምስ ዜግነት (መንነት) ክህልዎም ዝገብር መሰል ምህላዊ
- ካብ ስድራ ዘይምፍላይን ምርግጋፅ (ምሕላው) ውልቃዊ መሰል ምርካብን
- ካብ ሓደጋን ዓመፅን ብሕጊ ምክልኻልን ካብ መንግስቲ ፍሉይ ሓለዋን ሓገዝን ምርካብ
- ንኣካል ጉዱኣት ህፃውንቲ ፍሉይ ሓገዝ ምግባር
- ጥዕና ምሕላውን ማሕበራዊ ውሕስና ምርካብን መሰል
- ትምህርትን መዘናግዕን ምርካብ መሰል
- ካብ ኢኮኖሚያዊ ምዝመዛ፣ ያታዊ መጥቃዕትን መዐወኒ እፃት ምክልኻል መሰል
- ካብ መጭወይቲ፣ ያታዊ ምዝውዋርን ጭካነ ዝተመልኦ ኣተዓባብያ ምክልኻል መሰል
- ካብ ኢ-ሰብዓውን ኢ-ሞራላውን ማለት ኣብ ስነ ኣእምሮን ኣካላዊ ፀገም ዝፈጥሩ መቕፃዕቲ ምንጋፍ መሰል
- ካብ ማሕበራዊ ርክብን ግልጋሎትን ምግላልን ከይሳተፉ ዝግበር ዓፈና /ብስድራ ወይድማ ብዝተፈላለዩ ትካላት/ ምክልኻል መሰል ዝብሉ ምስ ከባቢና ጭቡጥ ኩነታት ዝዛመዱ ስለዝኾኑ ኣብ ሕድሕድ ከባቢ ዘለዉ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ጠመተ ዝግበረሎም ጉዳያት'ዮም፡፡

ኣብ ዓለም ምስ ምግሃስ መሰል ዝተዛመዱ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ሓለዋ ህፃናት ክንደየናይ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ንምርዳእ ዘኽእል መረዳእታ ብኸምዝስዕብ ኣገባብ ቐሪቡ ኣሎ።

- ልዕሊ 300 ሺሕ ዝኾኑ ህፃናት ወተሃደራት ዝተወሰኑ ትሕቲ 8 ዓመት ዝርከብዎም ኣብ ከባቢ 30 ዝኾና ሃገራት ኣለዉ።
- ልዕሊ 2 ሚልዮን ዝግመቱ ህፃናት ካብ 1990 ዓ.ም.ፈ ኣብ ዘሎ እዋን ብሰንኪ ዕጥቃዊ ጎንፂ ሂወቶም ሓሊፎም።
- ልዕሊ 1 ሚልዮን ዝኾኑ ህፃናት ብሰንኪ ጎንፂ ኣብ ማእሰርቲ ይርከቡ።
- ልዕሊ 13 ሚልዮን ዝኾኑ ህፃናት ብሰንኪ ኤድስ ደኸታማት ክኾኑ ኪኢሎም።
- 250 ሚልዮን ዝኾኑ ህፃናት ምዝመዛ ጉልበት ከምዘጋጥሞምን ካብዚኦም እቶም 180 ሚልዮን ንሓደጋ ኣብ ዝተቓለዐ ኩነታት ከምዝሰርሑን ይሕበር፡፡
- 1.2 ሚልዮን ዝግመቱ ህፃናት በብዓመቱ ካብ ሃገሮም ይወፁ፡፡
- ብ1995 ዓ.ም.ፈ ብዝተገመተ መሰረት ስገኣን ሸይጠን ዝናበራ ከባቢ 1 ሚልዮን ህፃናት በብዓመቱ ይምዝገባ።
- 40 ሚልዮን ህፃናት ትሕቲ 15 ዓመት ብሰንኪ ምግላልን ፀቕጥን ዝሳቐዩ እንትኾኑ እዚኦም'ውን ማሕበራው ጥዕናን ሓለዋ ከምዘድልዮም ይግመት
- ኣብ ኣፍሪካ ካብ 100 - 130 ሚልዮን ዝግመታ ደቂ ኣንስትዮ ብሰንኪ ምኽንሻብ ኣብ ፀገም ይርከባ።

## ለ. ሓለዋ መሰላት ህፃናት

ተምሃሮ ሓለዋ መሰላት ህፃናት እንትበሃል ከመይ ትርድእዎ? ሓለዋ ንመሰላት ህፃናት ንምግባር ሕጋውነትን ሰብኣውነትን ሓላፍነት ዘለዎ ትካል መን'ዩ? ሓለዋ መሰላት ህፃናት ዕማም ኩሉ ኣካል ማሕበረሰብ እዩ። ነዚ ኣመልኪቱ ኣብ ዝተፈላለዩ ሕግታት መን እንታይ ከምዝሰርሕ ተገሊፁ'ዩ። ብፍላይ ጠመተ ዝውሃቦም ስድራ፣ ማሕበረሰብ፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላትን እቲ ህፃንን ነናይባዕሎም ግደን ሓላፍነትን ኣለዎም። ብውደብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝተዳለወ ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት ኣብ ዓንቀፅ 5 ብኸምዝስዕብ ይገልፅ።

ነዚ ስምምዕ ዝተቐበላ ሃገራት ዘለዉ ስድራ፣ ወይድማ ኣግባብ ዘለዎም ኣባላት ኣዝማድ፣ ወይድማ ናይቲ ከባቢ ባህሊ ዝፈቕዶ ማሕበረሰብ፣ ሕጋውነት ዘለዎም ሓብሓብቲ ወይድማ ህፃውንቲ ንኽከታተሉ ሕጋዊ ሓላፍነት ዝተውሃቦም ነዚ ስምምዕ መሰል ህፃናት ኣፍልጦ ምሃብ፣ ዓቕሚ ዘገናዘበን ኣግባብ ዝሓለወን ኣመራርሓ ምፍጣርን በብደረጅኡ ኣፈፃፅማ ምቁፅፃርን ንክኸበር ፃዕሪ ምግባርን የድልይ፡፡

ሃገርና ኢትዮጵያ ነዚ ብ1982 ዓ.ም.ፈ ዝፀደቐ ዓለምለኸ ስምምዕነት መሰላት ህፃናት ተቐቢላቶ እያ። ብመሰረት'ዚ ኣብ ሕገ መንግስቲ ሃገርና ዓንቀፅ 36 ብዝርዝር ዝተሓበረ ኾይኑ ዝስዕብ ትሕዝቶ ኣለዎ'ዩ።

1. ኩሎም ህፃናት እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለውዎም፣
   - ብሂወት ምንባር፣
   - ክብሪ፣ ስምን ዜግነትን ምርካብ፣
   - ንወለዱ ወይድማ ብሕጊ ንኽዕብይዎ መሰል ንዘለዎም ሰባት ክፈልጥን ናታቶም ክንክን ምርካብን፣
   - ጉልበቱ ካብ ዝምዝምዙዎ ልምድታት ንኽሕሎን ከምኡ'ውን ኣብ ትምህርቱ፣ ጥዕንኡን ደሕንነቱን ጉድኣት ዘብፅሑ ስራሕቲ ክሰርሕ ንኽይግደድ ወይድማ ከይሰርሕ፣

- ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ወይድማ ትካላት መዕበዪ ህፃናት፣ ኣብ ኣካሉ ካብ ዝፍፀም ወይድማ ካብ ጭካነን ኢ-ሰብኣዊ ዝኾነ መቕፃዕትን ነፃ ምዃን፣

2. ንህፃናት ዝምልከቱ ስጉምትታት ኣብ ዝውሰደሉ እዋን ብመንግስታዊ፣ ብውልቀ ገበርቲ ሰናይ ትካላት፣ ብኣብያተ ፍርዲ፣ ብሰበ ስልጣን ምምሕዳር ወይድማ ብመውፃእቲ ሕጊ ድሕንነት ህፃናት ኣቐዲሙ ክሕሰብ ኣለዎ፡፡
3. ዘጥፍኡ ሰገናት፣ ኣብ ቤት ህንፀት ወይድማ ኣብ መትከሊ እግሪ ትካላት ዝርከቡ ብሓገዝ መንግስቲ ዝዓብዩ ሰገናት፣ ኣብ መንግስታዊ ወይድማ ውልቀ ትካላት ዝርከቡ ዘኽታማት ሰገናት፣ ካብ ዓበይቲ ተፈልዮም ክትሓዙ ምግባር፡፡
4. ካብ ሓዳር ወፃኢ ዝተወለዱ ህፃናት ኣብ ውሽጢ ሓዳር ምስዝተወለዱ ህፃናት ማዕረ መሰል ኣለዎም፡፡
5. መንግስቲ ንዘኽታማት ፍሉይ ሓለዋ ይገብረሎም፡፡ ብጉዲፈቻ ዝዓብዩሉ ስርዓት የመቻቹን የጋፍሕን ከምኡ'ውን ድሕንነቶምን ትምህርቶምን ዘሳልጡ ትካላት ክምስረቱ የበረታትዕ።

ብመሰረት እዚ ድማ ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓንቀፅ 36 ንመሰላት ህፃናትን ድሕንነትን ኣመልኪቱ ዝተሓበሩ ዝስዕቡ'ዮም፡፡

፩. ዝኾነ ሕፃን ካብዚ ንታሕቲ ዝስዕቡ መሰላት ኣለውዎ፤

ሀ. ብህይወት ምንባር፣

ለ. ክብሪ፣ ስምን ዜግነትን ምርካብ፣

ሐ. ንወለዱ ወይድማ ብሕጊ ከዕብይዎ መሰል ዘለዎም ሰባት ክፈልጥን ናታቶም ምሉእ ክንክንን ሕብሐባን ምርካብ፣

መ. ጉልበቱ ብዘይኣግባብ ካብዝብዝብዝዎ ልምድታት ክሕለው፤ ኣብ ልዕሊ ትምህርቱ፣ ጥዕንኡን ድሕንነቱን ፀገም ዘብፅሑ ስራሕቲ ንክሰርሕ ዘይምግዳድን ወይድማ ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ስራሕቲ ኣገዲድካ ካብ ምስራሕ (ክሰርሕ ካብምግባር) ምሕላው፣

ሠ. ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ወይድማ ኣብ ትካላት መዕበዪ ህፃናት ውሽጢ ብኣካላዊ ኩነታት ወይድማ ብጭካነን ኢ-ሰብኣውን ዝኾነ መንገዲ ካብዝፍፀሙ መቕፃዕትታት ነፃ ክኸውን ምግባር፣

፪. ንህፃናት ዝምልከቱ ስጉምትታት እንትውሰዱ ኣብ ትካላት መንግስታዊ ወይድማ ዘይመንግስታዊ፣ ኣብያተ ፍርዲ፣ ሰበሰልጣን ምምሕዳር ወይድማ ብትካላት መውጻእቲ ሕጊ ወዘተ ጉዳይ ደሕንነት ህፃናት ኣብ ቅድሚት ዝስራዕን ዓብዪ ጠመተ ዝወሃቦን ጉዳይ'ዩ።

፫. መናእሰይ ወዲኒ፣ ኣብ ቤት ህንፀት ወይድማ ትካላት እግሪ ምትካል ዝርከቡ፣ ብመንግስቲ ወይድማ ትካላት መዕበዪ ወለዲ ዘይብሎም (ዝሞትዎም) ወዘተ ዝርከቡ ህፃናትን መናእሰይን ካብ ዓበይቲ ተፈልዮም ብፍሉይ ኩነታት ክትሓዙ ይግባእ።

፬. ካብ ሓዳር ወፃኢ ዝውለዱ ህፃናት ምስ ብሓዳር ዝተወለዱ ህፃናት ማዕረ መሰል ኣለዎም።

፭. መንግስቲ ንወለዲ ዘይብሎም (ዝሞትዎም) ህፃናትን መናእሰይን ፍሉይ ሓለዋ ይገብረሎም። ብጉዲፈቻ (ምስ መዕበይቲ) ዝዓብይሉ ስርዓት ዘመቻችውን ዘስፋሕፍሑን ከምኡ'ውን ደሕንነቶምን ትምህርቶምን ዘሰጉሙሉ ትካላት ክምስረቱ የበረታትዕ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ኣብ ሕገ መንግስቲ ሃገርናን ክልልናን ዝተቐመጡ ጉዳያት እቲ ኣብ ላዕሊ ሓለዋ ህፃናት ኣመልኪትና ዝረኣናዮም ነጥብታት ብዘካተተ መልክዑ ዝቐረበ ከምዝኾነ ንምርዳእ ይከኣል፡፡ እዚ ዘመላኽተና እቲ ኣብ ስምምዕ መሰል ህፃናት ዝተወሰነ ጉዳይ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራውን ኣህጉራውን ሕግታት ወያኦምን ጠመተ ተዋሂብዎምን ከምዘሎ ዘመላኽት'ዩ። ስለዚ ነቲ ኮንቬንሽን ዝድግፉ ተቐባልነት ዘለዎም ካልኦት ሕግታት ኣለዉ፡፡ እዚኦም'ውን

- ብ1999 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ቻርተር ሕብረት ኣፍሪካ
- ብ1949 ዓ.ም.ፈ ዝወፀን ብ1977 ዓ.ም.ፈ ዝተመሓየሸን ኣብ ዓለምለኸ ሕግታት ሰብዓውነት ዝጥምት ጀኔቫ ኮንቬንሽን ዝበሃል
- ብ1973 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ዓለምለኸ ኮንቬንሽን ሽቃሎ ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ንምሕዋስን ንምትእትታውን ተፈቲኖም ተግባራዊ እናኾኑ ዝርከቡ ሕግታት እዮም።

## ምይይጥ ጉጅለ



1 መሰላት ህፃናት ብዝምልከት ብዝርዝር ግለፁ፡፡ ኣብራህርርሁ፡፡
2 ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ፓርላማ ህፃናት ኣብ መሰል ህፃናት ዝገብሮ ምንቅስቓስ እንታይ ይመስል?
3 መሰላት ህፃናት ዝዳፍኡ ኩነታት ኣብ ከባቢና ከመይ ዝበሉ'ዮም?
4 መሰላት ህፃናት ብቀፃልነት ክብሪ ንኽውሃቦ ካብ ስድራ፣ ማሕበረሰብን መንግስትን እንታይ ክግበር ኣለዎ?
5 ሓለዋ ህፃናት ኣብ ቤት ትምህርትኹም እንታይ ይመስል? ፀገማት እንተሃልዮም ብኸመይ ክፍትሑ ይኽእሉ?
6 መሰላት ህፃናት ንምንታይ ኣብ ሕገ መንግስቲ ሃገርና ክኣትው ክኢሉ?
7 ትሕዝቶ ዓለምለኸ ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡
8 ዓንቀፅ 36 ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ግለፁ፡፡
9 ኣብ ህፃናት ጉድኣት ዘብፅሑ እንታይ እዮም?
10 ምግሃስ መሰላት ህፃናት ብዝምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ኣቕርቡ፡፡
11 ህፃናት ስም፣ ክብሪ፣ ዜግነት፣ ትምህርቲ፣ ምዕዋትን ምዝንጋዕን፣ ካብ ሓደጋ ብሕጊ ምክልኻል፣ ክንክንን ምሕብሓብን፣ ሓለዋ ጥዕናን ብህይወት ምንባርን መሰላት ምውናኖምን ምርካቦምን እንታይ ረብሓ ይረኽቡ?

### 4.3.3 ሓደጋን ደሕንነትን - ኣብ ህፃናት ጉድኣት ዘብፅሑ ነገራት

ተምሃሮ ብዛዕባ መሰል ህፃናት እንታይ ተረዲእኹም? መሰል ህፃናት ብደረጃ ስድራን ቤት ትምህርትን ከምኡ'ውን ማሕበረሰብን ብኸመይ ኣገባብ ይሕለዉ? ምግሃስ መሰል ህፃናት ከመይ ትገልፅዎ? ኣብ ህፃናት ጉድኣት ዘብፅሑ ከመይ ዝመሰሉ ኣጋጣምታት እዮም? ምስ መሓዙትኩምን ወለድኹምን ተመያየጡ፡፡ ህፃናት ንተፈጥሯውን ሰብ ስራሕን ሓደጋታት ዝተቓልዑ እዮም፡፡ ስለዚ ንህፃናት ከጋጥሞም ዝኽእሉ ሓደጋታት ብስድራ፣ ብማሕበረሰብ፣ ብቤት ትምህርቲ፣ ብኻልኦት መንግስታዊ ትካላት ቅድመ ምድላው ክግበረሎምን ብጥንቓቐ ሂወቶም ክመርሑ ክትትልን ምኽርን ምግባር ኣገዳሲ ይኸውን፡፡ ካብቶም ዘጋጥሙ ሓደጋታት ዝተወሰኑ ዝስዕቡ ይርከብዎም፡፡

ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንወለዲ ወይድማ ዓበይቲ ሰባት ሓቲትኩም ኣብ ክፍሊ ምስ መምህርኩም ተመያየጡሎም፡፡


1 ኣብ መንበሪ ገዛኹም ወይድማ ኣብ ከባቢ.ኹም ንህፃናት ዘጋጠሙ ሓደጋታት ጥቐሱ፡፡ ነዞም ዝጠቐስኩምዎም ሓደጋታት እንታይ ፍታሕ ትህቡ?
2 ኣብ ፅርግያን መንገድታትን ዝረኣይክምዎም ሓደጋታት ንመምህር ተዛረቡ፡፡
3 ደንብታት ደሕንነት ፅርግያታትን መንገድታትን እንታይ'ዮም? ሕተቱ፡፡
4 ደንቢ. ደሕንነት ህፃናት ቤት ትምህርቲ ብዘምልከት ንርእሰ መምህር ሕተቱ፡፡
5 እንስሳት ብኸመይ ኣገባብ (ኩነታት) ንህፃናት ሓደጋ ከብፅሑ ከምዝኽእሉ ግለፁ፡፡
6 ብእንስሳት ሓደጋ (ጉድኣት) እንተበፂሑዎም እንታይ ክግበር ኣለዎ፡፡ ንኣብነት ከልቢ. ወይድማ ተመን እንተነኺሱካ፣
7 ካብ ሓደጋ እንስሳት ንምክልኻል ህፃናት እንታይ ክገብሩ ይግብኦም?
8 ካብ ሓደጋ ውሕጅን ዝናብን ህፃናት ንባዕሎም ከመይ ክከላኸሉ ይኽእሉ?


**ብተፈጥሮ ዘጋጥሙ ሓደጋታት፣** ኣብዚ. ብዋናነት ክረአዩ ዝግበኦም ኣብ ከባቢ.ና ዝርከቡን በብእዋኑ እናተፈላለዩ ዘጋጥሙ ተኝንፎታት ፍሉይ ጠመተ ንምግባር ዝሕግዙ ይኾኑ፡፡ ንህፃናት ምስዚ. ተዛሚ.ዶም ዝረአዩ ከም ውሕጅ፣ ፀድፊ፣ ሓደጋ ባርዕ፣ ናብ ዓበይቲ ኦም ምድያብ፣ በርቂ፣ እንስሳ፣ ትራፊክ መኪና ወዘተ እዮም፡፡ ስለዚ. ህፃናት ኣብ እዋን ክረምቲ ኣብ ፀዋታ እናሃለዉ. ዘይተገመተ ሃንደበታዊ ውሕጅ ከጋጥሞም ስለዝኽእል ዝናብ እንትመፅእን ኣብ ካልኦት እቲ ውሕጅ መበገሲ. ዝኾኑ ከባቢ.ታት ዝናብ እንትረአን ጥንቃቐ ተገይሩሎም ቀልጢ.ፎም ናብ ገዛኦም ክኣትዉ. ይግባእ። ካብ ከምዚ. ዝመሳሰሉ ሓደጋታት ንምክልኻል ብቀረባ ክትትልን ቆላሕታን የድልዮም።

ብተመሳሳሊ. ኣብ እዋን ክረምቲ ብማይ ዝመልኡ ጎዳጉዲ ካብ ዘይምፍላጥን ዕሽሽ ምባልን ተበጊሶም ዝሕምሱ እንተኾይኖም ሓደ እቲ ማይ ፅሬት ስለዘይብሉ ንሕማም ከሳጥሖም ክምዝኽእልን ኻልኣይ ድማ እናጣመሱ እናጣለዉ. ክጠልቁ ስለዝኽእሉ ካብዚ. ዓይነት ተግባር ክቑጠቡ ኣለዎም፡፡ ብኻሊእ ገፅ ኣብቲ ኸባቢ. ዓበይቲ ኦም እንተሃልዮም ብቀልዑ ንፉዕ ክትበሃል ምእንታን ናብ ዓበይቲ ኦምን ናብ ጎቦታት ፀድፊ ምውፃእን ሓደጋ የስዕብ'ዩ፡፡ ብፍላይ ኣብ ላዕሊ. ወፂኣኻ እናሃለኻ ርእሰኻ ስለዝዞረካ ክትወድቕ ስለትኽእል ንሂወትካ ግምት ምሃብ የድሊ፡፡ ሓድሓደ ግዘ ድማ ኣብ ጫፍ ኦም እናሃለኻ ምስ መሓዙትካ ክትፃወት ኢ.ልካ ብትገብሮ ስራሕ ናብ ሓደጋ ክትወድቕ ከምትኽእል ኣቓዲምካ ምግማት ፅቡቕ ይኸውን፡፡ ስለዚ. ንህፃናት ግቡእ ክትትል ድሕንነት ይገበር።

ብሓፈሻ ኣብ ህፃናት ክበፅሑ ዝኽእሉን ብገፊሑ ዝረአዩን ሓደጋታት

- ✓ ጉልበት ህፃናት ንምምዝማዝ ዝዓለመ ዝውውር ህፃናት፣
- ✓ ናብ ወሲ.ባዊ ዕዳጋ ክኣትዉ. ምግባር፣
- ✓ ኣብ ሕድ ሕድ ውግእ ምውፋር (ኣብ ኲናት ክሳተፉ ምግባር)፣
- ✓ ሕጊ. ከለላ ዘይምሃብ፣
- ✓ ብሰንኪ. ጎዳእቲ ልምዲ. ኣብ ህፃናት ዝበፅሕ ሓደጋ ምስ መሰላትን ደሕንነትን ተዛሚ.ዶም ክረአዩ ዝግበኦም ይኸውን፡፡





ስእሊ 4.7 ህጻናት ንጥዕና ጎዳእቲ ኣብዝኾኑ ስራሕትን ኣብ ኲናትን እንትዋፈሩ

**ብምጥቓላል ህፃናት ካብ ሓደጋ ንምክልኻል ብመንግስቲ ክግበሩ ዝግበኦም ተግባራት ዝስዕቡ'ዮም፡፡**

1. ኣብ ኣፈፃፅማን ክትትል መሰል ህፃናት ምኽባር ዘሎ ክፍተት ብገምጋም ምትዕርራይን ብሕጊ ክሽፈን ምግባር። ብተመሳሳሊ ነዚ ንምትግባር ዝኽእል ተበግሶ ምህላዉ ብተግባር ምርግጋፅ።
2. ኣብ ሓለዋ ህፃናት ኣመልኪቱ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘሎ ኣረኣእያ፣ ኣተሓሳስባ፣ እምነትን ልምድን ብምፍታሽ ኣብዚ ዘሎ ሕፅረት ግንዛበ ብስልጠናን ትምህርትን ክመሓየሽ ፃዕሪ ምግባር።
3. ኣብቲ ከባቢ ወይ ሃገር ዘሎ ንሓደጋ ህፃናት ዝተቓልዑ ተግባራትን ኣግባብ ኣፈፃፅመኦምን ብምክትታልን ብመፅናዕቲ ብምፍታሽን ኣብቲ ጉዳይ ነፃን ግልፅን ምይይጥ ምግባር።
4. ኣብቶም ሓደጋታት ህፃናት ኣመልኪቱ መፈፀሚ ዝኾኑ ሕግታትን ኣሰራርሓታትን ምውፃእን ነዚ ዘፈፅም ኣወዳድባ ምህላው።
5. ኣብ ሓለዋ መሰል ህፃናት ዝምልከት ንወለዲ፣ መማህራን፣ ፖሊስን ካልኦት ዝምልከቱ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት ክእለቶምን ፍልጠቶምን ከዕብዩ ምግባር።
6. ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ንሓደጋ ዝተቓልዑ ህፃናት ካብቲ ዘጋጠሞም ስነ ኣእምሮኣዊ ፀገም መሊሶም ዝምሓየሹሉ መንገዲ ምፍጣርን ነዚ ዘግብር ትካላዊ ኣሰራርሓ ምትእትታው ዝብሉ'ዮም። እዚ ድማ ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ተግባራዊ እናኾነ ከምዝርከብን በብደረጅኡ ነዚ ዘፈፅም ትካል ምህላዉ እንትኾን፣ ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ግና ብሰንኪ ሕሱም ድኽነት ናብዚ ብርኪ ንምሽጋር ኣይተኽኣለን።

## መጠቓለሊ

ኣብዚ ውራይ ህዝቢ ዝብል ምዕራፍ ኣርባዕተ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ጎዳእቲ ባህልታትን ልምድታትን፣ ማሕበራዊ ፀገማት፣ ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ መሰላት ህፃናትን ደሕንነትን ወዘተ ዝተዛመዱ ርእስታት ተማሂርኩም ኢኹም። ኤች.ኣይ.ቪ ኣብ ደም ዝርከብ ቫይረስ እንትኸውን ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካሊእ ሰብ ተላባዳይን ተመሓላላፊ.ይን'ዩ። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብደም ጥራሕ ዝመሓላለፍ ዘይኮነስ ብፆታዊ ርክብ'ውን ካብቶም ቫይረስ ተሸከምቲ ዝኾኑ ሰባት ናብቶም ጥዑያት ሰባት ዝመሓላለፍ እዩ። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብ ሓደ ናብ ካሊእ ዝመሓላለፈሉ ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣለዉ። ይኹን ደኣ'ምበር ብምንኽኻእን ብምትንፉስን ወዘተ ዝመሓላለፍ ኣይኮነን። ስለዚ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ማሕበራውን ጥዕናውን ፀገም'ዩ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና ዝተፈላለዩ ጠቓምትን ጎዳእትን ባህልታትን ልምድታትን ኣለዉ። ንኣብነት ንህፃናት ፀባ ጡብ ኣዶ ምጥዋብን ምትሕልላይን ካብቶም ዝጥቀሱ ሰናይ ማሕበራዊ ሃፍታትና ውሽጢ ይምደቡ። ኣብ ባህልና ጠቓምቲ ልማዳዊ ባህልታት ከምዘለዉ ኹሉ ብጣዕሚ ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታት'ውን ኣለዉ'ዮም። እዞም ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታት ዝበሃሉ ብፍላይ ኣብ ኣዴታት፣ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ምስ ጥዕና፣ ስነ ልቦናን ማሕበራዊ ኩነታትን ዝተዛመዱ ፀገማት ይፈጥሩ ዘለዉ'ዮም። ካብዚኦም ውሽጢ ምኽንሻብ ብልዕቲ ህፃናት ደቂ ኣንስትዮ፣ ምኽላዕ ዓንቀር፣ ምፍልፋል ስኒ ባርካይ፣ ምጥባሕን ምውቃጥን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። እዚኦም ድማ ንምትሕልላፍን ሓደጋን ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ'ዮም፡፡ እዚኦም ጎዳእቲ ባህልታት ጥራሕ ዘይኮኑስ ጎደእቲ'ውን እዮም፡፡ ኣብ ኣዴታት ዝፍፀሙ ካልኦት ጎዳእቲ ባህልታትን ልምድታትን'ውን ኣለዉ። ንኣብነት ትሕቲ ዕድመ መርዓ፣ ምስ ዘይማንዛ ሓዳር ምግባር፣ መዳሕንቲ ምእንታን ክወርድ ከብዲ ኣዶ ብጠስሚ ምድራዝ፣ ዘይተመጣጠነ ምግቢ ወዘተ ጎዳእቲ ልምድታትን ባህልታትን'ዮም።

ካብዞም ጎዳእቲ ልማዳዊ ባህልታት ውሽጢ እቲ ሓደ ብጣዕሚ ጎዳእን መስካሕካሓይን 'ምኽንሻብ' እዩ። ብፍላይ ምስ ደቂ ኣንስትዮ ተዛሚዱ ንምንታይ 'ምኽንሻብ' ብሕብረተሰብና ይምረፅ ከምዝነበረ ብዝምልከት ሓሙሽተ ምኽንያታት ኣለዉ። ይኹን ደኣ'ምበር ኣዝዮም ብዙሓት ጎዳእቲ ሳዕቤናት ኣለዉዎ። ካብዚኦም ውሽጢ ብዙሕ ደም ምፍሳሱ፣ ፅርየት ብዝጎደሎም መሳርሒታት ምጥቃም፣ ቃንዛን ስቓይን፣ ከምኡ'ውን ቀንዲ መንገዲ ምትሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝመሳሰሉ ይርከብዎም፡ ፡ ምኽላዕ ዓንቀርን ምፍልፋል ድርፃንን (ስኒ ባርካይ) ካብቶም ጎዳእቲ ዝበሃሉ ልማዳዊ ባህልታት ውሽጢ ዝምደቡ'ዮም። ትሕቲ ዕድመ መርዓ'ውን እቲ ካሊእ ጎዳኢ ልማዳዊ ባህሊ እንትኸውን ምስ ማሕበራዊ መነባብሮ ዝተዛመዱ ፀገማት፣ ምስ ጥዕና ዝተዛመዱ ፀገማት፣ ኢኮኖሚያዊ ፀገማትን ሕጋዊ ክፍተታትን ዝመሳሰሉ ሳዕቤናት ኣለዉዎ። ጎዳእቲ ባህልታትን ልማዳትን ካሊእ ሳዕቤን'ውን የብፅሑ'ዮም። ንህፃናት ናብ ጎደና ሓዳርነትን ጎዳና ተመሓዳዳርነትን የቃልዖም'ዩ። ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ብምልኦም ህፃናት'ዮም ዝበሃሉ። ስለዚ ህፃናት ብመሰረት ብሕገ መንግስቲ ዝተረጋገፁሎም መሰላት ብወለዶም፣ ብመዕበይቶም፣ ብሕብረተሰብ፣ ብኣብያተ ትምህርቲ፣ ብመንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብዝለዓለ ብርኪ ሓለዋን ክንክንን ክግበረሎም ይግባእ። ድጋፍን ከለላ ሕጊ'ውን የድልዮም'ዩ።

ምምጥጣን ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ዕብየት በዝሒ ህዝብን ሃገር ኣገዳሲ'ዩ። ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ሃገራት ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ፀገማት ይፈጥር'ዩ። ብፍላይ ድማ ንሃገርና ማእኸል ገይርና እንትንርእይ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተሓራሲ መሬት ምንኣስ ንዘጋጥም ፀገም መንቀሊ'ዩ፡፡

ሰናይ ምምሕዳር ኩለመዳያዊ ንጥፈትን ተበግሶን መንግስታዊ ኣካላት ዝጠልብን ብዘላቒ መልክዑ ድማ ንዝፍፀሙን ዝትግበሩን ስራሕቲ ዲሞክራሲ ዘጎልብትን ልምዓት ዘቀላጥፍን እዩ። ኣብዚ መፅሓፍ'ዚ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ኣርባዕተ መሰረታዊ ቁም ነገራት ዝተመስረተ ከምዝኾነ ተሓቢሩ'ዩ። ሰናይ ምምሕዳር ኣንፃር ግዕዝይና ብትረት ምንቅስቓስ፣ ንውሳነ ኣወሃህባ ምእንታን ክሕግዝ ድምፂ ካልኦት ምስማዕ፣ ንሕቶ ሕብረተሰብ ቅልጡፍ ምላሽ ምሃብን ማዕረ መሰል ንኹሉ (ሰብኣዊ መሰላት ምኽባር) ዝበሉ ይርከብዎም። ነዚኦም መሰረታዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ንምትግባር ዝሕግዙ 12 መትከላት ሰናይ ምምሕዳር ኣለዉ። ምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳር ካብዘለዉዎ ረብሓ እቲ ሓደ መሰላት ህፃናት ንኽክበሩ ምሕጋዝ እዩ፡፡ ልዕልነት ሕጊ ክኸበርን መሰላት ህፃናት ንኽይገሓሱን ዓብዪ መሳርሒ'ዩ፡፡ ህፃናት'ውን ክንክንን ሓለዋን ክግበረሎም ይግባእ። መሰላት ህፃናት ብምልኡነት ክሕለውን ክኽበርን ይግባእ። ምእንተ'ዚ ድማ ኣብያተ ትምህርቲ ዝለዓለ ተራ ኣለዎም።

## ማህደረ ቃላት

| | ቁልፊ ቃላት | ትርጉም / መብራህርሂ |
|---|---|---|
| 1 | ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ | ሕማም ንምክልኻል ዘኽእል ተፈጥሮኣዊ ዓቕሚ ወዲሰብ ዘዳኽም ቫይረስ |
| 2 | ባህላዊ ልምድታት | ምስ ሃይማኖታውን ልማዳውን ስርዓት መነባብሮ ዝተኣሳሰሩ ዝውቱር ተግባራትን ባህልታትን |
| 3 | ምኽንሻብ | ብምኽንያት ባህላዊ እምነታትን ልምድታትን ዝግበር ምትልታል ብልዕቲ (ምግራዝ) |
| 4 | ድርፃን | ስኒ ፀባ ወይድማ ስኒ ባርካይ እናተብሃለ ዝፍለጥ |
| 5 | ዓንቀር | ኣብ ጉሮሮ ላዕለዋይ ክፍሊ ንታሕቲ ተንጠልጢሉ ዝበቁል ልስሉስን ንእይሽተይን ኣካል |
| 5 | ትሕቲ ዕድመ መርዓ | ደቂ ኣንስትዮ ትሕቲ 18 ዓመት ዕድመኣን ምምርዓው |
| 6 | ምውቃጥ | ኣብ ግንባር፣ ክሳድ፣ ድርፃን ስኒ፣ ኢድን ኣካላትን ብዘይለቅቕ ፀሊም ሕብሪ ምፅብባቕ |
| 7 | ምጥባሕ | ኣብ ግንባር፣ ምዕጉርትን ቅርንብ (ቅንድብ) ዓይንን ዝግበር ምትልታል |
| 8 | ጎደና ሓደርቲ | ኣብ ጎደና ውዒሎም ኣብ ጎደና ዝሓድሩ ህፃናት |
| 9 | ጎደና ተመሓዳደርቲ | ኣብ ጎደና ውዒሎም ናብ ገዛ ዝምለሱ ህፃናት |
| 10 | ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን | መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ 2003 — 2007 ዓ.ም ንኽትግበር ኣዳልይዎ ዘሎ ትልሚ ዕብየትን ልምዓትን |
| 11 | ሽቶ / ሽቶታት | ዝምዝገቡ ውፅኢታትን ዝብፅሑ ዕላማታትን |

| | | |
|---|---|---|
| 12 | ሰናይ ምምሕዳር | ብኹሉ መዳይ ዝተማልአ ሓባራዊ ምርድዳእ ማእኸል ዝገበረ ግልጺ፣ ፅቡቕ፣ ቅኑዕ፣ ፍትሓዊ፣ ማዕረ፣ ስሉጥ፣ ኣሳታፊ.ይ፣ ቅልጡፍን ስሉጥን ግልጋሎት፣ ዲሞክራሲ.ያዊ፣ ተበፃሓይ፣ ተኣማንነትን ተሓታትነትን ዘንገሰ ከምኡ'ውን ልዕልነት ሕጊ ዘረጋገፀን ስርዓት ምምሕዳር ኣብ ኩሉ መዳይ መሓውር መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት እንትህልው ዝግለፅ'ዩ |
| 13 | መሰላት ህፃናት | ኣብ ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት ዝተቐመጡ ጉዳያት እንትይተሸራረፉ ክትግበሩን ብዝበለፀ ግና ህፃናት ካብ ዓመፅ፣ ምዝመዛን ምግሃስን ክሕለዉ ምግባር |
| 14 | ደሕንነት ህፃናት | ህፃናት በደላትን ግፍዕን ከምኡ'ውን ምዝመዛን ንከይበፅሖም ዝግበር ክትትልን ምክልኻልን |
| 15 | ው.ሕ.መ.ዓ | ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ብ1945 ዓ.ም.ፈ ዝተጣየሸ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም |
| 16 | ኢ.ጋድ | ብ1986 ዓ.ም.ፈ ዝተጣየሸን ቤት ፅሕፈቱ ኣብ ጂቡቲ ዝገበረ ኣጋርነት በይነ - መንግስታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ኣብ ልምዓት |
| 17 | ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት | ብ1949 ዓ.ም.ፈ ዝወፀ ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ኣመልኪቱ ብውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ዝፀደቐ ሕጊ እንትኸውን ኣብ 1970ታት ኣብ ጀኔቭ ምርድዳእ ዝተገብረሉ'ዩ፡፡ |

## መጠቓለሊ ሕቶታት

**ሀ** ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ትኽክል እንትኾይኖም "ሓቂ" ትኽክል ዘይኮይኖም ድማ "ሓሶት" እናበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡

1 ኩሎም ጎዳእቲ ባህልታትን ልምድታትን ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተቓልዑ እዮም፡፡
2 ትሕቲ ዕድመ መርዓ ብድልየት ህፃናት ዝፍፀም'ዩ፡፡
3 ጎዳና ምምሕዳር ንኽጋፋሕ ቅልጡፍ በዝሒ ህዝቢ ሓደ ምኽንያት እዩ፡፡
4 ህፃናት ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ክሰርሑ የብሎምን፡፡
5 መሰላት ህፃናት ንምርግጋፅ ዝለዓለ ሓላፍነት ዘለዎም መምህራን ጥራሕ'ዮም፡፡
6 ሰናይ ምምሕዳር ምህላው ማለት ግዕዝይና ምቅላስን ምውጋድን ማለት'ዩ፡፡
7 ፅርየት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳር ኣገዳሲ ኣይኮነን፡፡
8 ንሕጊ ተገዛኣይ ንምኻን ሕጊ ምፍላጥ ኣድላይ ክኸውን ኣይኽእልን፡፡
9 ብተፈጥሮ ንዘጋጥሙ ሓደጋታት ዝተቓልዑ ኣብ ገጠር ዝነብሩ ህፃናት ጥራሕ'ዮም፡፡
10 ሕማም ፌስቱላ ብሰንኪ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዘጋጥም ፀገም'ዩ፡፡

**ለ** ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብዝተውሃቡ መማረፂ መልስታት ዝበለፀን ዝተማልአን ትኽክል መልሲ ዝኾነ ምረፁ፡፡

1 ካብዞም ዝስዕቡ ጎዳእቲ ባህልን ልምድን ዘይኮነ ምረፅ፡፡
ሀ. ትሕቲ ዕድመ መርዓ
ለ. ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ
ሐ. ምኽንሻብ ደቂ ተባዕትዮ
መ. ምውቃጥ

2 ህፃናት ዝስዕቡ መሰላት ኣብ ሕገ መንግስቲ ሃገርና ተቐሚጡሎም'ዩ፡፡
   ሀ. ስምን ዜግነትን ምርካብ    ሐ. ስራሕ ምርካብ
   ለ. ትምህርቲ ክትመሃር ዘይምድላይ    መ. ብሂወት ምንባር
   ሰ. "ሀ"ን "መ"ን    ረ. ኩሎም መልሲ እዮም
3 ካብዞም ዝስዕቡ መትከል ሰናይ ምምሕዳር ዘይኮነ ፍለይ
   ሀ. ግልፅነት   ለ. ተሓታትነት   ሐ. ትሕትነት ሕጊ   መ. ተሳትፎ
4 ጎዳእቲ ልምዲ ዘብፅሕዎም ሳዕቤናትን ሓደጋታትን ፍለይ
   ሀ. ኣካላዊ ፀገም    ሐ. ፀገም ጥዕና
   ለ. ስነ ኣእምሮኣዊ ፀገም    መ. ኩሎም መልሲ እዮም
5 ብሰንኪ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ካብዘጋጥሙ ፀገማት ዘይኮነ ፍለይ
   ሀ. ስእነት ስራሕ    ሐ. ምግሃስ መሰል ህፃናት
   ለ. ፅበት መሬት    መ. ብርሰት ከባቢ

## ሐ ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዘለዉ ምስ ኣብ ትሕቲ "ለ" ዘለዉ ኣዛምዱ፡፡

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1 ሰናይ ምምሕዳር | ሀ. ካብ ምዝመዛን መጥቃዕትን ምሕላው |
| 2 ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ | ለ. ዝተውሃበካ ስልጣን ብኣግባቡ ምጥቃም |
| 3 መሰል ህፃናት | ሐ. ብርሰት ኣግራብ |
| 4 ጎዳእቲ ልምዲ | መ. ሕጋውን ፖለቲካውን ኣሰራርሓ |
| 5 ተሓታትነት | ሰ. ብሳይንሳዊ ኣገባብ ዘይተረጋገፁ ባህላዊ ተግባራት |